

# ክቡር ብላታ ተስፋጽዮን ኪዳኑ ዛውል
## ሓደ ካብቶም
## ሓገግቲ ሕጊ ሎጎጬዋ
## ዋዕላ ማይ ላሓም

# ሕግ ፡ ናይ ፡ ለጎን ፡ ጭዋን ።

ጥንቲ ፡ ዝነበረ ፡

እተሐደሰ ፡ ኣብ ፡ ዋዕላ ፡ ማይላሐም ፡

ብግቡእ ፡ ስምምዕ ፡ እተጻሕፈ ፡ እዚ ፡ እዩ ።

ካብቲ ፡ ጥንታዊ ፡ ዘሎ ፡ ቓል ፡ ንቓል ፡

ብትግሃቶም ፡ ዝገልበጥዎ ፡

ካቫሌረ ፡ ኤ ፡ ማኪያ ፡ ናይ ፡ ግዝእት ፡ ሐማሴን ፡ ከሚሳርዮ ።

ኣሥመራ ፡

ብማኅተም ፡ ካቶሊካውያን ፡

፲፱፻፲ ።

## ሕግ ፡ ናይ ፡ ሎጎን ፡ ጨዋን ።

ጥንቲ ፡ ዝነበረ ፡ እተሐደሰ ፡ አብ ፡ ዋዕላ ፡ ማይላሐም ፡ ብግቡእ ፡ ስምምዕ ፡ እተጻሕፈ ፡ እዚ ፡ እዩ ።

### ብዛዕባ ፡ ጋር ፡ ንብሲ ።

ጋር ፡ ንብሲ ፡ ምእትን ፡ ዕስራን ፡ ፈርጊ ። ያሒት ፡ ስርናይ ፡ ገበታ ፡ ዕጣን ፡ ካዕበ ፡ ወይኒ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ዓለባ ፡ መግንዝ ፡ ላም ፡ ምንጻፍ ። አበላልዑ ፡ ግን ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ንወለደኛ ፡ ካልእ ፡ ንዋናታት ፡ ዝሞተ ። ቀቲልካኒ ፡ መሐለለይ ፡ ዝበለ ፡ እቲ ፡ ዘምሐለ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይከፈል ፣ መምሐሊ ፡ ዕርቂ ፡ ይትከል ። ብሓጺን ፡ ዝሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ደም ፡ ጸረር ፡ ዘበለ ፡ ፲ ፈርጊ ፣ ዘርዩ ፡ ዝሀረመ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ሀሰዩ ፡ ዝሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብኸሳዱ ፡ ንታሕቲ ፡ ዝሀረመ ፡ ከም ፡ ስምብራቱ ፡ ብስኑ ፡ ዝነኸሰ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብአይ ፡ ዝሀረመ ፡ አብ ፡ ገዝአ ፡ ፵ ፈርጊ ። እንአለማይ ፡ ማይ ፡ ከተምጽእ ፡ ከላ ፡ ዕጸይቲ ፡ ከተምጽእ ፡ መጥሐን ፡ ክትልምን ፡ እንተ ፡ ተሀርመት ፡ ፵ ፈርጊ ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ስራሕ ፡ እንተ ፡ ተሀርመት ፡ ከም ፡ ስምብራታ ፡ ትካሐስ ። አበረኻ ፡ ሰበይቲ ፡ እንተ ፡ ሀረመ ፡ ፯ ፈርጊ ፡ እንተ ፡ ፈግአ ፡ ግን ፡ ፯ ፈርግን ፡ በጊዕኒ ፡ ይከፈል ፡ ምስ ፡ ሐዊት ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዕዳ ፡ ዘይብሉ ። ስምብራት ፡ ዜብሉ ፡ ማህረምቲ ፡ ብሸግግሌታት ፡ ይኪኽስ ፡ ተሀረሙ ፡ ክይተርፍ ፡ ማለት ፡ እዩ ። ርእሲ ፡ ዝነጸ ፡ ጭሕሚ ፡ ዝነጸ ፡ ፯ ፈርጊ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ፈጊኡ ፡ ደም ፡ ዝገበረ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ከብ ፡ ክሳድ ፡ ንታሕቲ ፡ ሀሪሙ ፡ ደም ፡ ዝገበረ ፡ ፳

ፈርጊ ። ፱ ቶ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ቆይሞም ፡ ከሰው ፡ ንመናግርቱ ፡ ዝሃረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ዳኛ ፡ ሰበር ፡ ፯ ፈርጊ ። ዳኛ ፡ ተዳነ ፡ እልዎ ፡ አይዳኒን ፡ ኢሉ ፡ ዝአበሞ ፡ ንዳኛ ፡ ዝሀረመ ፡ ፴ ፈርጊ ። ክልተ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ቆይሞም ፡ ከለዉ ፡ ዳኛ ፡ እንተ ፡ ሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ። አካል ፡ ዘጐደለ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ አካላቱ ፡ ተሰቢሩ ፡ ዝሐዊ ፡ እንተኸነ ፡ ጸገናኡ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ጥንስቲ ፡ ጋና ፡ እንተ ፡ ሀረማ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ጥንስቲ ፡ ድማ ፡ ነቲ ፡ ዝጠነሰቶ ፡ ፈውሲ ፡ ጌራ ፡ እንተ ፡ ሰደደቶ ፡ ንዋናኡ ፡ ፻፳ ፈርጊ ። አቡኡ ፡ ዘይፍለጥ ፡ እንተኸነ ፤ ሹም ፡ ዓዱ ፡ ከሲሱ ፡ ንንጉስ ፡ ይሀበ ። ለይቲ ፡ ሐዊ ፡ ምስ ፡ ተደጎሌ ፡ ንሰበይቱ ፡ ዝሀረመ ፡ ፫ ፈርጊ ፡ ሸልግ ፡ ቅርሺ ፡ ስኢነ ፡ ፈርጊ ፡ ስኢኑ ፡ ዘለ ፡ ገንዘብ ፡ ፫ ተ ፡ ሽማግሌ ፡ ይስነን ፡ ሽም ፡ ሸለግ ፡ የልበን ።

## ብዛዕባ ፡ ጸርፊ ።

ባርያ ፡ ዘለ ፡ ዝዓመጸ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ክሕሹ ፡ ኢብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ሐዚሉ ፡ ስዩም ፡ ይበሎ ፡ መርትዖ ፡ እንታ ፡ እለዎ ፡ ግን ፡ ይርታዕ ። አድጊ ፡ ዘለ ፡ ሳሕሳሕ ፡ ዘለ ፡ ሐርናፍ ፡ ሐርፋፍ ፡ ፍንፋን ፡ ዋይዚ ፡ ሻንቅላ ፡ ውላጅ ፡ እውጥሐካ ፡ እየ ፡ ተሸተሽ ፡ ሐሰር ፡ ናፋይ ፡ ቁርጫጭ ፡ ሁርንጫ ፡ ትሽየጥ ፡ ኢካ ፡ ዘለ ፡ እዚ ፡ ኩሉ ፡ ከም ፡ ባርያ ፡ ዘለ ፡ እዩ ፡ ክሕስኡ ። እስላማይ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ንክርስቲያን ፡ ሰብአይ ፡ እስላማይቲ ፡ ዘለ ፡ ሰበይቲ ፡ እስላማይ ፡ ኢሉ ፡ ዝዓመጸ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ገበታ ፡ ስርናይ ፡ ምዕሮ ፡ ሠይኒ ፡ ካዕቦ ፡ ዕጣን ፡ ማዕቶብ ፡ ይኽሕስ ። አረሚ ፡ ዘሌ ፤ አይሁድ ፡ ክሕስኡ ፡ ከም ፤ እስላማይ ፡ ይከሐስ ። ዘበን ፡ ክፋኡ ፡ ከይኑ ፡ ስጋ ፡ እስላም ፡ እንተ ፡ በልዔ ፡ እሞ ፡ እንተ ፡ ተነስሐ ፡ ብኡ ፡ እንተ ፡ ጸረፉዎ ፡ ከም ፡ እስላማይ ፡ ይከሐስ ። በላዕ ፡ ክልተ ፡ ሰጋ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ሀረማ ፡ በላዕ ፡ ሰብ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ብስለስተ ፡ ሽማግሌ ፡ ይከሐስ ። ተጐራቢ ፡ ዘለ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብዘይ ፡ መርትዖ ፡ ግን ፡ እተጸርፈ ፡ ይምሐል ። ንሰብአይ ፡ ኣቲ ፡ ሰበይቲ ፤

በደሁ፡ዘለ፡፰ፈርጊ።ጠቢብ፡ቡዳ፡ነሀባይ፡በዛይ፡ዘሌ፡፰ፈርጊ፡ር
ኹስ፡ዘለ፡፴ፈርጊ፡ብወለዶ፡እበልጸካ፡ዘሌ፡ይርታዕ፡መርትዖ፡ዝ
ለአኡ፡፰ፈርጊ።ሙያኡ፡ከይነገረ፡ብድፍን፡እኔ፡እበልጸካ፡ዘሌ፡ግ
ን፡ ፰ፈርጊ። እሽሙር፡ ዝጸረፈ፡ ዳኛ፡ መርሚሩ፡ ኣብ፡ ወገ
ኑ፡ የኽሕስ። ካልእ፡ ጸርፊ፡ ግን፡ ብሽማግሌ፡ ይከሐስ። ሽማ
ግሌታት፡ ምግዛፉን፡ ምንእሱን፡ ይርእዩዎ። ካብኡ፡ ኪውለድ፡
ከሎ፡ ካባይ፡ ወለዶ፡ የብልካን፡ ዘሎ፡ ግን፡ እቲ፡ ወለዶ፡ የብል
ካን፡ እተባህለ፡ ረቲዑ፡ እንተ፡ ኣተዊ፡ ካብቲ፡ ጸራፊኡ፡ ፰
ፈርጊ፡ ምሳይ፡ ወለዶ፡ ኣሎካ፡ ኢሉ፡ ኽሕ፡ ስዩም፡ ይበሎ።

## ብዛዕባ፡ መውስበ።

ኣቦ፡ ወድን፡ ኣቦ፡ ጓልን፡ ክልቲኦም፡ ኣሕሙ። ኣቦ፡ ወ
ዲ፡ ብላዕ፡ እንተ፡ ኸልኤ፡ ኖይ፡ ብልዖም፡ ብጸሐይ፡ የቕሙ
ም። ኣብ፡ ዳስ፡ ግን፡ ኣቦ፡ ጓል፡ ዘሎ፡ ይግበር። ዘይስርዓት፡ ለ
ጎፍዋ፡ እንተሎ፡ ብላዕውን፡ እንተ፡ እዚዘ፡ ፈጽሚ፡ ኣይኹኖ።
ፍርቂ፡ ገዝሚ፡ ኣቦ፡ ወዲ፡ ይሰድ። ፍርቂ፡ ድማ፡ ንመርዓው
ን፡ ንመርዓትን። መርዓ፡ መዓልቲ፡ ንመርዓዊ፡ ዕጥቃት፡ ዝህ
ብዎ፡ ሐሙኡን፡ ሐማቱን፡ ፍርቂ፡ ነቦ። ፍርቂ፡ ንመርዓውን፡
ንመርዓትን፡ ድማ፡ ብጽምዋ፡ ብካልእ፡ መዓልቲ፡ መቓልዒ፡
መግዓሲ፡ ዝህብዎ፡ ንመርዓትን፡ ንመርዓውን፡ ይኹን። ኣብ፡
መርዓ፡ ክዳን፡ ወለደኛ፡ ክዳን፡ ሐሙ፡ ክዳን፡ ሐማት። ክዳን፡
ሰብ፡ ቀሚስ፡ ክዳን፡ ኣበሐጎ፡ ክዳን፡ ዐባይ፡ እዚ፡ ኩሉ፡ ነቦ፡
ወዲ፡ ንዘምስላ፡ ይኹን። መርዓት፡ ክልተ፡ ሳዕ፡ እንዳቦኣ፡ ም
ስ፡ ተመልሰት፡ ይእኽላ፡ ምስ፡ ሰብኣያ፡ ትኹን። ነገር፡ ግን፡
ብርካ፡ ዘይወጸት፡ መርዓት፡ እንተ፡ ተፈትሐት፡ ሰብኣያ፡ እ
ንተ፡ ኖተ፡ ነሬ፡ እንተ፡ ሞተት፡ ፍርቂ፡ ገዝሚ፡ ትሰድ፡ ፳ን
መት፡ ምስ፡ ገበረት፡ ግን፡ ብርካ፡ ከምዝወጸት። መደበሊ፡ ቅ
ርሺ፡ ኒንቶኩና፡ ላዖ፡ እንቋኩንት፡ ፍርቂ፡ ንእሰ፡ ፍርቂ፡ ን

ሕሙ ፦ ግን ፡ ብኻልእ ፡ መዓልቲ ፡ ዝሃብዎ ፡ ነቲ ፡ መርዓዊ ፡ ከብቲ ፡ ከነ ፡ ቅርሺ ፡ ከነ ፡ መቃልዒ ፡ ከነ ፡ ነታ ፡ ብርኪ ፡ ዘይወጸት ፡ መርዓት ፡ ትሰዶ ። ነሳ ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ሐሙእ ፡ እኽሊ ፡ ጉኖ፡ አይትሰድ ፤ እታ ፡ ብርኪ፡ዘይወጸት ፡ መርዓዊ ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ሐሙእ ፡ ሐማቱ ፡ ዝረኸበ ፡ መሳረርያ ፡ በቅሊ ፡ ፈረስ ፡ ከዳን ፡ ንበይኑ ፡ ይሰዶ ። መሰል ፡ ዝበልዔ ፡ መሰል ፡ ይኸፈል ፤ ስልማት ፡ መርዓት ፡ ዕሽር ፡ ገዝማ ፡ ይህባ ፡ ከይተመልሰት ፡ ብቕርሺ ፡ ይህባ፦ እስልም ፡ እንተለ ፡ አቕራሽ ፡ አጭሲሹ ፡ ይሰልማ ። እንድሕሪ ፡ ተመሊሻ ፡ ግን ፡ መስርሐኡ ፡ ገይሩ ፡ ይህባ ። አቦ ፡ ወዲ ፡ ግን፡ እንድሕሪ ፡ ሰሊሙ ፡ መርአዪ ፡ ገጽ ፡ እዩ ፡ አይበሎ ፤ ገዲሉኒ ፡ እንተለ ፡ ሚዛኑ ፡ ይምለስ ። ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ ሰስልማቶም ፡ ይሰዱ ።

## ሕጊ ።

ብሕጹያቶም ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ ኃል ፡ እተሰለመቶ ፡ አብ ፡ ነብሳ ፡ ይዕረፍ ፡ ከሎ ፡ ሕዱዩ ። አቦ ፡ ኃል ፡ ነቦወዲ ፡ ምስ ፡ መስርሐኡ ፡ ገይሩ ፡ ገንዘብ ፡ ይህቦ ፦ ናይ ፡ ሕዱይ ፡ ገንዘብ ፡ ከአ ፡ ይምለሰሉ ። አቦ ፡ ኃል ፡ ብሕጺኦም ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ አቲ ፡ መንጐኛኦም ፡ ዋሕስ ፡ ከይኑ ፡ ይተዓገት ፡ ድማ ፡ ከሳዕ ፡ መርዓ ፡ ዋሕስ ፡ ይኩን ። ብላዕሊ ፡ ገዝምን ፡ ገንዘቦም ፡ ይማለሱ ። ብሕጺ ፡ ከለዉ ፡ ማል ፡ ንሐሙኡ ፡ ተወከሸ ፡ ዝሽጠ ፡ ፈርግን ፡ ግርባብኒ ፡ ንተባዕታይ ፤ ፈርግን ፡ ቅራናን ፡ ነንስተይቲ ። ገንዘበይ ፡ ሀበኒ ፡ ምስ ፡ ዚብሎ ፡ መዓልቲ ፡ ነሱ ፡ ይኩን፡ ዋጋኡ ፤ ከይተወከሰ ፡ ዝሸጠ ፡ ሸያጡ ፡ ይምለስ ፤ ብሕጺ ፡ ከሎ ፡ ማል ፡ ንኽልኤ ፡ እንተሀበ ፡ ነሱ ፡ እንተሎ ፡ ባዕሉ ፡ ይከፈል ፦ ነሱ ፡ እንዘየሎ ፡ ሰበይቱ ። ጣዕዋ ፡ ገዝሚ ፡ እንተሞተ ፡ ዕማሱ ፡ ይህቦ ፡ናይ ፡ ቃርበቱን ፡ ስጋኡን ። ናይ ፡ በቅሊ ፡ ብላዕ ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፦ እንተላ ፡ ብርእሳ ፦ እንተ ፡ ሞተት ፡ ዋግአ ፡ ይምለስ ። ብ

ሕጹያቶም ፤ ሐሙኡ ፡ ወረሩ ፡ እንተ ፡ አዘዘ ፡ እሞ ፡ እንተ ፡ ተፉትሑ ፡ ናይ ፡ አርባዕቱ ፡ ሰብአይ ፡ እንግድዓ ፡ ቅርሺ ፡ ይከፈል ፤ አብ ፡ ጽምዲ ፡ ብዕራይ ፡ ፈረቃ ፡ ቅርሺ ፡ አበ ፡ ንል ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይህበ ። አጻውር ፡ ቤት ፡ እንተኮነ ፡ ከአ ፡ ከይተተከሉ ፡ እ እንተኮነ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ይሰዶ ፡ ተተኪሉ ፡ እንተ ፡ ኮኔ ፡ ግን ፡ ሰለስቱ ፡ ሸማግሌ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ዓዲ ፡ መጺኦም ፡ ነቲ ፡ አጻውር ፡ ገምጊሞም ፡ ነቲ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዋግኡ ፡ ገንዘብ ፡ የውህብዎ ። ብሕጸ ፡ እንጊሩ ፡ ማይ ፡ እተባልዕዎ ፡ ጥፉእ ፡ ይኩን ። ካልእ ፡ ግን ፡ ገገንዘቦም ፡ ይማላለሱ ። ጣዕዋ ፡ ገዝሚ ፡ ንሰብ ፡ እንተ ፡ ዓደልዎ ፡ እንተ ፡ ሞቱ ፡ ይተክእ ፤ አብ ፡ ኢዱ ፡ ገዝሞቱ ፡ ግን ፡ ተኸአ ፡ ዜብሉ ፡ እንተኾነ ፡ ዕማሱ ፡ ይምለስ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዘይሐለቤ ፡ ዘይሐረሰ ፡ እንተኾነ ፡ ናይ ፡ ዓመት ፡ ግብሪ ፡ ንጉስ ፡ ናይ፡ ዐስቢ ፡ ናይ ፡ ዋጋ ፡ ሳዕሪ ፡ አበ ፡ ንል ፡ ይኽፈል ።

## መሰል ፡ ሐሙ ።

አብ ፡ መርዓ ፡ ጣዕዋ ፡ አህብ ፡ ዘለ ፡ ክሳብ ፡ ዓመት ፡ መንፈቅ ፡ ዝረከበ ፡ ጣዕዋ ፡ ይህብ ፡ ክልተ ፡ ዓመት ፡ እንተ ፡ ገበረ ፡ ግን ፡ ጣዕዋ ፡ ዓመት ፡ መንፈቕ ፡ ይህብ ። መቡእ ፡ ጥሽ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ እንፍቅቲ ፡ እኽሊ ፡ ስገምኒ ፡ ብሱልኒ ። መኽረፈ፫ ወንጮ ፡ ሐደ ፡ ማእሲ ፤ ሐደ ፡ ምስ ፡ ጠስሚ ፡ ይህብ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዝደረፉ ፡ ፰ ፈርጊ ። ደፉን ፡ ግን ፡ ክዳና ፡ እንድሕሪ ፡ ተከዲና ፡ ደፉን ፡ ይኩን ።

## ሕርሰት ።

ሕርሰት ፡ ከአ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ ሐደ ፡ ምስ ፡ ጠስሚ ፫ ክልተ ፡ ገበታ ፡ እኽሊ ፡ ጥረን ፡ ብሱልኒ ፡ መስለስ ፡ ጥጥዑ ፡ ሐፈሳት ፡ ወንጮ ፡ ማሕዘል ፡ ብርካ ፡ ዘየወጸት ፡ እንተ ኮነት ፡ አበ፡ ወዲ ፡ ይኽፈሎ ። ብርካ ፡ ዝወጸት ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ሰብአያን ፡ ካብ

እን፡ካብ፡መንጉእም፡ይኩን፡እንተ፡ደፈኑ፡፭ ፈርጊ። ብርኩ፡ዝወጸን፡ብርኩ፡ዘይወጸን፡፭ ፈርጊ። በኳር፡ሐያም፡ሕርስት፡ከም፡ኩሉ፡ትቀበል፡እንተ፡ደፈና፡ሰብአያ፡፭ ፈርጊ፡ ይክሐስ። ብጥንስታ፡እንተ፡ተፈትሔት፡ወንጮአን፡ማሕዘልኒ፡አመንጎአም፣ ማንታ፡እንተክኑ፡ሐድሐዲአም። ቀለብ፡ቈልዓ፡ናይ፡ሰብ፡ብርኪ፡ገበታን፡ንፍቅን፡ስገምኒ፡ ብሱልኒ፡አብ፡ክልቲአም፡ክሳዕ፡ሰለስቲ፡ዓመት፡ኩሉ፡ኩሉ፡ ሕርሰት፡ካብ፡መንጎአም። ዝወለደት፡ሰበይቲ፡ግራታ፡ቤታ፡ መቲላ፡ትደቅስ፡እከይድ፡እንቲለት፡ዜብላ፡ጾግን፡ንግፍን፡ትሕረስ፡ትሐርስ፡እንተከነት፡ውሉዳ፡ትምቀል፡ እንተ፡ዘይሐረስት፡ግን፡ሰለስተ፡ዓመት፡ምስ፡ገበሩ፡ናበብአም።

## እኖ፡ድቃላ።

እኖ፡ድቓላ፡መስለስ፡ጥጥቶ፡ሐራሳት፡ ወንሮ፡ ማእሲ፡ክዳን፡ሰለስተ፡ግርባብ፡ማሕዘል፡ናይ፡ማንታ፡ ክልተ፡ማሕዘል፡ሰብአይ፡ካበይኑ፡ይሀባ። ቀለብ፡ቈልዓ፡ግን፡ፈፈረቑአም፡አበን፡አደን፡ገበታን፡ንፍቅን፡ስገምኒ፡ብሱልኒ።

## ሕድሮ፡መርዓት።

ናይ፡ሕድሮ፡ዝእዘዜ፡ጽብቕቲ፡ጤልኒ፡ወጠጦን፡ሕጅ፡ይእቶ፡ዝደፈኑ፡፭ ፈርጊ፡ንመርዓት፡አብ፡ዓሱር፡አብ፡ ምልሰት፡ይሕረደላ፡ደፈኑ፡፭ ፈርጊ፡መርዓዊ፡ሰበይቱ፡ሀቡኒ፡ኢሉ፡እንተ፡ተቋጸረ፡እንተ፡ኸልኢዎ፡፭ፈርጊ፡አቦ፡ጓዲ፡ይኸፈል፡ድማ፡ሕብስቲ፡ምስ፡ገበረ፡አቦ፡ጓል፡አቦ፡ወዲ፡እንተ፡ጠለሞ፡፭ ፈርጊ፡ብርክም፡ከለዉ፡ብነሃሴ፡ንደሐር፡እንተክነ፡መሰሎም፡ይቀበሉ፡ናይወዲ፡ፈርጊ፡ክዳኑ፡ እንተ፡ሰአነ፡እንተ፡ሰአኔ፡ዘቶ፡ቅርሺ፡ናይ፡ጓል፡ግና፡ሰለስተ፡ግርባብ፡ቅርሺን፡ፈረቓን። ብርከይ፡ አውጽኡኒ፡ ዘለወ

ዲ ፡ ንሐሙኡ ፡ ይወክስ ፡ አበ ፡ ኅል ፡ ሕራይ ፡ እንተሎ ፡ ግን ፡ አ
በ ፡ ወዲ ፡ ምስክር ፡ ጌሩ ፡ ብርኩ ፡ የውጽአዮ ። ርባዕ ፡ አኸሊ ፡ አ
ቲ ፡ ገገዝሞም ፡ ብርክም ፡ ኪወጹ ፡ ከለዉ ፡ ይህበም ፡ ንመርግትኒ ፡
መርግውን ፡ መናበሪ ፡ ኩሉ ፡ ሐጺን ፡ ከነ ፡ ጕዋ ፡ ከነ ፡ ሐንቲ ፡
ሐንቲ ፡ እንትኮነ ፡ ነበ ፡ ተረፍ ፡ እንተለዎ ፡ ግን ፡ ሐንቲ ፡ ሐን
ቲ ፡ ይህበ ፡ ካብ ፡ ኩሉ ፤ ብርኩ ፡ ኪወጽእ ፡ ከሎ ፡ ዝጸግእ ፡ ጽግ
ኢ ፡ ከሳዕ ፡ ፫ተ ፡ ፍሬ ፡ ይብላዕ ፡ ሐሰር ፡ ርባዕ ፡ ይሰድ ፡ ግብሪ ፡ ን
ጕስ ፡ ከም ፡ ብልዑ ፡ ይኸፈል ፤ አይሐርስኒ ፡ አይሐፍስኒ ፡ እን
ተለ ፡ ግን ፡ ርብዒ ፡ ጕዋ ፡ አይግብአን ። ብርኩ ፡ ኪወጽእ ፡ ከሎ ፡
ገበታው ፡ ንፍቂ ፡ ዜገዝርእ ፡ ስገም ፡ ግራት ፡ የልዕል ፡ አበ ፡ መስ
ተይ ፡ ሰንበቱ ፡ ድማ ፡ አበ ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ላም ፡ ሂቡ ፡ ቅርሺ ፡
ሂቡ ፡ ዘሕረሰ ፡ ንበይኑ ፡ ይሰዶ ፡ ብርኩ ፡ ኪወጸ ፡ ግብሪ ፡ ይመቀ
ል ፡ ይገብር ፡ ከአ ።

## ናይ ፡ ጥትሕ ።

ፍትሕ ፡ ፱ተ ፡ ሰሙን ፡ ቴጸራ ፡ ይኩን ፡ ተቋጺሩ ፡ ከላ ፡ ን
ሰበይቱ ፡ ዝሀረመ ፡ ፰ ፈርጊ ። አብ ፡ ኢድ ፡ ሰብአያ ፡ ትረታሕ ፡
መጽንሕ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ ስዋን ፡ ጣይታን ፡ ይኩን ፤ እዚ ፡ ከ
ሊኡ ፡ ዝደፈነ ፡ ፰ ፈርጊ ። አበ ፡ ኅል ፡ ፫ተ ፡ ርእሱ ፡ ይምጻእ ፡
ጽብጽብ ፡ እንተለዎም ፡ አብ ፡ ሰደኞአም ፡ ፱ተ ፡ ሰብርኪ ፡ እን
ተ ፡ ተፋትሑ ፡ ዘሎ ፡ ይማቀሉ ፤ ዜልበ ፡ ይመሐሉ ። ቀለብ ፡ ቴ
ልዓ ፡ ግን ፡ አብ ፡ ዓዲ ፡ ይሰደላ ፣ ተፈቲሐ ፡ እንተ ፡ ነበረት ፡ ሰ
በይቲ ፡ ሰብአያ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ቴልዑኡ ፡ ሕጂ ፡ ሰለስተ ፡ ዓመ
ት ፡ ዑናን ፡ ቃኡራን ፡ ትሐዝ ፡ ዋሕስ ፡ አይትዕገት ፣ እተፈትሔ
ት ፡ ሰበይቲ ፡ ጋማለጃ ፡ ገይሩ ፡ እንተመለሳ ፡ አብ ፡ ኢዳ ፡ ትቀ
በል ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዜብላ ። ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡
ተበአሱ ፡ ፈረሃ ፡ እንትከደት ፡ እንዳ ፡ ሐሙእ ፡ እንዳ ፡ አባት ፡
ነብሳ ፡ አብ ፡ ሐሙታ ፡ ትእቶ ፡ እንዳ ፡ ኅኖ ፡ ፈረሃ ፡ እንተ ፡ አ

ቶት ፡ ብእብኡ ፡ እንዳ ፡ ሐማታ ፡ ይሰዳ ፡ እቲ ፡ ሰብእያ ፡ ግን ፡ በዚእቶም ፡ አይዳነን ፡ እንተበሌ ፡ አብ ፡ ጭቓ ፡ ትጥራዕ ፤ ጭቃ ፡ ድማ ፡ ፍትሒ ፡ ግጠም ፡ ይበሎ ፡ ነዚ ፡ እንተ ፡ አበዮ ፡ አብ ፡ እንዳ ፡ ጭቃ ፡ ምስ ፡ ሰበይቱ ፡ ትሕደር ፡ ነዚአቶም ፡ ገዲፉ ፡ አብ ፡ ክልእ ፡ እንተ ፡ ከደት ፡ ትወረስ ፦ ክልተ ፡ ሰብ ፡ ቃልኪዳን ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ አበ ፡ ነብሲ ፡ እንተ ፡ ገዘተ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ ይጽናዕ ፡ ፈትዩ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ ይእቶ ፡ ነዚ ፡ ግዘትን ፡ አፍርሹ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ እንተ ፡ ተመርዓወ ፡ ፵ ፈርጊ ፡ ነቲ ፡ ዘይተመርዖ፨ ነዚ ፡ ዓድዩ ፡ አባት ፡ ነብሱ ፡ ድማ ፡ ይቅጽዓዮ ። በዓልቲ ፡ ደሞዝ ፡ እንተ ፡ ተፈትሔት ጉርዲ ፡ ቈርጠም ፡ ጽምዲ ፡ ብዕራይ ፡ ዘለዎ ፡ ዓመት ፡ ዝገበረት ፡ መገጸ ፡ እክሊ ፡ ይሃባ ፡ ቅሩና ፡ ክዳን ፡ በዓል ፡ ቃንጃ ፡ ፫ ገበታ ፡ እክሊ ፡ ይህባ ፡ ቅሩና ፡ ክዳና ፡ ይሀብ ። ድሕሪ ፡ ፋስጋ ፡ ፍርቂ ፡ ይኩን ፡ እንተ ፡ ተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ዉሉድ ፡ ዜብላ ፡ ነግፍን ፡ ጽግእን ፡ ትሕረስ ፡ ክልእ ፡ ዜብላ ።

## ብዛዕባ ፡ ዝሙት ።

ሰበይቲ ፡ ሰብአይ ፡ ዘእቶ ፡ ፵ ፈርጊ ፡ ፈትያ ፡ እንተኮነት ፡ ኡይ ፡ ዘየለት ፡ ንሰብእያ ፡ አርብዓ ፡ ፈርጊ ፡ ትከፈል ። ንሰበይቲ ፡ ሰብአይ ፡ እንተ ፡ ብመዓልቲ ፡ እንተ ፡ ብለይቲ ፡ ሰብአይ ፡ መጺእዋ ፡ ኡይ ፡ እንተለት ፡ እንተ ፡ ሐዘቶ ፡ ፵ ፈርጊ ፡ ድማ ፡ ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡ ተበእሱ ፡ ሰብአይ ፡ ዜብላ ፡ ሰበይቲ ፡ አመንዝራ ፡ ከአ ፡ ዘይኮነት ፡ እሞ ፡ ብደሐና ፡ ዘላ ፡ እንተ ፡ ብለይቲ ፡ እንተ ፡ ብመዓልቲ ፡ ሰብአይ ፡ መጺእዋ ፡ ኡይ ፡ ኢላ ፡ እንተ ፡ ሐዘቶ ፡ ፵ ፈርጊ ፡ ሕጽይቲ ፡ ጓል ፡ ዘሕሰመ ፡ ፵ ፈርጊ ፦ ንበን ፡ ንደን ፦ ዜይተሐጼት ፡ ጓል ፡ ዘሕሰመ ፡ ፵ ፈርጊ ፡ ንበን ፡ ንደን ፡ ፈንጢጡ ፡ ነሎ ፡ ንጓል ፡ ከነ ፡ ንሐያም ፡ ከነ ፡ ከይንገሩ ፡ ንሳ ፡ ከአ ፡ ከሥኡ ፡ እንተ ፡ አፈንጠጠቶ ፡ እንተ ፡ አፈንጠጣ ፡ ፲፪ ፈርጊ ፦ እተመርዖት ፡ ጓል ፡ አብ ፡ ሳልሳይ ፡ ለይቲ ፡ ይእቶዋ ፡ ሐሲማ ፡ እንተላ ፡

ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ጊዜ ፡ ይኩለላ ፡ ሐቂ ፡ ምስ ፡ ክነ ፡ ኪዲ ፡ እን ተላ ፡ ምሉእ ፡ ገንዘባ ፡ ትሰዶ ፡ እበ ፡ ድማ ፡ ይምለስ ፡ ሳልሳይ ፡ መዓልቲ ፡ እሕሊፉ ፡ ሐሲማ ፡ እንተላ ፡ ባዕሉ ፡ ከምዝእተዎ ፡ ይኩን ፡ ፲፱ ፈርጊ ፡ ትከሐስ ፡ እንዊርዎ ፡ ክይክይድ ፡ ብሐደና ፡ ክላ ፡ ኪዲ ፡ እንተላ ፡ ገንዘባ ፡ ብምሉእ ፡ ትሰዶ ፣ ብሕጸ ፡ እተፋ ትሑ ፡ መፈንፈኒ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብሕዳ ፡ እተፋትሑ ፡ እበ ፡ ዓል ፡ ናይ ፡ ክታበት ፡ ይክፈል ።

## ቍጸራ ፡ መርዓ ።

እብ ፡ ሕጸ ፡ መርዓ ፡ ተቋጺሩ ፡ ዝጠለመ ፡ ተላዕጢጡ ፡ ተ እሊኩ ፡ እክለ ፡ ማይ ፡ ጠሬእ ፡ እንተኸነ ፡ ነቲ ፡ ዝጠፍኤ ፡ ብ ፫ተ ፡ ሸማግሌ ፡ ሸኒኖም ፡ ነቲ ፡ ዝጠፍአ ፡ የምልሰሉ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ድማ ፡ ይኸፈል ። እኸለ ፡ ማይ ፡ ክይጠፍኤ ፡ ቍጸራ ፡ ጥራይ ፡ እ ንተኸነ ፡ እቲ ፡ ዝጠለመ ፡ ፴ ፈርጊ ። ሐያም ፡ ሕራይ ፡ ኢላ ፡ ም ስ ፡ ተላዕጠጤ ፡ ዝጠለመት ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ሰብአይ ፡ ድማ ፡ ክእ ፡ እ ንተ ፡ ጠለመ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይዕደ ፡ ንሰበይቲ ። እበ ፡ ወድን ፡ እበ ፡ ዓልኒ ፡ ንሳዳኛ ፡ ዋሕስ ፡ መለምበጢ ፡ ይትከሉሉ ፳ መርዓዊ ፡ እ ብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ እቦእ ፡ ዋሕስ ፡ ይትክል ። እግታት ፡ ከከምገዛ ብእም ፡ ዋሕስ ፡ ዓል ፡ ካብ ፡ እበ ፡ ወዲ ፡ መማጽኢ ፡ ካብ ፡ እበ ፡ ወዲ ፡ ቅራና ፡ ካብ ፡ እበ ፡ ዓል ፡ ቅሬና ፡ እብ ፡ ዳስ ፡ ይብላዕ ፡ ዳ ሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዜብሉ ።

## ፍትሕ ።

ሰዋን ፡ ሰበይታን ፡ ጌሬ ፡ እንተ ፡ እብተከት ፡ እጻውር ፡ ዘ ይቀተክለ ፡ እንተ ፡ ክነ ፡ ትመቀል ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ሰ ብእያ ፡ እንቲ ፡ እእቶት ፡ ለቂሖ ፡ ትኪድ ፡ ቤት ። ነቲ ፡ መጎን ገኒ ፡ መጥሐን ፡ ዓራት ፡ ልቡድ ፡ ቆሮ ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይ ቲ ፡ የሓላን ፡ ዋሕሰ ፡ ግን ፡ ብ፫ተ ፡ መዓልቲ ፡ ጨልኒ ፡ ገበታን ፡ ይጥበቕታ ፡ ያበላስ ።

## ጥርሰ ፡ ቶስከር ።

ክልተ ፡ ሰብ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ ብርከም ፡ ዝወጹ ፡ ሐዲኦም፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ዝተረፈ ፡ የተስከር ፣ ተረፍ ፡ ተስካር ፡ ይከፈሉ። ሰበይቲ ፡ እንተ ፡ ሞተት ፡ ገንዘብ ፡ ሓዲኦም ፡ ንቈላው ፡ አቦኦ ም ፡ ይሐዘሎም ፡ አቦ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ድማ ፡ አደ ፡ ትሐዝሎም፡ ክሳዕ ፡ ልቢ ፡ ዚገብሩ ፣ ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውላድ ፡ ይረስ ፣ ወዲ ፡ ከነ ፡ ኳል ፡ ከነ ።

ገንዘብ ፡ ውላድ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ አደ ፡ እንተተረፈት ፡ አ ደ ፡ ትረስ ፣ አቦ ፡ እንተ ፡ ተረፈ ፡ ድማ ፡ አቦ ፡ ይውረስ ፨ አደ ፡ ከላ ፡ ሐወቦ ፡ አይውረስ ፡ ክልት ፡ ካበደ ፡ ዚውለዱ ፡ አይረሱ ፡ ካበቦ ፡ ዚውለዱ ፡ ይረሱ ሰብአይኒ ፡ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡ ሞቱ፡ ውሉድ፡ዜብሎም፡ዘመድ፡ክልቲኦምን፡ይረስዎም፡አተስኪሮም፡ ተረፍ፡ግን፡ይረሱ።እንዳ፡ኳልኒ፡እንዳ፡ወድን፡ጠሬአ፡እንተ፡ ከኑ፡ሰብ ፡ ዜብሎም፡ንው፡ከነመርው፡ከነተስከር፡ይበልዎም፡ነቶ ም ፡ ቀረብ ፣ እምብልና ፡እንተ፡ የልዎም ፡ ዑናን ፡ ቃድራን ፡ ይሐዝ ፡ ድካ ፡ እንተከነ ፡ እቲ ፡ ቀረብ ፡ ግን ፡ እሬኤማይ ፡ መ ጥሐን ፡ ይሐግዝ ፡ ምስ ፡ ረከበ ፡ ነቲ ፡ ዘተስከረ ፡ ገንዘብ ፡ መ ሊሹ ፡ ይእቶ፡ርስቲ ፡ ምስኡ፡ይጅናሕ ። ዘይሰምዒ ፡ ሐዉ ፡ እን ተ ፡ መጸ ፡ ወርቂ ፡ መሊሹ ፡ይእቶ ፡ ኳል ፡ አቦአን ፡ አዲአን ፡ እንተ ፡ ሞቱ ፡ አሕዋታ ፡ ቅድም ፡ የምስልዎ ፡ ተረፍ ፡ ግን፡ ነሕዋታ ፡ አሕዋት ፡ ዜብላ ፡ እንተከነት ፡ ከለርስቱ ፡ ጥራስ ፡ ኳ ል ፡ ወዲ ፡ ኳል ፡ አይሸጡ ፡ አይለውጡ ፨ አብ ፡ ዓዲ ፡ አትዮ ም ፡ ይገብሩ ። ተመርዕያ ፡ ዝነበረት ፡ ኳል ፡ ገንዘብ ፡ አቦአን ፡ አዲአን ፡ አይትረስ ።

## ናይ ፡ መሬት ፡ ወርቂ ።

ምድሪ ፡ ለጎን ፡ ጩዋን ፡ ምድሪ ፡ በሐርነጋሲ ፡ እንተ ፡ ተ ሸጠ ፡ ነጸለማ ፡ ከም ፡ ውዑሉ ፡ ይቒም ፡ ብዘበናት ፡ ዝሸጠ ፡ ብ

ሀበናት ፡ ይምለስ ፡ ናይመሬት ፡ ግራት ፡ ወርቂ ፡ ምኺኑ ፡ ይርታ
ዕ ፡ ሕሉ ፡ እንተሎ ፡ ግን ፡ ተቀባል ፡ ወርቂ ፡ ምሒሉ ፡ የእቱ ፤
ቅድሚ ፡ ደብተር ፡ ዝነበረ ፡ ናይ ፡ መሬት ፡ ወርቂ ፡ ዝነበረ ፡ በ
ቲ ፡ ናይ ፡ ቀደሙ ፡ ይቁም ፡ ቅድሚ ፡ ደብቶር ፡ ግን ፡ አብ ፡ ርስ
ተኛኡ ፡ እዩ ፡ ይምለስ ፡ ዝነበረ ።

## ናይ ፡ ማሕረስ ።

ናይ ፡ ማሕረስ ፡ ጽግኢ ፡ ዝጸግኡ ፡ ክሳዕ ፡ ሰለስተ ፡ ፍሬ ፡
ይብላዕ ፡ ቀሪም ፡ ማሽላ ፡ ቀሪም ፡ ባልዶንን ፡ ቀሪም ፡ ዓይንዓተ
ር ፡ ቀሪም ፡ እንጣጢዕ ፡ ቀሪም ፡ ንሂገ ፡ ዓተር ፡ እንተ ፡ ተዘር
ኤ ፡ ንሐደ ፡ ዓመት ፡ አይልቀቅ ፤ መሬት ፡ ኪሐርስ ፡ ዝነበሬ ፡
ግንቦት ፡ ምስ ፡ አቶ ፡ ልቀቅ ፡ እንተሎ ፡ አይልቀቕ ። ሰብአይ ፡
አብ ፡ ዓዲ ፡ ሰበይቱ ፡ ዝደቀሰ ፡ ከም ፡ ስርዓት ፡ አቦታት ፡ ይኪድ ።
ሐረስታይ ፡ ፍርቂ ፡ ዝሐረሰ ፡ ሐሰር ፡ ንብዓል ፡ ብዕራይ ፡ እንተ ፡
አግደሮ ፡ ይማቀሉ ። ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ድማ ፡ ከኸይድኒ ፡ ኪ
ሐርስኒ ፡ ይብላዕ ፡ ሳዕሪ ፡ ብኻል ፡ መዓልቲ ፡ ግን ፡ ይከልከል ።

## ዓመጻ ፡ መሬት ።

መሬት ፡ ዝዓመጸ ፡ ብሰለስተ ፡ ሽማግሌ ፡ እተረግጸ ፡ ዶብ ፡
ዘፍረሰ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ክሕሹ ፡ ብናይ ፡ ፲ተ ፡ ሽማግሌ ፡ ይቁም ። በ
ቶም ፡ ዝረገጽዎ ፡ ቀደም ። መገሀጫ ፡ ዓዲ ፡ ፲ተ ፡ ሽማግሌታት ፡
ዝቀመርዎ ፡ ዘፍረሰ ፡ ፴ ፈርጊ ።

## መዓንቀሪ ።

ጉድጓድ ፡ አብ ፡ ክባቢ ፡ ዓዲ ፡ ዝዒቱ ፡ ክይደፈኖ ፡ አብኡ
ወዲ ፡ ንብሲ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ብንብሲ ፡ ይተሐዝ ፡ ማል ፡ እን
ሞተ ፡ ሮማ ፡ ቶንዲ ፡ ማል ፡ ይኸፈል ፡ መገዲ ፡ ስሩዕ ፡ ዝሐረሰ ፡ ፩ተ ፡

ፈርጊ ፡ ክሕሹ ፡ ብ፫ት ፡ ሽማግሌ ፡ ይቁም ፡ ምድሪ ፡ አርዑት ፡ ዝነበረ ፡ ክጸልም ፡ እንተሌ ፡ ፲፰ ፡ ቅርሺ ፡ ይዕደ ፡ ግን ፡ ንጉስ ፡ ሀቁም ፡ ይቁም ።

## ስርዓት ፡ እም ።

ጽላል ፡ ክትክነኒ ፡ ኢሉ ፡ አብ ፡ ደረት ፡ ግራቱን ፡ አብ ፡ ግራቱን ፡ ጸልጺሉ ፡ ዘዕበያ ፡ እም ፡ እንተ ፡ ተበቲከት ፡ እቲ ፡ ዝበተካ ፡ ፭ ፈርግን ፡ አሙን ፡ ይሀበ ። እኸሊ ፡ ዘለዎ ፡ ግራት ፡ ሐጺር ፡ ቀንጢጡ ፡ ዝወሰደ ፡ ቅራና ፡ ይዕደ ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ደረት ፡ ግራት ፡ ከምሐጺር ፡ ክይኑ ፡ ዝበቁለ ፡ እም ፡ ዝበተከ ፡ ቅራና ፡ ይዕደ ። ሰራውሩ ፡ ዝበተከ ፡ እም ፡ ኩታም ፡ ይኸውን ፤ ነዚ ፡ ርእዩ ፡ ዝበተኸ ፡ ፭ ፈርግን ፡ አሙን ፡ ይዕደ ። አርዑት ፤ ነዊት ፤ ድጉራ ፤ እንተ ፡ ሰረቀ ፡ እንተ ፡ ዘይመሰለ ፡ ብዕራይ ፡ ጸጋም ፡ ይዕደ ።

## ብዛዕባ ፡ ስርቂ ።

ንዋንኡ ፡ ከይነገረ ፡ ዘይብዕራዩ ፡ ዝሐረሰ ፡ ዘይበቅሉ ፡ ዝጻዓነ ፡ ዘይላሙ ፡ ዝሐለበ ፡ ፳ ፈርጊ ። ብዕራይ ፡ ልፍንቲ ፡ ዝቀተለ ፡ ቀንዲ ፡ ይከፈል ።

እመል ፡ ምጋእ ፡ ዘለዎ ፡ ከብቲ ፡ እቲ ፡ ዋንኡ ፡ ከይተጠንቀቐሉ ፡ ከብቲ ፡ ወጊኡ ፡ እንተ ፡ ቅተለ ፡ እቲ ፡ ዋንኡ ፡ ቀንድቲ ፡ ዝሞተ ፡ ይኸእል ። ጥፉእ ፡ ከብቲ ፡ ብጸልማት ፡ አብ ፡ ደምቤ ፡ እንተ ፡ አቶ ፡ በዓል ፡ ደምበ ፡ እንተ ፡ ሰጎጎ ፡ አራዊት ፡ እንተ ፡ ቀተሎ ፡ ርእስ ፡ ማል ፡ ይኸፈል ። ሰራቒ ፡ ማዕጺድ ፡ ምራን ፡ ሉቱታ ፡ ሕጁ ፡ እቶረኸበ ፡ ብለይቲ ፡ እንተ ፡ ሰረቀ ፡ አክሊ ፡ ፳ ገበታ ፡ ናይ ፡ ለይቲ ፡ ናይ ፡ መዓልቲ ፡ ፲ ገበታ ። ከምኡ ፡ ከብቲ ፡ ዝሰረቀ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ። ፈረስ ፡ በቅሊ ፡ አድጊ ፡ ካዕበት ፡ ይሀደ ፡ ገንዘብ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝሰረቀ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ገንዘብ ፡ ወርቂ ፡ ዝሰረቀ ፡ ኩሉ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ከብቲ ፡ ን

ሳእ ፡ ዝቀተላ ፡ ርእሰ ፡ ማል ፡ ይከፈል ፡ ከብቲ ፡ ሀሰዩ ፡ ዝቀተ
ለ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ። ናይ ፡ ማል ፡ ተሰቢሩ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ማ
ሉ ፡ አኪቡ ፡ እቲ ፡ ዝሰበሮ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ዚሐዊ ፡ እንተኸ
ነ ፡ ግን ፡ መጸገኒኡ ፡ ንዋንኡ ፡ ብ፫ተ ፡ ሽግግሌ ፡ ይከሐስ ። ከብ
ቲ ፡ ወጋኢ ፡ እንተኸነ ፡ ዋንኡ ፡ ይወግእ ፡ እዩ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡
ዘይነገረሉ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ተወግኤ ፡ ነቲ ፡ እተወግኤ ፡ ፲ ፈር
ጊ ፡ ይኩን ፡ ካሕስኡ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ግን ፡ ዋንኡ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡
ይዕደ ፡ እቲ ፡ ከብቲ ፡ ድማ ፡ ይሙት ። መጽዓኛ ፡ አመለኛ ፡ እያ ፡
እዩ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ ዘይነገረሉ ፡ እሞ ፡ እንተ ፡ ነድሔ ፡ ፲ ፈርጊ ፡
ነብሲ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ግን ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ይከፈል ፡ እቲ ፡ መጽ
ዓኛ ፡ ድማ ፡ ይሙት ። ሰራቒ ፡ ከልቢ ፡ ዋንኡ ፡ ይቕተሎ ፡ እንተ ፡
ዘይቀተሎ ፡ ዋንኡ ፡ ሰለስተ ፡ ፈርጊ ፡ ዓድዩ ፡ ይቕተሎ ፡ ነካሲ ፡
ከልቢ ፡ ዋንኡ ፡ ይቕተሎ ፡ እንተዘይቀተሎ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይዕደ ፡ ድ
ማ ፡ ይቕተሎ ።

## ብዛዕባ ፡ ሐዊ ።

ቤት ፡ ዘንደደ ፡ ንጉስ ፡ ይመርምሮ ፡ ኵሙር ፡ እኽሊ ፡ ዘን
ደደ ፡ እቲ ፡ ዋግ ፡ እኽሊ ፡ ምስ ፡ መሐለ ፡ ካዕበት ፡ ይከፈል ፤ ዘይ
ተዓጽደ ፡ ዘንደደ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ሐሰር ፡ ዘንደደ ፡ እቲ ፡
ዋንኡ ፡ ምስ ፡ መሐለ ፡ እተን ፡ ሐሰሩ ፡ ይምለሰሉ ። ሳዕሪ ፡ ሐዊ ፡
ዘንደደ ፡ እታ ፡ ዝነደደት ፡ መሬት ፡ ሰለስተ ፡ ሽማግለ ፡ ሰብ ፡ ካ
ልእ ፡ ዓዲ ፡ የክሕስዋ ።

## ናይ ፡ ዘርዓ ።

ናይ ፡ ዘርዓ ፡ እኽልን ፡ ሳዕርን ፤ እኽሉ ፡ ማል ፡ ዝበልዓሉ ፡
ብሰለስተ ፡ ሽማግሌ ፡ ይከሐስ ፤ ዘይወለደ ፡ እኽሊ ፡ እንተኾነ ፡
ብዘደቐ ፡ ዓዲ ፡ ይከሐስ ፡ እተን ፡ እኽሊ ፡ ኪበልዓ ፡ ዝጸንሐ ፡
ከብቲ ፡ ዋና ፡ እንተ ፡ ረከበ ፡ በለን ፡ ተስታይኒ ፡ ላምኒ ፡ ዘሬው ፡ የ

እቱ ፡ ዋና ፡ ክለወን ፡ እንተ ፡ ኣእተወን ፡ ኰለን ፡ ግን ፡ ፰ ፈር
ጊ ፡ በይነን ፡ ኢንተ ፡ ጸንሐ ፡ ግና ፡ የእትወን ፡ እቲ ፡ ዋንኤን ፡
ኢየገዘርዕኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ ከልኤ ፡ ድማ ፡ እቲ ፡ ከብቲ ፡ ክልተ ፡
ፈርጊ ። እቲ ፡ ዋና ፡ ከብቲ ፡ አዕቲበኒ ፡ ኪብሎ ፤ ክሎ ፡ ዕቁባ ፡
ኣብይዎ ፡ ኣብ ፡ እንድኡ ፡ እንተ ፡ አሕደረ ፡ ንሐደ ፡ ንለይቲ ፡
ክልተ ፡ ፈርጊ ፡ ንሐደ ፡ መዓልቲ ፡ ክልተ ፡ ፈርጊ ፡ ይዕደ ። ኩ
ሙር ፡ ሐሰር ፡ ዘብልዔን ፡ ዝወሰደን ፡ ፩ ፈርጊ ፡ ዐድዩ ፡ እንተን፡
ዘብልዔንኒ ፡ ዝወሰደኒ ፡ ሐሰር ፡ ይምለስ ። ካብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝበ
ልዔን ፡ ዝወሰደን ፡ ግን ፡ እተን ፡ ዝበልዔኒ ፡ ዝወስዲኒ ፡ ጥራ
ይ ፡ ይኸፈል ። ዘይተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ቀርኒ ፡ እስሐ
በ ፡ ይዕደ ። እተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ግን ፡ ርብዒ ፡ ቅር
ሺ ፡ ይዕደ ። ስለ ፡ ዘነባ ፡ ዝኸልኤን ፡ ዘነባ ፡ ዘሕደረን ፡ ዘእተወ
ን ፡ ግን ፡ እብቲ ፡ ናይ ፡ እከሊ ፡ ይርኤ ። ዘርዓይ ፡ እንተ ፡ ዘር
ዔ ፡ ማልካ ፡ ተዘኒበን ፡ ይበሎ ፡ በዓልማል ፡ ኢዕቁበኒ ፡ ከየሎ ፡
እንተ ፡ አሕደረ ፡ ፱ተ ፡ ፈርጊ ፡ ናይለይቲ ፡ ፱ተ ፡ ፈርጊ ፡ ናይ ፡
መዓልቲ ፡ ይኸፈል ፤ ብሐይሉ ፡ ዝወሰደ ፡ ግን ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ግራ
ት ፡ ምስ ፡ ተዓጽደ ፡ ቅሚጠ ፡ ክለዎ ፡ ከብቲ ፡ ዘእተወሉ ፡ ቅራና
ይኸፈል ፡ ዋንኡ ፡ ዘእተወሉ ፡ ግን ፡ ስውር ፡ እዩ ።

## ኣብቲ ፡ ናይ ፡ መውስቦ ፡ ዚስዕብ ፡ ነገር ።

ሰብኣያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ንሕሙትሙታ ፡ ፍትሑኒ ፡ ከ
የለት ፡ ኣብ ፡ ሰብኣይ ፡ እንተ ፡ ተኣቶት ፡ ፲፱ ፈርጊ ፡ ሰብኣይ ፡
ድማ ፡ ሰበይቱ ፡ ዝሞተቶ ፡ ንሐሙኡ ፡ ከይነገሬ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘእ
ቶ ፡ ፮ ፈርጊ ፡ ሰበይትን ፡ ሰብኣይኒ ፡ በብርኪ ፡ ዝኮኑ ፡ ሰብኣያ፡
ዘምጽኦ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘምጽኣቶ ፡ ዕዳ ፡ ሐቢሮም ፡ ይኸፈሉ፡ ግን፡
ፋሉጥ ፡ እንተኸነ ። ኣምባር ፡ ኣግሪ ፡ ዝኣዘዘ ፡ ውዑል ፡ እንተ
ኢለዎ ፡ ከም ፡ ውዑሉ ። ሰበይቲ ፡ ከይኣቶት ፡ ተዓድይዎ ፡ ዝነበ
ረ ፤ ብላዕ ፡ ኩሉ ፡ እተበልዔ ፡ ሰብኣይ ፡ በይኑ ፡ ይኸፈሎ ። ኣ
ምባር ፡ ኣግሪ ፡ ፳ ቅርሺ ፡ እተሰርሔ ፡ ይኩን ።

## ብዛዕባ ፡ ዚዕደል ፡ ውላድ ።

ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ሰብኣያ ፡ ከላ ፡ ወደይ ፡ ኪብል ፡ ከሎ ፡ ወደይ ፡ ኢሉ ፡ ዝቀለበ ፡ ዝከደነ ፡ ሀዕቤ ፡ ሀሕጻ ፡ ዘመርዓወ ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ አይወድኸን ፡ ኢላ ፡ ንኻልእ ፡ ሰብኣይ ፡ እንተ ፡ ዓደለቶ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝሀበቶ ፡ ሰብኣይ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ይሀብ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝኸደ ፡ ነቲ ፡ ሀዕበ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ትሀብ ፡ ነቲ ፡ ዘዕበ ፤ ምስ ፡ ሰብኣያ ፡ ኸላ ፡ ብሕጻኑ ፡ ከሎ ፡ እንተ ፡ ዓደለቶ ፡ እቲ ፡ ውላድ ፡ እተቀበለ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝከልኣቶ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይሀብ ። ዚጠበ ፡ እንተኾነ ፡ ነሳ ፡ ድማ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ትሀብ ፡ ነቲ ፡ ዝኻልኢቶ ።

## ብዛዕባ ፡ ንህቢ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ዘይተመርዖት ፡ ንህቢ ፡ ትምቀል ። እንተ ፡ ተመርዖት ፡ ግን ፡ ዜብላ ፡ ዓሰ ፡ ንሕቢ ፡ እንተ ፡ ረከበ ፡ ንጕይትኡ ፡ ይኹን ፡ ንሕቢ ፡ ዘዕሰለ ፡ ሹሙ ፡ ከይተቈርደደ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ መጸ ፡ ይመቀል ። ተቈርዲዱ ፡ እንድሕሬ ፡ ጸኒሒ ፡ ግን ፡ የብሉን ። ኣብ ፡ ደምበ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንገዛ ፡ ይኹን ፡ ኣብ ፡ ገበልኡ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንብዓል ፡ ቤት ፡ ይኹን ።

## ዐስቢ ፡ ዐሳብ ።

ኳል ፡ እንተ ፡ ትገዝኤት ፡ ግዝኣታ ፡ ይሀባ ። ማይ ፡ ዕጨይቲ ፡ እተሃጐጐአ ፡ እንተኽንት ፡ ቅራና ፡ ይሀባ ። አጸግኡን ፡ ኢላ ፡ ንንተከሃት ፡ ወይ ፡ ከየለት ፡ እንተከነ ፡ ትጥሕን ፡ እንተከነት ፡ ፭ ፈርጊ ፡ ይሀባ ። እንተ ፡ ኣመርዓዋ ፡ ግን ፡ ዜብላ ። ወዲ ፡ ድማ ፡ ዕጭ ፡ ዜምጽአ ፡ ማሕስእ ፡ ምራኽት ፡ ላም ፡ ጤል ፡ ዚሕሉ ፡ እንተኾነ ፡ ቅራና ። ዚሐርስ ፡ እንተከነ ፡ ፭ ፈርጊ ።

## በዓል ፡ ኢዴ ።

አምርን ፡ ዝሀቤ ፡ ኢዶ ፡ ይከፈል ፡ ኪሀብ ፡ ዘለውን ፡ ሊይጥለሦ ፡ ብስርንት ፡ ይተሐዝ ፡ ሕዋ ፡ ይኸፈል ።

## ናዩ ፡ ለበዋ ።

ሕሙም ፡ ኪመውት ፡ ካሎ ፡ እንተተ ፡ ላበ ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ እንተኸነ ፡ ፫ተ ፡ ምስከር ፡ ግቡእት ፡ ጊሩ ፡ ይላበ ፡ ሊብ ፡ በረካ ፡ ዝሞተ ፡ ግና ፡ ምስኡ ፡ ዝነበረ ፡ ይንገረሉ ፡ ቅሁም ፡ ይኩን ። ብመራት ፡ ግን ፡ እተላበዎ ፡ ለበዋ ፡ አይኸውን ፤ ንቡኡን ፡ ንዲኡን ፡ ዝሀረመ ፡ ፯ ፈርጊ ፡ ፫ተ ፡ መዓልቲ ፡ ድማ ፡ ይተአሰር ።

## ናዩ ፡ ምድሪ ፡ ለጎሜዋ ፡ ዝደቀሰ ።

እምድሪ ፡ ለጎሜዋ ፡ ዝደቀሰ ፡ ኩሉ ፡ ስዓርቲ ፡ ከም ፡ ለጎሜዋ ፡ ካብ ፡ ስርዓቶም ፡ አይሕለፍ ፡ ልሳኑ ፡ ማንካ ፡ ንሐለፉን ፡ ንርስተኛን ፡ ዝደፈኖ ፡ ሕልቂ ፡ ይኸፈል ፡ ሊብታ ፡ ምድሪ ፡ እተሐርደት ፡ ከብቲ ፡ ርስቲ ፡ ዝሐዘ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ልሳኑ ፡ ማንካ ፡ ይብላዕ ። ጓል ፡ ለጎሜዋ ፡ እዘይከመ ፡ ምልጋእ ፡ እተአቶት ፡ ከም ፡ ስርዓቶም ፡ ትቀበል ፡ ጓል ፡ ለጎሜዋ ፡ አብ ፡ እኩለጉዛይ ፡ እተአቶት ፡ ከም ፡ ስርዓቶም ፡ ትቀበል ። በዓል ፡ ቀሚስ ፡ ከፈዮዓልኩም ፡ እንተበሉ ፡ እንተ ፡ ኢተዉ ፡ ስፍራ ፡ ህቡና ፡ ይበልዎም ። እንተ ፡ ደፈነዎም ፡ ፯ ፈርጊ ፡ በገዕ ፡ እንተ ፡ ዘይሐረደሎም ፡ ናይ ፡ ሽም ፡ አሕዋት ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ሰብ ፡ መርዓ ፡ አሕዋት ፡ ድማ ፡ እንተ ፡ አተዉ ፡ ከምኡ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ይሀብዎም ። አቦን ፡ እደን ፡ ገንዘብ ፡ ዜብሎም ፡ እንተ ፡ ኮነ ፡ ሁላዶም ፡ ይቀልዘም ።

## አጡስበ ፡ ወድን ፡ ጓልን ።

ክልተ ፡ ሰብ ፡ ንወድኸን ፡ ንጓልኸን ፡ ጸሎም ፡ እንተ ፡ ተቀኀቡ ፡ ብርካ ፡ ከይወጸት ፡ እንተ ፡ ተፈሔት ፡ ብምሉእ ፡ ገንዘ

ባ፡ ቅሰድ፡ ሰብሕያ፡ ግን፡ እቲ፡ እተበልዖ፡ ገንዘቡ፡ ጸብጺቡ፡ ይከፈል፤ ወዲ፡ ጓል፡ አይሕረድ፡ ነከታቲ፡ ሀቡኒ፡ ይበሎም። እምኒ፡ ጸሊም፡ ዝርእሱ፡ ጽላሴ፡ ዝእግሩ፡ ዓዲቀሺ፡ ዝርእሱ፡ ማየልበ፡ ዝእግሩ፡ እብ፡ ማይለሐም፡ ውዕሎ፡ እንቶ፡ ወዓሉ፡ እብ፡ ዛውል፡ አይሕደሩ፤ እብ፡ ክልእ፡ ዓዲ፡ ውዕሎ፡ እንተ፡ ገበሩውን፡ ክምኡ፡ ዝሐደረ፡ ፩ ፈርጊ፡ ይዕደ፡ ንሐደ፡ ሰብ። እዛም፡ ፲፱ተ፡ ሕግን፡ ወግዕን፡ ግን፡ ዘርዓ፡ ዜብሎም፡ እብ፡ ዝደለዩ፡ ይሕደሩ፡ እብ፡ ክልእ፡ ዓድውን፡ እንተ፡ ተዋግዑ፡ ክምኡ።

## ናይ፡ ሕግን፡ ወግዕን።

ዐዲ፡ ሕጊ፤ ዐዲባሮ። ዐዲባዘዮሐንስ። ዛውል፡ ሰለስቲኡ፡ እዩ። ዐዲ፡ ወግዒ፡ ድማ፡ ዓዲ፡ ሕምብርቲ። ዓዲ፡ ወገሪፉ። ዓዲ፡ ገብሩይ። ዐዲ፡ ፈለስቲ። እምኒ፡ ጸሊም። ሽከቲ። አባርዳእ። ክትምውሊዕ። ዓዲ፡ ራእሲ፡ ጎባይ፡ ምስናይ፡ ቆራት፡ እዮም፡ እዛም፡ ፲፱ተ፡ ዓድታት፡ እዚኦም፡ ብጥቓልል፡ ዐዲ፡ ሕግን፡ ወግዕን፡ ይበሀሉ።

ክቡራት፡ ህዝብና፡ ህዝቢ፡ ለጎን፡ ጮዋን፡ ዘረባ፡ ሰብኒ፡ ተግባሩን፡ ዘይውዳእ፡ እዩም፡ እቲ፡ ዝተረፈናን፡ ዜድልዩናን፡ ስርዓት፡ እና፡ ሐሰብና፡ እብ፡ ውዕሎ፡ ማይለሐም፡ ክንምልእ፡ ኢና። ንናብኡ፡ ዜዳርግ፡ ዕድሜ፡ ይሀበና፡ አሜን።

# ሥርዓት፡ ሉን፡ ጭዋ።

ብ፲፱፻፴፭፡ ዓ፡ ም፡ ከሀናትን፡

መኳንንትን፡ ነገ፡ ጥንታዊ፡ ሕጊ፡

እናተኸተሉ፡ ዘቆምዎ።

ተሐትመ፡በማሕተም
ጴጥሮስ፡ ሲላ፡
፲፱፻፴፫፡ ኣሥመራ።

ሕጊ ፡ ሉጎ ፡ ሜዋ ፡ ኣቀዲም

ና ፡ ከምዘበልና ፡ ብሃጸይ ፡ እ

ስክንድር ፡ ዘመን ፡ ብ፲፬፻፹፬፡

ተመስረተ ።

ካልኣይ ፡ ግዜ ፡ ብሃጸይ ፡ ፋ

ሲል ፡ ዘመን ፡ ብ፲፮፻፵ ፡ ተ

ሓደሰ ።

ሳልሳይ ፡ ብመንግስቲ ፡ ኢጣ

ልያ ፡ ፲፰፻፺፱ ፡ እንደገና ፡ ተ

ሓደሰ ።

ራብዓይ ፡ ግዜ ፡ ብመንግስቲ ፡

እንግሊዝ ፡ ፲፱፻፵፮ ፡ ከአ ፡

ተሓደሰ ።

# ኣ ር እ ስ ቲ ።

መቅድም ፡


| | | |
|---|---|---|
| ናይ ፡ ደም ፡ | ገጽ | ፩ |
| ኣማቅላ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ንስድራ ፡ መዋቲ ፡ | › | ፩ |
| መርዓ ፡ ንመንቀሲ ፡ ደም ፡ እትእቱ ፡ ጓል ፡ ክትምርዖ ፡ ከላ ፡ | › | ፪ |
| ኣማሐዳዳር ፡ ጋር ፡ እተቀበሉ ፡ ደቂ ፡ መዋቲ ፡ | › | ፫ |
| ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ | › | ፬ |
| ኣከፋፈል ፡ ወርቂ ፡ ናይ ፡ ጋር ፡ | › | ፮ |
| ናይ ፡ ድንገተ ፡ ሞት ፡ ቅትለት ፡ | › | ፮ |
| ብንጉሥ ፡ ዝደቀሰ ፡ ደም ፡ | › | ፰ |
| ቅትለት ፡ ናብ ፡ መንን ፡ ወላድን ፡ ውሉድን ፡ ውሉዱ ፡ ዝቀተለ ፡ | › | ፱ |
| ናይ ፡ ኣበምጋሮ ፡ ሞት ፡ ቅትለት ፡ | › | ፱ |
| ጽሉል ፡ ዝቀተሎ ፡ ሰብ ፡ | › | ፲፩ |
| ብዛዕባ ፡ መሬት ፡ | › | ፲፩ |
| መሬት ፡ እንዳ ፡ ዓባየይ ፡ ዝብል ፡ ሰብ ፡ | › | ፲፫ |
| መሬት ፡ ዴሳ ፡ | › | ፲፭ |
| ግብረ ፡ መሬት ፡ | › | ፳ |
| እናባብር ፡ ቤት ፡ | › | ፳፪ |
| ዋርሳ ፡ ቤት ፡ | › | ፳፮ |
| ዑናቃት ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ ዓዲ ፡ | › | ፳፰ |
| ግራት ፡ ፈረቃ ፡ | › | ፳፱ |
| ብዛዕባ ፡ መሸጣ ፡ መሬት ፡ | › | ፴፫ |
| ብዛዕባ ፡ ብእንጊራን ፡ ግደን ፡ እተሸጠ ፡ መሬት ፡ | › | ፴፭ |

ናይ ፡ ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ እ·ተሽ/ብ ፡ መሬት ፡ ምን·በባር ፡ . . . ገጽ ፴፮
ብዛዕባ ፡ ምስክር ፡ . . . . . . › ፴፰
ብዛሰባ ፡ ዓውዲ ፡ . . . . . . › ፵፪
መቀመጥ ፡ ሐሰር ፡ . . . . . . › ፵፫
ብዛዕባ ፡ መንገዲ ፡ . . . . . . › ፵፬
ብዛዕባ ፡ አእዋም ፡ . . . . . . › ፵፭
ንቁጽ ፡ ዕንጨይቲ ፡ . . . . . . › ፵፮
መጋሰስ ፡ ዓንደ ፡ ገመል ፡ ይ·ኸ·ን ፡ ዕንጨይቲ ፡ ይኹን ፡ › ፵፮
ናውቲ ፡ ማሕረስ ፡ . . . . . . › ፵፯
ኩታም ፡ እም ፡ . . . . . . › ፵፯
አገባብ ፡ ቁርጺ ፡ እም ፡ . . . . . › ፵፰
ሕጺ ፡ . . . . . . . . › ፵፰
ስልማት ፡ ክዳውንቲ ፡ ሕጺ ፡ . . . . . › ፵፱
ብጽሖት ፡ ሐሩስ ፡ ብግዜ ፡ ሕጺ ፡ . . . . › ፶
ኩልኩል ፡ ነገር ፡ . . . . . . › ፶
አገባብ ፡ ብላዕ ፡ ዘቅሊ ፡ . . . . . › ፶፩
ብላዕ ፡ ሠርሖ ፡ . . . . . . › ፶፬
ወራድ ፡ መርን ፡ . . . . . . › ፶፮
መንልቲ ፡ መርዖ ፡ . . . . . . › ፶፯
ውሁል ፡ መርዓ ፡ . . . . . . › ፶፰
መርሖ ፡ ሐያም ፡ . . . . . . › ፷፪
ምውጻእ ፡ ሐዳር ፡ . . . . . . › ፷፬
ብዛዕባ ፡ ሕርስት ፡ . . . . . . › ፷፮
ጥትሕ ፡ . . . . . . . › ፷፯
ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ . . . . . . › ፸፪

| | | |
|---|---|---|
| ዓብዩ፡ ትምህርቲ፡ ቤት፡ ናብ፡ ምሉእ፡ አጡራዳ፡ | ገጽ | ፸፭ |
| ምስላም፡ ቤተ፡ ክርስቲያን፡ | » | ፸፮ |
| ካህን፡ ዲያቆን፡ | » | ፸፯ |
| ወርቂ፡ ቤተ፡ ክርስቲያንን፡ አሳያም፡ ገበዝን፡ | » | ፸፰ |
| ንቤተ፡ ንጉሥ፡ ሰላምታ፡ | » | ፸፱ |
| ብጥላይ ምስለኔን ጭቃን ከገብርዎ ዝግባእ አፋላላይ ማያት | » | ፹ |
| ሕማም፡ ተላጋቢ፡ ናብ፡ ርእሲ፡ እንስሳ፡ | » | ፹፩ |
| ናይ፡ ዝብእን፡ ወኻርያን፡ ጕድኣት፡ | » | ፹፪ |
| እንስሳ፡ | » | ፹፫ |
| ርግሼ፡ | » | ፹፬ |
| ሚባ፡ ደምበ፡ | » | ፹፬ |
| ሕማም፡ ተላጋቢ፡ ናብ፡ ሰብ፡ | » | ፹፬ |
| ብሕጽቲ፡ ወርሒ፡ (ጥንስቲ) | » | ፹፭ |
| ሸህነት፡ ክብቲ፡ | » | ፹፮ |
| ውሕስነት፡ | » | ፹፯ |
| ጸርፊ፡ አፍ፡ አይጽረፍ፡ ኢድ፡ አይግረፍ፡ | » | ፹፱ |
| ሰራሕ፡ ሓጺን፡ | » | ፺፪ |
| ሰራሕ፡ ወርቅን፡ ብሩርን፡ | » | ፺፫ |
| ሓሳውን፡ ሰራቕን፡ | » | ፺፭ |
| ጠበቓ፡ | » | ፺፮ |
| ሽመት፡ ምስለኔን፡ ጭቃ፡ ዓድን፡ ሹም፡ አሕዋትን፡ | » | ፺፮ |
| ሹም፡ አሕዋት፡ | » | ፺፰ |
| አገባብ፡ ፍርዲ፡ ጭቃ፡ ዓዲ፡ | » | ፺፰ |
| አገባብ፡ ፍርዲ፡ ምስለኔ፡ | » | ፺፱ |
| ጠቕላል፡ ግዛዳሪ፡ ትሕቲኡ፡ ዘለዉ፡ ደያኑን፡ | » | ፺፱ |

| | | |
|---|---|---|
| ምሕላው ፡ ሕጊ ፡ | ገጽ | ፻ |
| ስዑር ፡ ሹመኛ ፡ | › | ፻፪ |
| ዝሙት ፡ | › | ፻፪ |
| ማህረምትን ፡ መፍጋእትን ፡ | › | ፻፬ |
| ቀብሪ ፡ | › | ፻፰ |
| ዘርዓ ፡ | › | ፻፱ |
| ብዛዕባ ፡ ታራ ፡ መጓስ ፡ | › | ፻፲፩ |
| ታራ ፡ ህበይ ፡ | › | ፻፲፫ |
| ተዝካር ፡ | › | ፻፲፫ |
| ዝጓድኡ ፡ እንስሳ ፡ | › | ፻፲፭ |
| ቀለታ ፡ እሕዋት ፡ | › | ፻፲፮ |
| ከብካብ ፡ ቀሚስ ፡ | › | ፻፲፯ |
| ለበዋ ፡ | › | ፻፲፰ |
| ውርሻ ፡ እሕዋት ፡ | › | ፻፲፱ |
| ንህቢ ፡ | › | ፻፳፪ |
| ገንዘብ ፡ ልቃሕ ፡ | › | ፻፳፫ |
| ገንዘብ ፡ ሕድሪ ፡ | › | ፻፳፫ |
| ገንዘብ ፡ ሐረጣ ፡ | › | ፻፳፬ |
| ሃይማኖት ፡ | › | ፻፳፬ |



ተፈጸመ ፡ ብዘመነ ፡ ፲፱፻፶፰ ፡ ዓ ፡ ም ። — ብማኅተም ፡ ጴጥሮስ ፡ ሚላ ።

— አ ሥ መ ራ —

# መ ቅ ድ ም ።

ብስመ ፡ አብ ወወልድ ፡ ወመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ አሐዱ ፡ አምላክ ።

ንሕና ፡ እንዳበ ፡ ሉጎሚዋ ፡ ነቲ ፡ ሥርዓትናን ፡ ሕግናን ፡ መታን ፡ ን
ዘልአለም ፡ ኪጸኝዓልና ፡ ብስም ፡ እቲ ፡ ኩሉ ፡ ዝኽእል ፡ እግዚአብሔር ፡
አምላክና ፡ ተጸጊዕና ፡ ንጅምሮን ፡ ንፍጻሞን ፡ አሎና ።

ሰሎሞን ፡ ንጉስ ፡ ይላል ። በጥበብ ፡ የሚሠራ ፡ መልካም ፡ ነገር ፡ ያ
ገኛል ። በእግዚአብሔር ፡ ያታመነ ፡ ምስጉን ፡ ነው ፡ ምሳ ፡ ም ፡ ፲፮ ፡ ቁ ፡ ፳ ።

ብቃልም ፡ በስራም ፡ የምታደርጉት ፡ ሁሉ ፡ በየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ በጌ
ታችን ፡ ስም ፡ አድርጉት ፡ እግዚአብሄርንም ፡ አብን ፡ በርሱ ፡ አመስግኑ ፡
ቆለ ፡ ም ፡ ፫ ፡ ቁ ፡ ፲፯ ።

ያከበረኝን ፡ አከብራለሁና ፤ የናቁኝምን ፡ ይናቃሉ ፡ ሳሙ ፡ ቀ ፡
ም ፡ ፪ ፡ ቁ ፡ ፴ ።

ስለዚ ፡ ብስም ፡ እግዚአብሄር ፡ ነቲ ፡ ብ፲፱፻፹፬ ፡ ዓመተ ፡ ም ፡ ገዘ
መ ፡ ሕጊና ። ሎሚ ፡ ብ፲፱፻፹፭ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ብ፯ ፡ ሰኔ ፡ መንግስቲ ፡ ዓበይ ፡
ብሪታንያ ፡ ንሕግና ፡ ክንአርሞን ፡ ክነብልጸን ፡ ምሉእ ፡ ፈቓድ ፡ ስለዝሃበ
ና ፡ እናመስገና ፡ ክንሰርሕ ፡ ጀመርና ።

ሕጊ ፡ ሎን ፡ ጮዋ ፡ ኪሕደስ ፡ ክሎ ፡ ዝነበሩ ፡ አማሐደርቲ ፡ ሹመ
ኛታት ።

ክቡር ፣ ክሉኑሉ ፣ ክራፎርድ ፣ ቅድም ፡ ናብ ፣ ከሚሻርያቶ ፣ ሰራየ ፣
ዋና ፣ ክለዉ ፣ ተጀመረ ። ብድሕሪኡ ፡ ናብ ፣ ከሚሻርየ ፣ ሐማሴን ፣ ም
ስ ፣ ሐለፉ ፣ ተፈጸመ ።

ክቡር ፣ ማጆር ፣ ጆምሰን ፣ ከሚሻርየ ፣ ሰራየ ፣

ክቡር ፣ ኮመንዳቶረ ፣ ደጀዝማች ፣ በረኪ ፣ ተክለጼን ፡ ምስለኔ ፣ ጽል
ማን ፣ ሰፍኦን ።

ክቡር ፣ ካፕሌር ፣ አዝማች ፣ ምራጭ ፣ ጉድም ፣ ምስለኔ ፣ ሊባን ።

ክቡር ፣ ክፕሌር ፣ ኡፊቻለ ፣ ደጀዝማች ፣ አስረሰሄን ፣ ባራኪ ፡ ምስለ
ኔ ፣ ላዕላዋይ ፣ ሎጎን ፣ ጨዊዋን ፣ ከበሳ ፣ ጨዊዋን ። እዞም ፣ ዝሰመናዮም፣ ኩ
ሎም ፣ ናብቲ ፣ ዝሰሚናዮ ፣ አውራጃታት ፣ ተሸይሞም ፣ ብምሉእ ፣ ልበ
ቶም ፣ ንሕግና ፣ አብሊጽና ፣ ክንጽሕፍ ፣ ብምክርን ፣ ብግብርን ፣ ሐገዙና ።

ኩልና ፣ ክምእንፈልጥ ፣ ሕጊ ፣ ሎጎ ፣ ጨዊዋ ፣ ብጥንቲ ፣ አቦታትና ፣
ጽሒፎም ፣ ደብተሮም ፣ እዮም ፣ ዜናብርዋ ፣ ዝነበሩ ። እተን ፣ ደባትር ፣
ክአ ፣ ፪ ፣ እዩን ። አቦታትና ፣ ፪ ፣ ደባትር ፣ ምጽሐፎም ፣ ምናልባት ፣ ሰብ
ሰሐቲ ፣ እዮም ፣ እታ ፣ ሐንቲ ፣ ብገቢር ፣ ወይ ፣ ብጉቦ ፣ እቲ ፣ ተሐዛይ
ደብተር ፣ እንተ ፣ ሰሐተ ! እታ ፣ ክልአይቲ ፣ ክትሕልዋ ፣ ማለት ፣ እዩ ፡
ከመይ ፣ በቲ ፣ እዋኖም ፣ ብኢድ ፣ ጥራይ ፣ እዩ ፣ ዝጸሐፍ ፣ ዝነበረ፣ እምበ
ር ፣ ናይ ፣ ጽሕፈት ፣ ማሕተም ፣ አይነበረን ፣ ስለዚ ፣ ነቲ ፣ ናይ ፣ ኢድ ፣ ጸ
ሕፈት ፣ መታን ፣ ከይንከዮን ፣ ከይውሰከን ፣ ኢሎም ፣ ብጥንቃቐ ፣ ፪ ፣ ደ
ብተር ፣ አቆሙ ። በዚ ፣ ዘሎናዮ ፣ ጊዜ ፣ ግና ፡ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ብማሕተም
ማኪና ፣ እተጻሕፈ ፣ ናይ ፣ ኢድ ፣ እንተ ፣ ተረኸበ ፣ ብቕልጡፍ ፣ ኪርከብ
ይክእል ፣ እዩ ።

እዘን ፣ ፪ ፣ ደባትር ፣ ክአ ፣ ናብ ፣ እንዳበ ፣ ገዛአመኑዎ ፣ ብእል ፣ ዓቢ
ዓዲ ፣ ከኦነ ፣ ብዓል ፣ ቁሸት ፣ ዓዲ ፣ ናብ ፣ ለባዖ ፣ እንዳበ ፣ ገዛሐረዩዎ ፣ ክ
ሎም ፣ ገሌታት ፣ ዝመረጹዎ ፣ እየን ፣ እናዘራ ፣ ዝቅመጣ ።

በዚ ፡ ምክንያትዚ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ዓዲታት ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ዓዲ ፡ ሕግን ፡ ወግዕን ፡ ዝበሃል ፡ ብፍላይ ፡ የልበን ፡፡

ከመይ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ደብትርና ፡ ዝርከብ ፡ ሕጊ ፡፡ ካብ ፡ ኩሎም ፡ ዓሌታት ፡ መሪጸም ፡ ብአእምሮን ፡ ብፍልጠትን ፡ ተጸዊዖም ፡ እዮም ፡ ዝሕግግዎን ፡ ዝድብትርዎን ፡ እምበር ፡ ብዓል ፡ ዓቢይ ፡ ዓዲ ፡ ይሐግግ ፡ ብዓል ፡ ንእሽቶይ ፡ ይትረፍ ፡ ዝብል ፡ ናይ ፡ አድልዎ ፡ ስርዓት ፡ የልበን ፡፡

ናብ ፡ አውራጃ ፡ ጽልማን ፡ ሰፍሐን ፡፡ ሊባን ፡፡ ናብ ፡ ላዕላይ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋን ፡ ከባሳ ፡ ጭዋን ፡ ዝነብሩ ፡ ህዝቢ ፡፡ ዓሌቶምን ፡ ትውልዶምን ፡ ከምዚስዕብ ፡ እዩ ፡፡

ቅድሚ ፡ ኩሉ ፡ ወለዶአም ፡ አሕዋት ፡ ደቂ ፡ ሳባ ፡ እዮም ፡፡ በብእዋኑ ፡ ካብ ፡ ትግራይን ፡ ዓደምሐራን ፡ እናመጹ ፡ ናብዘን ፡ ዝሰሚናየን ፡ አውራጃታትን ፡ ናብ ፡ ወጻኢ ፡ ካልኦት ፡ ዓድታትን ፡ ተቐመጡ ፡፡

ምንም ፡ እኳ ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ደቂ ፡ ሐደ ፡ ሰብእይ ፡ እንተኰኑ ፡ ወለዶታት ፡ ስለ ፡ ዝበዝሔ ፡ ናብ ፡ ታሕቲ ፡ ከምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ ዓሌታት ፡ ይጽውዑ ፡፡

ሎጎ ፡፡
ጭዋ ፡፡
ዛጓ ፡፡
ተምቤን ፡፡
ላምዛ ፡፡
ሳሐርቲ ፡፡
ደጉዛ ፡፡
ዛወለታይ ፡፡
ጓረታይ ፡፡
ዝርቤን ፡፡
ጋልዓንታይ ፡፡
ደቀተሽም ፡፡
ገብለ ፡፡
ሕራማስ ፡፡

ላጌናይ ።

ሃም ።

ሮቡራ ።

ከልከልታይ ።

ሳቐያቲ ።

ጽጋበ ።

ገረመታይ ።

ደቂ ፣ ዳሺም ። ካልኦትውን ፣ አለዉ ።

እዞም ፣ ዝጸብጸብናዮም ፣ ዓሌታት ፣ ኩሎም ፣ ሐቢሮም ፣ ደቂ ፣ ሐን ቲ ፣ ሕጊን ፣ ስምረትን ፣ ኮይኖም ፣ ብ፲፱፻፶፯ ፣ ዓ ፣ ም ፣ ሕጊ ፣ ጽሒፎም መጸውዒ ፣ ደብተሮም ፤ ሎጎ ፣ ሳጕዋ ፣ ተበሃለ ።

ካብቲ ፣ እዋንቲ ፣ ጀሚሮም ፣ ብእዋን ፣ ሄናት ፣ እናተራዳድኡ ፣ ብእ ዋን ፣ ሐጐስ ፣ እናተዓዳደሙ ፣ ክርስቲያኖምን ፣ እስላምን ፣ ከሳሰ ፣ ሎሚ ፣ ብስጋዊ ፣ ስርዓትን ፣ ሕግን ፣ ይናበሩ ፣ አለዉ ።

ብመንፈሳዊ ፣ ግና ፣ ክርስቲያን ፣ ናብ ፣ ካህኑ ፣ እስላማይ ፣ ናብ ፣ ቃ ዲኡ ፣ ኪኸይድ ፣ ፈቃድ ፣ እንዳበ ፣ እዩ ።

ናይ ፣ ጥንታዊ ፣ ዶብ ፣ ሎጎ ፣ ሳጕዋ ፣ ብምስራቅ ፣ ዓዲ ፣ ራእሲ ፣ ጉ ባይ ፣ ቶራት ፣ እዩ ።

ብምዕራብ ፣ ወገን ፣ ክሳሰ ፣ ምሉእ ፣ ምድሪ ፣ ሊባንኒ ፣ ማየልበን ፣ ም ስ ፣ በንዓምር ፣ ይዳወብ ።

ብሰሜን ፣ ሐበላ ፣ ምስጓግ ፣ እዩ ፣ ዶብ ። ምስደቀ ፣ ተሸም ፣ ዓዲ ፣ ጓዕዳይ ።

ብደቡብ ፣ ምኪዓው ፣ ቆሎ ፣ ምላሽ ፣ እምኒጸሊም ፣ ጽንዕዩ ፣ ምስ ፣ ዓድከሙ ፣ ምልጋእ ፣ ይዳወብ ።

ብመንግስቲ፡ ዓበይ፡ ብሪታንያ፡ ሕጊ፡ ሎጎ፡ ጭዋ፡ ንምሕዳስን፡ ንምሕጋግን፡ ብዝተፈቅደሉ፡ ሙሉእት፡ እንዳበ፡ ብ፲፱፻፵፫፡ ዓ፡ ም፡ ብ፫፡ ሰኔ፡ ናብ፡ ማይ፡ ላሐም፡ ተአኪቦም። ለባማትን፡ ምሁራትን፡ ካብ፡ መኳንንትን፤ ካብ፡ ሽማግለ፡ ዓበይቲ፡ ዓድን፡ ካህናትን።

መረጹ።

እቶም፡ ሐገግቲ፡ እተመርጹ፡ እዚኦም፡ እዮም።

፩ አዝማች፡ ምራጭ፡ ጉድም፡ ምስለኔ፡ ሊበን።
፪ ግራዝማች፡ አብርሃም፡ ወልዱ፡ ሹም፡ እሕዋት፡ ናይ፡ ደብተር።
፫ ግራዝማች፡ ፍስሐ፡ ጓንጉል፡ ሹም፡ እሕዋት፡ ናይ፡ ደብተር።
፬ ፊተውራሪ፡ አባይ፡ ብርሃኔ፡ ጭቃ፡ ዓዲ፡ ፈለስቲ፡ ወኪል፡ ምስለኔ፡ ናይ፡ ሰፍአን።
፭ ብላታ፡ ካሕሳይ፡ ማሉ፡ ጭቃ፡ ደቂ፡ ጽንዓይን፡ ኖታቢለ፡ ናይ፡ ክሚሣርያቶ፡ ሰራየን።
፮ ባሻይ፡ አስፈሃ፡ ካሕሳይ፡ ጭቃ፡ ዓዲ፡ ገዳ።
፯ አቶ፡ ገብረዝጊ፡ ስብሐት፡ ዓዲ፡ ናሀባይ።
፰ ቀሺ፡ ተወልደ፡ መድህን፡ ገረማርያም፡ ዓዲ፡ ሐርበ።
፱ ባሻይ፡ ወልደስላሴ፡ ወልደገብርኤል፡ ዓዲ፡ ሐርበ።
፲ አቶ፡ ነማርያም፡ ጕለም፡ ዓዲ፡ ጕላ።
፲፩ ባሻይ፡ ገረክርስቶስ፡ መብራሁቱ፡ ሰዳጋ፡ ድሕና።
፲፪ ብላታ፡ ስብሃቱ፡ ዘርባቤል፡ እማድር።
፲፫ ቀሺ፡ ሁንቋይ፡ ዓዲ፡ ባሮ።

፲፬ ብላታ ፡ አሙዓሉም ፡ ገረኪዳን ፡ ድባርዋ ።
፲፭ ቀሺ ፡ ምስግና ፡ ክፍለ ፡ ዓደዘበሐንስ ።
፲፮ በሻይ ፡ ተስፋልደት ፡ መሐሪ ፡ እምኒጸሊም ።
፲፯ ብላታ ፡ ማሕሙድ ፡ ሲራጅ ፡ ዓዲ ፡ ዋጠት ።
፲፰ በሻይ ፡ ገብረገርጊሽ ፡ ገብረ ፡ ገዛ ፡ ላምዛ ።
፲፱ ገብርሂት ፡ ተስፋማርያም ፡ ጨዓት ።
፳ ከሊፋ ፡ በይ ፡ ዓረቢ ፡ ሳልም ፡ ድባርዋ ።

ካብ ፡ አውራጃ ፡ ሐማሴን ፡ ሎጎጭዋን ፡ ከበሳ ፡ ጭዋን ።

፩ ክንቲባ ፡ ምሕጹን ፡ ጭቃ ፡ ሰላዕ ፡ ዳዕሮ ።
፪ ብላታ ፡ እሳቱ ፡ ሃብተጼን ፡ ዓዲ ፡ ከፈለት ።
፫ ክንቲባ ፡ ዑቅባገርጊሽ ፡ ስብሐቱ ፡ ሕምብርቲ ።
፬ በሻይ ፡ መንገሻ ፡ ወልዱ ፡ እባርዳእ ።
፭ በሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ገረንድራስ ፡ ክትመውልዕ ።
፮ በሻይ ፡ ገብረአብ ፡ ተወልደመድህን ፡ ሽከቲ ።
፯ ባሕረነጋሲ ፡ ገረሱስ ፡ ተስፋልደት ፡ ሐበላ ።
፰ በሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ድምጹ ፡ ጭቃ ፡ ላጉን ።
፱ ብላታ ፡ ተስፋጼን ፡ ኪዳን ፡ ዛሙል ።
፲ ብላታ ፡ አስገዶም ፡ አውዓሉም ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ከልከልቲ ።
፲፩ ፊተውራሪ ፡ ዑንቃይ ፡ ሃብተ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ገብራይ ።
፲፪ ቀሺ ፡ ዑንቃይ ፡ መንግስቱ ፡ ዓዲ ፡ ገብራይ ።
፲፫ ቀሺ ፡ ክፍለ ፡ ሕምብርቲ ።

፲፬ ተዓደል ፡ ጊላንኪኤል ፡ ዓደበኻኩዩ ።
፲፭ ዓንደማርያም ፡ ግርመ ፡ ክትመውልዕ ።
፲፮ ቀሺ ፡ ክፋለ ፡ ግደ ፡ ሕምብርቲ ።
፲፯ በሻይ ፡ በርሄ ፡ አስፈሃ ፡ ጽላለ ።
፲፰ በረምበራስ ፡ በራኺ ፡ ሽከቲ ።

እዚም ፡ ዝሰሚናዮም ፡ ኩሎም ፡ ብፍቕርን ፡ ብስምምዕን ፡ ፪ ፡ ዓመት ፡
ምሉእ ፡ ጽዒሮምን ፡ ደኺሞምን ፡ ሕጊ ፡ እንዳበአም ፡ ብሰላም ፡ ስለ ፡ ዝ
ጨረሱ ፡ ንእግዚአብሄር ፡ ምስጋና ፡ ነቕርበሉ ፡ አሎና ።

ንክቡር ፡ አዝማች ፡ ተስፋይ ፡ በራኺ ፡ ከአ ፡ ዝኸበረ ፡ ምስጋና ፡ ነቕር
በሎም ፡ አሎና ። ምንም ፡ እኳ ፡ ስራሖም ፡ ሹመኛ ፡ ናብ ፡ መራጉዝ ፡ እንተኮነ
ነቲ ፡ ሕጊ ፡ እንዳበአም ፡ ዝድግፍ ፡ ቃላት ፡ ምስዮም ፡ ናይ ፡ ልቢ ፡ መተ
ዓይይቶም ፡ ክቡር ፡ ብላታ ፡ ከሕሳይ ፡ ማሉ ፡ እናተሰማምዑን ፡ ዝኸበረ ፡ ም
ኽሮም ፡ ብጽሕፈት ፡ እናሰደዱ ፡ ስለ ፡ ዝሐገዙና ፡ ንሕጊ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ
ከብ ፡ ክትብል ፡ ስለ ፡ ዝጸዓሩን ፡ ዝደኸሙን ምስጋናና ፡ ነቕርብ ፡ አሎና ፡

ክቡር ፡ ደጃዝማች ፡ ብርሃነ ፡ ግርማጽዮን ፡ ሕጊ ፡ ክሕተም ፡ ክሉ ፡
ለ ፡ ሐገዞም ፡ ዘቕረቡ ፡ ምስጋና ፡ ነቕርበሎም ፡ አሎና ።

## ምዕራፍ ፬ ናይ ደም ።

ነብሲ ፡ ዝቐተለ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሕኑቕ ፡ ከይኑ ፤ ብኢድ ፡ እቶም ፡ ሐዎም ፡ ዝሞቶም ፤ ተሐኒቑ ፡ ይሙት ። እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ፈትዮም ፡ እንተ ፡ ተዓርቁ ፡ ግና ፡ ጋርኒ ፡ ጓልኒ ፡ ይቀባበሉ ። ጋር ፡ ነብሲ ፡ ሺሕ ፡ ቅርሺ ፡ አባጠራ ፡ እዩ ፤ እንተ ፡ ተሳእነ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ንጉስ ፡ ዝአወጆ ፡ ይኸፋፈሉ ። ንጉስ ፡ ካብ ፡ ጋር ፡ ሲሶ ፡ ኪጠስድ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ንስድራ ፡ መዋቲ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ ኩሉ ።

### ፩ ። አማቕላ ጋር ነብሲ ንስድራ መዋቲ ።

ካብቲ ፡ ናይ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ዝአቱ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ፩ ፡ አፍ ፡ ንደቂ ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ እዩ ። እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ አፍ ፡ ግና ፡ ንአሕዋት ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ማለት ፡ ነቶም ፡ ክፈልቲ ፡ ሕን ፤ እዩ ፡ ዝግባእ ። ጋር ፡ ነብሲ ፡ ኪትአቱ ፡ ጓል ፡ ደማ ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ጓል ፡ እንተላቶ ፡ ጓሉ ፡ ንወዲ ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ትመርዖ ፤ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ጓል ፡ ዘብሉ ፡ እንተኾይኑ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ አዋልድ ፡ እቶም ፡ አሕዋቱ ፡ ወይ ፡ ካብ ፡ አዋልድ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦኡ ፡

ማለት ፡ ካብቶም ፡ ክፈልቲ ፡ ሕነ ፡ ዝኾኑ ፡ እቶም ፡ ቤተ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ መሪጽም ፡ ጓል ፡ ናይ ፡ መንቀጽ ፡ ደም ፡ ይውሰዱ ። ብድሕርዚ ፡ ዋሕስ ፡ ዕርቂ ፡ ናይ ፡ ምሉእ ፡ ማይቤቶም ፡ ወዲ.አም ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ፡ እቶም ፡ ዓራቆን ፡ ይትክሉ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ክአ ፡ ይደብተሩ ፡ ብድሕርዚ ፡ ሕነ ፡ ምፍዳይ ፡ የልበን ።

## ፫ ። መርዓ ንመንቀጽ ደም እትአቱ ጓል ክትምርዖ ክላ ።

እቶም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ናይ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ኰን ፣ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ዝጸንሑ ፡ ናይ ፡ አበ ፡ ጓል ፡ ኰን ፣ ናይ ፡ አጽዋር ፡ ምልክት ፣ ክይሕዙ ፡ ብጽኑዕ ፡ ኵልኵል ፡ እዩ ። ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሎጎ ፡ ጨዋ ፡ እቶም ፡ እንዳወዲ ፡ ካብ ፡ እንዳጓል ፣ እቶም ፡ እንዳጓል ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ዋሕስ ፡ ዘየቃሳቅስ ፡ ብኢድ ፡ ጨቃ ፡ ዓዲ ፡ ይትክሉ ። አይንተክልን ፡ ዋሕስ ፡ ዕርቂ ፡ አሎና ፡ ኢሎም ፡ እንተአበዩ ፣ ወይ ፡ አጽዋር ፡ ናይ ፡ ሰልፊ ፡ ምልክት ፡ እንተ ፡ ተረኺበም ፡ ፰ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸፈሉ ፣ እዚ ፡ ስርዓት ፡ እዚ ፡ ንንዳወዲ ፡ ኰን ፡ ንንዳጓል ፡ ኰን ፡ ትኽክል ፡ ኢዩ ።

ብጋር ፡ ንመንቀጽ ፡ ደም ፡ ዝአተወት ፡ ጓል ፡ ብገዘኰን ፡ ምኽንያት ፡ ሰብአያ ፡ ከይሃርማ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ፣ ስለምንታይ ፡ ናይ ፡ ደም ፡ ምንቅናቅ ፡ ዜርኢ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ሰብአያ ፡ እንተሃረማ ፡ ብገዛሃረማ ፡ ልክዕ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሐሳ ።

## ፬ ። አማሐጻዳር ጋር እተቐበሉ ደቂ መዋቲ ።

ጋር ፡ እተቐበሉ ፡ ደቂ ፡ መዋቲ ፡ ቅድም ፡ ዘይመሰለት ፡ ኻል ፡ እቲ ዝሞተ ፡ እንተላ ፧ እቶም ፡ አሕዋታ ፡ ንመምሰሊኡ ፡ ዝአክል ፡ ካብቲ ጋር፥ አበአ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ የቐምጡላ ፧ እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ግና ፡ እቶም አሕዋታ ፡ ኲም ፡ ብዝሐም ፡ ልክዕ ፡ ይካፈሉ ። ሐደ ፡ ጥራይ ፡ እንተኰን ወዲ ፡ መዋቲ ፡ ድማ ፡ ተረፍ ፡ መምሰል ፡ ሐብቱ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ እታን ፡ ይመሰላ ፡ አሕዋቱ ፧ ብዙሐት ፡ እንተዀና ፡ ዝግብኤን ፡ መምሰሊኤን አትረፉ ፧ ናብ ፡ አደኤን ፡ የቐምጠለን ። እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ን ይኑ ፡ ይውሰዶ ። ዝመሰለት ፡ ኻል ፡ ምስ ፡ አወዳት ፡ አሕዋታ ፡ ጋር ፡ ትምቀል ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ አዋልድ ፡ ጥራይ ፡ እንተኰና ፡ ውላዱ ፡ ማለት ወዲ ፡ ዜብሉ ፡ እንተዀነ ፡ ግና ፡ ካብቲ ፡ ክልተ ፡ ኢድ ፡ ጋር ፡ አበኤን ቅድም ፡ ነታን ፡ ዘይመሰላ ፡ አሕጥተን ፡ ከምብዝሔን ፡ ልክዕ ፡ ንመምሰ ኤን ፡ አትረፈን ፡ እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ኵለን ፡ እተን ፡ አዋልድ ፡ ና ሉላትኒ ፡ ዘይመሰላን ፡ ሐቢረን ፡ ይካፈላ ።

## ፫ ። ቀታሊኡ ዘይፍሉጥ ።

ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ ሰብ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ ቤተሰቡ ፡ ዝጠርጠርዎ ፡ ሰብ ፡ ንሐደ ፡ ይኹን ፡ ወይ ፡ ንብዙሓት ፤ ብዳኛ ፡ ኣሒዚም ፡ የምሕልዎ ። ኣማሓሕላኣም ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ እንዳበ ። እቶም ፡ ቤተሰብ ፡ ናይ ፡ መዋ ቲ ፡ ካብ ፡ እቶም ፡ ዝጠርጠርዎ ፡ ማይቤት ፡ ፯ ፡ ተባዕታይኒ ፡ ፯ ፡ ኣንስተ ይትን ፤ ባዕላቶም ፡ መረጾም ፤ ናብ ፡ ፯ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ናይ ፡ ሎጎ ፡ ጨፊዋ ፡ ማለት ፡ እምኒጸሊም ፡ ዓዲ ፡ ጓዕዳድ ፡ ቶራት ፡ ዝርእሱ ፡ ማየልበ ን ፡ ሐበላን ፡ ዝእግሩ ፡ ናብ ፡ ዝደለዩ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ወሲዶም ፡ የምሕ ልዎም ። ዘይወለደት ፡ ሰበይቲ ፡ ግና ፡ ምስዘን ፡ ፯ ፡ ኣንስቲ ፡ ክትምሕ ል ፡ ኣይግባእን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ ዘይወለደት ፡ ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ሰብኣ ያ ፡ ወይ ፡ ምስ ፡ ኣሕመትሙታ ፡ እንተተቓየመት ፡ ሰባራ ፡ ዘንጊ ፡ ክትን ብሮም ፡ ትክእል ፡ እያሞ ፡ ምንም ፡ እንተተረቁሔት ፡ ብዳኛ ፡ ትክልክል ፡ ኣምሳይእ ፡ ካልእ ፡ ይርቁሑ ።

ከምዚ ፡ ጌሮም ፡ ብግቡእ ፡ ምስ ፡ ኣምሓሉዎም ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ከሰስ ቲ ፡ ዳኘነቶም ፡ ከፈሉዎም ፡ ደም ፡ ዘየሰሚ ፡ ዋሕስ ፡ ዕርቂ ፡ ይትከሉሎም ፡ እቶም ፡ ዋሕሳት ፡ ግና ፡ ፪ ፡ ይኹኑ ፡ ከመይ ፡ ናይ ፡ ደም ፡ ዝከውን ፡ ኩሉ ፡ ብጽንዕ ፡ ኪትሐዝ ፡ ግቡእ ፡ እዩ ፡ እዚኣምውን ፡ ርስተኛታትን ፡ ሃብታማ ትን ፡ ኪኾኑ ፡ ይግባእ ። ብድሕሪዚ ፡ እቲ ፡ ዘቆመ ፡ ዳኛ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ የደብትሮም ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ናይ ፡ ሐደ ፡ ዓዲ ፡ ነብሲ ፡ ሞይቱ ፡ እንተተረኸበ ፡ እሞ ፡

ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ እንተኾይኑ ፡ እቶም ፡ ቤተ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ ነቶም ፡ ዓዲ ፡ ናብ ፡ መሬቶም ፡ ምዉት ፡ እተረኽበም ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ይኸሱዎም ። እቲ ፡ ዳኛ ፡ ካብ ፡ ማይቤት ፡ ሐሐደ ፡ ወዳእቲ ፡ ዘንጊ ፡ አቲሙ ፡ ከምዝከአሉ ፡ ይመርምር ፡ ብቅልጡፍውን ፡ ንንጉስ ፡ ይነግር ። ተመርሚሩ ፡ ቀታሊ ፡ እንተተረኽበ ፡ ቀታሊ ፡ ይሕለፍ ። ቀታሊ ፡ እንተተሳእነ ፡ ግና ፡ ብሸም ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዓዶም ፡ ነብሲ ፡ ዝሞተ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ብነብሲ ፡ ኪተሐዙ ፡ አይግብኦምን ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ መሬት ፡ ዓዲ ፡ ገሬሕ ፡ እዩ ፡ ወይ ፡ ጸላእቲ ፡ ስዒቦም ፡ ይቕተልዎ ፡ ወይ ፡ ከትርቲ ፡ ገንዘብ ፡ ዝደለዩ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ሐገር ፡ መጺኦም ፡ ኪቐትልዎ ፡ ሐደ ፡ አምላኽ ፡ እዩ ፡ ዝፈልጠ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ካብቶም ፡ ዓዲ ፡ ፲ ፡ ሰብኣይ ፡ መሪጾም ፡ የምሕሉዎም ። ምስ ፡ መሐሉ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ዘመሐሐለ ፡ ፱ ፡ ዋሕሳት ፡ ደም ፡ ዘየስሚ ፡ አትኪሉ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ የደብትሮም ።

ናብ ፡ ከብዲ ፡ ዓዲ ፡ ብኢድ ፡ ሰብ ፡ ነብሲ ፡ ሞይቱ ፡ እንተተረኽበ ፡ እሞ ፡ ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ እንተኾይኑ ፡ እቲ ፡ ጨሊቃ ፡ ዓዲ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ሊኢኹ ፡ ንንጉስ ፡ ይነግር ። ነቲ ፡ ዝሞተ ፡ ነብሲውን ፡ ከምታ ፡ ዘለዋ ፡ ኪጸንሕ ፡ ፫ ፡ ሐለውቲ ፡ ይአዝዘላ ። ንጉሥ ፡ ወይ ፡ ሐኪም ፡ ሐደው ፡ ወተሃደሩ ፡ ሰዲዱ ፡ ብኢድ ፡ ሰብ ፡ ከምዝሞተ ፡ ምስ ፡ መስከሩ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ኩሎም ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ይኸፍሉ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ ገባሪ ፡ አሕሊፎም ፡ ይሃቡ ። እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ከአ ፡ ጋር ፡ ተቐቢሎም ፡ ደም ፡ ዘየስሚ ፡ ፱ ፡ ዋሕሳት ፡ ይትክሉ ፡ እቲ ፡ ዘቖመ ፡ ዳኛ ፡ ናብ ፡ መንግሥቲ ፡ የደብተሮም ።

## ፮ ። ኣካፋፋል ወርቂ ናይ ጋር ።

ብጋር ፡ እተዓርቀ ፤ እቶም ፡ ዓራቕ ፡ ሽማግለ ፡ ብዘጃጸርዎ ፡ መዓልቲ ፡ ከምታ ፡ ፈጸሙ ፡ ከየሕለፈ ፡ ኪኸፈል ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ። ስለምንታይ ፡ እቶም ፡ ኣሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ብብዙሕ ፡ ልማኖ ፡ እዮም ፡ ነቲ ፡ ጋር ፡ ሐዎም ፡ ንምቅባል ፡ እሺ ፡ ዚበሉ ፡ እምበር ፡ ሐሳባቶምስ ፡ ሕነ ፡ ሐዎም ፡ ወይ ፡ ሕነ ፡ ኣቦኦም ፡ ኪኸፍሉ ፡ ከምዝነበረ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ዋሕስ ፡ ዓጊቶም ፡ ጋር ፡ ሐዎም ፡ ከምዘየእትወ ፡ ፈሊጥና ፡ እንዳበ ፡ ከምዚ ፡ ንሕግግ ፡ ኣሎና ። ቀታሊ ፡ ብጋር ፡ ምስ ፡ ተዓርቀ ፡ በታ ፡ ቆጸርኡ ፡ እንተ ፡ ዘይከፈለ ፡ እቲ ፡ ዘዕረቀ ፡ ዳኛ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ንንጉሥ ፡ ይንገር ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ድማ ፡ ብሐይሊ ፡ ንጉስ ፡ ገንዘቡ ፡ ከአ ፡ ይተሐረጅ ፡ ዕዳ ፡ ጋር ፡ ከይተኸፍለ ፡ ደም ፡ ኣይድቅስን ፡ እዩሞ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይከፈል ።

## ፯ ። ናይ ድንገት ሞት ቅትለት ።

ቈልዓ ፡ ካብ ፡ ፲፬ ፡ ንታሕቲ ፡ ዝዕድሚኡ ፡ ብድንገት ፡ ደርቢዩ ፡ ወይ ፡ ሃሪሙ ፤ ነብሲ ፡ እንተቐተለ ፡ ጋር ፡ ደአ ፡ ይኸፈል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቕ ፡ ኣይመውት ።

ክምኡውን ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸወታ ፡ ብቓርሳ ፡ ወይ ፡ ጥምቢ ፡ ወይ ፡ ኩዑሶ ፡ ኣኩድር ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ፡ ጸወታውን ፡ እሞ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ዘይነበሮም ፡ ሰባት ፡ ሐዲኦም ፡ ብድንገት ፡ ወቂዖ ፡ እንተቀተለ ፡ ጋር ፡ ደኣ ፡ ይኸፈል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቅ ፡ አይሙት ።

ሰራቒ ፡ ናብ ፡ ቤቱ ፡ ኪሰርቅ ፡ ምስ ፡ ጸንሖ ፡ ብለይቲ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ቤት ፡ ብድንገት ፡ ነቲ ፡ ሰራቒ ፡ ሃሪሙ ፡ እንተቐቶሎ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኸፍል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቕ ፡ ኪሞውት ፡ ኣይግብኣን ፡ እዩ ።  እቲ ፡ ሰራቂ ፡ ንበዓል ፡ ቤት ፡ እንተቐተሎ ፡ ግና ፤ ናይ ፡ ቤት ፡ ዝገሃሰ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸፈል ፡ እተን ፡ ዝወሰደን ፡ ገንዘብ ፡ ወይ ፡ ኣቓሑ ፡ ብኽሰበት ፡ ከፊሉ ፡ ብሕኑቅ ፡ ይሙት ።

ክምኡውን ፡ ዘማዊ ፡ ናብ ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ብለይቲ ፡ ኪዝሙ ፡ ምስተረኸበ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ቤት ፡ ሃሪሙ ፡ ብድንገት ፡ እንተቐተሎ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኸፍል ፡ እምበር ፡ አይተሐነቅ ፤ እቲ ፡ ዘማዊ ፡ ነቲ ፡ በዓልቤት ፡ እንተቐተሎ ፡ ግና ፡ ስርቆ ፡ ዓርብዓ ፡ ማለት ፡ ፰ ፡ ፈ ፡ ከፊሉ ፡ ብሕኑቅ ፡ ይሙት ።  እንተተዓርቁ ፡ ግና ፡ ከምቲ ፡ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ጋር ፤ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ፰ ፡ ፈ ፡ ናይ ፡ ስርቆ ፡ ይኸፈል ።

ነዳቕ ፡ እምኒ ፡ ኪቃበበሉ ፡ ክምኡውን ፡ መቐበልቲ ፡ እምኒ ፡ መሊቑዎም ፡ ነብሲ ፡ እንተቐተሉ ፡ ጋር ፡ ደኣ ፡ ይኸፈሉ ፡ እምበር ፡ ሕኑቕ ፡ ኪሐልፉ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

እም ፡ ዝበትኸ ፡ ሰብ ፡ ምሳር ፡ ነጺሉ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ዝበተኸ ፡ እም ፡ ሰብ ፡ ጸቒጡ ፡ እንተቐተለ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኸፍል ፡ እምበር ፡ ብሕ

ቅ ፡ አይሙት ። ከምኡውን ፡ ዓንደገመል ፡ ከነ ፡ መጥሐን ፡ እተሰብረ፡ ይ ፡ ዝዓበረ ፡ ከብቲ ፤ ወይ ፡ ናብ ፡ ምስራሕ ፡ ቤት ፡ ብድንገት ፡ ጾር ፡ ስ ሩዎም ፡ ነብሲ ፡ እንተሞተ ፡ ብጋር ፡ ይኸፈሉ ፡ እምበር ፡ ብሕኑቅ ፡ አይ ኑቱ ። ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ፡ ናይ ፡ ድንገተሞት ፡ ከምኡ ፡ እዩ ።

## ፫ ። ብንጉሥ ዝደቀሰ ደም ።

ቀታል ፡ ነብሲ ፡ ንጉሥ ፡ አሲሩዎ ፡ ከሎ ፡ ናብ ፡ ማእሰርቲ ፡ እንተ ፡ ተ ፤ ወይ ፡ ከአ ፡ ንጉሥ ፡ ፈሪዱ ፡ እንተረሸኖ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ሕኔ ፡ ድዩሉም ፡ እዩሞ ፡ እቲ ፡ ደም ፡ ድቁስ ፡ እዩ ። መቃን ፡ እቲ ፡ ደም ፡ ዝዩ ፡ ኪጸረ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ቀታል ፡ ነብሲ ፡ መንግሥቲ ፡ ፈሪዱ ፡ ዝርሸ ፡ እንተኸይኑ ፡ ከም ፡ ሥርዓት ፡ እንዳበ ፡ በቃ ፡ ዝርሸነላ ፡ መዓልቲ ፡ ቶም ፡ አዝማድ ፡ ናይ ፡ መዋትን ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓዱምን ፡ ጭቃ ፡ ዓዱ ን ፡ ተጸዊዖም ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ ክርሸን ፡ ይግባእ ፡ ለቲ ፡ ደም ፡ ጨሪሱ ፡ ኪድቅስ ፡ ብድሕሪዚ ፡ ሕነ ፡ ምፍዳይ ፡ የልቦን ፡ ከ ዖይ ፡ እቲ ፡ ሕነ ፡ ብፍትሒ ፡ ንጉሥ ፡ ፈድዮሉም ፡ እዩ ።

ብድሕርዚ ፡ ዘይንጉሥ ፡ ዝቀተሎ ፡ ንሕና ፡ ድማ ፡ በሰልና ፡ ካብቶም ተሰቦ ፡ ዘይንቐትል ፡ ኢሎም ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ ካብቲ ፡ ንጉሥ ፡ ዝረሸኖ ይ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ማእሰርቲ ፡ ዝሞተ ፡ ካብ ፡ ቤተ ፡ ሰቦ ፡ ሕነ ፡ ኢሎም ፡ ንተቀተሉ ። ናብ ፡ ርእሲ ፡ ንጉሥ ፡ አይፈርዶ ፤ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ማይ ዊ ፡ አይአጉዱ ፡ እዮም ፡ ነዚ ፡ ሐሊፉ ፡ ዝተቶለ ። ዕጽሪ ፡ ጋር ፡ ከ ሉ ፡ ብሞት ፡ ይቀጻዕ ።

## ፱ ። ቅትለት ናብ መንጎ ወላድን ውሉድን ውሉዱ ዝቐተለ ።

ሙሉዱ ፡ ዝቐተለ ፡ ወላዲ ፡ ሰብኣይ ፡ ኰነ ፡ ሰበይቲ ፡ ብሥርዓት ፡ መንግሥቲ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮ ። ከምኡውን ፡ ውላድ ፡ ንወላድኡ ዝቐተለ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮ ። እዚ ፡ ማለት ፡ ብጋር ፡ እንተ ፡ ተኻፊሉ ፡ ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውሉድ ፡ እዩ ፡ ዝወርሶ ፡ ገንዘብ ፡ ውሉድ ፡ ከኣ ፡ ወላዲ ፡ እዩ ፡ ዝወርሶ ፡ እሞ ። መንግሥቲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ወላዲን ፡ ውሉድን ፡ ኪፈርድ ፡ ግቡእ ፡ ስልጣን ፡ ኣለዎሞ ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮም ።

## ፲ ። ናይ እበጋሮ ሞተ ቅትለት ።

ኣብ ፡ እምበ ፡ ጋሮ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እቲ ፡ ቅድም ፡ ዝሃረሞ ፡ እዩ ፡ ቀታሊኡ ፡ ምንም ፡ ብድሕሪኡ ፡ እዳጊሞም ፡ ክልኣት ፡ እንተሃረሙዎ ፡ ቀተልቲ ፡ ኣይኰኑን ፡ ዘረይቲ ፡ እዮም ፤ ስለዚ ፡ ናብ ፡ እምበ ፡ ጋሮ ፡ ቅድም ፡ ዝሃረመ ፡ ብሕኑቕ ፡ ይሕለፍ ።

ናብ ፡ እምበ ፡ ጋሮ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እሞ ፡ ቅድም ፡ ዝወቕዖ ፡ እንተ ዘይተፈልጠ ፡ እቶም ፡ ናብ ፡ እምበ ፡ ጋሮ ፡ ዝነበሩ ፡ መበእስቱ ፡ ኩሎም ፡

ሰጭ ፡ አውዲቆም ፡ ሕኑቕ ፡ ይሃብዎም ፤ እንተ ፡ ተዓርቂ ፡ ግና ፡ ብጋር ፡ ይደቅሱ ። እቲ ፡ ጋር ፡ ከአ ፡ ኩሎም ፡ ይኽፈሉዎ ።

ናብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ኰነ ፡ ወይ ፡ ብከልእ ፡ መዓልቲ ፡ ተጻናትዮም ፡ ወይ ፡ ሃስዮም ፡ አበርቲዖም ፡ ወቒዖም ፡ ዝሐደግዎ ፡ እሞ ፡ ምናልባት ፡ ም ስትንፋሱ ፡ ጸኒሑ ፡ እከለ ፡ እዩ ፡ ዝሃረመኒ ፡ ኢሉ ፡ ነጊሩ ፡ እንተ ፡ ሞተ። እቲ ፡ ሃሪሙኒ ፡ ዝበሎ ፡ ሰብ ፡ ብሕኑቕ ፡ ይሕለፍ ። ከመይ ፡ እቲ ፡ ምስ ክር ፡ ናይቲ ፡ ውጹዕ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ሕዮወትኒ ፡ ሞትኒ ፡ ዘሎ ፡ ሰብ ፡ ቅ ውም ፡ ይኹን ።

ብእዋን ፡ ኲናት ፡ ኰነ ፡ ወይ ፡ ንጉሥ ፡ ክርሺና ፡ ዝደለየ ፡ ወይ ፡ ኪ ቐጽዖ ፤ ኪአስሮ ፡ ዝደለዩ ፡ ኩሉ ፤ እቲ ፡ ንጉሥ ፡ ንወተሃደሩ ፡ አዚዙ ፡ እዩ ፡ ዝገብሮ ፡ እሞ ፡ ነዚ ፡ ከምዚ ፡ ዝመሰለ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉሥ ፡ እተአ ዘዘ ፡ ወተሃደር ፡ ቂምኒ ፡ በቕልኒ ፡ ጌሩ ፡ ሕነ ፡ ኪፈዲ ፡ እተረኽበ ፡ ብቕት ለት ፡ እንተኰነ ፡ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ጋር ፡ ነቲ - ዝሞተ ፡ ምስ ፡ ከፈለ ፤ እንደገ ና ፡ ንንጉሥ ፡ ፲፭ ፡ ፈ ፡ ይኽፈል ።

እቲ ፡ ሕነ ፡ ዝኸፍል ፡ ብማህረምቲ ፡ ጥራይ ፡ እንተ ፡ ኰነ ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ እተሃርመ ፡ ወተሃደር ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ሕጊ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ይኽሐሶ ። ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ከአ ፡ ፴ ፡ ፈ ፡ ይሰደ ፤ እዚ ፡ ንወተሃደር ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ንጉሥ ፡ ዝነበሩን ፡ ንተረፈቱን ፡ ኩሉ ፡ ሐደ ፡ እዩ ።

## ፲፩ ። ጽሉል ዝቐተሎ ሰብ ።

ጽሉል ፡ ነብሲ ፡ እንተቀተለ ፡ ይተሓነቕ ፤ እቶም ፡ ቤተሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ እንተ ፡ መሐርዎ ፡ ግና ፤ መታን ፡ ከልአይ ፡ ጊዜ ፡ ነብሲ ፡ ከይቐትል ፡ ብጽኑዕ ፡ ይተአሰር ።

እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ግና ፡ ነቲ ፡ ቀታሊ ፡ ማለት ፡ ነቲ ፡ ጽሉል ፡ ገዲፎም ፡ ነቶም ፡ በደል ፡ ዘብሎም ፡ ቤተሰብ ፡ ናይቲ ፡ ጽሉል ፡ ሕነ ኢሎም ፡ እንተቀተሉ ፤ ሕኑቕኒ ፡ ጋርኒ ፡ ይኸፈሉ ።

## ፲፪ ። ብዛዕባ መሬት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ዘሎ ፡ ርስተኛ ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ጸለማ ፡ ከይኑ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ደሳ ፡ ከይኑ ፡ ዓዲ ፡ አትዩ ፤ ቤት ፡ አጢሱ ፡ ይሕረስ ፡ ዘይአቶን ፡ ዘየጤሰን ፡ ግና ፡ ይከልከል ።

አሳሕባ ፡ መሬት ፡ ካብታ ፡ ዘጸለሙላ ፡ መዓልቲ ፡ ክሳዕ ፡ ፴ ፡ ዓመት ፡ ሐዲኦም ፤ ካብ ፡ መሬተይ ፡ መሬትካ ፡ ይገፍሕ ፡ እሞ ፡ አሳሕባ ፡ ንግበር ፡ እንተበለ ፤ ናብ ፡ መሬት ፡ ርስቲ ፡ ይኹን ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ወርቂ ፡ ናይ ፡ አበታቶም ፡ ይኹን ፡ ኪሰሓሐቡ ፡ ይከአል ፡ እዩ ፡ ብድሕሪ ፡ ዓር

ብዓ ፡ ዓመት ፡ ግና ፡ ኣሳሕበ ፡ የልቦን ፡ በብዝሐለዉ ፡ ይቑሙ ። ስለምንታይ ፡ ብዙሕ ፡ ነገርን ፡ ሀውከትን ፡ ዚልዕል ፡ እዩ ።

ጓል ፤ ወይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ብጸልሚ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ ኣይደየሱ ። ከምኡውን ፤ ብዴሳ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ ኣየጸልሙ ፤ ኣይሸጡ ፡ ኣይለውጡ ። ደቂ ፡ ወዲ ፡ ግና ፤ ክድይሱና ፡ ኬጸልሙን ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ኣቦኦም ፡ ይከኣሉም ፡ እዩ ።

ጓል ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፤ ተፈቲሐ ፡ ወይ ፡ ሰብኣያ ፡ መይቱዋ ፡ እታ ፡ ጓል ወዲ ፡ ብቃንዳ ፡ እንዳ ፡ ኣቦኣ ፡ እንተመጸት ፡ ከምዝግባእ ፡ ምስ ፡ ኣሕዋታ ፡ መሬት ፡ ትርከብ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ኣትያ ፡ ትሕረስ ፡ ትሕፈስ ።

ወዲ ፡ ጓል ፡ ብቀንዱ ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ በይ ፡ እንዳኖይ ፡ ይደልወኒ ፡ እንተበለ ፡ ናብ ፡ እንዳኑኡ ፡ ቤት ፡ ኣጢሉ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጡ ፡ ይሕረስ ፡ ይሕፈስ ።

ቅድሚ ፡ ሉሚ ፡ ማለት ፡ ፲፱፻፴፮ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ናብ ፡ እንዳኑኡ ፡ ወይ ፡ ኣንዳ ፡ ዓበዩ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዓዲ ፡ ኣትዩ ፡ ዝሐርስ ፡ ዝሐፍስ ፡ ዝነበረ ፡ በዝሐዘ ፡ ይቑም ።

ሐው ፡ ዜብላ ፡ ጓል ፡ መሬት ፡ ኣቦኣ ፡ ከም ፡ ወዲ ፡ ልክዕ ፡ ኰይና ፡ ኖልሚ ፡ እንተኰነ ፡ ብጸለማ ፡ ደሳ ፡ እንተኰነ ፡ ብዴሳ ፡ ዓዲ ፡ ኣትያ ፡ ኣቢሳ ፡ ትርከብ ። ግና ፡ ኣይትሸጥ ።

ጓል ፡ ወይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ንሐብታ ፡ ወይ ፡ ብጠለዶ ፡ ንመኻፍልታ ፡ ቅድሚኺ ፡ ኣሒዷ ፡ ኢላ ፡ ኣይትኽልከላ ፡ ከመይ ፡ ጓል ፡ ንጓል ፡ ክትክላከላ ፡ ኣይክኣልን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ዓዲ ፡ ኣትየን ፡ ሰሚ ፡ ኣውዲቀን ፡ ይሕረሳ ፡ ይሕፈሳ ፤ ግና ፡ ኣይሸጣ ፡ ኣይለውጣ ፡ ኣየጸልማ ፡ ስለምንታይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ መሬት ፡ ኣጸሊሙ ፡ ሸይጡ ፡ እንተኸይዱ ፡ እቲ ፡ ርስቲ ፡ ኪበፍእ ፡ እዩ ፡ እንተሸጠ ፡ ኣይርጋእ ።

## ፲፫ ። መሬት ፡ እንዳዓባየይ ዝብል ሰብ ።

መሬት ፡ እንዳ ፡ ዓባዩይ ፡ ክረክብ ፡ ዝብል ፡ ሰብ ፡ በዚሒሑ ፡ ገለ ፡ ሰበት ፡ ክሳዕ ፡ ፯ይ ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባዩም ፡ ገሊኦም ፡ ክአ ፡ ክሳዕ ፡ ፲ይ ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባዩም ፡ ብኻል ፡ ጸብጺቦም ፤ ክብዚ ፡ ዓዲዚ ፡ ነቒላ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እከለ ፤ ካብኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እከለ ፡ እናበሉ ፡ ናብ ፡ ብዙሕ ፡ ዓዲታት ፡ አሕጅም ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ወዲ ፡ ብዙሕ ፡ ሽጋርን ፡ ጸበባንን ።ክምገዝኮን ፡ ርኢና ፡ ክምዚ ፡ ነቅወም ፡ አሎና ።

ብገዝኮን ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባየይ ፡ ኢሉ ፡ መሬት ፡ ዝኸሰሰ ፡ ሰብ ፤ እታ ፡ ዓባዩ ፡ ብሃጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ግብርኻን ፡ ድግርኻን ፤ ኢሎም ፡ ምስ ፡ አጠጁ ፤ እታ ፡ ዓባዩ ፡ ምስቶም ፡ አጠዳት ፡ አሕዋታ ፡ ሐቢራ ፡ ንመሬት ፡ አቦአ ፡ ግብሪ ፡ ዮሃንስ ፡ ክምዝኸፈለት ፤ እንተረትዔ ፡ ክሳዕ ፡ ፬ይ ፡ ወለዶአ ፡ ይሕረስ ፤ ክብ ፡ ፭ይ ፡ ወለዶ ፡ ግና ፡ ወለዶኡ ፡ ደአ ፡ ይአመኑ ፡ አምበር ፡ መሬት ፡ የልብሉን ፡ ክልኩል ፡ እዩ ።

እቲ ፡ እንዳ ፡ ዓባየይ ፡ ዝብል ፡ ሰብ ፡ ግብረ ፡ ዮሃንስ ፡ ዓባዩ ፡ ክምዝኸፈለት ፡ መርትዖ ፡ ዝሰአነ ፡ ግን ፡ ካብታ ፡ መሬት ፡ ይክልከል ። ነቶም ደቂ ፡ ወዲ ፡ ትኹን ።

ሐደ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ጸሎም ፡ መሬት ፡ እሞ ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ዓዲ ፡ እንተኮነ ፤ መሬት ፡ አቦኡ ፡ ካብቶም ፡ ሐደ ፡ ገዛ ፡ ጸሎም ፡ ክምአውን ፡ መሬት ፡ አዲኡ ፡ ካብቶም ፡ ካላአይ ፡ ገዛ ፡ ጸሎም ፡ እንተኮነ ፡ እቶን ፡ ዝግብ

አ ፡ መሬት ፡ ጽልሙ ፡ ይርከብ ፡ ከምታ ፡ አማቅላኡ ፡ ድማ ፡ ይተአዘዘለን ፡ ይኰድረለን ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ኰነ ፡ ጥርቂ ፡ ዓዲ ፡ ኩነ ፡ ይኸፈለለን ፡ ጢሳኡ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ይኸውን ።

ሐደ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ እንዳ ፡ አበኡን ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ እንዳ ፡ አዲኡን ፡ ካብ ፡ ክልቲአም ፡ መሬት ፡ ወሲዱ ፡ እናሐረሰ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ እንዳበኡን ፤ እንዳኑኡን ፡ ብመሬት ፡ እንተተባእሱ ። እንተ ፡ ክአለ ፡ ይዕረቆም ፤ እንተ ፡ ዘይክአለ ፡ አፉ ፡ አኪቡ ፡ ስቅ ፡ ይበል ፡ ናብ ፡ መንጎአም ፡ አይእቶ ፡ አየዕልል ፡ አየውሪ ፡ ከመይ ፡ እቲ ፡ ወረን ፡ ዕላልን ፡ ብድሕሪ ፡ ነዊሕ ፡ መዓልቲ ፡ ምስክር ፡ ይታ ፡ ኰይኑ ፡ እዩ ፡ ዝርከብ ። ነዚ ፡ ሐሊፉ ፡ ምስ ፡ እንዳበኡ ፡ ኰይኑ ፡ ነቶም ፡ እንዳኑኡ ፡ መሬትኩም ፡ አይኰነን ፡ ኢሉ ፡ እንተመጕቶም ፡ ወይ ፡ ክአ ፡ ነቶም ፡ እንዳበኡ ፤ ምስ ፡ እንዳኑኡ ፡ ከምኡ ፡ እንተመጕቶም ። ነታ ፡ ዝበልዓላ ፡ መሬት ፡ ፈትዩ ፡ ኪሕዱዋ ፡ እዩሞ ፡ ንውሉድ ፡ ወለዶኡ ፡ ይልቀቃ ፡ ካብታ ፡ ዝኸሐዳ ፡ መሬት ፡ ክፍሊ ፡ የልብሉን ። እቲ ፡ ንሱ ፡ ዘውረዮ ፡ ወረ ፡ ድማ ፡ ምናልባት ፡ ካብኡ ፡ ሰማዔ ፡ ዝብል ፡ ምስክር ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ።

ናብ ፡ ጽሉም ፡ መሬት ፡ አትክልቲ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ መሬት ፡ ከም ፡ ድላዩ ፡ ኪተክል ፡ ይኽእል ፡ እዩ ። መሬት ፡ ዱሳ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ ተተኺሉ ፡ ዘሎ ፡ አታኽልቲ ፡ ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ኪለቂቅ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። አትክልቲ ፡ ማለት ፡ ከም ፡ ትርንጕ ፡ ለሚን ፡ ወይኒ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልአውን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ብዝገመትዋ ፡ ነታ ፡ ግራት ፡ አትክልቲ ፡ ክንዲ ፡ መምበር ፡ ጓል ፡ መምበር ፡ ወይ ፡ ቀጠጠ ፡ ትኹን ፡ ብዝበልዋ ፡ ካብ ፡ ኢድ ፡ ዋና ፡ አታኽልቲ ፡ አይትልቀቅ ።

ካብ ሕጂ ፡ ንዳሐር ፡ ከምኡ ፡ ዝመሰለ ፡ አትክልቲ ፡ ኪተክል ፡ ዝደለ ፡ ሰብ ፡ አቀዲሙ ፡ ካብ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ መናበርቲ ፡ መሬት ፡ ፍቃድ ፡ ይ

ለምን ፡ እንተፈቀዱሉ ፡ ይትከል ፡ እንተኸልእዎ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ሓለቓ ፡ ዓድን ፡ ምስለኔን ፡ እታ ፡ በታ ፡ ርእዮም ፡ ነታኸልቲ ፡ ትኹንኒ ፡ አይትኹንኒ ፡ ይበልዋ ።

ደረት ፡ ግራት ፡ ናብ ፡ ጕልጕል ፡ ፩ ፡ እመት ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ ጐበ ፡ እንተኾነ ፡ ግን ፡ ፫ ፡ እመት ፡ ይኹን ፡ ስለ ፡ ውሕጅ ፡ ከየፍርስ ፡ ናይ ፡ ገደና ፡ ፩ ፡ እመት ፡ ነዚዩ ፡ ግን ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ተረጊጹ ፡ ከብ ፡ ፪ ፡ መዳርቲ ፡ ይውጻእ ።

## ፲፱ ። መሬት ዴሳ ።

መሬት ፡ ዴሳ ፡ ብኢድ ፡ ፮ ፡ ሽማግለ ፡ እዩ ፡ ዚዋፈር ። እቶም ፡ ፫ተ ላሰለምት ሽማግለ ፤ ዝግበእን ፤ ዘይግብእን ፡ ፈልዮም ፡ ነቶም ፡ ፫ተ ፡ ቃሮ ፡ ዝህቡ ፡ እዮም ። ይግባኒ ፡ ኢሉ ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ዝሙጉት ፡ እንተተረኽበውን ፡ ዝገጥሙዎ ፡ ንሳቶም ፡ እዮም ። እዚኣም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ገላጮ ፡ ይበሀሉ ።

እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ታሕተዎት ፡ ከአ ፡ መሬት ፡ ገባር ፡ ኩሉ ፡ ብዋን ፡ ዋሬዳ ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ ከሚሮም ፡ ረጕድን ፡ ረቂቅን ፡ መዚኖም ብድልድል ፡ ሰሪዑ ፡ አጡዳቶም ፡ ነቲ ፡ ይግብአ ፡ እተባህለ ፡ ገባር ፡ ዝወቅሉ ፡ እዮም ። ከምኡውን ፡ ናይ ፡ ዝሞተ ፡ ገባር ፡ ወይ ፡ ዝለቶቀ ፡ ገባር ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ መሊሶም ፡ ንዝግብአ ፡ ገባር ፡ ዝህቡ ፡ እዮም ፡ እዚኦም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓቓሮ ፡ መሬት ፡ ይበሀሉ ።

ነዚ.እም ፡ ግና ፡ ከኩብ ፡ ማይቢት ፡ ለባማት ፡ መሪጹ ፡ ዳኛ ፡ እዩ ፡ ገ፡ ረቅሑም ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ቤት ፡ አጢሉ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዝአቶ ፡ ይከፈል ፡ ዘየጠሰን ፡ ዘይአቶን ፡ ግና ፡ ይከልከል ። ስለዚ ፡ መሬት ፡ ተመቀሉ ፡ ናብ ፡ ክልእ ፡ ዓዲ ፡ እንተ ፡ ተቀመጠ ፡ እታ ፡ መሬት ፡ እተመቅላ ፡ ናብ ፡ ፫ ፡ ዓቃሮ ፡ ትተሓዝ ፣ ንሳቶም ፣ ንዳኛ ፡ ነጊሮም ፡ ንዝግብአ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እትዩ ፡ ዘሎ ፡ ገባር ፡ ይሃብዎ ። ንሱ ፡ ንዳሕራይ ፡ ዋሬዳ ፡ ይጸበ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ መታን ነቶም እሙናት ገባር ኪታልሎም፣ ቤት ንእስቶይ ፡ ሰሪሑ ፣ ናብአውን ፡ ቱሩብ ፡ መዓልቲ ፡ ደቂሹ ፡ አትዩ ፡ ኢሉ ፡ ዝመቀሎ ፡ መሬት ፡ ግቡእ ፡ ምእታው ፡ ኪበሃል ፡ አይከአልን ፡ እዩ ፣ ግቡእ ፡ ምእታው ፡ ከምቶም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጦም ፡ ዘለዉ ፡ ገባር ፡ ጋሻ ፡ ብርሃንኺ ፡ ጋሻ ፡ ጸልማትኺ ፡ ምቅባል ፣ እዚ ፡ ንጉሥኺ ፡ እዚ ፡ ዓድን ፡ ምፍጻም ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ አትየ ፡ ኢሉ ፡ መሬት ፡ እተመቅለ ፡ ሰብ እታ ፡ ሰበይቱ ፡ ካብታ ፡ ዝአተወላ ፡ መዓልቲ ፡ ኩብ ፡ ዓዲ ፡ አይትልቀቅ፣ ካብ እ ፡ ብዘይ ፡ ፍቃድ ፡ ዳኛ ፡ ወይ ፡ ብዘይ ፡ ፍቃድ – እቶም ፡ ቀረብ ፡ አይት ኪድ ፡ ድንገታ ፡ ንዳኛ ፡ ነጊራ ፡ ሕራይ ፡ ኪዱ ፡ እንተብላ ፡ ዳኛ ፡ ትኺድ ፡ ነቢአ ፡ ሐሊፉ ፡ ብዘይ ፡ ፍቃድ ፡ ዝኸደ ፡ ፴ ፡ መዓልቲ ፡ ክይተመልሰት ፡ እንድሕሪ ፡ ናብ ፡ ክልእ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጣ ፡ ነተን ፡ እተመቅለን ፡ ግራሁ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓቃሮ ፡ ከም ፡ ሐደጋ ፡ ገባር ፡ መጠን ፡ ንዳኛ ፡ ነጊሮም ፡ ንግቡእ ፡ ገባራይ ፡ ይሃቡዎ ። እቲ ፡ ዋንኤን ፡ ዝነበረ ፡ ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ዋሬዳ ፡ ይጸበ ። ክመይ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ሐደ ፡ ገባራይ ፡ ካብ ፡ ፱ ፡ ዓዲ ፡ ፱ ፡ መገበር ፡ ኪሕዝ ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ሰብአይ ፣ ሰበይቱን ፡ ደቁን ፡ ጥሪቱን ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ሐዲጉ ፣ ኪነግድ ፡ ወይ ፡ ኪሸቅል ፡ ወይ ፡ ክአ ፡ ከቡቶ ፡ ሳዕሪ ፡ ኪብ

ልዕ ፡ ናብ ፡ ርሑቕ ፡ መገሻ ፡ እንተኸደ ፡ ሓንቲስ ፡ ሰበይቱ ፡ ደኣ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ኣይትልቀቕ ፡ እምበር ፡ መገበሩ ፡ ማለት ፡ መሬቱ ፡ ይርከብ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ክኸውን ፡ ጽልሚ ፡ ኩን ፡ ወተሃደር ፡ ንጉሥ ፡ ምስ ፡ ሰበይቱ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ ዘቀመጠ ፡ ዓዲ ፡ ተቐሚጡ ፡ መሬቱ ፡ ይሕረስ ። ከመይ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝነብር ፡ እምበር ፡ ብፍቓዱ ፡ ኣይኮነን ።

መሬት ፡ ዴሳ ፡ ኪዋረድ ፡ ክሉ ፡ ካብ ፡ ፲፮ ፡ ነሐሴ ፡ ክሳዕ ፡ ፳፩ ፡ ነሐሴ ፡ ማለት ፡ ብዓላት ፡ ማርያ ፡ ከየሐለፈ ፡ ኪጭረስ ፡ ይግብእ ። ከመይ ፡ እቲ ፡ መሬት ፡ እዋን ፡ ክራማት ፡ ከይሐለፈ ፡ ቃድራ ፡ ዝኾነ ፡ ኩሉ ፡ ኪጽጋእ ። እተዘርኤ ፡ ግራት ፡ ግና ፡ ክሳዕ ፡ ዝጋፍያኡ ፡ ዝሳጸ ፡ ማለት ፡ እቲ ፡ ፍርያቱ ፡ ተዓጺዱ ፡ ቅሚጡኡ ፡ እቲ ፡ ዝዘርአ ፡ ክሳዕ ፡ ዘልዕሉ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ እቲ ፡ ዝዘርኤ ፡ ቀዳማይ ፡ ገባራይ ፡ እዩ ፡ ዝጸንሕ ፡ ቅሚጠ ፡ ምስ ፡ ተላዕለ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዕጭ ፡ ዝበጽሖ ፡ እዩ ፡ ዝሐርሳ ። ቃድራ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ ግና ፡ ክብታ ፡ ዕጭ ፡ ዝበጽሖ ፡ መዓልቲ ፡ እቲ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ገባር ፡ እዩ ፡ ዝሐርሳ ። እቲ ፡ ቀዳማይ ፡ ኢደይ ፡ ኪብል ፡ ኣይክእሉን ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ላዕለዎት ፡ ሽማግለ ፡ ፈረዮም ፡ ዝኸልከልዎ ፡ ሰብ ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ንሽማግለ ፡ ከይተዋርዎ ፡ ኢሉ ፡ ኪግዝዝ ፡ ኣይክእልን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ ንሶም ፡ ኣሸሐት ፡ ገባር ፡ ካብ ፡ መጡሰብ ፡ ማሕረሰም ፡ ብግዚ ፡ ኪዓግቶም ፡ ኣይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ነቲ ፡ ዝገዝዝ ፡ ሰብኒ ፡ ንሶም ፡ ፫ ፡ ፈረዮ ፡ ሽማግለን ፡ ዋሕሳት ፡ ኣትኪሉ ። ግዚ ፡ ኣሰልስል ፡ ይበሎ ፡ እንተ ፡ እበዩ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ፫ ፡ ደናብ ፡ ቀጺዑ ፡ ነቲ ፡ ግዚ ፡ ባዕሉ ፡ የሰልስሎ ፡ መታን ፡ እቲ ፡ ምሬት ፡ ከይበኽን ፡ ብድሕሪ ፡ ጥራሕ ፡ ነገርም ፡ ሰሚዑ ፡ ዝግባእ ፡ እንተኾነ ። እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ካብ ፡ መንጎ ፡ ወይ ፡ ሐደጋ ፡ ገባር ፡ ወይ

መሐለውታ ፡ ዘቀመጡዎ ፡ ይርእዩሉ ። ዘይግብአ ፡ እንተኾነ ፡ ቅጽዓቱ ፡ ከረሉ ፡ ይልቀቆም ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ርበሁ ፡ ዝወጸ ፡ ውላድ ፡ ማለት ፡ ወዲ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዝቅመጥ ፡ ርስተኛ ፡ መገበሪ ፡ ኪምቀል ፡ ይግብአ ፡ እዩ ። ቤት ፡ ዘየጤስከ ፡ ክብልዎ ፡ አይክአልን ፡ እዩ ።

ወዲ ፡ ወጻኢ ፡ ግና ፡ ውሉድ ፡ እዩ ፡ ኢሉ ፡ እንተመጸ ፡ እሞ ፡ ዝግብአ ፡ እንተኾነ ፡ ቅድም ፤ ክጥይስ ፡ ይግብአ ፡ ብድሕሪኡ ፡ ግና ፡ መገበር ፡ ሃቡኒ ፡ ይበል ።

ሰብእያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ መገበር ፡ ሰብእያ ፡ ኣሕጃ ፡ ደቃ ፤ ተሰቢ ፡ ናብ ፡ ከልእ ፡ እንተ ፡ ደመርዓወት ፡ ግና ፡ ትልቀቅ ፡ እቶም ፡ ቈልዑ ፡ ምስ ፡ ሐመበኦም ፡ ወይ ፡ ምስ ፡ ዓቢ ፡ ሐዎም ፡ ወይተዓሲበም ፡ ናብታ ፡ እንዳበኦም ፡ ተቀሚጠም ፡ እታ ፡ መገበር ፡ ኣቦኦም ፡ ይርከቡ ። ኣዲኦም ፡ እተመርዓወቶ ፡ እሞ ፡ ናብ ፡ ዓዳ ፡ ምስአ ፡ እንተኸዱ ፡ ግና ፡ ዜብሎም ።

ዘኸታማት ፡ ቈላው ፡ ኣቦኣምኒ ፡ ኣደኣምኒ ፡ ዝሞቱዎም ፤ መሰበይኦም ፡ መገበር ፡ ይርከቡ ። ዘይተመርዓኹዎም ፡ ሐዳር ፡ ዘይወጻእኩም ፡ ኢሎም ፡ አይክልክልዎም ፡ ከመይ ፡ ከ ይዓበዩ ፡ ዝምርዖ ፡ ሰብ ፡ የልቦን ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ዓዲ ፡ ፪ተ ፡ ወይ ፡ ፫ተ ፡ ማይቤት ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ መሬቶም ፡ ብጉንዱ ፡ ጽሉም ፤ ናብ ፡ ገገዛኦም ፡ ግና ፡ ብዴሳ ፡ ዝሐርሱ ፡ እንተኾኑ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ ሐደ ፡ ማይቤት ፤ ካብቶም ፡ ክልአይ ፡ ወይ ፡ ካብቶም ፡ ሳልሳይ ፡ ጓል ፡ ወሲዶም ፤ ካብ ፡ መሬት ፡ ኣቦኦም ፡ ፩ ፡ ሰጮ ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ ሰበይቶም ፡ ክአ ፡ ፩ ፡ ሰጮ ፡ ኪወስዱ ፡ አይክአልን ፤ እዩ ፡ ከመይ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ንሰበይቲ ፡ ፡ እቲ ፡ ዝአተወቶ ፡ ሰብ ኣይ ፡ እዩ ፡ ቀላቢኣን ፡ ከዳኒኣን ፡ እምበር ፡ ንመሬት ፡ እንዳቦኣ ፡ ገዝሚ ፡ ክትወስዶ ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ። እሞ ፡ ብመሬት ፡ ሰብእያ ፡ ትናበር ።

ናይ ፡ ዝሞተ ፡ ገባር ፡ እሞ ፡ ቈላዑ ፡ ዚብሉ ፡ እንተኾኑ ፡ ብድሕሪ ፡ ሞቱ ፡ ፩ ፡ ፍረ ፡ ንሐገዝ ፡ እክለመሰሊኡ ፡ እቶም ፡ ቀረብ ፡ ይገዝርኦም ፡ ን ዘድልዮም ፡ ጉዳይ ፡ ይግበሩዎ ። ብድሕሪኡ ፡ ናብ ፡ ፫ ዓቃሮ ፡ ይተሐዝ ።

ሐደጋ ፡ ገባር ፡ ዘሎ ፡ መሬት ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ ፫ ፡ ዓቃሮ ፡ መና በርቲ ፡ ይተሐዝ ፡ ንሳቶም ፡ ከአ ፡ ክሳዕ ፡ ዓመታት ፡ ዋሬዳ ፡ ዝእክል ፡ ን ቲ ፡ ዝግብኦ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ዋሬዳ ፡ ዝመጸ ፡ ገባራይ ፡ ይሃብዎ ።

ዋሬዳ ፡ መሬት ፡ ብ፳ ፡ ዓመት ፡ ይኸውን ፤ ስለቲ ፡ መሬት ፡ ኪዲኳዕ ፡ ኪዛለን ። ምንም ፡ ሐደስቲ ፡ ገባር ፡ እንተለዉ ፡ እቶም ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ዓቃ ሮ ፡ ርእዮም ፡ የናብርዎም ፡ እምበር ፡ ቅድሚ ፡ ፳ ፡ ዓመት ፡ ዋሬዳ ፡ ነቲ ፡ ኢተዳኸዉኒን ፡ እተዛለን ፡ ክይግበር ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ። ብድሕሪ ፡ ፳ ፡ ዓ መት ፡ ግና ፡ ግቡእ ፡ ዋሬዳ ፡ ይገበር ፡ ስለምንታይ ፡ እቲ ፡ ጸዕረኛ ፡ ዝደ ኸመሉ ፤ እቲ ፡ ሀኩይ ፡ ኪበልዖ ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ቅድሚ ፡ ዋሬዳ ፡ ዝጸግኤ ፤ እሞ ፡ ብድሕሪ ፡ ም ጽጋኡ ፡ ዋሬዳ ፡ እንተገበሩ ። እቲ ፡ በዓል ፡ ጽግኢ ፡ እምሰይኢ ፡ ሂቡ ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ፡ ፍረ ፡ ይብለዓላ ፤ እታ ፡ እምሰያ ፡ እትወሃብ ፡ ግና ፡ ብኢድ ፡ እ ቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዚማቀሉ ፡ ይቀበበሉ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ንመትከል ፡ ካሊብቶስ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ርእዩ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ጊሩ ፡ ይሃቡዎ ፡ ናብኡ ፡ ብሐንሳእ ፡ ሐጺሮም ፡ ተኸሪቡ ም ፡ ይትክሉ ፡ ከመይ ፡ ናብዚ ፡ ዓለም ፡ እትነብረሉ ፡ አባይቲ ፡ ግድን ፡ ዚድሊ ፡ እዩም ።

ናብ ፡ መንጎ ፡ ግራሁ ፡ ናይ ፡ ዴሳ ፡ እቲ ፡ ጽላል ፡ ካሊብቶስ ፡ ንዘራእ ቲ ፡ ኢዝዩ ፡ ዝጉድእ ፡ እዩሞ ፡ ናብ ፡ ደረት ፡ ግራት ፡ ኩን ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ ግራት ፡ ናይ ፡ ዴሳ ፡ ኩን ፡ ክይትክል ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ። ነዚ እ ፡ ሐሊፉ ፡ ዝተኸለ ፡ ፴ ፡ ሬርጊ ፡ ከፊሉ ፡ ነታ ፡ ተኸሊ ፡ ይልቀቃ ።

ቅድሚ ፡ ሉሚ ፡ ተተኺሉ ፡ ዝጸንሐ ፡ እሞ ፡ እታ ፡ እተተኽለታ ፡ መሬት ፡ ብዋሬኛ ፡ ናብ ፡ ካልእ ፡ እንተ ፡ በጽሔት ፡ እቲ ፡ ዝበጽሖ ፡ ሰብ ይሕረሳ ። እቶን ፡ እተተከላ ፡ ካሊብቶስ ፡ ግና ፡ ነቲ ፡ ዝተኸለን ፡ ይኹና ፡ እተን ፡ ካብሊቶስ ፡ እግማል ፡ ንምኂን ፡ በሲለን ፡ እንተኾና ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ርእዮም ፡ እቲ ፡ ዝተኸለ ፡ ብቅልጡፉ ፡ ይቑረጾን ። ውልዶ ፡ ዘይበሰላ ፡ እንተኾና ፡ ግና ፡ ክሳዕ ፡ ዝበስላ ፡ ይጽንሐ ። ምስ ፡ በሰላ ፡ ግና ፡ ቆረጹ ፡ እቲ ፡ ዝተኸለ ፡ ይውሰደን ።

## ፲፭ ። ግ ብ ረ   መ ሬ ት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎጎ ፡ ሤዋ ፡ ግራሁ ፡ እናሐረሰ ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ዘይከፍል ፡ ርስተኛ ፡ ወይ ፡ በለመሬት ፡ ኪብል ፡ አይከእሎን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ከይከፈለ ፡ ፵ ፡ ዓመት ፡ ዝአክል ፡ እንድሕሪ ፡ ሐሊፈን ፡ ብድሕሪ ፡ ፵ ፡ ዓመት ፡ ናብቲ ፡ ግብረ ፡ ንጉሥ ፡ ዝኸፈለላ ፡ ብዘድሊ ፡ ኩሉ ፡ ዚእዘዛላ ፡ ርስተኛአ ፡ ትኹን ፡ ሰብ ፡ ሐራ ፡ እዩ ፡ መሬት ፡ ግና ፡ ገባር ፡ እዩ ።

ሹመኛ ፡ መሬት ፡ ገባራይ ፡ አይሰድ ፡ ዝግብአ ፡ ዳኝነቱ ፡ ወይ ፡ ደናብ ፡ ዝቀጽዖ ፡ ወይ ፡ ናይ ፡ ውርሲ ፡ ካልእውን ፡ ንሰኡ ፡ ዝመስል ፡ እንተሎ ፡ ብገንዘብ ፡ ደእ ፡ ቀሕስ ፡ ዓጊቱ ፡ የእትዎ ፡ እምበር ፡ ግራሁ ፡ ተሸሊጉ ፡ አይሰድ ፡ ከምኡውን ፡ ናይ ፡ ሰለጢን ፡ ኢሉ ፡ አይሰድ ፡ ከመይ ፡ ንዳሕራይ ፡ እዋን ፡ እቲ ፡ ሹመኛ ፡ ዝወሰዶ ፡ መሬት ፡ ንምምላሱ ፡ ብዙሕ ፡ ጻገም ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ናብ ፡ መጋን ፡ ሎጎ ፡ ሤዋ ፡ ብዩከ ፡ ሐደ ፡ ንጉሥ ፡

ክልእ ፡ ሰለጢን ፡ የልቦን ፤ እሞ ፡ እቲ ፡ ብዓመጽ ፡ ዝኸደ ፡ መሬት ፡ ብትሓኒ ፡ ይመለስ ።

ገባራይ ፡ ንሹመኛ ፡ ብልማዱ ፡ ንቱሩብ ፡ እዋን ፡ ኪሓርስ ፡ ግራት ፡ ንት ፡ ሃቦ ፤ ክሳዕ ፡ እቲ ፡ ዋናኡ ፡ ልቀቕለይ ፡ ዝብሎ ፡ ይሓርስ ፡ ይሕፈስ እቲ ፡ ዋናኡ ፡ ኪደልዩ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ አይዓንቀፎ ፡ ናብ ፡ ዝደለዮ ፡ ልቀቕሉ ። እቲ ፡ ልቀቕለይ ፡ ዝብል ፡ ገባራይ ፡ ክእ ፡ ቅድሚ ፡ ግንቦት ኪዛረብ ፡ ይግብኦ ። ግንቦት ፡ ምስ ፡ አቶ ፡ ልቀቕ ፡ እንተበሎ ፡ አይግኦን ፡ እዩ ፤ ናብ ፡ ቀረም ፡ ዓተር ፡ ወይ ፡ ቀረም ፡ ሰበረውን ፡ አይግብኦን እዩ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ እቲ ፡ ብዓል ፡ ትሕጃ ፡ ትኸረም ፤ ብድሕሪ ፡ ፍርያት ይልቀቕሉ ።

ክምኡውን ፡ ጽግኢ ፡ ምስ ፡ ጸግአ ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ፡ ፍረ ፡ ክምስራዕ ፡ አናብ ፡ ክይበልዓ ፡ ኪልቅቆ ፡ አይክእሎን ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ዝጸግኤ ፡ ፫ ፡ ፍረ ይብለዓሉ ። እዚ ፡ ሥርዓት ፡ እዚ ፡ ንሹመኛን ፡ ንገባርን ፡ ትኽክል ፡ እዩ

ልሳን ፡ ማንካ ፡ ንሓለቓ ፡ መሬት ፡ እየ ፡ እትግባእ ፤ ስለዚ ፡ ብገዝኡን ምኽንያት ፡ እተሓርዱ ፤ ክብቲ ፡ ማለት ፡ ላምኒ ፡ ብዕራይኒ ። ክምኡውን ፡ ብድንገት ፡ ጸዲፎም ፡ ወይ ፡ ተሰቢሮም ፡ ወይ ፡ ሐሚሞም ፡ ዝሞቱ ኩሉ ። ልሳን ፡ ማንካ ፡ ነቲ ፡ ሹመኛ ፡ ሓለቓ ፡ መሬት ፡ ይሃብዎ ። ገዘራዮ ፡ ፲ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሕስ ፤ ልሳን ፡ ማንካ ፡ ማለት ፡ ልሳንኒ ፡ ደቢትኒ ፡ ዮሞ ፡ ክምኡ ፡ ኪሀብዎ ፡ ይግባእ ።

## ፲፰። ኣ ና ባ ባ ር ቤ ት ።

ከባቢ ፡ ዓዲ ፡ ኩሉ ፡ ናይ ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ደሴ ፡ ኹነ ናብ ፡ መሬት ፡ ጽልሚ ፡ ኮነ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ እምበ ፡ ኮለለ ፡ ይቀረጽ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ከአ ፡ ቤት ፡ ንዚግብአ ፡ ቤት ፡ የምስሉዎ ፤ መገሃጫ ፡ ንግባእ ፡ ከአ ፡ መገሃጫ ፡ ንምሉእ ፡ ዓዲ ፡ ይኹን ።

ከባቢ ፡ ዓዲ ፡ እየርግጽን ፡ ኢሉ ፡ ዝሽልክለ ፡ ፫ ፡ ፈ ፡ ዓድዩ ፡ እታ ቦታ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ትረገጽ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቅጽዓቱ ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ናብ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝአቱ ።

ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ እተረግጸ ፡ ኩሉ ፡ ከባቢ ፡ ዓዲ ፡ ኮነ ፡ ዶብ ፡ መሬት ፡ ኮነ ፡ መንገዲ ፡ ኮነ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ኪልእውን ፡ ብድሕሪ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ኬፍርስ ፡ እተረኸበ ፡ ፫ ፡ ፈ ፡ ዓድዩ ፡ መሬት ፡ ናብ ፡ ሽማግለ ፡ ዝገበርዋ ፡ ትመለስ ።

ጉድጓድ ፡ ናብ ፡ ከባቢ ፡ ዓዲ ፡ ዝኮዓተ ፤ ማለት ፡ ቤት ፡ ኪሰርሕ ፡ መደብደብ ፡ ሀድሞ ፤ ወይ ፡ ንባዕጢ ፡ መንደቅ ፤ ወይ ፡ እምኒ ፡ ኪፍንቅል ፡ ንኸምኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፤ ዝኰዓተ ፡ ሰብ ፡ መታን ፡ ብጸልማት ፡ ሰብኒ ፡ ማልኒ ፡ ከይጉድእ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይድፈኖ ። ከይደፈኖ ፡ ክሉ ፡ ሰብ ፡ ወይ ፡ ከብቲ ፡ እንተጐድኤ ፡ ናይ ፡ ሰብ ፡ ከምጉድኣቱ ፡ ልክዕ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ሕጊ ፡ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ይኸፈል ። ናይ ፡ ከብቲ ፡ ከአ ፡ ከምቲ ፡ ብዛዕባ ፡ ከብቲ ፡ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ሕጊ ፡ ይኸፈል ።

ኣማስለሐ ፡ ቤት ፡ ጉኑ ፡ ፲፫ ፡ እመት ፡ ይኹን ፡ ናይ ፡ መንደቕ ፡ ገንዘ

እመትኒ ፡ ሰድ፡ርን ፡ ይኹን ። ቑመቱ ፡ ግና ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ውሽጠ ፡ ክሳ ዕ ፡ ደምበ ፡ እቶም ፡ ፫ሽ ፡ መማሳሕቲ ፡ በታኡ ፡ ርእዮም ፡ ይለክዕዎ ።

ቤት ፡ ምስ ፡ ቤት ፡ እናለገበ ፡ ፯ ፡ ቤት ፡ ይሰራሕ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ፮ተ ፡ አባይቲ ፡ ግና ፡ ፲፪ ፡ እመት ፡ ንመንገዲ ፡ ይትረፍ ፡ ነዚእ ፡ ሐሊፎም ፡ እ ቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ እንተምስሒ ፡ ፴ ፡ ፈ ፡ ዓድዮም ፡ ሽምግልነቶም ፡ ይ ልቀቑ ፡ ከመይ ፡ ምንብባር ፡ ዘይክእል ፡ ንዓዲ ፡ ከመርሕ ፡ አይክአሉን ፡ እዩ ፡ እታ ፡ ዘምስሐዋ ፡ ሽባዓይቲ ፡ ቤትውን ፡ ከይትስራሕ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ይኸልክላ ፡ ከመይ ፡ ንመንገዲ ፡ እያ ፡ እትግበእ ።

ቤት ፡ ዝሰርሕ ፡ ሰብ ፡ ብሽማግለ ፡ ዓዲ ፡ እዩ ፡ ዝምሳሕ ፡ እምበር ፡ ብ ኢዱ ፡ መሬት ፡ ዓዲ ፡ ኪሰርሕ ፡ አይክአሉን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ብዘይ ፡ ሽ ማግለ ፡ ዓዲ ፡ ብኢዱ ፡ መሬት ፡ ዝወሰደ ፡ ፳ፈ ፡ ዓድዩ ፡ ነታ ፡ ዝወሰዳ ፡ ይልቀቃ ። እንደገና ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ይመሳሕ ፡ ዝግብአ ፡ እንተኾነ ።

ቅድሚ ፡ ክሊ ፡ ዓዲ ፡ ካብታ ፡ ጽልምቲ ፡ መሬቱ ፡ ንብጫይ ፡ እንካ ፡ ቤት ፡ ሰሪሕካያ ፡ ጽናሕ ፡ እሞ ፡ ክትለቅቕ ፡ ኢኻ ፡ ኢሉ ፡ አውሚሊሉ ፡ እንተነበረ ፡ እሞ ፡ ብድሕርዚ ፡ እቲ ፡ ከባቢ ፡ ዓዲ ፡ ነባይቲ ፡ እንተተረግ ጸ ። ኬልቅቆ ፡ አይክአሉን ፡ እዩ ፡ በታ ፡ ዝሃበ ፡ ሰሪሑ ፡ ይቁም ። ከ መይ ፡ ነቲ ፡ ቐዳማይ ፡ ውዑል ፡ እቲ ፡ ክቢ ፡ ዓዲ ፡ ዴሳ ፡ ምስራሕ ፡ አፍ ሪሱዎ ፡ እዩ ።

ክልተ ፡ ጐረበት ፡ ብሐንሳእ ፡ እንተተመስሑ ፡ እቲ ፡ እተመስሑዎ ፡ አባይቲ ፡ ተሰማሚዖም ፡ ብሐደ ፡ ጐኒ ፡ መንደቕ ፡ እቲ ፡ ሐደ ፡ ጐረበት ፡ እቲ ፡ ካልአይ ፡ ከአ ፡ በቲ ፡ ሐደ ፡ ጐኒ ፡ ናይ ፡ መንጎአም ፡ ይንደቑ ። ሐዲ ኦም ፡ ቤት ፡ ተመሲሑ ፡ ምስራሕ ፡ እንተ ፡ አበየ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ኪሰርሕ ፡

ዝደሊ ፣ ነቲ ፣ ዝአበየ ፣ ሰብ ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ዳኛን ፣ ፫ ፣ ግቡኣት ፣ ምስክ
ርኺ ፣ ይጠይቅ ፤ ምኽንያት ፣ ጌሩ ፣ እንተአበዩ ፤ እቲ ፣ ድላይ ፣ ዘለዎ ፣ ነታ
ናይ ፣ መንጎአም ፣ ዘላ ፣ መንደቕ ፣ ይንደቓ ፣ መታን ፣ ቤቱ ፣ ከይፈርስ ፣ ከ
መይ ፣ ቤት ፣ ብነጻላ ፣ መንደቕ ፣ ኪቐውም ፣ አይከአልን ፣ እዩሞ ። ዳሕ
ራይ ፣ መዓልቲ ፣ እቲ ፣ ጐረቤት ፣ እተመስሐ ፣ ናብታ ፣ መንደቕ ፣ ተጸግ
ዑ ፣ ኪሰርሕ ፣ እንተመጸ ፤ እቲ ፣ ቅድም ፣ ዝነደቐ ፣ ናይ ፣ መንደቕ ፣ ጐኒ
ዘጥፍአ ፣ ምሒሉ ፣ ብዝነገረ ፤ ካዕበተን ፣ ከፊሉ ፣ ነታ ፣ መንደቕ ፣ ይጸጋ
ዕ ። ንገዜን ፣ ከይከፈሉ ፣ ኪሰርሕ ፣ አይከአሉን ፣ እዩ ።

ሐደ ፣ ሰብ ፣ ቤት ፣ ሰሪሑ ፣ እንተጸንሐ ፣ እሞ ፣ ብድሕሪ ፣ ነዊሕ ፣ ጊ
ዜ ፣ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ምስኡ ፣ አልጊቦም ፣ ንክልእ ፣ ሰብ ፣ እንተ ፣ አምስሒም
ናይ ፣ እታ ፣ ነፀላ ፣ መንደቅ ፣ ብ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ናይ ፣ እምኑን ፣ እንጌራ ፣ ማ
ዩን ፣ ሽኒኖም ፣ ይኽፈሉ ። ካዕበት ፣ ግና ፣ አይግብኦን ፣ እዩ ፤ እተን ፣ እ
ተሸነና ፣ ቀንዲ ፣ ከፊሉ ፣ ይስራሕ ።

ክልተ ፣ ጐረቤት ፣ ናይ ፣ ሐዲአም ፣ ቤት ፣ ነዊሕ ፣ ናይ ፣ ሐዲኦም ፣
ከአ ፣ ሐጺር ፣ እንተኾነ ፤ በቢመኽለሉም ፣ መማዮም ፣ ይኽልክሉ ። እ
ቲ ፣ በዓል ፣ ነዊሕ ፣ ሀድሞ ፣ ነቲ ፣ በዓል ፣ ሐጺር ፣ ሀድሞ ፣ ማይ ፣ ኬፍስ
ሰሉ ፣ አይግባእን ፣ እዩ ።

ብ፫ ፣ ሽማግለ ፣ በዱ ፣ ንቤት ፣ እተመስሐ ፣ ሰብ ፣ ክሳዕ ፣ ፪ ፣ ዓመት ፣
ተቓላጢፉ ፣ ይስረሐያ ፤ ብድሕሪ ፣ ፪ ፣ ዓመት ፣ ከይሰርሐ ፣ እንተጸንሔ ፣
ግና ፤ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ንዝሰርሕ ፣ ካልእ ፣ ሰብ ፣ የምስሕዋ ። ከመይ ፣ ነቲ ፣
መሬት ፣ ዓዲ ፣ ንዘይሰርሑዎ ፤ ተመሲሖም ፣ ትሕዃ ፣ ኪቐምጡዎ ፣ አይግ
ባእን ፣ እዩ ።

ሽማግለ ፣ መማሳሕቲ ፣ ቤት ፤ ክሳዕ ፣ ፪ ፣ ዓመት ፣ የማስሑ ፤ ብድሕ

ሬ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፡ ግና ፡ ክልኢት ፡ ይለወጡ ። ዓዲ ፡ ፈትዮም ፡ ይጽንሑ ፡ እምበር ፡ እንተበሉዎም ፡ ግና ፡ ከም ፡ ፈቓድ ፡ ዓዲ ፡ ይኹን ።

ማእከላይ ፡ ዓሌት ፡ ካብ ፡ ርስተኛ ፡ ለሚኑ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ እንተ ፡ ነበረ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ርስተኛ ፡ ኪድ ፡ እንተበሎ ፡ አጽዋሩ ፡ አሕጁ ፡ ይልቀቅ ። በሰሉ ፡ ፈትዩ ፡ ናብ ፡ ካልእ ፡ እንተኸደ ፡ ግና ፡ አጽዋር ፡ ንርስተኛ ገዲፉሉ ፡ ይኺድ ። ነታ ፡ ቤት ፡ አይበትና ።

ናብ ፡ ማእከል ፡ ዓዲ ፡ ዝቕመጥ ፡ ርስተኛ ፡ ግና ፡ ክብቲ ፡ ሐደ ፡ ገዛ ፡ ወይ ፡ ማይቤት ፡ ዑና ፡ አልዩዎ ፡ እንተ ፡ ገዓዘ አጽዋሩ አሕጁ ይጕዓዝ ፡ ኪከልክል ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ እንዳኑኡ ፡ ለቚቑ ፡ ናብ ፡ እንዳቦኡ ፡ ኪእቱ ፡ እንተ ፡ ደለዩ ፡ አጽዋሩ ፡ በቲኑ ፡ ይሰድ ። ኪሸጦ ፡ ዝደሊ ፡ እንተ ኰነ ፡ ግና ፡ ናብቶም ፡ ቀርብ ፡ አከታቱ ፡ ይሽጦ ። ዋጋ ፡ እንተ ፡ ዘይተጋጠሙ ፡ ብ፫ ፡ ሰማግለ ፡ ይሽንን ።

ምስ ፡ ሃብታም ፡ ተጸጊዑ ፡ ዝነበረ ፡ ግዙእ ! ወይ ፡ ምስ ፡ ጐይታ ፡ ተኸቲሉ ፡ ዝነበረ ፡ ጊላ ፡ ካብታ ፡ ዓዲ ፡ ወለዶ ፡ ዘብሉ ። እሞ ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ ደሳ ፡ ቤት ፡ ተመሲሑ ፡ ሰሪሑ ፡ እንተ ፡ ነበረ ፡ ምናልባሽ ፡ ንዓዱ ፡ እንተኸደ ፡ እተን ፡ አጽዋር ፡ ንጐይታኡ ፡ ይኹና ። እታ ፡ ቦታ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ትመለስ ።

## ፲፭። ዋ ር ሳ ቤ ት ።

ቤት ፡ አቦኡ ፡ ኪወርስ ፡ ዝግብኦ ፡ እቲ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ቀዳመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ እዩ ። ማለት ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ጽዒራን ፡ ደኺማን ነታ ፡ ቤት ፡ ቅድም ፡ ዝሰርሐታ ፡ እቲ ፡ ዝነኣሰ ፡ ወዳ ፡ ይውረስ ። ከመይ ፡ እታ ፡ ዝጸዓረት ፡ ኣዲኡም ፡ ኣወዳት ፡ ገዲፋ ፡ እንተሞተት ፡ ወይ ፡ እንተ ፡ ተፈትሔት ፤ ደቂ ፡ ዳሕረወይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ኣዴኦም ፡ ናብ ፡ ስራሕ ፡ ቤት ፡ ኣትያ ፡ እንደገና ፡ ከአ ፡ ደቃ ፡ ኪወርሱዎ ፡ አይግባእን ፡ እዩሞ ። ስለዚ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ ኣዴኡ ፡ ዝሰርሔት ፡ ይውረስ ።

እቲ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ ወዲ ፡ ቀዳመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቤት ፡ ተመሲሑ ፡ አቦኡ ፡ ከይሞተ ፡ ሰሪሑ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ክልተ ፡ ቤት ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ዓዲ ፡ ኪሕዝ ፡ አይክኣሉን ፡ እዩሞ ። እታ ፡ ቤት ፡ አቦኦም ፤ ነቲ ፡ ሕሳስ ልደ ፡ ወዲ ፡ ዳሕረወይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ትኾን ።

ክልተ ፡ ኣወዳት ፡ እሞ ፡ ኣቦኦም ፡ ሐደ ፤ ኣዴታቶም ፡ ግና ፡ በበይኑ ፡ እንተ ፡ ኰና ። እሞ ፡ ሐዲኦም ፡ ቤቱ ፡ ምስ ፡ ሰርሔ ፡ ዝወርሰ ፡ ውላድ ፡ ከይወለደ ፡ እንተ ፡ ሞተ ። እታ ፡ ርስቲ ፡ ቤት ፡ ነቦኡ ፡ ትኸውን ፡ እተን ፡ አጽዋር ፡ ናይ ፡ ቤቱ ፡ ግና ፡ እታ ፡ ኣዴኡን ፤ ኣቦኡን ፡ ክልቲኦም ይከፈሉዎ ፡ ብ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ሸኒዎም ። ዘይተሰርሔ ፡ አጽዋር ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ዕጭ ፡ ኣውዲቆም ፡ ይማቐሉዎ ።

ዝአረገ ፡ ወላዲ ፡ ቤቱ ፡ እንተፈረሰ ፡ ወይ ፡ ዓንዩ ገመል ፡ እንተ ፡ ተሰብረ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ በቤቶም ፡ ዝሰርሑ ፡ እንተኾኑ ፡ እዮም ፡ ደቁ ፡ ክ

ሎም ፡ የዓርዮሉ ። እንተ ፡ አበዮዎ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ፡ ሳምዕኒ ፡ ገ
ሩ ፡ ይንገሮም ፡ ገሊኦም ፡ ምስ ፡ አበዩ ፡ እቲ ፡ ሕራይ ፡ ኢሉ ፡ ቤት ፡ አ
ኡ ፡ ዘዓረዩ ፡ ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ ኣቦኡ ፡ ንሱ ፡ ይውረሳ ። እቶም ፡ ዝአበዩ
ግና ፡ ኪወርስዋ ፡ አይግብአምን ፡ እዩ ።

አሕዋት ፡ ዘሎዋ ፡ ጓል ፡ ቤት ፡ አቦአ ፡ ክትወርስ ፡ አይከአላን ፡ እዩ
ንወዲ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ ግና ፡ እታ ፡ ጓል ፡ ሐሚማ ፡ ተደንጊታ ፡ እንተ
መጸት ፡ ናብ ፡ ወገፊ ፡ አቦኣ ፡ ትገድግድ ፡ ክሳዕ ፡ ዘላ ።

አሕዋት ፡ ዘይብላ ፡ ጓል ፡ ግና ፡ ቤት ፡ አቦአ ፡ ርስቲ ፡ አቦአ ፡ ክሎ ፡ ወ
ርቂ ፡ አቦኣ ፡ ክም ፡ ወዲ ፡ ኰይና ፡ ትውረስ ፡ ከመይ ፡ እታ ፡ ጓሉ ፡ ክላ
ደቂ ፡ ሐው ፡ ወይ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦኡ ፡ ኪወርሱ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

ወላዲ ፡ ብመሬት ፡ ዝአከል ፡ ንሐደ ፡ ወዲ ፡ ፈትዩ ፡ ኪሀቦ ፡ ነቲ ፡ ገ
ጸልአ ፡ ወዱ ፡ ግና ፡ ኪኸልአ ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ ነቲ ፡ ርስቲ
ካብ ፡ አቦኡን ፡ ካብ ፡ አቦሐጎኡን ፡ ካብ ፡ ጥንቲ ፡ ወላዲ ፡ እናሞተ ፣ ውለ
ድ ፡ ክኣ ፡ እናወረሰ ፡ ዝጸንሔ ፡ ርስቲ ፡ እዩ ፡ እምበር ፡ አሕጅዎ ፡ አይተ
ወልደን ፡ ስለዚ ፡ ወላዲ ፡ ፈትየዮ ፡ ኢሉ ፡ ብሰበዋ ፡ ርስቲ ፡ ኪተከል ፡ ን
ዝጸልአ ፡ ውላዱ ፡ ክአ ፡ ርስቲ ፡ ኪነቅል ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ናብ
መሬት ፡ እተላበዎ ፡ ኵሉ ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ።

ካልእ ፡ ገንዘቡ ፡ ላሙ ፡ ብዕራዩ ፡ ዘሎ ፡ ጥሪቱ ፡ ኵሉ ፡ ግና ፡ ንዝፈ
ተወ ፡ ይሃብ ፡ ንዝጸልኤ ፡ ይኸላእ ።

## ፲፰ ። ዑናታት ናብ ማእከል ዓዲ ።

እቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳሞት ፡ ጸበብቲ ፡ ዑና ፡ አቦታትና ፡ ዝነብሩሉ ፡ ዝነበሩ ፡ ብዙሕ ፡ ዓሚቕኒ ፡ ጸቢብኒ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፤ ነዚ ፡ ወዲ ፡ እዚእዋንዚ ፡ ዜሐጉሰን ፡ ዚሰማመዖን ፡ አይኰነን ፡ እሞ ፡ ነቲ ፡ ጽቡቅ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዕድሚ ፡ ምሉእ ፡ ኪነብረሉ ፡ ዚትምኒ ፡ ሰብ ፤ ናይ ፡ አቦታትካ ፡ ፀቢብ ፡ ዑና ፡ አሎካ ፡ ናብኡ ፡ ስራሕ ፡ ኢልካ ፡ ምጪካን ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ንእሽቶ ፡ ዑና ፡ ዘላቶ ፡ እሞ ፡ እታ ፡ ዑናኡ ፡ ከም ፡ ሥርዓት ፡ ቤት ፡ ዘይተአከል ፡ እንተኰነት ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ይሰፈርዋ ፤ ፲፫ ፡ እመት እንተ ፡ ዘይአኸለት ። እቲ ፡ ዋና ፡ ነታ ፡ ዑናኡ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ሽማግለን ፡ ተፈጺሙ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ የውድቃ ፡ ብድሕርዚ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ግቡእ ፡ ቤት ፡ ይመሰሕ ።

ከምኡውን ፡ ካብቲ ፡ ማእከል ፡ ዓዲ ፡ ዘሎ ዑናታት ንመንገዲ ፡ ቤት ክርስቲያን ፡ ወይ ፡ ንመንገዲ ፡ ዓዲ ፡ ዜጽብብ ፡ ዜዒንቅፍ ፡ እንተሎ ፡ በቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ አምሰያ ፡ ግቡእ ፡ ቤት ፡ ነቶም ፡ ዋናታት ፡ ዑና ፡ እሃብም ፡ ንመንገዲ ፡ ይግበሩዎ ። ከመይ ፡ ብዘይጠቅሞ ፡ ዑናታት ፡ ናይ ፡ አቦእ ፡ ኢልካ ፡ ዓዲ ፡ ምብልሻው ፡ ጽቡቅ ፡ አይኰነን ።

እተን ፡ ናእሽቱ ፡ ዑናታት ፡ ዋናታተን ፡ ተፈጺምዎም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዘውደቀወን ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ይፈረርቦም ፡ ንዝደለዩ ፡ የምስሑወን ።

ቤት ፡ ክራይ ፡ ዘክረየ ፡ ሰብ ፡ ኵሉ ፡ ከም ፡ ውሁሉ ፡ ይኸፈል ፤ እቲ

ቀና ፡ ቤት ፡ ልቐቕለይ ፡ ብዝበሉ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ መድለይ ፡ ቤት ፡ ንቲ በዓል ፡ ክራይ ፡ ፴ ፡ መዓልቲ ፡ ቆጺራ ፡ ይሃቦ ። በታ ፡ ፴ ፡ መዓልቲ ፡ ብዘይ ፡ ዘረባ ፡ ይልቀቕ ። ነዚኣ ፡ ዘፍረሰ ፡ ከም ፡ ፈጽሚ ፡ ዘፍረሰ ፡ ይዕደ ዓድዩ ፡ ዝግብኦ ፡ ክራይ ፡ ክፈሉ ። ይልቀቑሉ ። ከምኡውን ፡ መሬት ፡ እተኻረየ ፡ ዋና ፡ ናብ ፡ ዝደለዮ ፡ ይልቀቑሉ ።

ቤት ፡ ፈሊጡ ፡ ዘንደደ ፡ ጀ፩ ፡ ፈርጊ ፡ ኪሒሱ ፡ ንተን ፡ ናብታ ፡ ቤት ፡ ዝነደደ ፡ አጽዋር ፡ ኲን ፡ ገንዘብ ፡ እኽሊ ፡ ዋና ፡ ብዝመሐለ ፡ ይኽፈሎ ። ቅልጽሙ ፡ ከኣ ፡ ከምሥርዓት ፡ ንጉሥ ፡ ንማእሰርቲ ፡ ይሕለፍ ።

## ፲፱ ። ግራት ፈረቓ ።

ብዕራይን ፡ ጉልበትን ፡ ዘለዎ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ብዓል ፡ ግራት ፡ አፍቂዱ ንፈረቓ ፡ ይሕረስ ። ነገር ፡ ግን ፡ ክወዓዓሉ ፡ ከሎዉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ፫ ፡ ምስክር ፡ ይዂኑን ፡ ከመይ ፡ ንዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ምናልባሽ ፡ እንተ ፡ ተኸሓሒዱ ፡ እዮም ፡ ፫ ግቡእት ምስክር ይእኽሉ እዮም ከመይ ግራት ፡ ፈረቓ ፡ እዩምበር ፡ ርስቲ ፡ አይኰነን ።

ዋና ፡ ግራት ፡ ንዝአመና ፡ ሰብ ፡ ግራት ፡ ፈረቓ ፡ ይሃብ ። እነ ፡ ቀረብ ፡ እዩ ፡ ኢሉ ፡ ኪሰንቅር ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ እቲ ፡ ቀረብ ፡ አጸቢቑ ፡ ንዘይሐርሰ ፡ ዘይከናኸና ፡ ንቲ ፡ በዓል ፡ ግራት ኪጥምዮ ፡ ግቡእ ፡ አይኰነን ፡ ስለዚ ፡ ብዓል ፡ ግራት ፡ ንዝአምኖ ፡ ይሃብ ። ብጀካ ፡ ንግልየን ።

በዓል ፡ ግራት ፤ ግራቱ ፡ ቆጥቂጡ ፡ እዩ ፡ ንሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ዘ.ሀ
በ ፤ ከምኡውን ፡ ናብ ፡ ዓዓመት ፡ ቆጥቃጥ ፡ ዜድሊ ፡ እንተ ፡ ኮነ ፡ ብዓል
ግራት ፡ እዩ ፡ ዝቁጥቁጠ ፡ ዘርኢ ፡ ጸህያይ ፡ ዓጺድ ፡ መኬዳ ፡ ዓውዲ ፡ ጠ
ለቃ ፡ ዜድሊ ፡ ዕዮ ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ ክልቲኦም ፡ እዩ ። አባዕር ፡ መኼድ
ግና ፡ ካብ ፡ ብዓል ፡ ብዕራይ ፡ እዩ ፡ ዝግበእ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ጽግኢ ፡ ጸጊኡ ፡ ዝሐዘ ፡ ግራት ፡ አካፋፋል ፡ እ
ኸሊ ፡ ከም ፡ ውዑሎም ፡ ይካፈሉ ። ሐሰር ፡ ግና ፡ ኩሉ ፡ ንበዓል ፡ ብዕ
ራይ ፡ ይኹን ።

ብዓል ፡ ግራት ፡ ናብ ፡ ቀሪም ፡ ዓተር ፡ ናብ ፡ ቀሪም ፡ ሰበረ ፡ ናብ ፡ ቀ
ሪም ፡ መሸላ ፡ ጽግኢ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ማሐብር ፡ ክሳዕ ፡ ጻጉሜን ፡ ብአይ
ሚ ፡ እተዘርኤ ፡ ኩሉ ፡ ንሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ይኹን ፡ ብልማኖ ፡ ዝሃበ
ይኹን ፡ ኬልቅቀ ፡ አይከአሉን ፡ እዩ ። በሰለአ ፡ ንሐደ ፡ ዓመት ፡ ይብልዓ
ላ ፡ እቲ ፡ ዝጸዓረ ፡ ሐረስታይ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ዝሐርሳ ፡ ዝነበረ ፡ ግራት ፡ ኪገድፋ ፡ እንተደለየ
ከምታ ፡ እተቐበላ ፡ ጌሩ ፡ ንዋና ፡ ግራት ፡ ይሃበ ፡ ማለት ፡ ቀሪም ፡ ጣፍ
ወይ ፡ ቀሪም ፡ ክልእ ፡ እኽሊ ፡ እንተ ፡ ተቐቢሉዋ ፡ ከምአ ፡ ጌሩ ፡ ንዋና
ግራት ፡ ይግደፈሉ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ነታ ፡ ዝሐርሳ ፡ ዝነበረ ፡ ግራት ፡ ኪገድፋ ፡ እን
ተደለ ፡ ናብቲ ፡ ዓውዳ ፡ ንዋናኣ ፡ ይንገር ፤ እተን ፡ ናይ ፡ ሸዑ ፡ ዘበን ፡ ሐ
ሰር ፡ ክኣ ፡ ንመሕረስ ፡ ግራት ፡ ኪኾኖ ፡ ናብታ ፡ ዓውዲ ፡ ፈፈረቕኦም
ይማቐሉ ፤ ከይነገሮ ፡ እጽቂጡ ፡ ነተን ፡ ሐሰር ፡ ንበይኑ ፡ ወሲዱ ፡ ዳሕረ
ይ ፡ መዓልቲ ፡ ግራትካ ፡ ገዲፈልካ ፡ እንተበሎ ፡ ነተን ፡ ሐሰር ፡ ብምሉአ
ተን ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ይሃብ ፡ ብ[illegible] ፡ ሸማግለ ፡ ጎረቤት ፡ እታ ፡ ግራት ፡ ዳ

ኛ ፣ ይርቁሐሎም ፣ እቶም ፣ ሽማግለ ፡ በተን ፣ ዝአተዋ ፣ ጽዕነት ፣ እኽሊ ፣ ኪፈልጡዎ ፣ ይኽእሉ ፣ እዮም ። ከመይ ፣ ፩ ፣ ጽዕነት ፣ እኽሊ ፣ ዝአተ ዎ ፣ ፩ ፣ ጽዕነት ፣ ሐሰር ፣ ከምዝረኽቦ ፣ ርግጽ ፣ እዩ ።

ብዓል ፣ ግራትውን ፣ ግራቱ ፣ ኪእክብ ፣ እንተደለ ፣ ናብታ ፣ ዓውዲ ፣ እኽሎም ፣ ምስ ፣ መቐሉ ፣ ይንገሮ ። ዘይአምኖ ፣ እንተ ፣ኰነ ፣ ከኣ ፣ እን ደገና ፣ ናብ ፣ ዓዲ ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ፫ ፣ ምስክር ፣ ግራተይ ፣ ልቀቐለይ ፣ ይበሎ ።

ሐረስታይ ፣ ፈረቓ ፣ ኰነ ፤ ብዓል ፣ ግራት ፣ ኰነ ፣ ግንበት ፣ ምስ ፣ አ ቶ ፣ ኬልቅቕኒ ፣ ኪለቅቕኒ ፣ አይከአልን ፣ እዩ ፣ እሞ ፣ ከምታ ፣ ትሕጂአም ይኽረሙ ።

ሐረስታይ ፣ ፈረቓ ፣ ናይ ፣ ብዙሐት ፣ሰባት ፣ ንፍርቂ ፣ ዝሐርሰ ፣ ግ ራሁ ፣ እንተሐዘ ፤ ከየዳለወ ፣ ንኹሎም ፣ ብታርታ ፣ ይሕረሰሎም ። ስለምን ታይ ፣ አጥቢቑ ፣ ናይ ፣ ሐደ ፣ ጥራይ ፣ እንተሐረሰ ፣ እዋን ፣ አዝመራ ፣ ተ ማሐላፊ ፣ እዩሞ ፣ እቶም ፣ ሰብ ፣ ግራት ፣ ከይጉድኡ ፣ ብታራ ፣ ንኹሎም ይሕረሰሎም ። ነዚኣ ፣ ሐሊፉ ፣ አጥቢቑ ፣ ናይ ፣ ሐደ ፣ ሐረሹ ፤ ናይቲ ፣ ሐ ደ ፣ እንተ ፣ አዳለወ ፣ ፮ ፣ ፈርጊ ፣ ይኽሐስ ፣ ንበዓል ፣ ግራት ።

ሐረስታይ ፣ ፈረቓ ፣ ግራት ፣ ፍርቂ ፣ ተቐቢሉ ፣ እንተ ፣ አቓደራ ፣ ማ ለት ፣ ከይዘርኣ ፣ እንተኸረመ ፣ ንቀውዒ ፤ ከምታ ፣ ጎረቤታ ፣ ዝአተወታ ፣ ብ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ሸኒኖም ፣ ፈረቓ ፣ እተን ፣ እተሸነና ፣ እኽሊ ፣ ንበዓል ፣ ግ ራት ፣ ይሃብ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ እኽሊ ፣ ከእቱ ፣ እንተደለየ ፣ ነቲ ፣ በዓል ፣ ግራ ት ፣ በዛ ፣ መዓልቲ ፡ እዚኣ ፣ እኽልና ፡ ነእቱ ፣ ይበሎ ፤ እንተአበዮ ፣ ንሬሲ

ታ ፡ ዓዲ ፡ ነጊሩ ፡ የእቱዎ ፡ ዝግብእ ፡ ውዕለቱውን ፡ ካብ ፡ መንጎእም እቲ፡ እኽሊ ፡ ክይተመቅለ ፡ የልዕል ፡ ብድሕርኡ ፡ ይካፈሉ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ናብታ ፡ ኪሐርሰላ ፡ ዝወዓለ ፡ ቦታ ፡ ሕዛእቲ ፡ እንተኾነት ፡ ፫ ፡ ብዕራይ ፡ የብልዕ ። ራብዓይ ፡ እንተወሰኸ ፡ ግና ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ንቶም ፡ ሰብ ፡ ሕዛእቲ ፡ ናይ ፡ ሳዕሮም ፡ ይከሕሶም ። እቲ ፡ ሐላ ው ፡ ሕዛእቲ ፡ ወይ ፡ እቶም ፡ ዋናታት ፡ ሕዛእቲ ፡ ንቶም ፡ ኪሐርሱ ፡ ዝወ ዓሉ ፡ ፫ ፡ ብዕራይ ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ይኹኑ ፡ ናይ ፡ ጕደቦ ፡ ይኹኑ ፡ ምብላዕ፡ ሳዕሪ ፡ እንተኸልከልዎም ፡ ክአ ፡ ፫ ፡ ፈ ፡ ንብዓል ፡ አባውር ፡ ይኸሕሱዎ ።

አባውር ፡ መኼዳ ፡ ናብ ፡ ሕዛእቲ ፡ እንተኼዱ ፡ ናብታ ፡ ዝወዓሉዋ ፡ ቦታ ፡ ሳዕሪ ፡ ይብልዑ ፡ አይከልክሉ ፡ ንባውር ፡ መኼዳ ። ዝኸልክለ ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሕስ ፡ ንዋና ፡ አባውር ። ዋና ፡ አባዑር ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሕዛእ ቲ ፡ ኪኼይድ ፡ ክሎ ፡ ጥሪቱ ፡ እንተከይኖም ፡ ዘሎዎ ፡ አባዑሩ ፡ በዝሑ፡ ወሐዱ ፡ የውፍር ፡ ክመይ ፡ ብእዋን ፡ ቀውዒ ፡ ገሊኦም ፡ ናብ ፡ መኼዳ ፡ ኺዶም ፡ ዝተረፉ ፡ ክአ ፡ በይኖም ፡ ጓሳ ፡ ኪሽግሮ ፡ እዮም ፡ ብሐደ ፡ ጓሳ ፡ ናብ ፡ ዓወዱ ፡ አኺዱ ፡ ሳዕሪ ፡ ሕዛእቲ ፡ የብልዓዮም ፡ አይከልከል ። ዝ ኸልክሉ ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሕሰ ።

አባዑር ፡ ልማኖ ፡ ግና ፡ መታን ፡ ሕዛእቲ ፡ ዓዲ ፡ ኪብልዕ ፡ ናይ ፡ ቤተሰቡ ፡ አኻኪቡ ፡ ብዙሐት ፡ አባዑር ፡ ከውፍር ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ካብ ፡ ፭ ፡ ኪሸ ፡ ንታሕቲ ፡ ዘእቶ ፡ ዓውዲ ፡ ፮ ፡ ብዕራይ ፡ አኺዱ ሕዛእቲ ፡ የብልዕ ፡ እቲ ፡ እኽሊ ፡ ብዙሕ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ብዝ ሒ ፡ እኽሉ ፡ ልክዕ ፡ አባዑር ፡ መኸዳ ፡ ለሚኑ ፡ ኬውፍር ፡ ይግብኦ ፡ እ ዩ ፡ ማለት ፡ ን፲ ፡ ኪሸ ፡ ዘእቱ ፡ እኽሊ ፡ ፲ ፡ አባዑር ፡ መኼዳ ፡ አውፊ ሩ ፡ ሕዛእቲ ፡ የብልዕ ።

## ኛ ። ብዛዕባ መሸጣ መሬት ።

መሬት ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ንጸለማ ፡ ከይሸየጥ ፡ ኩኩል ፡ እዩ ፤ ስለዚ ፡ እንደገና ፡ ካብ ፡ ብሕጂ ፡ ንደሐር ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ፲፻፴፮ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ከምቲ ፡ ሕጊ ፡ አቦታትና ፡ መሬት ፡ ንጸለማ ፡ ከይሸየጥ ጽኑዕ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ስለምንታይ ፡ ሰብ ፡ ነታ ፡ እተወልደላ ፡ ርስን ፤ ዓዱን ፤ ብስእነት ፡ ብድኽነት ፡ ንጸለማ ፡ ሸይጡ ፤ ንውሉድ ፡ ወለ ፡ ዓዶምኒ ፡ ርስቶምኒ ፡ ኪለቁ ፡ ፍቃድ ፡ እግዚአብሔር ፡ አይኰነን ፡ እ ፡ መሬት ፡ ንጸለማ ፡ አይሸየጥ ።

ስለዚ ፡ ምንም ፡ እቲ ፡ ድኻ ፡ ሸጊሩዎን ፡ ጸቢብዎን ንጸለማ ብውሁ፤ ብፈጽሚ ፡ እንተሸጠ ፡ እቲ ፡ ውዑልን ፡ ፈጽምን ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

መሸጣ ፡ መሬት ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ኩሉ ፡ ንዘበናት ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ እቲ ፡ ሬት ፡ ዝሸጠ ፡ ወይ ፡ አቦኡ ፡ ሐደው ፡ አባሐጉኡ ፡ ዝሸጡዎ ፤ መሬት ድሕሪ ፡ ፩ ፡ ዓመት ፡ ነተን ፡ ዋጋ ፡ መሬት ፡ ንባለ ፡ ወርቂ ፡ ከፊሉ ፡ መቱ ፡ የምልስ ። እቲ ፡ ባለ ፡ ወርቂ ፡ ዘበናት ፡ በዝሐ ፡ ወለዶታት ፡ ነው ፡ ኢሉ ፡ አይኽልክሉ ፤ ናብ ፡ ዝመጸ ፡ መዓልቲ ፡ ወርቁ ፡ ተቐቢሉ ፡ ሊቀቕሉ ።

ንትሕዘ ፡ እተሸጠ ፡ መሬት ፤ ቅድሚ ፡ ፩ ፡ ዓመት ፡ ኪምለስ ፡ አይክኣን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ እቲ ፡ ንትሕዘ ፡ መሬት ፡ ዝገዝአ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ ፍሬ ፡ መሬት ፡ ኪረክብ ፡ ይግብኦ ፡ እዩ ። ብድሕሪ ፡ ፩ ፡ ዓመት ፡ ግ

ን፡ እቲ፡ ርስተኛ፡ ናብ፡ ዝደለዮ፡ ዘበን፡ መጺኡ፡ ወርቂ፡ ሂቡ፡ መረቱ፡ የምልስ።

ንትሕዛ፡ መሬት፡ ዝሸይጥ፡ ሰብ፡ ቅድም፡ ነቲ፡ ቀረብ፡ ናብ፡ ቅድሚ፡ ዳኛ፡ ዓዲ፡ ይወክስ። እቲ፡ ቀረብ፡ ዝዕድጎ፡ እንተኾነ፡ ባዕሉ፡ ዩሻየጦ፡ ዘይደልዮ፡ እንተኾነ፡ ግና፡ ናብ፡ ክልአ፡ ይሸጦ። እቲ፡ ቀረብ፡ ይደሐን፡ እቲ፡ ጭቃ፡ ናይታ፡ መሬት፡ ክአ፡ ዩፈጽም፡ ዳኛ፡ መሬት፡ ዘይፈጸሞ፡ መሸጣ፡ ናይ፡ ስርቂ፡ መሸጣ፡ እዩሞ፡ ፍሩስ፡ ይኹን።

ንትሕዛ፡ እተሸጠ፡ መሬት፡ ኪምለስ፡ ክሉ፡ እቲ፡ ባለወርቂ፡ መርትዖ፡ እንተለዎ፡ ክንድዚ፡ ገንዘብ፡ ሂበሉ፡ ወይ፡ አበታተይ፡ ሂበሙሉ፡ ኢሉ፡ ረቲዑ፡ ወርቁ፡ ይከፈል፡ መርትዖ፡ ዘብሉ፡ እንተኾነ፡ ግና ር፡ ሽማግለ፡ ክብታ፡ መሬት፡ ዘይኸፈሉ፡ ነታ፡ ግራት፡ ወይ፡ ግራሁ፡ ዋጋ፡ በዛ፡ ሎሚ፡ እዋን፡ ክንድዚ፡ ተውጽአ፡ ኢሎም፡ ይሸንንዎ፡ እቲ፡ ባለርስቲ፡ ነተን፡ እተሸነና፡ ወርቂ፡ ከፊሉ፡ ርስቱ፡ ይአክብ።

ጠፈ፡ ሐምም፡ ዝሸጠ፡ መሬት፡ እሞ፡ ክብቶም፡ ሀልዋት፡ ቀረበ፡ ነቲ፡ ጠረ፡ ሖምም፡ ዝሸጠ፡ መሬት፡ ናብ፡ ዝደለዩዎ፡ መዓልቲ፡ ነተን፡ ገንዘብ፡ ከፈሎም፡ የምልሱዎ።

ምናልባሽ፡ እቲ፡ ናይ፡ ጠፈ፡ መሬት፡ ኪምለስ፡ ክሉ፡ ዘይነበሩ፡ ወይ፡ ክአ፡ ብድኽነት፡ ስኢኖም፡ ምስቶም፡ አሕዋቶም፡ ወርቂ፡ ዘይከፈሉ። ናብ፡ ዝመጽዎ፡ መዓልቲ፡ ጸብጻቦም፡ ከፈሎም፡ ምስቶም፡ ናይ፡ ጠፈ፡ አምሊሶም፡ ዝጸንሑ፡ አሕዋቶም፡ ይከፈሉ፡ ቅድሚኹም፡ ከፈልናሉ፡ ኢሎም፡ አያከልክልዎም።

## ፳፩ ። ብዛዕባ ብእንጌራን ማይን እተሸጠ መሬት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ንዝጠመዩ ፡ ሰብ ፡ እንጌራ ፡ አብሊዕካ
ወይ ፡ ንዝጸምኤ ፡ ማይ ፡ አስቲኻ ፡ እተሸጠ ፡ መሬት ፡ ፍሩስ ፡ ይኸውን ፡
መይ ፡ ዝጠመዩ ፡ ሰብ ፡ መሬቱ ፡ ይሸዩጥ ፡ ዝፈትዎም ፡ ደቁ ፡ ወይ ፡ ብ
ልቲ ፡ ኪዳኑ ፡ ይሸዩጥ ፡ ሃይማኖቱ ፡ ይክሕድ ፡ ከምኡውን ፡ ብዙሕ ፡ ና
ስሕተት ፡ ነገር ፡ ይግበር ፡ እዩሞ ፡ እቲ ፡ ንዝጠመየ ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ አ
ሊዕካ ፡ ናይ ፡ ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ እተገብረ ፡ መሸጣ ፡ መሬት ፡ እንተሎ ፡
ብ ፡ ሕጊ ፡ ዝወጸ ፡ መሸጣ ፡ እዩሞ ፡ ምንም ፡ እቲ ፡ ዝጠመዩ ፡ ንጸለማ
እንተ ፡ ሸጠ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ርስተኛ ፡ አቦኡ ፡ ወይ ፡ አ
ሐንኡ ፡ ወይ ፡ ዓሌቱ ፡ ዝሸጠሉ ፡ ብዝጠዓሞ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡
ሲሉ ፡ ነቓ ፡ መሬት ፡ ብእንጌራ ፡ ማይ ፡ ሂቦም ፡ ካብ ፡ አቡኡ ፡ ወይ ፡ አ
ሐጉኡ ፡ ከምዝወሰዱዎ ፡ እቲ ፡ ርስተኛ ፡ ረቲዑ ፡ መሬቱ ፡ ይሰድ ። ፃ
ንም ፡ ዘበናት ፡ በዝሒ ፡ ዓመታት ፡ ነውሒ ፡ ኢሉም ፡ እንተመገቱዎ ፡
ይከልክል ፡ ብዓመጽ ፡ ዝኸደ ፡ ብፍትሒ ፡ ይመለስ ፡ እዩሞ ፡ ረቲዑ ፡ መ
ሬቱ ፡ የምልስ ።

ከምኡውን ፡ አመርጊወክ ፡ ወይ ፡ አተስኪረዮ ፡ ነቦኻ ፡ ኢሉ ፡ ነቲ
ርስተኛ ፡ መሬቱ ፡ አይኸልክሎ ፡ ነትን ፡ ዘተፍኤን ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ተስ
ር ፡ ወይ ፡ ናይ ፡ መርና ፡ ምሕሉ ፡ ይከፈል ። እቲ ፡ ዝምሕል ፡ ብዘይ
መጠን ፡ አብዚሑ ፡ ኪምሕል ፡ እንተበለ ፡ ግና ፡ ፲ሽ ፡ ነቲ ፡ ናብ ፡ ውራ

ክንድዚ ፣ አጥፊኡ ፣ ይኸውን ፡ ኢሉም ፣ ይሸንንዎ ፣ ነዚ ፣ ተቐቢሉ ፣ መ
ሬቱ ፡ ንርስተኛ ፣ ይልቀቐሉ ። እቲ ፣ ዘተስከረ ፣ ሰብ ፣ ምስ ፣ ሁናኡን ፣
መሬቱን ፣ ጨሚሩ ፣ ዝወረሰ ፣ እንተኾነ ፣ ክለቅቕ ፣ አይግብአን ፣ እዩ ።
ብዝሐዘ ፡ ይቑም ።

## ፳፱ ። ናይ ቀድሚ ሎሚ እተሸጠ መሬት ምንብባር ።

ናብ ፣ መሬት ፡ ሎን ፣ ጕዑቀ ፡ ቀድሚ ፣ ሎሚ ፣ ተሸይጡ ፡ ዝጸንሐ ፣ ወ
ይ ፣ ከአ ፣ ተዋሂቡ ፡ ዝጸንሐ ። ን፫ ፣ ነገር ፣ ብፍላይ ፣ ነናባብር ፣ አሎና ።

፩ይ ፣ ቀድሚ ፡ ሎሚ ፡ ንጸለማ ፣ ሁና ፣ መደቀሲኡ ፣ ግራት ፡ መሕረ
ሲኡ ፣ ደረቡ ፣ ከም ፣ ግቡእ ፡ መሸጣ ፣ ወርቂ ፣ ከምዝሸጠሉ ፡ እቲ ፣ ባለ ፣
ወርቂ ፣ ይርታዕ ፣ በዚ ፣ ምስ ፣ ረትዔ ፣ ብዝሐዘ ፣ ይቁም ። ከመይ ፣ ሁና
መደቀሲኡ ፣ ጨሚሩ ፣ ስለ ፣ ዝሸጠሉ ፡ ናብ ፣ ዓዲ ፣ አትዩ ፣ አጢሱ ፣ ካብ
ዝድቅስ ፣ ከምርስተኛ ፣ ምኳኑ ፣ እዩ ።

፪ይ ፣ ናይ ፣ ቀድሚ ፣ ሎሚ ፣ ንጸለማ ፣ እተሸጠ ፣ መሬት ፣ እንተሎ ፣
እቲ ፡ ባለ ፣ ወርቂ ፤ ረቂሑ ፣ ሸያጢ ፤ ተሸያጢ ፡ መድሕን ፡ ብክንድዚ ፣ ወ
ርቂ ፤ እሞ ፣ ንጸለማ ፡ አቦኡ ፡ ወይ ፡ አባሐጉኡ ፣ ከምዝዓደጉ ፣ ይርታዕ ፣
ምስ ፡ ረትዔ ፣ ብዝሐዘ ፣ ይቑም ፣ መርትዖ ፣ እንተሰአነ ፣ ግና ፡ ናብ ፣ ባለር
ስቲ ፣ ትመለስ ።

፫ይ ፣ ናይ ፡ ቀድሚ ሎሚ ፈትዩ ዝሃበ እሞ ፤ እቲ እተቀበላ ግብሪ ፣
ንጉሥ ፣ ኰነ ፣ ጥርቂ ፣ ኰነ ፡ እዚ ፣ ንጉሥ ፣ ኰነ ፣ ዝመጸ ፣ አከለ ፣ መሰላ ፣
እቲ ፣ ተቐቢሉዎ ፡ ዘሎ ፣ ... [illegible]

ዕሊ፡ እንድሕሪ፡ አሒዙዎ፡ ብዝሐዘ፡ ይቲም። ክመይ፡ ምልክት፡ ርስቲ፡ ግብሪ፡ እዩ።

ነዚን፡ ሰለስተ፡ ነገር፡ እዚኤን፡ ንምልቃቐን፡ ስለ፡ ዝሸገረና፡ ብምንብባር፡ ሐሲብና፡ ብፍላይ፡ ነቲመን፡ ኣሎና።

ብሕጂ፡ ንዶሐር፡ ግና፡ ከምዚ፡ ከዶግበር፡ ብሕጊ፡ ንክልክል፡ ኣሎና።

ኣተስኪሩ፡ መሬት፡ ዝወረሰ፡ ሰብ፡ ምስ፡ ዑናኡ፡ ጨኤሚሩ፡ ወረሰ፡ እንተኾነ፡ ብዝወረሰ፡ መሬቱን፡ ዑናኡን፡ ይቀመጥ፡ ክመይ፡ ድሕሪ፡ ነዊሕ፡ ጊዜ፡ ዑና፡ በቲንከን፡ መሬት፡ ልቐቅ፡ ኪበሃል፡ አዶግበእን፡ እዩሞ፡ ብዝሐዘ፡ ይቒመሉ።

ብዝኾነ፡ ነገር፡ እተኸሰ፡ መሬት፡ ካብታ፡ እተኸሰትላ፡ ጊዜ፡ ፍርያታ፡ ናብ፡ ዓሙዲ፡ ብዳኛ፡ እናተሰፍረ፡ ናብ፡ በዓል፡ እጂ፡ ይጽናሕ። እቲ፡ ከሳሲ፡ እንተረትዔ፡ ዝግብኦ፡ ፍራያቱ፡ ጸብጺቡ፡ ይርከብ። እንተተረትዔ፡ ግና፡ ተኸሳሲ፡ ብዝበልዖ፡ ይደቅስ።

ናብ፡ ኩሱስ፡ መሬት፡ ንዳኛ፡ ፍርያት፡ አየርእን፡ ኢሉ፡ ዝአበየ፡ ወይ፡ ዳኛ፡ ከየርአየ፡ ዘእተወ፡ ጟ፡ ፈርጊ፡ ይኸሐስ፡ እተን፡ ፍርያት፡ ድማ፡ ካብ፡ ቆፎ፡ ተሰፊረን፡ ናብ፡ ዳኛ፡ ይተሓዛ። ምናልባሽ፡ ክንዶይ፡ ከምዝእተወ፡ ዝረአዮ፡ ሰብ፡ እንተ፡ ዘየልቦ፡ ብ፫፡ ሽማግለ፡ ተገማቲ፡ ይትሓገዝ።

## ፳፪ ። ብዛዕባ ምስክር ።

ናይ ፡ መሬት ፡ ምስክር ፡ ካብ ፡ ሐሙሽተ ፡ ንላዕሊ ፡ ግቡእ ፡ ምስክር፡ ይኹን ። እንተኾነ ፡ ግን ፡ ካብታ ፡ ዘበአሰት ፡ መሬት ፡ ብወለዶ ፡ ዘይአትዋ ፡ እንተኾነ ፡ እዩ ። ብዝኾነ ፡ ወለዶ ፡ ብእንዳበኡ ፡ ወይ ፡ ብእንዳኖኡ ፡ ዝወለደላ ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፡ ማለት ፡ ናብ ፡ ዝነበረ ፡ ኔሩ ፡ ንታ ፡ መሬት ፡ ዝኸፈለላ ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፡ ግቡእ ፡ ምስክር ፡ አይኰነን ፡ ከልተ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ፈትዮም ፡ ዝአመኑዎ ፡ ግና ፡ ግቡእ ፡ ምስክር፡ይኹን።

ብመሬት ፡ እተበአሰ ፡ ኩሉ ፡ ብ፯ ፡ ምስክር ፡ ኪቐውም ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ከሳሲ ፡ ፯ ፡ ግቡአት ፡ ምስክር ፡ ኪመርሕ ፡ እቲ ፡ ተኸሳስውን ፡ ኪሰዕብ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

ካብዘም ፡ ፯ ፡ ግቡአት ፡ ምስክር ፡ ፬ ዝወጹሉ ፡ ረቲዑ ፡ ማለት ፡ እዩ ንመራሕ ፡ ምስክር ፡ ይኹን ፡ ንተመራሒ ፡ ይኹን ።

እቶም ፡ ንምስክር ፡ እተረቕሑ ፡ ሰባት ፡ ግን ፡ ደም ፡ ብጋር ፡ ዘይደቀሰ ፡ ኪምስክር ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ብስጋ ፡ ድማ ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ተጻሒፉ ፡ ዘሎ ፡ ካብ ፡ ፭ ወለዶ ፡ ንላዕሊ ፡ ክኸኑ ፡ ይግባእ ።

ናይ ፡ ከልእ ፡ ነገር ፡ ምስክር ፡ ግና ፡ እንተሎ ፡ ገንአ ፡ ቆጺርካ ፡ ራብዓይ ፡ ወለዶ ፡ ይምስክር ፡ ብጀካ ፡ ገንአ ፡ ሳልሳይ ፡ ምኸኒ ፡ እሩ ።

ብመሬት ፡ ተባኢሰም ፡ ዝነበሩሞ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ እተዓርቑ፡እንደገና፡

ብዕርቂ ፤ አፍራስ ፤ እንተ ፤ ተበአሱ ፡ እቶም ፤ ፫ ፤ ሸማግለ ፤ ዓራቶ ፡ ግቡእ ት ፤ ምስክር ፤ እዮም ፤ እሞ ፤ ንሳቶም ፤ ይንገሩሉም ፡ ዝዓረቐ ፤ ሸማግለ ፤ ብዝኾነ ፤ ምኽንያት ፤ ካብቲ ፤ ዝዓረቑም ፤ ምስክር ፤ ኪፍንፈን ፤ ኣይከኣ ልን ፤ እዩ ። ስለዚ ፤ ክልተ ፤ ካብቶም ፤ ሸማግለ ፤ ሐደ ፤ ቃል ፤ ኮይኖም ፤ እንድሕሪ ፤ መስኪሮም ፤ እቲ ፤ ፪ ፤ ዝወጹሉ ፤ ረቲዑ ፤ ማለት ፤ እዩ ።

፬ ፤ ሸማግለ ፤ ዓራቶ ፤ ብህይወቶም ፤ ተረኺቦም ፤ ማለት ፤ ከይሞቱ፡ጸ ኒሖም ፡ ዝመስከሩዎ ፤ ቃል ፤ ክንዲ ፤ ፯ ፤ ምስክር ፤ ቅቡል ፤ እዩ ፡ ብርእሲ ፫ ፤ ሸማግለ ፤ ምስክር ፤ ኪውስኹ ፤ ኣይግባእን ፤ እዩ ።

ካብቶም ፤ ሸማግለ ፡ ፩ ፡ ሙውት ፤ እንተኮነ ፤ ዳኛ ፤ ፈጺሚ ን ፤ እቶ ም ፤ ፪ ሀልዋት ፡ ሸማግለን ፤ ዝመስከሩዎ ፤ ቅውም ፤ ይኹን ፤ ቃል ፤ ሰለስ ተ ፤ ማለት ፤ እዩ ።

እቶም ፤ ፫ ፤ ሸማግለ ፤ እቲ ፤ ዝፈጸመ ፡ ዳኛ ፤ ምውታት ፤ እንተኮኑ ፤ ግና ፤ ከም ፤ ሥርዓት ፤ ብ፯ ምስክር ፤ ብነፋይ ፤ ይኹን ፤ ነፋይ ፤ ምውታት እንተኮኑ ፤ ክኣ ፤ ብያታ ፤ የመስክሩ ።

እቲ ፤ ዝምስክር ፤ ሰብ ፤ ምንም ፤ ተጠይቀ እንተበለ ካብ ምስክር፡ኪ ኸልክል ፤ ኣይግባእን ፤ እዩ ፤ ስለ ፤ እተጠቀውን ፤ ጽያፍ ፤ የልብሉን። ስለ ምንታይ ፤ ምስክር ፤ ክይጠየቅካ ፤ ክይሐተትካ ፤ ብሃንደበት ፤ እቶ ፤ ማለት ግቡእ ፤ ኣይኮነን ።

እቲ ፤ ዝምስክር ፤ ሰብ ፤ ገንዘብ ፤ ተቀቢለ ፤ እንተበለ ፤ ግና ፤ ካብ ፤ ም ስክር ፤ ትሩፍ ፤ እዩ ።

ምስክር ፤ ረቂሒዎ ፤ ዝነበረ ፤ እሞ ፤ ዳኛ ፤ ኣይግቡኣትን ፤ እንተበሉ-

ም ፡ ኣምሰያኦም ፡ ክልኣት ፡ ግቡኣት ፡ ምስክር ፡ ይተክእ ፡ ኣይከልከል ።

ናይ ፡ መሬት ፡ ምስክር ፡ ብ፫ ይቁም ። ናይ ፡ ክልእ ፡ ነገር ፡ ግና ፡ ብ፫ ፡ ወይ ፡ ብ፩ ፡ ይቑም ። ከብኡ ፡ ኪ.ውስኸኒ ፡ ኬጉድልኒ ፡ ኣይግ ቡእን ፡ እዩ ።

ብህስየት ፡ ማህረትም ፡ ኰነ ፡ ቅትለት ፡ ነብሲ ፡ ኰነ ፡ ኣብኡ፡ ከምገ ነበረ ፡ ደኣ ፡ ይምሐል ፡ እምበር ፡ ቀረብ ፡ ይኹን ፡ ጓና ፡ ይኹን ፡ ግቡእ ምስክር ፡ እዩ

በዚ ሐሸዊ ግዜ ዘሎናዮ ብዙሕ ኣሎ ብወርቂ ዝዕደግ ነስሒ ፡ ዘየና ርሱ ፡ የልበን ፡ እሞ ፡ ተነሲሑ ፡ ይነጽህ ፡ ኢሉ ፡ ጠዋውዩ ፡ ዝምስክር፡ ብ ይዘፈረሃ ፡ እግዚ.ኣብሔር ፡ ስለዚ ፡ ገጽ ፡ ዳኛን ፡ ንጉሥን ተፈራህን ተሐ ፋሪን ፡ እዩሞ ፡ በለ ፡ ዘድሊ ፡ መርመራ ፡ መብርሀ ፡ ፍርድን ፡ ቃል ፡ ምስ ክርን ፡ ስለ ፡ ክርከብ ፡ እቶም ፡ ምስክር ፡ ብውላድ ፡ ዳኛ ፡ ተጸዊዖም ፡ እና መሐሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ እዞም ፡ ዝስዕቡ ፡ ዳያኑ ፡ ይመስከሩ ።

ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ ተጫበጡ ፡ ምስክር ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ መጺኦም ፡ ይመስከሩ ።

ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስለኔ ፡ እተጫበጡ ፡ ውን ፡ ከምኡ ።

እቲ ፡ ምስክር ፡ ተጸዊዑ ፡ ዝመጸ ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ንመዓልቲ ፡ እዩ ፡ ዝግ ብእ ፡ ክንዲ ፡ ብከሩራቱን ፡ መንገዱን ፡ መግቡን ።

ድሕሪ ፡ ጭብጢ ፡ እቶም ፡ ምስክር ፡ ይጸርሑ ፡ እቲ ፡ ውላድ ፡ ዳኛ ናይ ፡ ዘጫበጠ ፡ ዳኛ ፡ ናብ ፡ ርሑቅ ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ ቀረባ ፡ ይኹን ፡ ክይ ዱ ፡ ይጸውዓዮም ፡ እቶም ፡ ፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ዳኛ ፡ ጸኑሐም ዘዝመጸ ፡ ምስክር ፡ ይመስክሩ ፡ እቶም ፡ ክልእ ፡ ክሳብ፡ዝመጹ፡ኣይጸበዩ።

እቲ ዘማጊበበ ፡ ዳኛ ፡ እቶም ፡ መስከር ፡ መስ ፡ ተረቅሐ፡ እቲ፡ ዓዶም፡ ርሑ- ቕ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ፩ ፡ መዓልቲ ፡ ይሕገዝ ፡ ናብ ፡ ከብዲ ፡ ዓዲ ፡ እንተኾይ- ኖም ፡ ግና ፡ ናይ ፡ ፩ ፡ መዓልቲ ፡ ይሕገዝ ፡ እዚኤን ፡ ግን ፡ ንቅድም ፡ እዩ ፡ ካብ ፡ ፬ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ዝቅበልን ፡ ድሕርዙይ ፡ ዝምለስ ፡ ገንዘብ ፡ እንተሎ ይመልስ ፡ ዝውሰኽ ፡ እንተሎ ፡ ከዐ ፡ ካብ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ይቀበል ።

እቶም ፡ ምስክር ፡ ግን ፡ ብኩራቶም ፡ ድሕሪ ምስ፡ መስከሩ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይቀበሉ ፡ ፍርዲ ፡ አይጸበዩ ።

እቲ ፡ ንምስክር ፡ እትፈድዮ ፡ ገንዘብ ፡ እተረትዔ ፡ እዩ ፡ ዝከፍሎ ።

እቶም ፡ ምስክር ፡ ግን ፡ ነቲ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ብኩራቶም ፡ ኪምሕሩ ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ፡ ከመይ ፡ ቢቲ ፡ ዝበኾሩሉ ፡ መዓልቲ ፡ ነቲ ፡ ትሕዳሮም ፡ ብዓል ፡ ውዕለት ፡ መሊሰምሉ ፡ ከምዝመጹ ፡ ብዘይ ፡ ጠርጠራ ፡ ግድንትዩ ፡ እዚይ ፡ ከዐ ፡ ብዙሕ ፡ ነገረ ፡ ሀልከ ፡ ከምዘትርፍ ፡ ግድንዩ ፡ ንመርፍእስ ፡ ማሕረሻ ፡ ይማበጽሁላ ።

እቲ ፡ ምስክር ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ምቅራብ ፡ ተጸዊዑ ፡ እንተአበየ ፡ ፳ ፡ ቅርሺ ፡ ባጠራ ፡ ንቤተ ፡ መንግሥቲ ፡ ይቀጻዕ ።

አይተዋስኩን ፡ ወይ ፡ አይወሐስከም ፡ ዝበሉ ፡ እንተተረኽቡ ፡ ዳኛ ፡ ብዝነገረ ፡ ይቑም ።

ኳደረ ፡ አዚዝዎ ፡ ኣሉ ፡ ዝበለ ፡ ሰብ ፡ እንተለዎ ፡ ብእኡ ፡ ይርታዕ እንተዘየሎ ፡ ኳደረ ፡ ዝበሎ ፡ ቁውም ፡ ቃል ፡ እዩ ።

## ፳፱ ። ብዛዕባ ዓውዲ ።

ዓውዲ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ጸለማ ፡ እንተኰይኑ ፡ እቲ ፡ ዋናኣ ፡ ጠለቓ ፡ አውጺኡ ፡ ብፍቓድ ፡ ኪህብኒ ፡ ኪኸልእኒ ፡ ይከአሎ ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ዘይጸለመ ፡ ዓውዲ ፡ መንጎ ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ከበብቲ ጥቓ ፡ ዓውዲ ፡ ዘለዉ ፡ ሰብ ፡ ግራሁ ፡ ኲሎም ፡ ሐቢሮም ፡ ዘለዎም ፡ ጥሪት ፡ ኰነ ፡ ማለት ፡ አእዱግ ፡ ጅርባ ፡ ዝረግጹ ፡ አባዑር ፡ እቲ ፡ ዜብሉ ፡ ድማ ፡ እንግድዓኡ ፡ አሒጆም ፡ ብሓደ ፡ ዜዋፍሮም ፡ መዓልቲ ፡ ቆሪጾም ፡ ጠለቓ ፡ የውጽኡ ። ነዚእ ፡ ዚአበ ፡ ፯ፈ ፡ ይሰደ ፡ ነቲ ፡ ዝኸሰሰ ፡ ጆንድኡ ፡ ፩ ፡ ይኹን ፡ ብዙሓት ፡ ይኹኑ ።

ዋና ፡ ዓውዲ ፡ እኽሉ ፡ ከይወድኤ ፡ ብዘይፍቓዱ ፡ ነታ ፡ ዓውዱ ፡ ዘረፎም ፡ እንተውደቑላ ፤ ፯ ፡ ፈ ፡ ንበዓል ፡ ዓውዲ ፡ ይኽሐስ ፤ እተን ፡ ሐሰር ፡ ከኣ ፡ ንበዓል ፡ ዓውዲ ፡ ይኹና ።

በዓል ፡ ዓውዲ ፡ ከኣ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ ብዘይፍቓዱ ፡ እንተአውደቑላ ፤ እቲ ፡ እኽሊ ፡ ከይጠፍእ ፡ ናብታ ፡ ዘውደቑላ ፡ ዓውዲ ፡ ይእቶ ። ብዓኛ እሕጁ ፡ ድአ ፡ ከምስሩዕ ፡ ይኽሐስ ፡ እምበር ፡ ብኢዱ ፡ አይበትን ፤ ከምኡውን ፡ መታን ፡ ዳሕሮምት ፡ ከየእትውሉ ፡ ኢሉ ፡ አይኸልኣቶ ፤ ስለዚ ፡ ንእኽሊ ፡ ካብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝበተነ ፤ ንዓውዱውን ፡ ዝኸልኣተ ፡ ፯ ፡ ፈ ፡ ንኸሳሲኡ ፡ ይኽሐስ ።

ናብ ፡ ዓሁዱ ፡ ጠለቃ ፡ ብዘሕ ፡ እኽሊ ፡ እንተተከአበ ፡ እዩም ፡ ጠለቃ ፡ ዘውጾኦ ፡ ኩሎም ፡ ዕንጻይቲ ፡ ይዋደቁ ።

ዓውዲ ፡ ክነኡያ ፡ እቲ ፡ ቅድም ፡ ገዘቐጠላን ፡ ዝኸስተራን ፡ የኽደላ ጸቂጡላ ፡ ምስኬደ ፡ ክልእ ፡ ሰብ ፡ እንተወደቀላ ፡ ፮ ፡ ፈርጊ ፡ ነቲ ፡ ቑጻ ማይ ፡ ይኽሕሶ ።

ዓሙዲ ፡ ጠለቃ ፡ ኩን ፡ ክኩያ ፡ ኩን ፡ አሙዲቱላ ፡ ክልተ ፡ ስራሕ ፡ እንተ ፡ አሕለፈ ፡ ፮ፈ ፡ ንኸሳሲኡ ፡ ይዕደ ፡ ስለምንታይ ፡ ነዩም ፡ ክልአት ፡ ዜኺዱ ፡ ክልኪልዎም ፡ ኪነብር ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ዓውዱ ፡ አጻዓኑኒ ፡ ኢሉዎም ፡ እንተአበዩ ፡ እኽሊ ፡ ይኹን ፡ ሐሰር ፡ ይኹን ፤ ከምኡውን ፡ ናብ ፡ መገዲ ፡ ጽዕነት ፡ ወዲቑዎ ፡ ጋሻ ፡ ሐላፍ ፡ መገዲ ፡ ይኹን ፡ ወዲ ፡ ዓዲ ፡ ይኹን ፤ ምጽዓን ፡ እንተአበዩዎ ፤ ምስክር ፡ እንተለውዎ ፤ ብምስክር ፡ ረቲዑ ፡ ምስክር ፡ እንተዘብሉ ፡ ከአ ፡ ምሒሉ ፡ ፮ፈ ፡ ይከሕስ ።

ከምኡውን ፡ ላም ፡ ወይ ፡ ብስራይ ፡ እተገምዮ ፡ ምሕጋዝ ፡ እንተአበዩዎ ፡ ፮ፈ ፡ እዩ ፡ ክሕሳኡ ።

## ፳፫ ። መቐመጥ ሐሰር ።

መቐመጥ ፡ ሐሰር ፡ ፪ ፡ ሚእቲ ፡ መትሮ ፡ ርሒቑ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ኪቕመጥ ፡ ይግበእ ፤ መታን ፡ ሐዊ ፡ ንዓዲ ፡ ከየጥፍእ ። እዚ ፡ ከአ ፡ መሬት ጸለማ ፡ እንተኮነ ፡ ናብ ፡ ጸለማኡ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ እንተ ፡ ኮነ ፡ ከአ ፡

ብ፻ ፡ ሽማግለ ፡ ናብ ፡ ዝመረጽዎ ፡ ቦታ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ፻፶ ፡ ሜትሮ ፡ አርሒቆም ፡ የቐምጡ ። ነዚአ ፡ አፍርሰ ፡ ናብ ፡ ጥቃ ፡ ዓዲ ፡ ዘቀመጡ ፡ ብዘሒ ፡ ዜፍርሕ ፡ እዩሞ ፡ ጃራ ፡ ይኸፈል ።

ምቅማጥ ፡ ሓሰር ፡ ዝነበረ ፡ እሞ ፡ ሰብ ፡ በዚሑ ፡ ዓዲ ፡ ገፊሑ ፡ ፻ ፡ ሽማግለ ፡ ዓዲ ፡ ወጺአሞ ፡ ንገዛታት ፡ እዩ ፡ ዝግበአ ፡ እንተበሉዎ ፡ ንገዛታት ፡ ይኹን ፡ አእማኑ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዝአከበ ፡ ይውሰዶ ፤ እቲ ፡ በዓል ፡ ሓሰፍ ፡ አይለቅቅን ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ አበዩ ፡ ጃፈ ፡ ይሰደ ፡ ነታ ፡ መሬት ፡ ይልቀቃ ።

ኩሙር ፡ ሓሰር ፡ ዘብልዔ ፡ ንሓደ ፡ ክብቲ ፡ ፩ ቅርሺ ፡ ንዋና ፡ ሓሰር ይኸሕስ ። ከምኡውን ፡ አጣል ፡ እንተበተንአ ፡ ንመንሰ ፡ ፩ ፡ ቅርሺ ፡ ይምሕስ ።

## ፹፮ ። ብዛዕባ መንገዲ ።

መንገዲ ፡ አርብዓ ፡ ፳ ፡ ሜትሮን ፡ ፈረቃን ፡ ይኹን ። እታ ፡ መንገዲ ፡ ብማይ ፡ ወይ ፡ ብካልእ ፡ ምኽንያት ፡ እንተተበላሸወት ፡ እቲ ፡ ቅድም ዝረአያ ፡ ገባር ፡ ንጐቦታ ፡ ዓዲ ፡ ይንገር ፡ እቲ ፡ ጐቦታ ፡ ምስሰምዔ ገባር ፡ አዚዙ ፡ ብቅልጡፍ ፡ የዕርያ ። ተአዚዙ ፡ ዘብኮረ ፡ ገባራይ ፡ እቲ ፡ ጐቦታ ደናብ ፡ ቀጺዑ ፡ ንጽባሒቱ ፡ የውፍሮ ።

ከምኡውን ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ዕዮ ፡ ምጽሓር ፡ ማይ ፡ ኩን ፡ ናይ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ዕዮ ፡ ኩን ፡ ተአዚዙ ፡ እንተብኮረ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ቅጽዓቱ ።

እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ድማ ፡ ነቲ ፡ ዝፈረሰ ፡ መንገዲ ፡ ርእዩ ፡ ወይ ፡ ምፍራሱ ፡ ሰሚዑ ፡ ብሸለልታ ፡ ከየጣረያ ፡ ሰብ ፡ ከየአዘዛላ ፡ ስቅ ፡ እንተበለ ፡ ጃፊ ፡ ንቤተክርቲያን ፡ ይሰደ ።

ንዝኾነ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐረሰ ፡ ሐደው ፡ እምኒ ፡ ፈንቂሉ ፡ ናብ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐደገ ፡ ወይ ፡ እም ፡ በቲኹ ፡ ናብታ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐደገ ፡ ጃፈርጊ ንቤተክርስቲያን ፡ ይዕደ ።

ቀጢን ፡ መንገዲ ፡ ብመንጎ ፡ ግራሁ ፡ ሰብኒ ፡ ልጉምኒ ፡ በቅልን ፡ ጥራይ ፡ ይሕለፉ ፡ ዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ከብቲ ፡ ዝሐዘ ፡ ብመንገዲ ፡ ፵ ፡ ደአ ፡ ይኺድ ፡ እምበር ፡ ብቀጢን ፡ መንገዲ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ዝሩእ ፡ ግራሁ ፡ አይሕለፍ ፡ ብአኡ ፡ ዝሐለፈ ፡ ጃፊ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ይኸሕስ ።

## ፹፯ ። ብዛዕባ አእዋም ።

ጥሉል ፡ አም ፡ ካብ ፡ ዘይመሬቱ ፡ ብዩኸ ፡ ፍኑቕዱ ፡ ቀና ፡ ክበትክ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ እቲ ፡ ካብ ፡ ዘይመሬቱ ፡ ክበትኽ ፡ እተረኽበ ፡ ንዓንደ ገመል ወይ ንሐርከም ዝኸውን እንተበተኸ፣ ነታን አእዋም፡ ለቒቑ ፡ ከምብገዛሑን ፡ ልክዕ ፡ ንሐንቲ ፡ አም ፡ ጃፊ ፡ ንሰበ ፡ መሬት ፡ ይኸሕሰም ።

እቲ ባለ መሬት ከኣ ካብ መሬቱ አም በትኽምሉ ብአዱ ክጸድቶ ማለት ፡ ኪገንዮ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ እንተደለዩ ፡ ዓዲ ፡ ጠሲዮም ፡ ሸዩጦም ፡ ንቤተክርስቲያን ፡ ወይ ፡ ንኽልእ ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ጉዳይ ፡ ንዝደለዩ ፡ ይግበሩዎ ። ካብዚ ፡ ሐሊፎም ፡ እንተገንዮም ፡ እቲ ፡ ዝገንዩ ፡ ጃፈርጊ ፡

ነት ፡ ዝበተኸን ፡ ይኸሐስ ። ምንም ፡ ናብዘይ ፡ መሬት ፡ እንተ ፡ በተኸ ፡ ብዳኛ ፡ አሐዝካ ፡ ከምስሩዕ ፡ ተከሒስካ ፡ አእዋም ፡ አግዲናካ ፡ ንጠቅሚ ፡ ዓዲ ፡ ኪኸውን ፡ ይግበእ ፡ እምበር ፡ ምጽያቅ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ።

## ፩፻ ። ንቁጽ ዕንጨይቲ ።

ብጀካ ፡ ፍቃድ ፡ በዓል ፡ መሬት ፡ አይሰድ ። ከመስድ ፡ እንተተረኸበ ፡ ንጽዕነት ፡ አድጊ ፡ ፩ ፡ ቅርሺ ፡ ይዕዶ ።

## ፩፻፩ ። መጋለስ ዓንደ ገመል ይኹን ዕንጨይቲ ይኹን ።

ነዛይ ፡ ሐጁ ፡ ኪኸይድ ፡ ከሎ ፡ ርስተኛ ፡ ናብ ፡ መንገዲ ፡ አይሐይዞ ። እንተሐዞ ፡ አድራሽ ፡ ተኺሉ ፡ ንዓዱ ፡ ይሕለፍ ። ብቁጽሩ ፡ መዓልቲ ፡ ብዳኛኡ ፡ ይሐገዞ ። ካብ ፡ መሬቶም ፡ ከም ፡ እትቁርጾ ፡ እንተረትዕዎ ፡ ከምቲ ፡ ሕጊ ፡ ይኽሐስ ። ብዓይኑ ፡ ካብ ፡ በታኡ ፡ ኪቁርጽ ፡ ዝረአየ ፡ ከራግፎ ፡ ይኽእል ፡ እዩ ።

ዓይኑ ፡ ዘይገጠመሉ ፡ ግድነት ፡ አራግፋ ፡ ኪብል ፡ ተረኺቡ ፡ እሞ ፡ አድራሽ ፡ ከንተክል ፡ እናበልዎ ፡ ዝአበ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብን ፡ ጸማድን ፡ እኸ ለ ፡ ማይን ፡ ስለ ፡ ዘብኰረ ፡ ፭ ፡ ቅርሺ ፡ ይከሐስ ።

## ፴ ። ናውቲ ማሕረስ ።

ብዘይ ፡ ፍቃደ ፡ ዋና ናውቲ ፡ ማሕረስ ፡ ዘልዓለ ፡ ንዋና ፡ ናውቲ ፴ ፈርጊ ፡ ይኽሕስ ።

ኣርሁት ፡ ነዊት ፡ ዱግሪ ፡ ብልመና ፡ ዝወሰደ ፡ ሰብ ፡ ንዚኤን ፡ ኣተቀበለ ፡ ሰብ ፡ በታ ፡ ዋና ፡ ዝከተየሉ ፡ መዓልቲ ፡ ይምለሰን ። ከምቲጸራሑ ፡ እንተዘይ ፡ መለሰን ፡ ናይ ፡ ብከሩፋት ፡ ፲፪ ፈ ፡ ይኽሕስ ።

## ፴፩ ። ኩታም ፡ ኣም ።

ናብ ፡ ግራትካ ፡ ጸጺኻ ፡ ዘዕበኻዮ ፡ ኣም ፡ ኩታም ፡ ይበሃል ፡ ስለዚ ፡ እታ ፡ እተኸኦትመት ፡ ኣም ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ እንተኸይነት ፡ ምንምኳ ፡ እታ ፡ ግራት ፡ ናብ ፡ ከልእ ፡ ሰብ ፡ እንተሐለፈት ፡ ነቲ ፡ ቅድም ፡ ገኺተመ ፡ ትኹን ፡ ናብ ፡ ዝግብአ ፡ ግዚ ፡ ድማ ፡ ይቑረጻ ። ናብ ፡ ግራት ጽልሚ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ኩታም ፡ ንበዓል ፡ ጽልሚ ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ገጠር ፡ ዘሎ ፡ ኣም ፡ ኪበትኽ ፡ ምስ ፡ ጀመረ ፡ ብሐደ ፡ ድንገት ዝኣከል ፡ እንተዘይፈጸማ ፡ ን፴ ፡ መዓልቲ ፡ ኩታሙ ፡ እያ ። ብድሕርዚ ይ ፡ ዘርከበ ፡ ኪበትኽ ፡ ይኽእል ፡ እዩ ።

## ፵፱ ። ኣገባብ ቊርጸ ኣም ።

ብሩስ ፡ ብመጋዝ ፡ ይቊረጽ ፡ ብሐዊ ፡ ከይቁረጽ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ፡ ነዚ ይ ፡ ዝገሃስ ፡ ፵ሬ ፡ ይዕዶ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

ንዓንዶ ፡ ገመል ፡ ዝኸውን ፡ ኣም ፡ ካብ ፡ ኪዳን ፡ ምሕረት ፡ ስኒ ፡ ክሳብ ፡ መወዳእታ ፡ ንሓሴ ፡ ኪብተኸ ፡ ይግባእ ፡ ከመይ ፡ በዚ ፡ ጊዜ ፡ ተቘርጸ ፡ ኣም ፡ ከነቅጽ ፡ ኣይክልን ፡ እቲ ፡ ኣም ድማ ይጭጭብ፡ ኣይበርስን።

ዓዕሮ ፡ ኣውሒ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ኣቡነ ፡ እከሌ ፡ ተባሂሉ ፡ ዝሰሚ ፡ ክልኩል ፡ ኣግራብ ፡ ሾላል ፡ ማያት ፡ ንዑኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፡ ዝበተኸ ፡ ፰ሬ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ፡ ይዕዶ ፡ እታ ፡ ዝበተኸ ፡ ኣም ፡ ከኣ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ትኹን ።

ኣታኽልቲ ፡ ዝቘረጸ ፡ ወይ ፡ ዝመሐወ ፡ ፰ ፈርጊ ፡ ይኽሐስ ፡ ንዋና ፡ ኣትክልቲ ።

## ፶ ። ሕጸ ።

ቅድም ፡ ክትሐጻጽዩ ፡ ከለዉ ፡ ወድን ፡ ጓልን ፡ ትሩትዮም ፡ ይተሐጻዩ ፡ ምናልባሽ ፡ እቶም ፡ ጠለዩም ፡ ካብ ፡ ብዝሒ ፡ ፍቅሪ ፡ እተላሰለ ፡ ብና

እሸትእም ፣ እንተአሕጺይምም ፣ ድማ ፣ ወዱ ፣ ብ፲፰ ዓመት ፣ ጓል ፣ ብ፲፭ ፣ ዓመት ፣ ኪምርዓው ፣ ይግባእ ፣ ነዚዩ ፣ ዘፍረሰ ፣ ፴ ፊርኒ ፣ ይስዶ ፣ ንቤተ ትምህርቲ ።

ነዚ ፣ ነገርዚ ፣ መግለጺኡ ፣ መታን ፣ እቲ ፣ ዕድመ ፣ ናይቶም ፣ ቍላዑ ኪፍለጥ ። ንኸልእ ፣ ኣብነት ፣ ውን ፣ ኪከውን ፣ ካብ ፣ ሎሚ ፣ መዓልቲ ፣ ንደሐር ፣ ማለት ፣ ፲፱፻፴፯ ፣ ዓ ፣ ም ፣ እተወልዱ ፣ ሕጻናት ፣ ወድን ፣ ጓልን ብታ ፣ መዓልቲ ፣ ጥምቀቶም ፣ ናብ ፣ መዝገብ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያንን ፣ መዝገብ ፣ ሹቃን ፣ ይጸሐፉ ።

## ፻፬ ። ስልማለት ክዳውንቲ ሕጻ ።

ናብ ፣ መጀመርታ ፣ ኣቦ ፣ ወዲ ፣ ፫ ሽማግለን ፣ ፪ ቀለቤት ፣ እገረ ፣ ፩ መስቀል ፣ ናይ ፣ ክርስቲያን ፣ ምልክት ፣ ፩ ጥልፊ ፣ ፩ ነጸላ ፣ ንሕጽይቲ ፣ ወዱ ፣ ይሃብ ፣ እቲ ፣ እተሰምየ ፣ ስልማት ፣ ግን ፣ ብሩር ፣ ወርቂ ፣ ዝተቀብ ኤ ፣ ይኹን ።

ብኽልኣይ ፣ ግዜ ፣ ፩ ጀለብያን ፣ ነጸላን ፣ ይኸደና ።

ብድሕርዚዩ ፣ ብናታቶም ፣ ኣቦ ፣ ወዲ ፣ እንተኸደነን ፣ ሰለሙን ፣ ፍት ሒ ፣ ምናልባሽ ፣ እንተተርኸበ ፣ ኣይጽብጹብንዩ ፣ እቲ ፣ ተሐጊጉ ፣ ዘሎ ጥራይዩ ፣ እዩ ፣ ዝሕሰብ ። እስተርሲኒ ፣ ኣምባር ፣ እግሪ ፣ ኣምባር ፣ ኢድ ክልኣት ፣ ውን ፣ ናይ ፣ ምውራዕ ፣ ዓይነት ፣ ከይስለም ፣ ክልክልዩ ፣ ብዩኒ እቲ ፣ ናብ ፣ ላዕሊ ፣ ተመልከቲ ፣ ዘሎ ።

## ፴፮ ። ብጽሑት ሐሩስ ብግዜ ሕጻ ።

አደን ፣ አበን ፣ ናይቲ ፣ ሕጹይ ፣ ወዲ ፣ ነታ ፣ አዲአ ፣ ንሕጽይቲ ፣ ምስ ፣ ሐረሰት ፣ ከም ፣ ከእለቶም ፣ መብጽሒ ፣ ሒዞም ፣ ፩ ጊዜ ፣ እንዳ ፣ ወዲ ፣ ንእንዳ ፣ ጓል ፣ ይብጽሕዎ ፣ ብድሕርዚ ፣ ብጽሑት ፣ ከልኩልዩ ።

## ፴፯ ። ኩ ል ኩ ል ነ ገ ር ።

መከፈት ፣ አፍ ፣ ብላዕ ፣ ዓንደገመል ፣ ብላዕ ፣ ቤት ፣ ስርሐለይ ፣ ብላዕ ዓጺድ ፣ ከልእ ፣ ንዕኡ ፣ ገዘመስል ፣ ውን ፣ አበ ፣ ጓል ፣ ከይአዝዝ ፣ ከልኩልዩ ። ነዞይ ፣ ሐሊፉ ፣ ዝአዘዘ ፣ ፻ፈ ፣ ይዕደ ፣ ንቤተ ፣ ትምህርቲ ።

አበ ፣ ወዲ ፣ ድማ ፣ ሐሞይ ፣ ኪፈትጠለይ ፣ ኢሉ ፣ ነዚኤን ፣ ብሕጊ ፣ ዝተረኑ ፣ እንተሐበ ፣ ፍትሕ ፣ ኪኸውን ፣ መዓልቲ ፣ ትሩፍ ፣ እዩ ።

ነምኡ ፣ ውን ፣ ናብ ፣ ቀብሪ ፣ ከበዳ ፣ ምምጻእ ፣ ከልኩልዩ ፣ ስለዚ ፣ እቶም ፣ ከብቲ ፣ እግዚአብሔር ፣ ንከልእ ፣ ግበእ ፣ ንብረትና ፣ እዩ ፣ ዝሐበና ፣ እምበር ፣ ናብ ፣ አገብር ፣ ኪዘሩ ፣ እናተፈፌነቱ ፣ አይኮነን ፣ ናብዚ ፣ ነገርዚ ፣ እተረኸቡ ፣ ጥሪት ፣ እቲ ፣ ጭቃ ፣ ንገበር ፣ አዚዙ ፣ ብተሉ ፣ ይሐዞም ፣ አስቀዳዲሙ ፣ ድማ ፣ ጽዕነቶም ፣ የራግፈሎም ፣ ጥሕስ ፣ ኢትኪሉ ፣ ፲፱ ፣ ፈ ፣ ይዕደዩ ፣ እቶም ፣ ዋና ፣ እንስሳ ፣ ንትምህርቲ ፣ ቤት ።

## ፴፯ ። አገባብ ብላዕ በቅሊ ።

በቅሊ ፡ ዝበልዐ ፡ አብ ፡ ጓል ፡ ቅድም ፡ ናብ ፡ መጓልቲ ፡ ሕጻ ፡ ፲ ፡ ከብቲ ፡ ፳ አንስትዮ ፡ ፳ ተባዕትዮ ፡ እኩታት ፡ ይሃብ ከብዚኦም ግን ፪ ገዝሕረሱ ፡ ፩ ትሕለብ ፡ ዝሃበ ፡ በቅሊ ፡ ኪበልዕ ፡ ይግብኦ ። ነዚኦን ፡ ዘይሀብ ፡ በቅሊ ፡ አይብላዕ ፤ ነዚ ፡ ሕጊ ፡ ሐሊፉ ፡ በቅሊ ፡ አዚዙ ፡ ዝወሰደ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ ዋጋ ፡ እታበቅሊ ፡ ብዕጽፊ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይሃብ ።

አብ ፡ ወዲ ፡ ድማ ፡ ክይተአዘዘ ፡ በቅሊ ፡ ንሐሙኡ ፡ ኪፈትወለይ ፡ ኢሉ ፡ ዝሃበ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ ጸብጻብ ፡ ዜብላ ፡ ትርፍቲ ፡ ትኹን ።

አብ ፡ ወዲ ፡ ነበጓል ፡ ክይተወከሰ ፡ ከብቶም ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ዝሃበ ፡ ከብቲ ፡ ክሸይጥ ፡ አይከአሉን ፡ እዩ ፤ ክይተወከሰ ፡ ዝሸጠ ፡ ጃፊ ፡ ይከሐስ ፡ እተን ፡ ሺያጥ ፡ ድማ ፡ ነበጓል ፡ ይሃብ ።

አብ ፡ ወዲ ፡ ከብቶም ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ዝአተዉ ፡ ከብቲ ፡ አፍቲዱ ፡ ዝሸጠ ፡ ወይ ፡ ገገዝሚ ፡ ጓሉ ፡ ብፍቓድ ፡ ሐሙኡ ፡ ዝሃበ ፡ ምናልባሽ ፡ ፍትሕ ፡ እንተኾነ ፡ ቀንዲ ፡ ሽያጥ ፡ ገንዘቡ ፡ ነበጓል ፡ ይሃብ ። እታ ፡ ኸብቲ ፡ አንስተይቲ ፡ እንተኮነት ፡ እሞ ፡ ናብቶም ፡ አሕማ ፡ ናይ ፡ እንዳወዲ ፡ እንተፈረየት ፡ ብፍቓድ ፡ ኢያ ፡ ዝኸደት ፡ እሞ ፡ እተን ፡ ዝፈረየተን ፡ ደቃ ፡ ናብ ፡ አበጓል ፡ ክምለሳ ፡ አይከአልን ። እታ ፡ ቀንዲ ፡ ጥራይ ፡ ይቕበል ።

አብ ፡ ወዲ ፡ ክብቶም ፡ እተቀበሉዎም ፡ ገገምቲ ፡ ወዲ ፡ ነቦኻል ፡ ከይተወከሰ ፡ ንኹሉ ፡ እንተተግዘመ ፡ ወይ ፡ ንክልእ ፡ እንተሃበ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ እዩም ፡ ክብቲ ፡ ብቀንደም ፡ እንተሉዉ ፡ ብቀንደም ፡ ናብ አቦኻል ፡ ይመለሱ ፡ ምናልባሽ ፡ እንስተይቲ ፡ እንተኰነት እሞ እንተፈረየት ፡ እንተሉ ፡ እተን ፡ ዝፈረየተን ፡ ደቃ ፡ ናብ ፡ አቦኻል ፡ ትመለስ ። ቀንዲ ፡ እንተዘይለዋ ፡ ግና ፡ ኣምሰያ ፡ ይሃበ ።

ጣዕዋ ፡ ገዝሚ ፡ ናብ ፡ ኢዱ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ እንተሞተ ፡ እሞ ፡ ስጋኡ ፡ ናብ ፡ ቤቱ ፡ እንተበልዖ ፡ ክንዲ ፡ ኻስነቱን ፡ ድኻሙን ፡ እዩሞ ፡ ብዝበልዖ ፡ ይደቅስ ፡ አይከሰስ ። ነቲ ፡ ስጋ ፡ እንተሸጠ ፡ ግና ፡ ፍትሕ ፡ እንተኰነ ፡ ነቦ ፡ ኻል ፡ ይሃብ ።

ጣዕሞ ፡ ገዝሚ ፡ ብዘይ ፡ አሰር ፡ ጠፊኡ ፡ እንተበለ ፡ ብእዋን ፡ ፍትሕ አቦኻል ፡ ነቦ ፡ ወዲ ፡ የምሕሎ ። ምናልባሽ ፡ ባዕሉ ፡ ሸይጡ ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ ዝጸንዔ ፡ ሐቢኡ ፡ ጠፊኡኒ ፡ እንተበለ ፡ አብ ፡ ኻል ፡ ብምስክር ፡ ረቲዑ ፡ ከምዝሸጠ ፡ ወይ ፡ ከምዝሐብአ ፡ እንተወጸአ ፡ ግና ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ብጅረተከላ ፡ ይከፈል ።

ብሕጸ ፡ አበወይትን ፡ አቦኻልን ፡ እተባልሰዎ ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ ፍትሕ ፡ እንተኾነ ፡ አይጸብጸብ ፡ ትሩፋት ፡ እዩ ።

አብ ፡ ወዲ ፡ ካብተን ፡ ገዝሚ ፡ ዝኣተዉኦ ፡ ናእሽቱ ፡ ጣዓጢ ፡ ስለ ፡ ዝኾና ፡ ዘይሐረሰን ፡ ዘይሐለበን ፡ እንተኾነ ፡ እሞ ፡ ምናልባሽ ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ አቦኻል ፡ ብላዕ ፡ ሳዕርን ፡ ግብርንጉሥን ፡ አኽቲቡ ፡ እንተኰነ ከኣ ፡ ናይ ፡ መኽተብን ፡ ጸብጺቡ ፡ ገንዘብ ፡ ነቦወዲ ፡ ከፊሉ ፡ ጣዓውኡ ፡ ይውሰድ ። እቲ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ሐሪሱን ፡ ሐሊቡን ፡ እንትኰነ ፡ ግና ፡ ብኡ ፡ ይደቅስ ፡ ጸብጻብ ፡ ግብሪ ፡ ብላዕ ፡ ሳዕሪ ፡ ክታበት ፡ የልቦን ! አቦኻል ጣዓውኡ ፡ ወሲዱ ፡ ይደቅስ ።

ኳል ፡ ኣቦኣን ፤ ኣዴኣን ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ ብፍቓድ ፡ ኣቦኣ ፡ ኣያ ፡ እትሕፀ ፤ ኣቦ ፡ ከሎ ፡ ኣደ ፡ በዕላ ፡ ክተሕጽ ፡ ኣይክኣላን ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ነቦ ፡ ከየፍቀደት ፡ ኣደ ፡ እንተሕፀየት ፡ ፀሪ ፡ ትኽሕስ ፡ እሞ ፡ ኣቦ ፡ ዘይፈተዎ ፡ ሕፀውን ፡ ኣይርጋእ ፡ ትፋፍ ፡ ይኾን ።

ሰብኣይና ፡ ሰበይትን ፡ ፍቱሓት ፡ እንተኮኑ ፡ ክልቲኣም ፡ ተሰማሚዖም ፡ ኳሎም ፡ የሕጽዩ ፤ ዘይሰማሚዑ ፡ እንተኮኑ ፡ ግና ፡ እታ ፡ ኳል ፡ ከይተሐጽየት ፡ ፲፩ ዓመት ፡ ትጽናሕ ። ብድሕሪኡ ፡ እታ ፡ ኳል ፡ ገፈተመት ፡ በዕላ ፡ ትተሐጸ ።

እቲ ፤ እተሐጸ ፡ ወዲ ፡ ካብ ፡ ፲፭ ዓመት ፡ ጀሚሩ ፡ ክሳዕ ፡ እዋን ፡ መርዓኡ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ሐሙኡ ፡ ይመላለስ ፤ እታ ፡ ሕጽይቲ ፡ ኳል ፡ ድማ ፡ ኣይትተሓባእ ፤ ከምዚ ፡ እናተረአአዩ ፤ ይዕበዩ ።

ንመርዓ ፡ ፩ ዓመት ፡ ምስተረፎም ፡ እቶም ፡ ክልተ ፡ ሕዑያት ፡ ፍቅሮም ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ኣበንስሐ ፡ ናይ ፡ እንዳኳልኒ ፡ ፫ ግቡኣት ፡ ምስክርነ ፡ ብግልጺ ፡ የፍልጡ ። ብድሕርዚ ፡ ክልተ ፡ ወለዲ ፡ ንመርዓ ፡ ኪዳጸሩ ፡ ይግብኦም ፡ ከምዚ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ንምኽንያት ፡ ፍትሕ ፡ ኣቦታትና ፡ እዮም ፡ እምበር ፡ ንሕናስ ፡ ኣይንፋለጥን ፡ እኳ ፡ ዚበሃል ፡ ቃል ፡ ኪተርፍ ፡ ይክኣል ፡ እዩ ።

ወድን ፡ ኳልን ፡ ተሐጻጽዮም ፡ ከለዉ ፡ ሐሳኦም ፡ ፈንጠጡ ፡ ወይ ፡ ጀጊሉ ፡ እንተ ፡ ተረኺቡ ፡ ገገንዘቦም ፡ ተጻባጺቦም ፡ ይፈላለዩ ።

ኣደኦም ፡ ዝሞተቶም ፡ ቈላው ፡ ኣቦኦምን ፡ ሰይተቦኦምን ፡ ብናይብርክም ፡ ገንዘብ ፡ እንተሕፀዮዎም ፤ ምናልባሽ ፡ እቶም ፡ ሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ እቶም ፡ ቈላው ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ከለዉ ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ዝጠፍኣ ፡ ገንዘብ ፡ እታ ፡ ሰይቲቦኦም ፡ ሁብጺባ ፡ ክትምቀሎ ፡ ኣይም

ብእን ፣ እዩ ፣ ክመይ ፣ እቶም ፣ ዘኽታማት ፣ ቆላሁ ፣ ግዝኣቶም ፣ እዩ ።

ከምኡውን ፣ እቲ ፣ ንሳ ፣ ሐማት ፣ ኩይና ፣ ምስሐረሰት ፣ ዝበልዓዮ ፣ መብጺሒ ፣ ኩነ ፣ ደቂ ፣ ቀዳማይ ፣ ሰብኣያ ፣ ማለት ፣ ደቂ ፣ በይና ፣ ኣሕጻያ ፣ እንተ ፣ ነበረት ፣ ኣይጸብጸብ ፣ ትሩፍ ፣ ይኹን ።

መማጽኢ ፣ ቅሩና ፣ ክብ ፣ ኣበ ፣ ወዲ ፣ ቅሩና ፣ ካብ ፣ እንዳ ፣ ኀል ፣ ይግባእ ።

## ፴፰ ። ብ ላ ሰ   መ ር ዓ ።

ኣበ ፣ ወድን ፣ ኣቦጓልን ፣ ብላዖም ፣ ብጸሐይ ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ኣበት ፣ ንብሲን ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ፫ ፣ ግቡኣት ፣ ምስክር ፣ ብላዕ ፣ ኣቑሞም ፣ መዓልቲ ፣ መርዓ ፣ ይቋጸሩ ።

ብላዕ ፣ መርዓ ፣ ንሃብታም ፣ ኩነ ፤ ንድኻ ፣ ትኽክል ፣ እዩ ፣ ስለዚ ፣ እዚ ፣ ክብ ፣ ዝበለ ፣ ብላዕ ፣ ክሳዕ ፣ ንኒ ፣ ላምኒ ፤ እንፍቅቲ ፣ ጣፍኒ ፣ ይኹን ካብኡ ፣ ንታሕቲ ፣ ብምኽት ፣ ብጤል ፣ ውራይ ፣ መርዓ ፣ ኣሕጺርካ ፣ ኪግበር ፣ ፍቓድ ፣ እንዳበ ፣ እዩ ። ክመይ ፣ ብዙሕ ፣ ድኻ ፣ ነቲ ፣ ሃብታም ፣ ኪርኪብ ፣ ብድሕሪ ፣ መርዓ ፣ ናብ ፣ ከቢድ ፣ ሰዳ ፣ ከም ፣ ዝወድቅ ፣ ርግጽ ፣ እዩ ፣ ስለዚ ፣ ካብዝን ፣ ናብ ፣ ሕጊ ፣ ተጻሕፈን ፣ ዘለዋ ፣ ሐሊፉ ፣ ብላዕ ፣ መርዓ ፣ ዝአዘዘ ፣ ፴ ፣ ፈርጊ ፣ ይሰደ ፣ ንተማሃሪ ፣ ቤት ።

እቲ ፣ ኣበ ፣ ወዲ ፣ ድማ ፣ ዝይተእዘዘ ፣ ሐሞይ ፣ ኪፈትወለይ ፣ ኢሉ ፣ ነቲ ፣ ሕጊ ፣ ኣፍሪሱ ፣ ላዖ ፣ ብምልእታ ፣ ነበ ፣ ኀል ፣ እንተሃበ ፣ ወይ ፣ ክብተን ፣ ጽሑፋት ፣ ናብ ፣ ሕጊ ፣ እንተሓለፈ ፣ ፴ፈ ፣ ይሰደ ፣ ንተማሃሪ ፣ ቤት ።

ብላዕ ፡ ክዳውንቲ ፡ ፩ ጥልፊ ፡ ፩ ፡ ባዕሉዓቢ ፡ ፩ ልብልባ ፡ አበጊል ፡ ካብዚኤን ፡ ሐሊፉ ፡ አይብላዕ ። እቲ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ግና ፡ ፈትዩ ፡ ክዳን ፡ መርዓት ፡ ወዲ ፡ ወሲኹ ፡ እንተሃበ ፡ ብዛዕባ ፡ ክዳውንቲ ፡ እንክለሉ ፡ የብልናን አብ ፡ ወዲ ፡ ዘምጽኦ ፡ ብላዕ ፡ አበጊል ፡ ንኽልእ ፡ እንተሃበ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሕስ ።

መለኸት ፡ እምብልታ ፡ ክበሮ ፡ ገዛሐዘ ፡ ሕልፎት ፡ ብጀካ ፡ ፲ ንርኒ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ነዚአ ፡ ሐሊፉ ፡ አበጊል ፡ እንተአዘዘ ፡ ወይከዓ ፡ አብ ፡ ወዲ ፡ ኪፈትወለይ ፡ ኢሉ ፡ እንተሰደደ ፡ ፴ ፈ ፡ ይሰድ ፡ አብ ፡ ነብሲ ፡ ድማ ፡ ነቲ ፡ እኽሊ ፡ ማይ ፡ አይብርክ ።

ከምኡ ፡ ውን ፡ ንይላ ፡ ሬኤፈራ ፡ ምገሩፍ ፡ ናብ ፡ መርዓኡ ፡ ገገበረ ፡ ፴ፈ ፡ ይሰድ ፡ አብ ፡ ነብሲ ፡ ድማ ፡ እኽሊ ፡ ማይ ፡ አይብርኽ ፡ ክህን ፡ ንዘዩ ፡ ሐሊፉ ፡ እንተበረኸ ፡ ካብ ፡ ማሕድሮ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይልቀቅ ።

አብ ፡ ጓል ፡ ንዶም ፡ ርእዮን ፡ ተመልኪቶን ፡ እተዋሰበም ፡ አሕማኑ ፡ ናብ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ብአዋልድ ፡ ከጽርፍን ፡ ብበርበረ ፡ ኬስተኖም ፡ አይግበእን ፡ እዩም ፡ ስለዚ ፡ አዋልድ ፡ ክበሮ ፡ አሒዘን ፡ ንመርዓውን ፡ ዓሌቱን ፡ ከዩጸርፉ ፡ ክልኩላትየን ፡ ብሕጊ ፡ ከ ምኡ ፡ ውን ፡ እንዳ ፡ ጠዲ ፡ ነታ ፡ መርዓትን ፡ ዓሌታን ፡ ክይጸርፉ ፡ ክልኩላትየን ፡ ነዚዩ ፡ ሐሊፉ ፡ አብ ፡ ጋዲ ፡ ይኹን ፡ አብ ፡ ጓል ፡ ይኹን ፡ ዘጽረፈ ፡ ፴ፈ ፡ ይሰድ ፡ ንተማሃሪ ፡ ቤት ።

## ፴፱ ፤ ወ ራ ድ መ ር ዓ ።

ወራድ ፡ መርዓ ፡ ፪ መአዲ ፡ ምስ ፡ ሐሙ ፡ ፩ መአዲ ፡ ምስ ፡ መርዓ ዊ ፡ ኩሉም ፡ ፳፬ ፡ ሰብ ፡ ይኹኑ ፡ ካብዚኦም ፡ ዝሓልፉ ፡ እንተ ፡ አውረደ ፡ ከምኡ ፡ውን ፡ ብጀካ ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ፈትዩ ፡ ዝሃበ ፡ ገዝምን ፡ ክዳውንትን ፡ በቶም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ገይሩ ፡ ብጥርዓንን ፡ ህውከትን ፡ ዝወሰደ ፡ ገንዘብ ፡ ምንብባር ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ እተን ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ እተሰምያ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብክብረቲ ፡ ኾነ ፡ ብገንዘብ ፡ ኩሉን ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ብላዕሊ ፡ አይውሰድ ፡ ከም ፡ ገዝሚ ፡ መጠን ፡ ኰይነን ፡ ይመቓላ ፡ ፍትሕ ፡ እንተ ፡ ተረኽበ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብላዕሊ ፡ የልብሉን ።

እቲ ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ፳፬ ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ መርዓ ፡ ዘውረደ ፡ ንሳቶም ፡ ድማ ፡ ብዘይጥርዓን ፡ ካብ ፡ ዳስ ፡ እንተተሳናበቱ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ኩሉ ፡ ክዳውንቲ ፡ እተሰምየ ፡ ነቦ ፡ ወዲ ፡ ብላዕሉ ፡ ይኹን ፤ እዚ ፡ ካብ ፲፱፻፴፮ ዓ ፡ ም ፡ እዩ ፡ ዝጅመር ።

ብጸሓይ ፡ መርዓ ፡ ንቋጸር ፡ ኢሎም ፡ ፪ አሕማ ፡ ምስተቋጸሩ ፡ ሐዲኦም ፡ እንተጠለመ ፡ ፴ፈ ፡ ይኸሕስ ፡ ምስተቋጸሩ ፡ እኸለ ፡ ማይ ፡ ምስ ፡ ተላዕጠጠ ፡ እንተኾነ ፡ ግን ፡ ፳ፈ ፡ ይኸሕስ ።

በታ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ እንተ ፡ ሸልዔ ፡ ጓሉ ፡ ከምኡውን ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ አብዮኒ ፡ ወደይ ፡ ኢሉ ፡ እንተገደፉ ፡ ናይ ፡ ጽንብል ፡ ሐረረ ፡ ፳ፈ ፡ እዩ ፡ ክኸሕሱ ።

ኣቦ ፡ ወዲ ፡ ንትን ፡ ብላዕ ፡ ተኣዚዙን ፡ በታ ፡ ቒጸራ ፡ መዓልቲ ፡ እንተ ዘይሃበ ፡ ፴ፈ ፡ ኪሒሱ ፡ እትን ፡ ብላዕ ፡ ብዋሕስ ፡ ይኣትዋ ።

ዓለበ ፡ ዳስ ፡ ከይብላዕ ፡ ክልኩልዩ ፤ ክዳውንቲ ፡ ብገዝሚ ፡ ከይጽብጸብ ፡ ክልኩልዩ ።

ብጸሓይ ፡ ዝቖመ ፡ ብላዕን ፡ ክዳውንትን ፡ ቅውምዩ ።

ናብ ፡ ዳስ ፡ እቲ ፡ ኣቦ ፡ ወዲ ፡ ኣቦ ፡ ጓል ፡ ዝበሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ሕራይ ይበሉ ፡ ስለ ፡ ዕግርግር ፡ ከይከውን ፡ ካብ ፡ መስተ ፡ ተላዕለ ፡ ስለዚ ፡ ምንምኒ ፡ እቲ ፡ ኣቦ ፡ ጓል ፡ ንኣቦ ፡ ወዲ ፡ ፈጺመ ፡ እንተበለ ፡ ኣይረግእንዩ ፡ ከመይ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ጸሓይ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝቜውም ።

## ፱ ። መዓልቲ መርዓ ።

ወረድ ፡ መርዓ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ ኣተዉ ፡ ኣስቀዳድሞም ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ጓል ፡ ዋሕስ ፡ ይትከሉ ፤ እንዳ ፡ ወዲ ፡ እንዳ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ይትከሉ ፡ ዘየቃሰቅስ ፡ ብኢድ ፡ ጭቃ ፡ ወይ ፡ ጮቃ ፡ ዝሐደጎ ፡ ዋና ።

እቲ ፡ መርዓ ፡ ዝገብር ፡ ሰብ ፡ ቅድም ፡ ነቲ ፡ ጭቃ ፡ ይነግሮ ፡ በታ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ውን ፡ ዝግበአ ፡ መቐመጢ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ጌሩ ፡ ቅድሚ መርዓ ፡ ምእታዎም ፡ ይጸወዓዮ ፤ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ መጺኡ ፡ ዋሕስ ፡ ኣትኪሉ ፡ ፈጺሙ ፡ መርዓት ፡ ምስ ፡ ወጸት ፡ ይኸይድ ።

በዓል ፣ ውራይ ፣ ቅድም ፣ ኪቋጸር ፣ ንጐቃ ፣ እንተዘይነገሮ ብመዓል ቲ ፣ መርዓ ፣ መቐመጢኡ ፣ አሳናድዩ ፣ እንተዘይጸውዖ ፣ ፳፩ ፣ ይኽሐስ ።

ጐቃ ፣ ብዕሉ ፣ ወይ ፣ ወኪሉ ፣ ተጸዊዑ ፣ እንተዘይመጸ ከምኡ ፣ ና ብ ፣ ሕጊ ፣ ዘሎ ፣ እንተዘይፈጸመ ፤ ፳፩ ፣ ንበዓል ፣ መርዓ ፣ ይከሐስ ።

## ፵፩ ። ውዑል መርዓ ።

ኩሉ ፣ ውዑል ፣ ናይ ፣ መርዓ ፣ ዝኸውን ፣ ብፈርማ ፣ ይኹን ፤ ቁጽሪ ፣ ገዝሚ ፣ ናይ ፣ ገንዘብ ፣ ማልን ፣ ናይ ፣ ቃል ፣ ኪዳንን ፣ ምስክር ፣ ዝኹኑ ፣ እዚኦም ፤ እዮም አበ ፣ ንስሐ ፣ ናይ ፣ እንዳ ፣ ጓል አበ ንስሐ ናይ እንዳ ወዲ ፤ ፪ አበ ዳስን ፣ ጐቃ ዓድን እዮም እዞም አተሰምዩ ፫ ምስክር ፣ ዝርአይዎን ፣ ዝሰምዕዎን ፣ ናብ ፣ ሰለስተ ፣ ወረቀት ፣ ይፈርሙ ፤ አትን ፣ ፫፣ ወረቀት ፣ ናይ ፣ ውዑል ፣ ፊርማ ፣ ፩ ምስ ፣ አበ ፣ ንስሐ ፣ ናይ ፣ እንዳጓል ፣ ፩ ምስ ፣ አበ ፣ ነብሲ ፣ ናይ ፣ እንዳ ፣ ወዲ ፤ ፩ ድማ ፣ ምስ ፣ ጐቃ ፣ ዓዲ ፣ ናይ ፣ እንዳጓል ፣ ይቀመጣ ፤ እንዳ ፣ ወድን ፣ እንዳ ፣ ጓልን ፣ ካብአቶም ፣ ቀ ዳሓም ፣ ይውሰዱ ።

ቃል ፣ ኪዳን ፣ ምትእትታው ፣ ናብ ፣ ዳስ ፣ ናብ ፡ ቅድሚ ፣ ኩሉ ፣ ህ ዝቢ ፣ እዩ ፣ ኪኸውን ፣ ዝግባእ ፣ ብመንፈሳዊ ፣ ዓይነት ፣ ዘድሊ ፣ እንተሎ ግና ፣ እቶም ፣ ካህናት ፣ መዘም ፣ ኪፍጽሙ ፣ ግቡኦም ።

እዘም ፣ ተሐዝቲ ፣ ውዑል ፣ ነቲ ፣ ዝፈረምዎ ፣ እንተአጥፍእዎ ፣ ነተ ን ፣ ዘካሐሐዳ ፣ ገንዘብ ፤ ይኹን ማል ይኹን ከፊሎም ውጺ ይውጹኡ ።

ዋሕስ ፣ አበ ፤ ጓል ፣ ዝደለዩ ፣ ይትኸል ፤ ክልተ ፣ አሕማ እንተተብአ

ሱ ፡ ሳደኛ ፡ ይዳኒ ፡ ዘይከኣሉ ፡ እንተኾነ ፡ ናብ ፡ ጭታ ፡ ዓዲ ፡ የሕልፍ ፡ መውሓሲኡ ፡ ክብ ፡ ፪ አሕማ ፡ ቀቅርሽም ፡ ይሃብዎ ።

ጣዕዋ ፡ ገገዝሚ ፡ ናብ ፡ ሕጸን ፡ መርዓን ፡ ዘስምዒ ፡ ይሃብ ፤ ናብ ፡ አጥን ፡ ሕጸ ፡ ዘስምዔ ፡ ቅድሚ ፡ መርዓ ፡ ዩእተዉ ፡ ጣዓዉ ፡ ምናልባሽ ፡ ከሳብ ፡ ግዜ ፡ መርዓ ፡ ከይአተዉ ፡ እንተጸንሑ ፡ ብድሕሪ ፡ መርዓ ፡ ጣዕዋ ፡ ፪ ዓመት ፡ ይኽፈል ።

ብዕለት ፡ መርዓ ፡ እተሰምዩ ፡ ጣዓዉ ፡ ግን ፡ አበ ፡ ጓል ፡ ክብኣ ፡ መርዓ ፡ መዓልቲ ፡ ክሳብ ፡ ፪ ዓመት ፡ ጨሪሱ ፡ ይሃብ ፤ ብድሕሪ ፡ እዚዩ ፡ ከይሃበ ፡ እንተጸንሔ ፡ አበ ፡ ጓል ፡ ጣዕዋ ፡ ፩ ዓመት ፡ ፯ ወርሒን ፡ ይሃብ ።

በቲ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ አበጓል ፡ ዘስምዖ ፡ ገዘኾነ ፡ ጣዓዉ ፡ ገገዝምን ክዳውንትን ፡ ዘከፍሉ ፡ ዋሕስ ፡ ካብ ፡ ወረድ ፡ መርዓ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይትከለሉ ።

ዕዱም ፡ ጣዕዋ ፡ እንተሃበ ፡ ብኢድ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዋሕስ ፡ ካብቶም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ይትከል ፡ ዘከፍሉ ፤ በታ ፡ ተቋጸራ ፡ መዓልቲ ፡ እንተዘይሃበ ፡ ክምቲ ፡ ተሐጊጉ ፡ ዘሎ ፡ ይሃብ ።

ብመዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ገንዘብ ፡ ይኹን ፡ ጣዕዋ ፡ ይኹን ፡ መመረቅታ ፡ ንመርዓዊ ፡ እተዋህበ ፡ ዘበለ ፡ ኩሉ ፡ ከም ፡ ገዝሚ ፡ ይኹን ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ፍርቂ ፡ ይመቀሉ ፤ ብከልእ ፡ መዓልቲ ፡ ሐሙን ፡ ሐማትን ፡ ዝሃብዎ ፡ ግን ፡ ንመርዓትን ፡ መርዓውን ፡ ይኹን ።

ብመዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ኩሉ ፡ ተሰምየ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብግልን ፡ ብገንዘብን ፡ ገዘኾነ ፡ እንተኾነ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ብላዕሉ ፡ እዩ ።

ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ሰበይቱ ፡ አበ ፡ እንተመርዓወ ፤ ነታ ፡ ዝሞተት ፡ ሰበይ

ቲ፡ ከብቲ፡ እንተ ኸደና፡ አቦ፡ ጓል፡ ካሳብ፡ ዘሎ፡ እቲ፡ አቦ፡ ምስኡ
ይጽናሕ፤ ብድሕሪ፡ ሞት፡ ኣብኣም፡ ግን፡ እቶም፡ ካብኣ፡ ዝወለዱ፡
አወዳት፡ ይወረሱዎ፤ ካብኣ፡ ዘይወለዱ፡ ካወርሱ፡ ግቡእ፡ የልብ
ሎምን

አቦ፡ ወድን፡ አቦ፡ ጓልን፡ በቃ፡ መኣልቲ፡ መርዓ፡ ተሰማሚዖም፡
ነቲ፡ ኩሉ፡ ገዝሚ፡ ንወድናን፡ ንጓልናን፡ እንተበሉ፡ ከም፡ ውዑሎም
ቅውም፡ እዩ፤ እንተተበእሱ፡ ግን፡ በቢ፡ ዘጥፍእዎ፡ እኽለ፡ ማይ፡ ይ
ቁሙ፡ ብዘይ፡ ጸብጻብ፡ ቅድሚ፡ ብርኪ፡ ምጻእ፡ እንተተፋላለዩ፡ ገገንዘ
በም፡ ይጻባጸቡ።

መርዓቱ፡ ሒዙ፡ ዓዱ፡ ምስ፡ ተመልሰ፡ መርዓዊ፡ ምስኣ፡ ይደቅስ
ጥራያ፡ እንተጸንሒት፡ ንጽባሒቱ፡ ብ፫ ቈረብቲ፡ ትኹለል፤ ብርግጽ፡
ጥራያ፡ እሞ፡ ናይ፡ ቀደም፡ ኰይኑ፡ እንተተረኸበ፡ ሻሬ፡ ትኸሐስ፡ ን
መርዓዊ፤ ንድያቆን፡ ግን፡ ሿሬ፡ እዩ፡ ክእሳኡ፤ መርንት፡ ተኰሊላ፡ ደ
ሐን፡ እንተጸንሔት፡ ሻሬ፡ ትከሐስ።

ንጓና፡ ከመርዕወካ፡ እየ፡ ኢሉ፡ ዝገዝአ፡ ከምታ፡ ተስፋ፡ ዝሃቦ፡ የ
መርዕዎ፤ እታ፡ መርዓቱ፡ ወይ፡ እንተሞተት፡ ወይከዓ፡ እንተተፈትሔት፡
እተን፡ ገዝሚ፡ ፈረቓኤን፡ አቦጓል፡ ይሰድ፡ እተን፡ ፈረቓ፡ ድማ፡ ንቲ
ከም፡ አቦ፡ ኰይኑ፡ ዘመርዓወን፡ እቲ፡ ግዙእ፡ ተመርዓወን፡ ይከፈልወ
ን፤ ስለ፡ ምንታይ፡ እቲ፡ ጓና፡ አይወርሰንዩዎ።

ንጓና፡ ከመርዕወካ፡ እየ፡ ኢሉ፡ ዝበለመ፡ ካብታ፡ ስራሕ፡ ዝጀመ
ረላ፡ መዓልቲ፡ ጸብጺቡ፡ ደሞዙ፡ ከምቲ፡ ናብ፡ ሕጊ፡ ዘሎ፡ ይሃቦ፡ እ
ቲ፡ ጓና፡ ግዙእውን፡ ናብ፡ ዓዱ፡ ክኸይድ፡ ብኢድ፡ ሰበይ፡ እየ፡ ዝመ
ርዖ፡ እንተበለ፡ ጸብጺቡ፡ ተቐቢሉ፡ ይኺድ።

ዓሰር ፡ ክፍላ ፡ ምልሰት ፡ ሕድሮ ፡ እዚ ፡ ኩሉ ፡ ክይግበር ፡ ክልኩል እዩ ፡ ነዚ ዩ ፡ ዘፍረሰ ፡ ፎሬርጊ ፡ ንተመሃሪ ፡ ቤት ።

ጓል ፡ ብእእልታ ፡ እንተ ፡ ኣዲ ፡ ሰብኣያ ፡ አትያ ፡ ብላሰ ፡ ክዳውንታ ፡ ውን ፡ እንተ አትዩዋ ፡ ምንምኒ ፡ ብጭሉቕ እንተኸይኑ ክም ግቡእ ምርሰ ውቲ ፡ ትኸን ፤ ፍትሕ ፡ እንተተረኸበ ፡ ክም ፡ ምርሰውቲ ፡ ይተሐሳሰቡ ።

ጓል ፡ ሰኑ ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ እንተተመርወት ፡ ክ ም ፡ ስሩዕ ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ ገዝምን ፡ መስልን ፡ ክምታ ፡ ኑተን ፡ አን ላት ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ ተሰሪዕወን ፡ ዘሎ ፡ ትርክብ ።

በቲ ፡ መርዓ ፡ መዓልቲ ፡ ጠበንጃ ፡ ሽጉጥ ፡ ፈረስ ፡ በቅሊ ሐሙ ፡ ን ሰብኣይ ፡ ጓሉ ፡ ዝሃበ ፡ ንመርዓዊ ፡ ብላዕሊ ፡ ይኹን ፡ ምስ ፡ መርዓቱ ።

ብርኪ ፡ ክይወጸት ፡ ክላ ፡ እታ ፡ መርዓት ፡ ሰብአያ ፡ ሞይትዋ ፡ እንተ ተፈትሐት ፡ ፈረቃ ፡ ገዝማ ፡ ትሰድ ፡ እቲ ፡ ፈረቃ ፡ ድማ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይ ኩን ፤ እታ ፡ መርዓት ፡ እንተሞተት ፡ ድማ ፡ ምቅሉ ፡ ክምኡ ፡ እዩ ።

ስልማት ፡ መርዓት ፡ ዕሸር ፡ ገዝሚ ፡ ካብ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ትቀበል ፡ ና ብ ፡ ቤት ፡ ምሕጻን ፡ ክላ ፡ እንተሃበ ፡ ብገንዘቡ ፡ ትቀበል ፡ አበእ ፡ የሶርሐ ላ ፡ ድሕሪ ፡ ምልሰታ ፡ እንተሃበ ፡ ግን ፡ እንተሎ ፡ መስርሕኡ ፡ ገና ፡ ይሃበ ክምቲ ፡ ተቀበሎ ፡ ገዝሚ ፡ ብቅርሺ ፡ ይኹን ፡ ብፈረንካ ፡ ይኹን ።

መሰል ፡ ዝበልዒ ፡ መሰል ፡ ይሃብ ፡ ክም ፡ ስሩዕ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ፋርቂ ፡ ገዝሚ ፡ ይመቀል ፤ ክዳውንትን ፡ ዕጥቃትን ፡ ድማ ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰድ ፡ አበ ፡ ወዲ ።

ትና ፡ ክም ፡ ወላዲ ፡ መጠን ፡ ክውንኑ ፡ ዘምሰለ ፡ ኩሉ ፡ መሰል ፡ ክም ወላዲ ፡ ይሰድ ፤ እቲ ፡ ገዝምርያ ፡ ወዲ ። ወለዶ ፡ ብሂወቶም ፡ እንተለ

ዉ ፡ እቲ ፡ አበጓል ፡ እንተከደኖም ፡ ማል ፡ ይኩን ፡ ገንዘብ ፡ ይኩን ፡ ዩውሰዱ ። ምውቃት ፡ ከለዉ ፡ እንተተኸድኑ ፡ ግን ፡ ነቲ ፡ ዘመርዓወ ፡ ጓና ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

መርዓዊ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አበኡ ፡ ቈይሙ ፡ ዋሕስ ፡ ይትክል ፡ ዋሕስ ፡ ምስ ፡ ዝዕገት ፡ ግዜ ፡ በበቲ ፡ ዝግብኦም ፡ ይኸፈሉ ።

ሰብአይ ፡ ጓል ፡ መርዓቱ ፡ ኪወስድ ፡ ተቛጺሩ ፡ እንተኸልኡዎ ፡ ጃፊ ፡ ይኸሕሱዎ ፡ ከምኡውን ፡ ሰብአይ ፡ ጓል ፡ መርዓቱ ፡ ዶልዩ ፡ ወይ ፡ ከዳውንታ ፡ አሒዙ ፡ እንተመጺኡ ፡ አማኻንዮም ፡ ምስ ፡ መርዓቱ ፡ ሃውድቃስ ፡ እንተከልኡዎ ፡ ጃፊ ፡ ይኸሕሱዎ ።

ክብ ፡ ወዲ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ኰነ ፡ ካብ ፡ ክልአት ፡ አውራጃታት ፡ ኰነ ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ መርዓውን ፡ መርዓትን ፡ አሒዞም ፡ ምድሪ ፡ መስዩዎም ፡ ናብ ፡ ዝሓደሩዎ ፡ ዓዲ ፡ ክረይዓልኩም ፡ ሰፈር ፡ ሃቡና ፡ ዝበሉ ፡ አጋይስ ። እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ምስቶም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እተረኸበ ፡ ሰብ ፡ ኰይኖም ፡ ብኺደረ ፡ አዚዞም ፡ ሰፈር ፡ ድራሮም ፡ ከአ ፡ በጊዕኒ ፡ ዝእነሎም ፡ እንጌራን ፡ ይሃብዎም ። እንተደፈኑዎም ፡ ጃፈርጊ ፡ ይኸሕሱዎም ።

## ፹፱ ። መርዓ ሐያም ።

ሰብአይ ፡ ንሐያም ፡ ሰበይቲ ፡ ከምጽእ ፡ ከሎ ፡ አቐዲሙ ፡ ገንዘብ ፡ አዲአም ፡ ነቶም ፡ ቈላው ፡ ጓፍለየሎም ። ብድሕርዚ ፡ በትን ፡ ዝተረፉ ፡ ገንዘቡ ፡ ከም ፡ ድላዩ ፡ ይብረኽለን ።

ሐያም ፡ ሰበይቲ ፡ ናብ ሰብኣይ ፡ ክትኣቱ ፡ ከላ ፡ ናብ ፡ ግራት ፡ ዘሎ ዘራእቲ ፡ እኽሊ ፡ ኮነ ፡ ናብ ፡ ቆፎ ፡ ዘሎ ፡ ቀሙጥ ፡ እኽሊ ፡ ኮነ ፡ ምንም ፡ እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ብውዑል ፡ ብርኪ ፡ እተወየ ፡ እንተበላ ። ንሳ ፡ ክኣ ፡ ሕራይ ፡ ኢላ ፡ ብድሕሪ ፡ ቁሩብ ፡ መዓልቲ ፡ ነራ ፡ ፈረቓ ፡ እኽሊ ፡ መቐለ ፡ ክኸይድ ፡ እየሞ ፡ ፍትሐኒ ፡ እንተበለቶ ፡ ዘርኢ ፡ ሰሬራን ፡ ጸሃያን ፡ ዘየፍረየቶ ፡ እኽሊ ፡ ክትምቀል ፡ ኣይግባኣን ፡ እዩ ፡ እቲ እኽሊ ንሰብኣይ ፡ ይኹን ። ብድሕሪ ፡ ፩ ዓመት ፡ ዘርኢ ፡ ሰሬራ ፡ ዝጸመወትሉ ፡ ፍርያት ፡ ግና ፡ ክትምቀል ፡ ግቡእ ፡ እዩ ።

እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ድማ ፡ ነታ ፡ ባዕሉ ፡ ፈቲዩ ፡ ዘምጽኣ ፡ ሰበይቲ ፡ ብድሕሪ ፡ ቅሩብ ፡ መዓልቲ ፡ ኪዲ ፡ እንተበለ ፡ ከምታ ፡ ውዑሉ ፡ ይምቀላ።

ከምኡውን ፡ ንኽዳውንታ ፡ እተበልዔ ፡ ብላዕ ፡ ኹን ፡ ሽልማት ኮን ፡ ብድሕሪ ፡ መርዓ ፡ ቁሩብ ፡ መዓልቲ ኢራ ክዳውንተይን ሽልማተይን ነጊደ ፡ ኣሎኹ ፡ ኢላ ፡ ፍትሐኒ ፡ እንተበለቶ ፡ እተን ፡ ዋጋ ፡ ኽዳውንትን ሽልማትን ፡ ዝኸፈለለን ፡ ገንዘብ ፡ ምሒሉ ፡ ክብኣ ፡ ይከፈል ።

እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ድማ ፡ ነታ ፡ ፈትዩ ፡ ዘምጽኣ ፡ ሰበይቲ ፡ ብድሕሪ ፡ ቁሩብ ፡ መዓልቲ ፡ ኪዲ ፡ እንተበላ ፡ ብእተኸድነቶን ፡ ብእተሸለመቶን ፡ ትኺድ ፡ ክብቲ ፡ ግና ፡ ገገንዘቦም ፡ ይሰዱ ። እዚ ፡ ናይ ፡ ፩ ዓመት ፡ ዘይመልኡ ፡ ህውኽ ፡ ፍትሕ ፡ ዜቕውም ፡ ሕጊ ፡ እዩ ።

ሐያም ፡ ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ብብዕራዮም ፡ እንተ ፡ ተባረኹሞ ፡ ሐዲኦም ፡ ሂቡ ፡ ሐዲኦም ፡ እንተጠለመ ፡ ናብዚመንጎ ፡ ምናልባሽ ፡ ፍትሕ እንተኾነ ። እቲ ፡ ብዕራዩ ፡ ሂቡ ፡ ዘርእ ፡ ዝኸረመ ፡ ፫ ኪሻ ፡ እኽሊ ፡ ፈረቓ ፡ ብሱል ፡ ፈረቓኡ ፡ ድማ ፡ ጥረ ፡ ክራይ ፡ ብዕራዩ ፡ ብላዕሊ ፡ ይሰድ ። ዝተረፈ ፡ ፈፈረቓኦም ፡ ይማቐሉ ።

ኪሻ ፡ እኽሊ ፡ ማለት ፡ ብሱል ፡ እንተኾነ ፡ ያሒት ፡ እዩ ፡ ስፍሩ ፡ ጥ

እንተኸውነውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ስገም ፡ ሓንፈሻ ፡ ግና ፡ ፭ ገበታ ፡ እዩ ። ሰብኣያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ገንዘብ ፡ አቦኣያ ፡ ኢሒጃ ፡ ናብ ፡ እንዳ ሞ ፡ ትቕሚጣ ፡ ተዕብዩም ። ምናልባሽ ፡ እንተ ፡ ተመርዓወት ፡ ግና ፡ ገንዘብ ፡ ቈላው ፡ ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣይ ፡ አይትውሰድ ። ገንዘ ቈላሁ ፡ ዓቢ ፡ ሓዎም ፡ ይሐዘሎም ። ዓበ ፡ ዝአርንብ ፡ ሐው ፡ ዜብ ፡ እንተኰኑ ፡ ከኣ ፡ እቲ ፡ ሐወቦኦም ፡ ከየጥፎእ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሉ ፡ ዘሎም ፡ ክሳዕ ፡ አእምሮ ፡ ዚገብሩ ። ፲፰ ፡ ዓመት ፡ ምስ ፡ ገበሩ ፡ በም ፤ ይአክቡ ።

ሓያም ፡ ሰበይቲ ፡ ንመርዓ ፡ ሕራይ ፡ ኢላ ፡ እንተጠለመት ፡ ፲ፈርጊ ፡ ሐሰ ፤ እቲ ፡ እኸለማይ ፡ ትላዕጢጡ ፡ እንተኸውን ፡ ግና ፡ ፳ፈርጊ ፡ እያ ፡ ፀሕሰ ። ሰብኣይ ፡ እንተጠለመውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ።

ሰብኣይ ፡ ንሓያም ፡ ሰበይቲ ፡ ክሞርያ ፡ ኸሎ ፡ አቐዲሙ ፡ ዘሎዎ ፡ ዕ ሪንገረ ፡ ፈትያ ፡ ብሐደ ፡ ንኸፍሉ ፡ እንተበሊዶ ፡ ከምውዑሎም ፡ ይ ም ። እንተአበየት ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ፡ ይኸፈሎ ።

## ፵፫ ። ምውጻእ ሓዳር ።

ገብታ ፡ ሠማልቲ ፡ መርዓ ፡ ፫ምሮም ፡ አቦንልኒ ፡ አበወድን ፡ ኑዮም ፡ ፡ መርዓውቲ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ሐንሮም ፡ የውጽአዎም ፡ ምናልባሽ ፡ ንል ፡ ወይ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ሎሚ ፡ ጽግሕ ፡ እናብሉ ፡ ሎዳሮም ፡ ክይፈ ም ፡ ፫ ዓመት ፡ እንድሕሪ ፡ ካብ ፡ ዝምርዓወ ፡ ኣኒሖም ፡ ብሕጊ ፡ ክ

ም ፡ ውጹኢት ፡ ሓዳር ፡ እዮም ። ብሓደ ፡ እንተለዉ ፡ ወዲን ፡ ጓልን ፡ ፈረቓ ፡ ገዝሚ ፡ ይውሰዱ ፤ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ ድማ ፡ ጓል ፡ ርበን ፡ ስሒ ጃ ፡ ካብ ፡ ገዝማ ፡ እያ ፡ እትኸይድ ። ብድሕሪ ፡ ፲ ዓመት ፡ ከም ፡ ውጹእ ት ፡ ብርኪ ፡ እዮም ።

ምውጻእ ፡ ሓዳር ፡ ቅድም ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ነበ ፡ ጓል ፡ አናበረኒ ፡ ይበሉ ብድሕርዚ ፡ አበጓል ፡ ናብ ፡ እንዳወዲ ፡ መጺኡ ፡ ከም ፡ ሰሩዕ ፡ ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ቅረበም ፤ አበ ፡ ወዲ ፡ አበ ፡ ጓልኒ ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ ዘለዉ ፡ ክ ብቲ ፡ ቈጺሮም ፡ በታ ፡ መዓልቲ ፡ ቈጺሩ ፡ ክልቲኦም ፡ የቅርብወን ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ገዝሚ ፡ እትዋህበ ፡ ገንዘብውን ፡ ቁጽሩ ፡ ተፈሊጡ ፡ ይሰመ ።

ብድሕርዚ ፡ ፈረቓ ፡ ገዝሚ ፡ ከብቲ ፡ ኰነ ፡ ገንዘብ ፡ ንወድን ፡ ጓልን ፡ ይኹን ። እቲ ፡ ፈረቓ ፡ ገዝምን ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ እትሰመ ፡ ከዳውንቲ ፡ ብ ገንዘብ ፡ ኰነ ፡ ብኸብቲ ፡ ኩሉ ፡ ንአበ ፡ ወዲ ፡ ይኹን ።

-አበ ፡ ወዲ ፡ ድማ - ንመርዓውን ፡ ንመርዓትን ፡ ርበዕ ፡ ዘራእቲ ፡ ካብ ተን ፡ እቲ ፡ መርዓዊ ፡ ኪሐርሰን ፡ ዝኸረመ ፡ ይምቀሎም ፡ ከዳኖም ፡ ድማ ፈርጊ ፡ ንወዲ ፡ ፫ ግርባብ ፡ ድማ ፡ ንመርዓት ፡ ይህበም ።

ምምቃል ፡ እኸሊ ፡ ቀውዒ ፡ ካብዘገድመር ፡ ነሳዕ ፡ ዚውዳእ ፡ እዩ ። እንተኾነ ፡ ብሽም ፡ ቀውዒ ፡ ተመቒሉ ቅድሚ ማርያም ግንቦት ልደታ መግቦም ፡ ኪፈልዩ ፡ አይከአልን ፡ እዩሞ ፡ እተን ፡ ርባዖም ፡ አተሚጦም ፡ ክሳዕ ፡ ማርያም ፡ ግንቦት ፡ ምስ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ እዮም ፡ ዝምገቡ ። ብድ ሕሪኡ ፡ መአዶም ፡ ይፍለዩ ።

ካብ ፡ መናበብሮ ፡ ቤት ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ሓጺን ፡ ካብ ፡ ገሞ ፡ ካብ ፡ ገ ኾነ ፡ መናበብሮ ፡ አቓሑ ፡ ቤት ፡ እቲ ፡ ወላዲ ፡ ከከልኣተ ፡ እንተለዎ ፡ ሓ

ሐደ ፡ ንወዱ ፡ ይምቀሉ ። ሐድሐደ ፡ ጥራይ ፡ እንተኰነ ፡ ግና ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይኹን ።

ንዓመታት ፡ ግና ፡ እንተ ፡ ተሰማምዑ ፡ ብሐደ ፡ ይሕረሱ ፡ እንተዘይ ተሰማምዑ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዝግብእ ፡ መሬት ፡ መቒሉ ፡ ንበይኑ ፡ ይሕረስ ። አመቓቕላ ፡ መሬት ፡ ግና ፡ ጽልሚ ፡ እንተኰነ ፡ ካብ ፡ አቦኡ ፡ ዴሳ ፡ እንተኰነ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ይመቓል ።

እቲ ፡ ርበዕ ፡ እኽሊ ፡ እተመቀለ ፡ ወዲ ፡ ርበዕ ፡ ሐሰር ፡ ከአ ፡ ኪምቀል ፡ ይግብእ ፡ እዩ ። ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ዝመጸ ፡ ጥርቂ ፡ ናይቲ ፡ ዓመት ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ እዩ ፡ ዝኸፍሉ ።

እቲ ፡ እተመርዓወ ፡ ወዲ ፡ ምስ ፡ አቦኡ ፡ እንተሐረሰ ፡ እዩ ፡ ርበዕ ፡ እኽልን ፡ እቓሑ ፡ ቤትን ፡ ዝረክብ ፡ እምበር ፤ አነን ፡ ኪህወትት ፡ አቦይ ግና ፡ ሐረሱ ፡ ርበዕ ፡ ይምቀለኒ ፡ ኪብል ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ።

## ፵፬ ። ብዛዕባ ሕርሰት ።

ንበከር ፡ ሐረስ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ አበሰንቲ ፡ ጠስሚ ፡ ወጮ ፡ ገበታ ፡ እኽሊ ፡ ፈረቓኡ ፡ ብሱል ፡ ፈረቓኡ ፡ ጥረ ፡ ማሕዘል ፤ ካብ ፡ ሐሙእ ፡ ትቀበል ፡ ገዘፈን ፡ ኈፈ ፡ ይከሐሳ ። ምንም ፡ እኳ ፡ ሐዳሩ ፡ እንተወጸት ፡ መሰላ ፡ ካበሐሙአ ፡ እዩ ።

እታ ፡ ሐረስ ፡ ሐያም ፡ እንተኰነት ፡ ግና ፡ ኑሉ ፡ መሰላ ፡ ካብ ፡ ሐዳሩ ፡ ሰብአይ ፡ ይሃባ ፡ እንተ ፡ ደፈና ፡ ኈፈ ፡ ካብ ፡ ሐሳሮም ፡ ይከሐሳ ።

እታ ፡ ሐረስ ፡ እኖድቓላ ፡ እንተከኦነት ፡ ወርሜ ፡ ማእሲ ፡ ማሕዘል ፡ ፫ ግርባብ ፡ ወይ ፡ ፈረቓ ፡ ጣቓ ፡ አበጀዲድ ፡ ይሃብ ። እቲ ፡ ዘጥነሳ ፡ ቀለብ ፡ ቆልዐ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክልትኦም ፡ እዩ ።

ሐረስ ፡ እኖድቓላ ፡ እንተከኦነት ፡ ካብቲ ፡ ዘጥነሳ ፡ ሰብኣይ ፡ መሰለስ ፡ እኽሊ ፡ ጥጥቆ ፡ ሐረሳት ፡ ትወሰድ ፡ ፈረቓኡ ፡ ብሱል ፡ ፈረቓ ፡ ጥረ ።
እቲ ፡ መሰል ፡ እንተደንገየ ፡ ብሸሞንተ ፡ መዓልቲ ፡ ብድሕሪ ፡ ሕርሳ ፡ ይከፈል ፡ ካብኡ ፡ ዘብኮረ ፡ ፺፩ ፡ ይከሐሳ ።

ብኸር ፡ ሐረስ ፡ ናብ ፡ እንዳበኣ ፡ ወይ ፡ እንዳሐሙኣ ፡ እንተሐረሰት ፡ ናብ ፡ ዘላቶ ፡ መሰላ ፡ ትርከብ ።

እቲ ፡ ሕጻን ፡ ዝጥመቀሉ ፡ መዓልቲ ፡ ክሉገና ፡ ነበኡ ፡ የፍልጡዎ ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ድማ ፡ ንዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዝአምኖ ፡ አባልገ ፡ አሒዙ ፡ ይምጻእ ፡ እንዳጓል ፡ አቦ ፡ ዝፈተዎ ፡ አባልገ ፡ ይቀበሉ ።

እቲ ፡ አባልገ ፡ ዝሐዘ ፡ ሰብ ፡ ክኢ ፡ ኬምህሮን ፡ ናብ ፡ ሃይማኖት ፡ ክርስትና ፡ ኪመርሖን ፡ ዋሕስ ፡ ክምዝኾነ ፡ ኪዝክር ፡ ይግብእ ።

## ፵፩ ። ፍ ት ሕ ።

፡ ፍትሕ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ሰብኣይ ፡ ይኹን ፡ ወለደኛ ፡ ጓል ፡ ብጅጸራ ፡ መዓልቲ ፡ ይምጸኡ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕን ፡ ስዋን ፡ እንጀራን ፡ ብግበኣ ፡ ይጽንሐዮም ፡ ነዚ ፡ ተመዲቡ ፡ ዘሎ ፡ ሲሳይ ፡ እቲ ፡ ሰብኣያ ፡ ነታ ፡

ትፍታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስክር ፡ ዘድሊ ፡ ይሃብ ፡ ንሱ ፡ ድማ፡ ትስርሐዮ ፡ እንተአበየት ፡ ጌሬ ፡ ትክሐሶ ፡ እቲ ፡ ሰብአይ ፡ ድማ ፡ እቲ ፡ ዘድሊ ፡ እንተኸልአ ፡ ጌሩ ፡ ይክሐሳ ፡ አበ ፡ ኳል ፡ ፭ ርእሱ ፡ ይምጻእ ፡ ብ ቴጻራ ፡ መዓልቲ ።

ከሳብ ፡ ቴጻራ ፡ መዓልቲ - እታ ፡ ትፍታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ከም ፡ ቀደማ ፡ ስራሕ ፡ ቤት ፡ ትግበር ፡ ፍቓዱ ፡ ውን ፡ ትምላእ ፡ ናይ ፡ ፍትሕ ፡ ቴጻራ ፡ ፪ ሰሙን ፡ እዩ ።

፪ ሰብ ፡ ብርኪ ፡ ክፍትሑ ፡ ከለዉ ፡ ካብ ፡ ሐዲአም ፡ ዝዓረቀ ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ መንጎ ፡ ይክደን ፡ ኩሉ ፡ ገንዘበም ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ይጻበጸ ቡ ፡ እሙን ፡ ይካፈሉ ፡ ካሑድ ፡ ይማሓሐሉ ፡ ሰብአይ ፡ ተለቅሖ ፡ ንሰበ ይቲ ፡ ይንገር ፡ ሰበይቲ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ንሰብአይ ፡ ትንገር ፡ እንተተከሐ ሐዱ ፡ ይማሐሐሉ ፡ እሙን ፡ ሐቢሮም ፡ ይከፈሉ ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ከይወድኤት . ከላ ፡ ሰብአያ ፡ እ ንተሞተ ፡ ክንዲ ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ናብ ፡ ውናኡ ፡ ትደቅስ ፡ ቃድራኡ ፡ እ ናሐረሰት ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ዓመት ፡ ተእክል ግና ግቡእ የልብላን ዋሕስ ክትዓ ገት ፤ ዑናን ፡ ቃድራን ፡ እንተ ፡ ሳእነት ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ዋሕስ ፡ ትቀለብ ።

ሰብአያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ኑቶም ፡ ቤተ ፡ ሰቡ ፡ ፍትሑኒ ፡ ኢላ ፡ ት ነገር ፡ እዞዩ ፡ ክይበለት ፡ እንተተመርዓወት ፡ ወይከዐ ፡ ሰብአይ ፡ እንተ ኮረከበ ፡ ፲፪ ፈ ፡ ትዕዶ ፡ ንቤተሰቡ ፡ ፍትሑኒ ፡ እላቶም ፡ ደስ ፡ ክይብለ ፡ እንተደንገዩዎ ፡ ግን ፡ እግዚአብሔር ፡ ብሞት ፡ ፈቲሑዋ ፡ እዩሞ ፡ ዕዳ ፡ ኮብላ ፡ ትመርዖ ። ሰበይቱ ፡ ዝሞተት ፡ ሰብአይ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ።

ቅድሚ ፡ ፍትሕ ፡ ሰበይቲ ብእኸለማይ ናይ ብርኪ እተበትከ ፡ ዓንደ

ገመል ፡ ክይተተኸለ ፡ እንተጸንሔ ፡ ትመቀል ፡ ተተኺሉ ፡ እንተኰነ ፡ ግን እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘይወለደት ፡ እንተኰነት ፡ ብ፪ ሽማግለ ፡ ተሸኒኑ ፡ ፍጋ ፡ አጽዋር ፡ ትመቀል ፤ ገዘወለደት ፡ ግን ፡ ቤት ፡ ሠቂላ ፡ ትቀመጥ ፡ ሰብአይ እንተተረከበ ፡ ግን ፡ ቤትን ፡ መሬትን ፡ ትልቀቅ ።

ንራት ፡ መንበር ፡ መኩባዕቲ ፡ ሠሰብ ፡ መኰንብያ ፡ መጉስ ፡ መጉኅ ልቡድ ፡ ቄርፎ ፡ መጥሐን ፡ ገንኢ ፡ ምንጻፍ ፡ እዚ ፡ ንሰብአይ ፡ ብላሰሉ ፡ እ ዩ ፡ ሰበይቲ ፡ የልብላን ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቤታ – መቂላ ፡ ትቀምጥ ፡ ክሳብ ፡ ዘላ ፡ መጉስ ፡ መጥሐን ፡ ቄርፎ ፡ ኩሉ ፡ ድማ ፡ ናውቲ ፡ ማሕረስ ፡ ብሐደ ፡ ኰይኖም ፡ ይ ዕየይሉ ፡ ዓዲ ፡ እንተኸደት ፡ ዘይብላ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ቅድም ፡ ሰብኣይ ፡ ይጀምር ፡ ደሐር ፡ ሰበይቲ ፡ ነቲ ፡ ቀለብ ፡ ሰብአይ ፡ ናብታ ፡ ተመርዓወላ ፡ ዓዲ ፡ እንዳበሰ ፡ ይሰደላ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ዘምጽኤ ፡ ሰብኣይ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ እንጀራ ፡ ማይን መደቀስን ፡ ትሃብ ።

፪ ሰብ ፡ ብርኪ ፡ ውላድ ፡ ዘለውዎም ፡ እንተተፋትሑ ፡ ቤት ፡ መቂ ሎም ፡ ይቀመጡ ፡ እንተተሰንዩ ፡ ብሐደ ፡ አፍደገ ፡ ይውጽኡ ፡ እንተዘይ ሰነዩ ፡ ግን ፡ ፪ አፍደገ ፡ ይግበሩ ፤ ንመዕየይኡ ፡ ገዘጠፍኤ ፡ ግን ፡ ናብ ፡ ፪ ቲአምእዩ ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ገዘወለደት ፡ እንተኰነት ፡ ቤታን ፡ ግራታን ፡ መ ቂላ ፡ ትቀሠጥ ፡ እኸይድ ፡ እንተበለት ፡ ግን ፡ ቤትን ፡ ግራትን ፡ ትልቀቅ ጽግእን ፡ ነግፍን ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ዘላቶ ፡ ኰይና ፡ ትሕረስ ፡ ካብ ፡ ሳልሰን ፡ ዜብላ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ግራትን ፡ ቤትን ፡ መቂላ ፡ እንተተቀመጠት፡ ፈረቃ ፡ እ·ዮም ፡ ቈላዑ ፡ ካብኣ ፡ ዝውለዱ ፡ ተመቂላ ፡ ትከደን ፡ ትቀልብ እዞል ፡ ክኸውን ፡ ክሉ ፡ በኩሪ ፡ ወዲ ፡ ነዶ ፡ በኩሪ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ነበ ። እታ ፡ ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ግራት ፡ ዘይሐረሰት ፡ ቤት ፡ ዘይደቀሰት እንተ ኰነት ፡ ብድሕሪ ፡ ፫ ዓመት ፡ ኲሎም ፡ ቈላዑ ፡ አቦ ፡ ይአክቦም ።

አቦ ፡ ጓልን ፡ አቦ ፡ ወድን ፡ ንፍትሕ ፡ ምስ ፡ ተቛጸሩ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ቂጸራ ፡ መሰል ፡ ይግበአኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተአዘዘ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብጥንስታ ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ማንታ ፡ እንተወለደት ፡ ማሕዘል ሐፈዲአም ፡ ወንጮ ፡ ናብ ፡ ክልቲአም ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ክሳብ ፡ ፫ ዓመ ት ፡ ገበታው ፡ ካዕበ ፡ ንጀ ወርሒ ፡ ብሱልን ፡ ጥረን ፡ እዮም ፡ ዝኸፍሉ ።

ጓል ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ ደቅ ፡ ተሸም ፡ ናብ ፡ ክርንሽም ፡ ናብ ፡ ድ ምበዛን ፡ ናብ ፡ ዓንሰበ ፡ ናብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ አከለጉዛይ ፡ እንተ ፡ ተመር ዓወት ፡ ብአዋን ፡ ምንብበርከነ ፡ ወይ ፡ ብፍትሕ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሉን ፡ ጭ ዋ ፡ ትናበር ። ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ እንተ ፡ ተበእሰት ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ እ ንዓበአ ፡ ብሳደኛ ፡ ትዓነ ። ብሕጊ ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ትቑም ።

ሰብኣይ ፡ ነታ ፡ ፈሪሃ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ጭቃ ፡ ዘዕቈበት ፡ ሰበይቲ ፡ አየ እቱን ፡ ዋሕስ ፡ ውን ፡ አይተክል ፡ እንተዘለ ፡ ኺፈ ይኽሐስ እንተተዓርቁ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርከም ፡ እንተተፋትሑ ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ።

ንሰበይቱ ፡ ዘፈንጠጠ ፡ ሰብኣይ ፡ ኻፈ ፡ ይከሐስ ! ከትፍታሕ ፍቓዳ እንተኰይኑ ፡ ውን ፡ ብምኽንያት ፡ ዝሙትዩሞ ፡ ትፈታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ንሰ ብአያ ፡ እንተፈንጠጠቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግበአ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ገበታው ፡ ካዕበ ፡ እዩ ፡ ፍርቁ ፡ ብሱል ፡ ፍርቁ ፡ ጥረ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ግራትን ፡ ቤትን ፡ መቒላ ፡ እንተተቀመጠት ፡ ፈረቃ ፡ እ·ዩም ፡ ቈላዑ ፡ ክ·በኣ ፡ ገ|ውለ·ዱ ፡ ተመቒላ ፡ ትከደን ፡ ትቀልብ እ|ዮል ፡ ክኸውን ፡ ክለ· ፡ በኩሬ ፡ ወዲ ፡ ነደ ፡ በኩሬ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ነበ ። እታ ፡ ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ግራት ፡ ዘይሐረሰት ፡ ቤት ፡ ዘይደቀሰት እንተ ኰነት ፡ ብድሕሪ ፡ ፲ ዓመት ፡ ኵሎም ፡ ቈላው ፡ አቦ ፡ ይአከቦም ።

አቦ ፡ ጓልን ፡ አቦ ፡ ወድን ፡ ንፍትሕ ፡ ምስ ፡ ተቋጸሩ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ቈጸራ ፡ መሰል ፡ ይግበኣኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተአዘዘ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብጥንስታ ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ማንታ ፡ እንተወለደት ፡ ማሕዘል ሐፈዲአም ፡ ወንጬ ፡ ናብ ፡ ክልቲአም ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ክሳብ ፡ ፲ ዓመ ት ፡ ገበታው ፡ ክዕበ ፡ ን፩ ወርሒ ፡ ብሱልን ፡ ጥረን ፡ እዮም ፡ ዝኸፍሉ ።

ጓል ፡ ሎጎ ፡ ጮዋ ፡ ናብ ፡ ደቅ ፡ ተሸም ፡ ናብ ፡ ክርንሽም ፡ ናብ ፡ ድምበዛን ፡ ናብ ፡ ዓንሰበ ፡ ናብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ አከለጉዛይ ፡ እንተ ፡ ተመርዓወት ፡ ብእዋን ፡ ምንብባርክን ፡ ወይ ፡ ብፍትሕ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሎጎ ፡ ጮዋ ፡ ትናበር ። ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ እንተ ፡ ተባእሰት ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ እንጻበኣ ፡ ብሳደኛ ፡ ትዳኔ ። ብሕጊ ፡ ሎጎ ፡ ጮዋ ፡ ትቑም ።

ሰብኣይ ፡ ነታ ፡ ፈሪሃ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ጮቃ ፡ ዘዕቄበተ ፡ ሰበይቲ ፡ አየ እቱን ፡ ዋሕስ ፡ ውን ፡ አይተከል ፡ እንተዘለ ፡ ሄፈ ይኸሐስ እንተተዓርቁ ክብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርከም ፡ እንተተፋትሑ ፡ ግን ፡ ክብ ፡ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ።

ንሰበይቱ ፡ ዘፈንጠጠ ፡ ሰብኣይ ፡ ሻፈ ፡ ይከሐስ ! ክትፍታሕ ፍቓዳ እንተኰይኑ ፡ ውን ፡ ብምኽንያት ፡ ዝሙትዩሞ ፡ ትፈታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ንሰብኣያ ፡ እንተፈንጠጠቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግብአ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ገበታው ፡ ክዕበ ፡ እዩ ፡ ፍርቁ ፡ ብሱል ፡ ፍርቁ ፡ ጥረ ።

ዘይወለደት ፡ ሰባይቲ ፡ እንተተፈትሔት ፡ ጽግእን ፡ ነግፍን ፡ ትሕረስ ፡ እኪይድ ፡ እንተበለት ፡ ግን ፡ ነታ ፡ ዝሰርሐታ ፡ ቤት ፡ ብ፫ ግቡኣት ፡ ሽማግለ ፡ ዳኛ ፡ ዝሐረዮም ፡ ተሸኒና ፡ ፍርቂ ፡ ተቀቢላ ፡ ትኪድ ፤ ይትመጥ ፡ ቈረበ ፡ እንተበለት ፡ ድማ ፡ ክሳብ ፡ ትመውት ፡ ትቀመጥ ፡ ድሕሪ ፡ ሞታ ፡ ግን ፡ አዝማዳ ፡ ዋርሳ ፡ ኢይግብኡምንዩ ፡ እታ ፡ ቤት ፡ ንሰብኣይ ፡ ትኹን ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ንህቢ ፡ ናብ ፡ መንን ፡ እንተለዎም ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ተሸኒኑ ፡ ፈረቃ ፡ ገንዘብ ፡ ሰበይቲ ፡ ትውሰድ ፡ እቲ ፡ ንህቢ ፡ ግን ፡ ሰብኣይ ፡ ገንዘብ ፡ ብዝከፈለ ፡ የትርፎ ።

እንዳ ፡ ሰበይቱ ፡ ዝቅመጥ ፡ ሰብኣይ ፡ ቤታ ፡ ደቂሱ ፡ ቃድርሲ ፡ ሐረሱ ፡ ዝነብር ፡ እንተተፋትሐ ፡ ንሳ ፡ መሰል ፡ ሰብኣይ ፡ ትሰድ ፡ ንሱ ፡ ድማ ፡ ዑና ፡ ቃድራ ፡ ለቂቁ ፡ ጎዓዱ ፡ ይኺድ ።

ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ሰብኣያ ፡ ተባኢሳ ፡ ምናልባሽ ፡ ከይሃርማ ፡ እንተፈርሔት ፡ እንዳ ሐሙኣ ፡ ሐማታ ፡ አበ ነብሲ እንዳ ጭቃ ቲዕቁብ ነዚኣም ከይነገረት ፡ ናብ ፡ ካልእ ፡ እንተከደት ፡ ፯ፈ ፡ ንሰብኣያ ፡ ትኽሐስ ፡ በቲ ፡ ግዜ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ዝነበረ ፡ አቅሑ ፡ ወይን ፡ ገንዘብ ፡ ወይድማ ፡ እኽሊ ፡ እንተጠፍኤ ፡ ምስክር ፡ እንተለዎ ፡ ብምስክር ፡ ይርታዕ ፡ ምስክር ፡ ዘይብሉ ፡ ሚሒሉ ፡ ይከፈል ፡ ክብታ ፡ ሰበይቱ ፡ ምናልባሽ ፡ ንሳ ፡ ድማ ፡ እወ ፡ ነሩ ፡ ኢላ ፡ አሚና ፡ ነቱ ፡ ስርቂ ፡ ንሰብኣየይ ፡ እየ ፡ ዝጥርጥር ፡ እንተበለት ፡ ከምዘይ ፡ ሰረቅኩ ፡ ኢሉ ፡ ምሒሉ ፡ ይከፈል ።

እኖ ፡ ድቃላ ፡ ኰይና ፡ ትቅለብ ፡ ዝነበረት ፡ ሰበይቲ ፡ ፫ ዓመት ፡ ከየእከለት ፡ ከላ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ሰብኣይ ፡ እንተወለደት ፡ ክልቲኦም ፡ ሰሰለስ

ተ ፡ ዓመት ፡ ይቀልቡ ፡ ከመይ ፡ ንክልቲኦም ፡ ቈላዑቶም ፡ ተዕብየሎም ፡ ኣላ ።

ሰበይቱ ፡ ዝሞተቶ ፡ እሞ ፡ ቤትን ፡ ሰራሓ ፡ ውላድን ፡ ገዲፉ ፡ እንተ ኰነት ፡ ብድሕሪኣ ፡ ካልእ ፡ ሰበይቲ ፡ እንተመርዓወ ፡ እቶም ፡ ዘኽታማት፡ ቈላዑ ፡ እንተሳነዩ ፡ ምስ ፡ ሰበይቲ ፡ ኣቡኦም ፡ ብሓንሳእ ፡ ይቀመጡ ፡ ምናልባሽ ፡ ስኒት ፡ እንተሳኣኑ ፡ ግን ፡ ፍርቂ ፡ ቤትን ፡ ፍርቂ ፡ መሬት ፡ ናብ እጂ ፡ ኣቡኦም ፡ ዘሎ ፡ ተመቂሎም ፡ ይነበሩ ።

ሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ ተፋቲሖም ፡ ኔሮም ፡ እንተ ፡ ተዓርቂ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ዋሕስ ፡ ቅውም ፡ እዩ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ ተገርንዩ ፡ እንተነበረ ። ካብ ፡ ዝዕረቁ ፡ ንሱ ፡ ዋሕስ ፡ ድጊ ፡ ናይ ፡ ኀል ፡ ይኹን ፤ ከመይ ፡ ብድሕሪ ፡ ዕርቂ ፡ ካልእ ፡ ዋሕስ ፡ ኣይግባእን ፡ እዩ ።

## ፵፮ ። ቤት ትምህርቲ ።

ናብ ፡ ኩሉ ፡ ዓዲ ፡ ብሓልዮ ፡ ሀገዚ ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ኪስራሕን ፡ ኪቀውምን ፡ ግቡእዩ ፡ ምናልባሽ ፡ ካብ ፡ ዓዘቅቲ ፡ ጸልማት ፡ ናብ ፡ ብርሃን ፡ ኣይንወጽእን ፡ ኢሎም ፡ ዝቃወሙ ፡ ሰባት ፡ እንተተረኽቡ ፡ ብጽኑዕ ሕጊ ፡ ኩልኹላት ፡ ኢዮም ።

እቶም ፡ ዝመሃሩ ፡ ቈላዑ ፡ ጠቅሞም ፡ ጥራይ ፡ ንርእሶምን ፡ ንወለዶምን ፡ ኣይኰነን ፡ እንታይደእ ፡ ንዓዶም ፡ ንመንግሥቶም ፡ ንቤተ ክርስቲያኖም ፡ ንሃይማኖቶም ፡ እዩ ፡ ብዓብይ ፡ መንገዲ ፡ ዘገልግሉ ፡ ስለዚ ፡ ንመ

ምህርን ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤትን ፡ ከተዓናቅፍ ፡ አተረኽበ ፡ ፲፭ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ፡ ዓድዩ ፡ ይስመር ።

ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ኪሰርሑ ፡ መምህር ፡ ዘህድሩ ፡ ፩ ዓዲ ፡ እንተኮኑ ጭቃ ፡ ሽግግስ ፡ ይስመ ። እዩም ፡ ተሰምዩ ፡ ሽግግለ ፡ ደምገ ፡ ምስ ፡ መምህር ፡ አወዒሎም — ዋሕስ ፡ ዘክፍሉም ፡ ይትከሉ ፡ ስፍራ ፡ ይሃብዎ ፡ ነቲ ፡ መምህር ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ የቅርቡ ።

ደምገ ፡ ናይ ፡ መምህር ፡ ምሉእ ፡ ዓዲ ፡ እዩ ፡ ዝኸፍሎ ፡ ቈልዑ ፡ ዘምሃረን ፡ ዘየምሃረን ፡ ስለዚ ፡ ውሉዱ ፡ ኩሉ ፡ የምህር ፡ ብዘይ ፡ ፍላይ ፡ ወድን ፡ ጓልን ።

ውሉዱ ፡ ዘየምሃረ ፡ አበ ፡ ወይከዐ ፡ አደ ፡ ናብ ፡ ዓመት ፡ ፲፭ ፡ ይዕደ ንትምርቲ ፡ ቤት ፡ ወዲ ፡ ክሳብ ፡ ፲፰ ፡ ዓመት ፡ ገአከል ፡ ጓል ፡ ግን ፡ ክሳብ ፡ ፲፱ ፡ ዓመት ፡ ወላዲ ፡ ግን ፡ ነዚ ፡ ኩሉ ፡ ገንዘብ ፡ ዓድየ ፡ ነቲ ፡ ውላደይ ፡ ጓሳ ፡ አጣል ፡ ገዩረ ፡ እየ ፡ ዘዕብዮ ፡ አይብል ። ከመይ ፡ ዘይተማህረ ፡ አየድሕን ፡ ዘይተወቅረ ፡ አየጥሕን ።

እቲ ፡ መምህር ፡ ግዜ ፡ ውዕል ፡ ክይፈጸመ ፡ እንተኸደ ፡ ደምገ ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ፡ አስቀዲሞም ፡ እዩም ፡ ሽግግለ ፡ ዋሕስ ፡ የትክሉዎ ፡ በቲ ውዕሉ ፡ ዘቁጥ ።

ተማሃራይ ፡ ይንእስ ፡ ይዕበ ፡ ትሑትን ፡ ዓቃልን ፡ ኪኸውን ፡ እዩ ፡ ገግብኡ ፡ ስለዚ ፡ ንመምህሩ ፡ እንተዶፈረ ፡ ንመምህሩ ፡ ገሃረመ ፡ ተማሃራይ ፡ ክም ፡ ሕጊ ፡ ይኸሐስ ፡ መምህሩ ፡ ይቅጽዖ ፡ ተመሃራይ ፡ ብግቡእ ትምህርቲ ፡ ምስ ፡ በሰለ ፡ ዕድሚኡውን ፡ ክብ ፡ ፲፰ ፡ ዓመት ፡ ንላሰሊ ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፡ መዓርግ ፡ ዲቁና ፡ ኪቅበል ፡ ይግብእ ። አገበብ ፡ መንርግ ፡ ዲቁና ፡ ክምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ እዩ ።

ቅድም ፡ እቲ ፡ መዓርግ ፡ ዲቁና ፡ ዝደሊ ፡ ተማሃራይ ፡ ካብ ፡ መምህ ሩ ፡ ንግብረ ፡ ዲቁና ፡ ዝበቅዕ ፡ ትምህርትን ፡ ጠባይን ፡ አለዎ ፡ ይግብአ ፡ ዝብል ፡ ወረቀት ፡ ምስክር ፡ ይቀበል ። ብድሕርዚ ፡ ቀሺ ፡ ገበዝን ፡ ማሕበርን ፤ ጭቃን ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ዓዲን ፤ ናብ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ተአኪቦም ናይ ፡ ጠባዩን ፡ ትምህርቱን ፡ መርሚሮም ፡ ፍጹም ፡ ይግብአ ፡ እዩ ፡ ዝብል ፡ ምስክር ፡ ብጽሕፈት ፡ ፈሪሞም ፡ ይሃብዎ ፡ ክንዲ ፡ ማሕበር ፡ ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ይፈርም ፡ ክንዲ ፡ ዓዲ ፡ ድማ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ይፈርሙ ፡ ከም ፡ ሽሞ ኛ ፡ መጠን ፡ ከዐ ፡ ጭቃ ፡ ይፈርም ። ብድሕሪ ፡ እዚዩ ፡ ነቶም ፡ ዲቁና ፡ ዝግብአምን ፡ ወረቀት ፡ ምስክርን ፡ አሒዙ ፡ እቲ ፡ ገበዝ ፡ ናብ ፡ ብፁእ አቡን ፡ አሰንይዎም ፡ ይኺድ ።

ማዓርግ ፡ ክህነት ፡ ዝቅበል ፡ ግን ፡ ስለ ፡ ከቢድ ፡ መዚ ፡ ናብ ፡ መንጎ እግዚአብሔርን ፡ ናብ ፡ መንጎ ህዝብን ናብ መንጎ መንግሥትን ከም ዘለ ዎ ፡ ዡላትና ፡ ንፈልጥ ፡ ኢናሞ ፡ ቅድሚ ፡ ፳፫ ፡ ዓመት ፡ ክህነት ፡ ኪጋስ ድ ፡ ግቡእ ፡ አይኰነን ።

በዝን ፡ ተወሲኑን ፡ ዘለዋ ፡ ዓመታት ፡ ምስ ፡ ፈጸመ ፡ ካብ ፡ መምህሩ ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ፍትኃ ፡ ንገሥት ፡ ተመዲቡ ፡ ዘሎ ፡ ትምህርትን ፡ አገባብን በቂዑ ፡ ዝብል ፡ ወረቅት ፡ ምስክር ፡ አሒዙ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ይምጻእ ፡ ዓዲ ከዐ ፡ ከም ፡ ንዲያቆን ፡ ተሰሪዑ ፡ ዘሎ ፡ ናይ ፡ ጠባዩን ፡ ትምህርቱን ፡ መ ርሚሮም ፡ ወረቀት ፡ ምስክር ፡ ክንዲ ፡ ዓዲ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ክንዲ ፡ ማሕበ ር ፡ ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ከም ፡ ዳኛ ፡ መጠን ፡ ጭቃ ፡ እዚ ፡ ፈሪሞም ፡ ምስ ፡ ሃብ ዎ ፡ ገበዝ ፡ ናብ ፡ ብፁዕ ፡ አቡን ፡ ሒዙዎ ፡ ይኺድ ።

ነዚም ፡ ከምዚ ፡ ኢሎም ፡ ብስነ ፡ ሥርዓት ፡ ብዓዲ ፡ ተመሪቆም ፡ ዝ ኸዱ ፡ እሞ ፡ ብብጹዕ ፡ ጳጳስ ፡ ወይ ፡ ኤጲስቆጶስ ፡ ማአርግ ክህነትን ዲቁ

ናን ፡ ተሸሞም ፡ ንዓዶም ፡ ኪኣትዉ ፡ መሳልቲ ፡ ደወል ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያ
ን ፡ ይወቃዕ ፡ ዓዲ ፡ ዓዲ ፡ ምስ ፡ ንእሽቶ ፡ ብሕጕስን ፡ ክብርን ፡ ናብ ፡ ቤ
ተ ፡ ክርስታያን ፡ ተአኪበም ፡ ይመርቅዎም ።

ዝግብኦም ፡ ማሕድሮ ፡ ከሀ ፡ ይሃብዎም ።

ነዞይ ፡ አፍሪሶም ፡ ምእርግ ፡ ክህነትን ፡ ዲቁናን ፡ አምጺእና ፡ ኢና
ሞ ፡ ማሕድሮ ፡ ሃቡና ፡ እንተበሉ ፡ ኪረኽቡ ፡ አይግብኦምን ፡ እዩ ።

## ፴፫ ። ዓብይ ትምህርቲ ቤት ናብ ምሉእ አውራጃ ።

ዓብይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ናይ ፡ አውራጃ ፡ ግድን ፡ ዘድሊ ፡ እዩ ፡ ከ
መይ ፡ ነቶም ፡ ነናብ ፡ ዓዶም ፡ እተማህሩ ፡ ቄላው ፡ መታን ፡ ናብ ፡ ምሉእ
ስልጣኑ ፡ ኪበጽሑ ፡ ናብቲ ፡ ዓብይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ምቅጻል ፡ የድ
ልዮም ፡ እቶም ፡ መምህራን ፡ ንዕኡ ፡ ዝበቅዕ ፡ ከዐ ፡ እንተሎ ፡ ናይ ፡ ጥ
በብ ፡ መንገዲ ፡ ዝገልጹ ፡ ክልእ ፡ ቋንቋ ፡ ዝምህሩ ፡ በየዓይነቶም ፡ ኪኾ
ኑ ፡ ይግባእ ።

እቶም ፡ ነዚ ፡ ስራሕዚ ፡ ዝገብሩ ፡ ሽማግለ ፡ ብምስለኔን ፡ ጮቃታት
ን ፡ ይመረጹ ፡ እዚአም ፡ ነታ ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ዘድልያ ፡ ዘበለ ፡
ኩሉ ፡ ናብ ፡ ምሉእ ፡ አውራጃ ፡ ከም ፡ መጠን ፡ ሃብቱ ፡ ካብ ፡ ውሉዱ ፡
ዘምሃረን ፡ ዘየምሃረን ፡ ኣብ ፡ ኩሉ ፡ ገባራይ ፡ ሰሊዖም ፡ ገንዘብ ፡ ዝአክል
ዝመስል ፡ ገይሮም ፡ የናብርዋ ።

እቲ ፣ ዕዳታት ፣ ንቤት ፣ ትምህርቲ ፣ ይኹን ፣ ተበጊሱ ፣ ዘሎ ፣ እዚም ሽማግለ ፣ እዚ.እም ፣ ዋናታት ፣ ኰይኖም ፡ የማሕድርዋ ።

## ፺፫ ። ምስላም ቤተ ክርስቲያን ።

ናብ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዝአቱ ፣ ሰብ ፣ ከም ፣ ሥርዓት ፣ አበው ፣ ናብ ፣ ደገ ፣ ሰላም ፣ ምስ ፣ በጽሔ ፣ ስብኣይ ፣ ክንተኹን ፣ ጉልባቡ ፣ ይቀላዕ ሳእኒ ሃውጽእ ክዓውንቱ ይላበስ ፤ በትሪ አንጊዙ አይእቶ ከመይ ቤተ፣ እግዚአብሔር ፣ ካብ ፣ ኩሉ ፣ ዝዓበየ ፣ እዩሞ ፣ ነዚይ ፣ ዘጥረሰ ፣ ጊፋ ፣ ንቤተክርስቲያን ፣ ይዕደ ።

## ፺፬ ። ካህን ዲያቆን ።

ካህን ፣ አይጣበቅ ፣ አይዋሕስ፣ ናብ ፣ መሬቱን ፣ ወለዱን ፣ ሐብቱን ፣ ዝመጸ ፣ ይመጉት ፣ ካብገዝኤን ፣ ሐሊፉ ፣ ኪምጉት ፡ እንተተረኽበ ፣ ፴ፈ፣ ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ይዕደ ፣ ካብታ ፣ ቀብቅነት ፣ ክአ ፣ ይክልከል ፣ እቲ፣ በዓል ፣ ነገሩ ፣ ይኸሰሰ ፣ ዳኛ ፣ነትን ፣ ገንዘብ ፣ አውጺኡ ፣ ንቲስ ፣ ገበዝ ፣ ይሃበ ።

ካህን ፣ ካብ ፣ ጭቅንትን ፡ ውክልናን ፣ ክልኩልዩ ስራሕ ክህነቱ ፣ ቀ

ራይ ፡ ይአክሉ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ መአርግ ፡ ክህነት ፡ ዝዓቢ ፡ የልቦን ፤ ናብ ስጋዊ ፡ ነገር ፡ ኢዱ ፡ አይምለስ ።

ዲያቆን ፡ ውን ፡ ከምዚ ፡ ንክህን ፡ ተሰሪዕዎ ፡ ዘሎ ፡ ኢዩ ፡ ዝግበኦ ።

ክህን ፡ ድማ ፡ እንተተሃርመ ፡ ፺ፈ ፡ ይኽሐስ ፡ መስበርቲ ፡ ወይ ፡ መፍጋእቲ ፡ እንተለዎ ፡ ግን ፡ ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሉግ ፡ ጭዋ ፡ ይኽሐስ ።

ክህን ፡ ድማ ፡ ዝኾነ ፡ ሰብ ፡ እንተሀረመ ፡ ፺ፈ ፡ ይኽሐስ ፤ ፪ ወይ ፫ ግዜ ፡ እንተሃረመ ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ማሕድሮ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ውጹእዩ ።

ድያቆን ፡ እንተተሃርመ ፡ ፻፳ፈ ፡ ይኽሐስ ፤ እቲ ፡ ዲያቆን ፡ ድማ ፡ ንዝኾነ ፡ ሰብ ፡ እንተሃረመ ፡ ፻፳ፈ ፡ ይኽሐስ ፤ ፪ ወይ ፫ ግዜ ፡ እንተ ፡ ሃረመ ፡ ካብ ፡ ማሕድሮ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ውጹእዩ ።

## ፵ ። ወርቂ ቤተ ክርስቲያንን አሳያም ገበዝን ።

ወይ ፡ አቓሑ ፡ ወይ ፡ ድማ ፡ ወርቂ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝሰረቀ ፡ ብ፫ ዕጽፊ ፡ ይኸፍል ፡ ዝሰበረ ፡ ወይ ፡ ዝቀደደ ፡ ቀንዲ ፡ ይተክእ ።

ዓድን ፡ ጭቃን ፡ ሰሚሮም ፤ ይግብኦ ፡ ዝበልዎ ፡ ገበዝ ፡ ይሸየም ፤ ድሕሪ ፡ ፩ ዓመት ፡ ድማ ፤ ኻልእ ፡ ገበዝ ፡ ይሸየም ።

ቂስ ፡ ገበዝ ፡ ፪ ዓብይ ፡ ደብተር ፡ ይሓዝ ፤ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ጌሩ ፡ ፩ ናይ ፡ ዝተወልዱን ፡ እተመርዓዉን ፡ ዝድብ

ተሩሉ ፡ ፩ ድማ ፡ ወርቂ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝአተወን ፡ ዝወጻን ፡ ዝጸሐፈሉ ፡ ነገሬን ፡ ከም ፡ ግቡእ ፡ ዘይፈጸመ ፡ ገበዝ ፡ ግን ፡ ግብዝና ፡ ተጋጊሉ ፡ ካብ ፡ ማሕድሮ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይልቀቕ ።

ን፫ ሽማግለ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዓዲ ፡ መሪጾም ፡ ዘውጽእዎ፡ ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ኪ.መሐላለፍ ፡ ከሎ ፡ ቴጲሩ ፡ ይሃበም ፡ ንሳቶም ፡ ናይ ፡ ተቀበልዎ ፡ አቱሑን ፡ ወርቅን ፡ ፈርማ ፡ ደረሰይ ፡ ይሃብዎ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃን ፡ ዓድን ።

ነቲ ፡ ሐዲሽ ፡ ገበዝ ፡ እቶም ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ወርቅን ፡ አቱሑን ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃን ፡ ዓድን ፡ ይሃብዎ ፡ ንሱ ፡ ድማ ፡ ፪ ፈርማ ደረሰይ ፡ ይሃብ ፡ ፩ ጭቃ ፡ ዝሕዞ ፡ ፩ ድማ ፡ ፫ ሽማግለ ።

ገበዝ ፡ ብ፮ ፡ ወርሒ ፡ ዘእተዎን ፡ ዘጥፍአን ፡ ሕሳብ ፡ ይሃብ ፡ ን፫ ሽማግለን ፡ ጭቃን ፡ ዓድን ፡ እንተአበየ ፡ ፴ፈ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዓድዩ፡ ይተሐሳሰብ ፡ ክይወዓለ ፡ ክይሐደረ ።

ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ገንዘብ ፡ ቤተ ፡ እግዚአብሔር ፡ አጣፊኡ ፡ እንተተረኽበ ከም ፡ ሕጊ ፡ ከፊሉ ፡ ግብዝናን ፡ ማሕድሮን ፡ ይልቀቕ ።

ሞብእ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝወሃብ ፡ ናብ ፡ ዓመት ፡ ካብ ፡ ነብሲ ወከፍ ፡ ገባሪ ፡ ካዕበ ፡ ስርናይ ፡ እዩ ፤ ነዚኤን ፡ ዘውጽኡ ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓዲ ፡ ዝመረጽዎም ፡ እዮም ፡ ዝከልአም ፡ ፮ ፈርሲ ፡ ዓድዩ ፡ ይኸፈለን ።

ሕዱር ፡ ካህናን ፡ ዲያቆናን ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ እንተደፈኑ ፡ ንሐደ ፮ፈ ፡ ይዕደዩ ፤ ከምኡ ፡ ውን ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዘጣምት ፡ እዚ ገበዝ ፡ ዘብኰረ ፡ ፮ፈ ፡ ዓድዩ ፡ እዚ ፡ ይፈጽም ።

## ፶፩ ። ንቤተ ንጉሥ ሰላምታ ።

ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ ቤተ ፡ ንጉሥ ፡ ዝአቱ ፡ ሰብ ፡ ክዳኑ ፡ ይልበስ ፡ ኢድ ፡ ይንሳእ ፡ ዝግብእ ፡ ክበሬታን ፡ ትሕትናን ፡ ይሃብ ፤ ንእግዚአብሔር ፡ ፍርሕዎ ፡ ንንጉሥ ፡ አክብርዎ ፡ እዚ ፡ መጻሕፍቲ ፡ እዮም ፡ ነዙይ ፡ ዘፍረሰ ፡ ፲፱ ፡ ፈርኺ ፡ ይዕደ ።

ከምኡ ፡ ውን ፡ ነቶም ፡ ካብ ፡ ንጉሥ ፡ እተሸሙ ፡ ዘገግብእ ፡ ም ፡ ክብሪ ፡ ይሃብ ፡ ንምስሌኔ ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ጭቃ ፡ ነታብ ፡ (ኖታቢለ) ካህን ፡ እዚኦቶም ፡ ክሐልፉ ፡ ክለዉ ፡ ዝረአዮም ፡ ሰብ ፡ ጉልበቡ ፡ ቀሊ ው ፡ ካብ ፡ መቀመጢኡ ፡ ሐፍ ፡ ኢሉ ፡ ሰላምታ ፡ ይግበር በቅሊ ሰረሩ ይሐልፍ እንተነበረውን ካብ በቅሊ ወሪዱ ሰላምታ ይሃብ ነዙይ ዘይፈጸመ ፲፱ ፈርኺ ፡ ይክሐስ ፡ ከምኡ ፡ ውን ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ዓዲ ናብ በይቶ ተቀሚጦም ፡ ክለዉ ፡ ተጐልቢቡ ፡ ወይን ፡ በቅሊ ፡ ሰረሩ ፡ ዝሐለፈ ፡ ፲፱ ፡ ፈርኺ ፡ ይኽፈል ።

መርዓ ፡ ተስካር ፡ ዝገበረ ፡ ንምስለኔን ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ኖታቢለ ፡ ፩ ሳርማ ፡ ስዋ ፡ ፳ እንጌራ ፡ ፩ ፃሕሊ ፡ ጸብሒ ፡ ይሃብ ፡ ስለ ፡ ክብረቶም ፡ ምስከር ፡ ዝደፈነ ፡ ጿፈ ፡ ይኽሐስ ።

፺፪ ። ብናላይ ምስለኔን ጭቃን ክገብርዎ ዝግበእ ኣፋላላይ ማያት ።

ዝበዝሕ ፡ ሕማም ፡ ንሰብ ፡ ይኹን ፡ ንማል ፡ ይኹን ካብ ርስሐት ፡ ማ
፡ ከምዝኮነ ፡ ዝመጽእ ፡ ብዘይ ፡ ጥርጥር ፡ ፍሉጥ ፡ ነገርዩ ሞ ፡ ከምዚ
ለሰዕብ ፡ ሕጊ ፡ ይቁም ።

ናብ ፡ ዝኾነ ፡ ዓዲ ፡ ማይ ፡ ናብ ፡ ፫ ወገን ፡ ይመደብ ፡ ብ፩ ሰብ ፡ ጥ
ይ ፡ ዝሰትዮ ፡ ፩ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ፩ ድማ ፡ ብፍላይ ፡ ከብቲ ፡ ጥ
ይ ፡ ዝሰቲዩሉ ።

ዋሕዚ ፡ ማይ ፡ እንተኮነሞ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ብደከእ ፡ ዝካፋፈል ፡ ማ
፡ ክልእ ፡ ዘይብሉም ፡ እንተኾኑ ፡ ብላዕሊ ፡ እታ ፡ ዓይኒ ፡ ማይ ፡ ንሰብ
ኹን ፡ ብ፲፰ ፡ መትሮ ፡ ትሕትኡ ፡ ንማል ይኹን ካብኡ ፡ ፴ መትሮ ፡ ን
ሕቲ ፡ ድማ ፡ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ይኹን ።

ብበዝሑ ፡ ወገን ፡ ማይ ፡ ዘለዎም ፡ ዓዲታት ፡ ወይን ፡ ዋሕዚ ፡ ወይ
፡ ድማ ፡ ዅዒትካ ፡ ዒላ ፡ ዝወጽእ ፡ እታ ፡ ዝበለጸትን ፡ ዝጸረየትን ፡ ዒ
፡ ትኹን ፡ ዋሕዚት ፡ ትኹን ፡ ንሰብ ፡ እያ ፡ ትግበእ ፡ ክልአይቲ ፡ ሩብ ፡
ናርይቲ ፡ ማይ ፡ ንማል ፡ እያ ፡ ትግበእ ፡ ሳልሰይቲ ፡ እጸቢ..ቃ ፡ ዝረሐቀት
ድማ ፡ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ክትከውን ፡ እያ ፡ እትግበእ ። ብእዚ ፡ ዒላ
ናብ ፡ ዓዲ ፡ ኪግበር ፡ ይግበእ ።

ናብዘን ፡ ንሰብን ፡ ከብትን ፡ እተመርጸ ፡ ማያት ፡ ነብሱ ፡ ክዳውንቲ ፡

ቋርበት ፡ ኪሕልኽ ፡ ነቲሕ ፡ ኪሐጽብ ፡ እግሩ ፡ ኪሕጹብ ፡ እንተተረኽበ ፡ ፴ፊ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደ ።

ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ጭቃ ፡ ገባር ፡ ብታራ ፡ እናአዘዘ ፡ ክሕልዎ ፡ ብጥንቃ ቀ ፡ እዩ ፡ ዝግበእ ፡ ሽላ ፡ እንተረአዮ ፡ ግን ፡ ጀፊ ፡ ይዕደ ፡ ንቤት ፡ ትምህ ርቲ ፡ ገባር ፡ ተአዚዙ ፡ ዝአበየ ፡ ክምኡ ፡ ይዕደ ፤ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ነዚን ፡ እሳ ላላይ ፡ ማያት ፡ ንሰብ ፡ ዝግበእ ፡ ንማል ፡ ዝግበእ ፡ ንመሕጸብ ፡ ክዳውን ቲ ፡ ዝግበእ ፡ ከየቆመ ፡ እንተተረኽበ ፡ ፴ፊ ፡ ይዕደ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

እቲ ፡ ከብቲ ፡ ዝሰትያሉ ፡ ማይ ፡ ጨንቃ ፡ እንተ ፡ ኰይኑ ፡ ብታራ ፡ ጥሪቱ ፡ የስቲ ፡ ሃፍታም ፡ ኰነ ፡ ድኻኰነ ፡ ድልድልዩ ፤ ጋሻ ፡ ሐላፍ ፡ መ ንገዲ ፡ ግና ፡ ከብቲ ፡ ይኹን ፡ አድጊ ፡ በቅሊ ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ታ ራ ፡ እስትዩ ፡ ይኺድ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ ነዊሕ ፡ ዝመጸ ፡ ናብ ፡ ነዊሕ ፡ መን ገዲ ፡ ዝኸይድዩሞ ፡ ግዜ ፡ ከይሐልፎ ፡ ካብ ፡ ስራሑ ፡ ከይዘኩር ፡ ነቲ ፡ ጋ ሻ ፡ እንተከልእዎ ፡ ጀፊ ፡ ይኽሕሱዎ ።

## ፶፫ ፡ ሕማም ተላጋቢ ናብ ርእሲ እንስሳ ።

ብዙሕ ፡ ግዜ ፡ ብሰንፋና ፡ ሹመኛታት ፡ ብተላጋቢ ፡ ሕማም ፡ ብዙሕ ማእለያ ፡ ዘይብሉ ፡ ሃብቲ ፡ ጥሪት ፡ ካብ ፡ ህዝብና ፡ ከም ፡ ዝጎድል ፡ ጥር ጥር ፡ ዘይብሉ ፡ እውነተኛ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡ እተን ፡ ሕሱማት ፡ አዝየን ፡ ዝጎ ድአ ፡ ሕማም ፡ እዚኤን ፡ ኢየን ፡

ጉልሓይ ፡ ሳምቡእ ፡ ሕበጥ ፡ ዕጭ ፡ ላም ፡ ንፍረ ፡ ኵርብን ፡ ላሊሽ ፡ ንከብቲ ፡ ዘጥልሉ ፡ እዮም ።

ዓበቅ ፡ ዘፋር ፡ ሳምቡእ ፡ ካልእ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ውን ፡ ንጤለ ፡ በጊዕ ፡ ዝጐድእ ፡ እዩ ፡ ካብዘን ፡ ሕማምዚኤን ፡ ዝአተወቶ ፡ ንጭቃ ፡ ይንገር ፡ እንተዘይፍለጠ ፡ ፀሪፈ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደ ።

ስለ ፡ ዓብዩ ፡ ጉድኣትን ፡ ጥፍኣትን ፡ ካብዘን ፡ ተሰምየን ፡ ዘሎዋ ፡ ሕማም ፡ ዝረኽበና ፡ ዝሬኤናን ፡ ከምዚ ፡ ዝቅጽል ፡ ሕጊ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

ዝኾነ ፡ እንስሳ ፡ ካብ ፡ ዕዳጋ ፡ ተገዚኡ ፡ ንዓዲ ፡ ምስ ፡ አተወ ፡ ጭቃ ፡ ይርአዮ ፡ ክሳብ ፡ ሕማሙን ፡ ጥዕናኡን ፡ ዘፍልጥ ፡ ፴ መዓልቲ ፡ ማይን ፡ ሳዕርን ፡ ደምቢኡን ፡ ይፈለ ፡ እቲ ፡ ዝዓደገ ፡ ንጭቃ ፡ ከይነገረ ፡ እንተደምበረ ፡ ፀሪፈ ፡ ይዕደ ፡ ንትምሂርቲ ፡ ቤት ።

ጭቃ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፡ … ፡ መታን ፡ ከይላጋገብ ብቅልጡፍ ፡ ፈልዩ ፡ ማይን ፡ ሳዕርን ፡ ደምቢኡንን ፡ ፈልዩ ፡ ን፴ መዓልቲ ፡ የቀምጥን ጽባሕታ ፡ ዝሰምዓላ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ንምስለኔ ፡ ይንገር ፡ ምስለኔ ፡ ከዓ ፡ ንሐኪም ፡ እንስሳ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይንገር ! ጭቃን ፡ ምስለኔን ፡ ነዚ ፡ ሕግዚ ፡ንትብኾሩ ፡ ፀሪፈ ፡ ንሐደ ፡ ይዕደዩ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

## ፴፬ ። ናይ ዝብእን ወኻርያን ጉድኣት ።

ብዝብእን ፡ ወኻርያን ፡ ዝርከብ ፡ ጥፍኣት ፡ ማል ፡ እንተንሕስቦም ፡ ክሠርዓት ፡ ናይ ፡ ምሉእ ፡ አውራጃ ፡ ምናልባሽ ፡ ፪፻ ፡ ዝአክል ፡ እንስሳ

ብሞት ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ዓመት ፡ ይጠፍኡ ፡ ይኾኑ ፤ እንተኾነ ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ፳፰ ፡ እንስሳ ፡ ናብ ፡ ዓመት ፡ ምጥፋእ ፤ ፲ ናእሽቱ ፡ እንስሳ ፡ ንፈውሲ ፡ ዝብእን ፡ ወኻርያን ፡ አጥፍእክ ፡ ጠቕሚ ፡ ህዝቢ ፡ ክሃሙ ፡ ዝኸውን ፡ ሐሲብና ፡ ነዚ ፡ ዝስዕብ ፡ ሕጊ ፡ ነቚም ፡ አሎና ።

እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ነቲ ፡ ብዝብሒ ፡ ዝረኸበ ፡ ጉድኣት ፡ ዓዱ ፡ ንምስለኔ ፡ ይንገር ፡ ንሱ ፡ ከአ ፡ ተቃላጢፉ ፡ ንሐኪም ፡ ከብቲ ፡ አመልኪቱ ፡ ስሚ ፡ ዝገብሩ ፡ ብንዳ ፡ አምጺኡ ፡ ነታ ፡ አዛብእ ፡ ዝበዝሕዋ ፡ ዓዲ ፡ ፈውሲ ፡ ይገብሩ ፤ ድሕሪዚ ፡ እቶም ፡ ከብቲ ፡ ዘለዎም ፡ ዓዲ ነተን ፡ ናብኣ ፡ ዝጠፍኣ ፡ ገንዘብ ፡ ሐቢሮም ፡ ይኸፈልወን ፡ ከመይ ፡ ንዝብኢ ፡ ጸለማ ፡ የልብሉን ። ነዚ ፡ ዝአበየ ፡ ዓዲ ፡ ወይገበር ፡ ፲፪ፈ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ዓድዮም ፡ ነተን ፡ ጥርፉም ፡ ይኸፈሉ ።

## እ ን ስ ሳ ።

ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ዝጊጸበ ፡ ተመንየ ፡ ዝሐበጠ ፡ መጽዓኛ ፡ ከይጽዓን ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ክሳብ ፡ ዝሐዊ ፡ ዋናኡ ፡ እናፈወሰ ፡ ናብ ፡ ሕዛእቲ ይብላዕ ፡ አይከልከል ። ከምኡውን ፡ ንኸብቲ ፡ ክሳብ ፡ ዝሐውዩ – ከይሕረሱ ፡ መኸዳ ፡ ከይኸየዱ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ከመይ ፡ እታ ፡ ዋና ፡ ኣብመንን ፡ ህዝብና ፡ ሓንቲ ፡ ሃብቲ ፡ ዘላህና ፡ ጥሪት ፡ ስለ ፡ ዝኾነት ፡ አስተውዒልና ፡ እግዚአብሔር ፡ ከኣ ፡ ስለ ፡ ክብረትና ፡ ዝሃበና ፡ ብዕላትና ፡ ክንሐስበሎምን ፡ ክንሓልየሎምን ፡ ነቶም ፡ እንስሳ ፡ እዩ ፡ ዝግብኣና ። ፡ ሰ

ሎሙን ፣ ንጉሥ ፣ ይብል ፡ ጻድቕ ፣ ሰብ ፡ ንህይወት ፣ እንስሳኡ ይርሕርሖ ሓጥያተኛ ፣ ሰብ ፣ ከኣ ፡ ጨካን ፣ እዩ ። ምሳሌ ፣ ምዕ፲፪ ። ቊ፲ ።

## ር ግ ኺ ።

ርግኺ ፣ ካብ ፡ ዝኾነ ፣ ሸኻ ፣ ኪውስድ ፡ ይግበእ ፡ ካብ ፣ ልክዕ ፣ ከይ ሓልፍ ፣ ሓላው ፣ ሕዝእቲ ፡ ይኽልክሎም ፡ ክመይ ፣ ሰዮ ፣ ስራ ፣ ከይበኾር ፣ ዝኽልክለ ፣ ጇፈርጊ ፣ ይኽሕስ ።

## ዒ ባ ደ ም በ ።

ሓደ ፣ ዝደምቢኣም ፣ ከብቲ ፣ ዘለዎን ፣ ዜብሉን ፣ ብታራ ፣ ዒባ ፣ ይ ውሰዱ ፣ ከመይ ፣ እቶም ፣ ከብቲ ፣ ዜብሎም ፣ ካብ ፣ ምስራሕ ፣ ቆፎን ፣ ክ ልእውን ፣ ብዒባ ፣ ዝስራሕ ፣ ስለ ፣ ከይበኹሩ ፣ ዝኽልክለ ፣ ጇ ፣ ፈርጊ ፣ ይኽሕስ ።

## ፶፰ ። ሕማም ተላጋቢ ናብ ሰብ ።

ሕማም ፡ ተላጋቢ ፣ ክንደይ ፣ ስድራን ፣ ክንደይ ፣ ህዝቢ ፣ ናይ ፣ ምሉ እ ፣ ዓድታትን ፣ ከምዘብርስ ፣ ኩላትና ፣ ኣይንስሕቶን ፣ ዘዚ ምኽንያትዚ ፣

ከዐ ፡ እቲ ፡ ህዝብና ፡ ክንዲ ፡ ዝበዝሕን ፡ ዝስስንን ፡ ቁጽሩ ፡ እናወሓደ ፡ ይተርፍ ፡ አሎ ፡ እዘን ፡ ብርቱዕ ፡ ሞትን ፡ ጥፋትን ፡ ዘምጽኣ ፡ ሕማም ፡ ከዐ ፡ እዚኤን ፡ እየን ። ሕማም ፡ ተላገብ ፤ ሰዓል ፡ ትኽትኽታ ፤ ንፍዮ ፡ ፍሮ ፡ ማይ ፡ ተቅማጥ ፡ ፌራ ፡ ኩፍኝ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ፡ ውን ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ቤት ፡ ኪእቱ ፡ እንተጀመረ ፡ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ብቅልጡፍ ሰብ ፡ ከይእትምምን ፡ ንሳቶም ፡ ከዐ ፡ ምስ ሰብ ፡ ከይሕወሱ ፡ ይኽልክል ብገዝኡ ፡ ምኽንያት ፡ ካብኣ ፡ አይውጽኡ ።

ኩሎም ፡ ሕሙማት ፡ እንተኾኑ ፡ ፩ ሰበይቲ ፡ ቀረቦም ፡ ተልዕሎም ፡ ካብኡ ፡ ከይወጸት ፤ ማይን ፡ እንጨይትን ፡ ጭቃ ፡ ብገባር ፡ አዚዙ ፡ ይሀቦም ፡ ብወጻኢ ፡ ይቀርቡሎም ፡ እታ ፡ መልዓሊት ፡ ምስ ፡ ከፉ ፡ መጺእ ፡ ትሰድ ፡ ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ብተሎ ፡ ጭቃ ፡ ንምስለኔ ፡ ይንገር ፡ ንሱ ፡ ከዐ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ንሐኪም ፡ የመልክት ።

ነዚ ፡ ሕግዚ ፡ ዘይፈጸመ ፡ ፴ፈ ፡ ዓድዩ ፡ ቦታ ፡ ገእተቀ ፡ ምስቶም ፡ ሕሙማት ፡ ይጽናሕ ። ጭቃ ፡ ነዚ ፡ ቀዋምዚ ፡ እንተዘይፈጸመ ፡ ፴ፈ ፡ ይዕደ ፡ ምስለኔ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ።

## ብጽሕቲ ወርሒ (ጥንስቲ) ።

እንስቲ ፡ ወርሓትን ፡ ዝበጽሔ ፡ አገዞ ፡ እተፈግሔን ፡ ሓሚሙ ጥቃሞት ፡ ዝበጽሐን ፡ ዝሞትን ፡ ከይርእያ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ናብ ፡ ርእሲኦ ድማ ፡ ናብ ፡ መርዓን ፡ ቀብርን ፡ ከይሕወሳ ፡ ክልኩላት ፡ እየን ፤ ከመይ ፡

ዘሰንብድን ፡ ዘጨንቅን ፡ ነገር ፡ ምስርኣያ ፡ ጉድኣት ፡ ነብሲን ፡ ወይከኣ ፡ ጉድኣት ፡ ናይቲ ፡ ተሃኒጹ ፡ ዘሎ ፡ ህጹን ፡ ክይርከብ ፡ ኣገዩ ፡ ዘፍርሀ ፡ ድንገተኛ ፡ ነገር ፡ እዩ'ሞ ፡ ብሕጊ ፡ ኣጽኒዕና ፡ ንኽልክል ፡ ኣሎና ። ስለዚ ፡ ሰብኣያ ፡ ይኽልክላ ፡ እንተኣበየቶ ፡ ንኣበ ፡ ነብሲ ፡ ነጊሩ ፡ ብመንፈሳዊ ፡ ሓይሉ ፡ እቲ ፡ ካህን ፡ የትርፋ ።

## ፺፮። ሺህነት ከብቲ ።

ሽህነት ፡ ከብቲ ፡ ዝሐዘ ፡ ፈረቓ ፡ ጸባ ፡ ንዋና ፡ ማል ፡ ፈረቓ ፡ ድማ ፡ ንጓሳ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

ግና ፡ ከብቲ ፡ ፈትዩ ፡ ነቲ ፡ ጓሳ ፡ ስተየን ፡ እንተበሎ ፡ ብላዕ ፡ ሳዕርን ግብሪ ፡ ንጉሥን ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ ይኽፈል ፤ ጸባ ፡ እንተተማቀሉ ፡ ግና ፡ ግብርን ፡ ብላዕ ፡ ሳዕርን ፡ ብትክክል ፡ ይኽፈሉዎ ።

እቲ ፡ ሽህነት ፡ እተቀበለ ፡ ከብቲ ፡ ክብኤን ፡ እንተኣጥፍኤ ፡ እሞ ፡ ነቲ ፡ ዋና ፡ ማል ፡ ብዘይ ፡ ኣሰር ፡ ጠፊኣ ፡ እንተበሎ ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ ብ፫ ፡ ምስክር ፡ ማሕላ ፡ ነብሱ ፡ ሐውሹ ፡ ይርታዕ ፡ ከምዝደለያ ፡ ብዘይ ፡ ውዲት ፡ ብድሕሪ ፡ እሆይ ፡ እታ ፡ ከብቲ ፡ እንተተረኽበት ፡ እቲ ፡ ዝመሐለ ፡ ሸብ ፡ ጂራተከላ ፡ (ክዕበት) ይኽፈል ፡ ንሱን ፡ እቶም ፡ ዝመስከሩን ፡ ድማ ፡ ውጂ ፡ ይውዕኡ ፡ ኣይመስከሩ ፡ ክሳብ ፡ ሂወቶም ፡ ምሉእ ።

ሕድሪ ፡ ከብቲ ፡ ዘቀመጠ ፡ ውን ፡ ከምዚ ፡ ንባዓል ፡ ሽህነት ፡ ተሐጊገዎ ፡ ዘሎ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

ሽህነት ፡ ዝሃበ ፡ ከብቲ ፡ ንሚካኤል ፡ በረከት ፡ ናብታ ፡ ዝሃበላ ፡ በታ ፡ ይቀበል ።

ሕድሪ ፡ ዝሃበ ፡ ግን ፡ ብገዳለዮ ፡ ግዜ ፡ ዋና ፡ ማል ፡ ይሰድ ።

ግና ፡ ከብቲ ፡ ነቲ ጓሳ ፡ ከሎ ፡ ገና ፡ ብበዓላት ፡ ማርያ ፡ ንሚካኤል በረከት ፡ አምጽአለይ ፡ ኢሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ጌሩ ፡ ይንገሮ ፤ ናብታ ፡ ተቀበለላ ፡ በታ ፡ እንተዘየምጽኤን ፡ ካብ ፡ ሚካኤል ፡ በረኸቶ ፡ ንጻሐር ፡ ዝሞታ ፡ ከብቲ ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ በሰሉ ፡ ይዕደየን ።

ብ፳ ሐምለ ፡ ጉባኤ ፡ ሐዋርያ ፡ እየን ፡ ከብቲ ፡ ሽህነት ፡ ናብታ ፡ ገ ጠልዳላ ፡ በታ ፡ ዝምቀላ ፡ (ምቅብዛል) ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ በዛ ፡ መዓልቲ ፡ እ ዚአ ፡ እንተብከሶረ ፡ ንዋና ፡ ከብቲ ፡ ፪ ኪሎ ፡ ጠስሚ ፡ ንወርሒ ፡ ይሃብ ፡ ካብ ፡ ፩ ላም ፡ እትሕለብ ፡ ስለ ፡ ካብ ፡ አጃበ ፡ ብራሕ ፡ ማይ ፡ ጨበን ፡ ከ ልእ ፡ ጠቅሚ ፡ ካብ ፡ ላም ፡ ዝርከብ ፡ ዘጉደሎ ።

(ጓሳ ።) ከብቲ ፡ ዝጓሲ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ፲፪ ዓመት ፡ ንላዕሊ ፡ ይኹን ፡ ካብኡ ንታሕቲ ኪጓሲ እተረኽበ ፡ ሰብ ፡ ግን ፩ ሕልቂ ንቤት ትምህርቲ ይቀጻዕ ፡ ከመይ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ማል ፡ ናእሽቱ ፡ ቈላሁ ፡ እናሰደዱ ፡ ገበ ር ፡ ክበልዕ ፡ ኢሉ ፡ ዝዘርአ ፡ እኽሊ ፡ ይጠፍእ ፡ ንምሸቱ ፡ ድማ ፡ ስእን ዝአልየን ፡ እተን ፡ ማል ፡ ይጠፍአ ። ብዘሎሓት ፡ ከብቲ ፡ ብታራ ፡ ዝሕሰዋ ሰብኣይ ፡ ይሓልወን ። እቲ ፡ ባዓልታራ ፡ ቈልዓ ፡ ሰዲዱ ፡ ከሐልወን ፡ እ ንተተረኽበ ፡ ፲፪ፈ ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይቀጻዕ ።

## ፺፯። ውሕስነት ።

ወላዲ ፣ ምስ ፣ ሞተ ፣ ኩሉ ፣ እቲ ፣ ንሱ ፣ እተዋሕሰ ፣ ገዘኦ ፡ እቲ ፣ ዓብዩ ፣ ወዱ ፣ ይተዓገት ፣ መገሻ ፣ ግን ፡ ተማኺሮም ፡ ኩሎም ፣ አሕዋት ፣ ይግበሩ ፤ እቲ ፣ ዝኽፈል ፣ ገንዘብ ፡ ድማ ፣ ኩሎም ፡ አሕዋትን ፣ እታ ፣ ሰበይቲ ፣ ከአ ፣ ገንዘብ ፣ ዝበልዔት ፣ እንተኾይና ፣ ሐቢሮም የሰንዩ ዕዳአም።

ዳኛ ፡ ዝአዘዘ ፣ እዩ ፣ ዋሕስ ፣ ዝዕገት ፣ ዳኛ ፣ ይጥበቅ ፡ ዘይበሎ ፣ ዕግታት ፣ ፍሩስዩ ፤ ዕጉት ፣ ፫ ቅርሺ ፡ ንሳልስቲ ፡ እንዳኾነ ፣ እዩ ፣ ዝሸይድ ዋሕስ ፣ በዚ ፣ ሥርዓትዚ ፣ ይኽፈል ፣ ብካዕበት ፣ ድማ ፡ ክብቲ ፡ ዘውሐሰ ይከፈል ።

ዋሕስ ፣ ጓል ፣ አቦአ ፣ እዩ ፣ ይጥበቅ ፣ ገዚብል ፣ ግን ፣ እቲ ፣ ሰደኛ ፣ ከም ፣ መጠን ፣ ዳኛ ፣ ኰይኑ ፤ ግቡእን ፡ ዘይግቡእን ፣ ይምርምር ።

፫ ቅርሺ ፣ መግጠሚ ፣ ትሩፍዩ ፡ ግን ፣ ዳኛ ፣ ምስ ፣ አዘዘ ፣ ፫ ዕጉት ሃበኒ ፣ ይበል ፡ እንተደፈነ ፣ ጀፊን ፣ ደፋንን ፡ ዕጉትን ፣ ይቀበል ።

ሽም ፣ ሸለግ ፣ ትሩፍ ፡ እዩ ፤ እቲ ፣ ዘሸልግ ፣ ሰብ ፣ ቅርሺ ፣ እንተሳኢኑ መሸጥን ፡ መለወጥን ፡ ፪ ዕዳጋ ፣ ይርከብ ፣ በዚኢን ፣ እንተዘይከሪሉ ፣ ፭ ፡ ዕግት ፣ ዋሕስ ፣ ይኸፈል ፣ ቀንዲ ፣ ከፊሉ ፣ ፈጺሙ ፣ ንጉሥ ፣ ይቀጻዕ ፤ ክክፍል ፣ ዘይኽእል ፣ ስኡን ፣ እንተኾይኑ ፣ እቲ ፣ ዋሕስ ፣ ቀንዲ ፣ ይኸፈል እንተሎ ፣ ፭ ዕጉት ።

እቲ ዘሸልግ ሰብ ዋና ይኹን ዋሕስ ይኹን ፪ ዕዳጋ ኣይደልን እነስ የሸልግ ፡ ደኣ ፡ እንተበለ ፡ እቲ ፡ ዝሸለግ ፡ ሰብ ፡ ካብቱን ፡ ጥራቱ ዝመረጸ ካብቲ ፡ ይሸለግ ፡ ከመይ ፡ ዝሐመቀ ፡ ከየሸልጎ ፡ እታ ፡ ትሸለግ ፡ ካብቲ ግና ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ዋጋኣ ፡ ብዝሸነንዎ ፡ ይቁም ።

ገንዘብ ፡ ለቅሐኒ ፡ ገንዘብ ፡ ሕድርን ፡ ግን ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ሸለግ ፡ የልቦን ፡ ከምታ ፡ ተቀበለኒ ፡ ይምለስ ፡ እንተዘይሃበ እቲ ዋሕስ ፡ ቀንዲ ፡ ይኸፈል ።

፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ብዋሕስ ፡ እንተተከሐሐሱ ፡ ወይንድማ ፡ እቲ ፡ ዋሕስ ኣይተዋሐሰኩን ፡ እንተበለ ፡ ዳኛ ፡ ብዝነገሮ ፡ ይቁሙ ፡ ምናልባሽ ፡ ናይ ነዊሕ ፡ ዓመታት ፡ እንተኾነሞ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ረሲዒዮ ፡ እንተበለ ፡ ሐዲስ ዋሕስ ፡ ይትክሉ ።

ዋሕስ ፡ ናብ ፡ ከበቢ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ፲ መዓልቲ ፡ ይርከብ ፡ ንወጻኢ ፲፬መ ፡ ይርከብ ፡ መቅረቢን ፡ መወከሲን ፡ ካብኡ ፡ ንንየው ፡ ከም ፡ ስሩዕ ይተዓገት ።

## ፶፰ ። ጸርፊ (ኣፍ ኣይጽረፍ ኢድ ኣይግረፍ ።)

ብዛዕባ ፡ እተደብተረ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ብዝወሰንዎ ፡ ምግዛኡን ምንእሱን ፡ ርእዮም ፡ ይካሐስ ፡ ከመይ ፡ ጸርፊ ፡ መወዳእታ ፡ የልብሉን ፡ ነዚን ፡ ዝቅጽላ ፡ ጸርፍን ፡ ኣሽሙርን ፡ ግን ፡ ካሕሳኤን ፡ እዚ ፡ ተወሲኑ ዘሎ ፡ እዩ ።

ወለዶ ፡ ሰምዩ ፡ አሸሙር ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይከሓስ ፡ ይሰደም ።

ብዘበን ፡ ከሳኡ ፡ ስጋ ፡ ሕርሚ ፡ ዝበልዓ ፡ እም ፡ ናብ ፡ ሃይማኖቱ
ተመልሰ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይከሓስ ።

አቡኡን ፡ አዲኡን ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰ ፡ ፈርጊ ፡ ይከሓስ ።

ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ "በርያ" ኢልካ ፡ ምጽራፍን ፡ ምስትንዓቅን ፡ ብዓ
ዩ ፡ ገደብ ፡ ክልኩልዩ ፡ ከመይ ፡ ኩላትና ፡ ቀዳሕ ፡ የልቦ ፡ ጸሊም ፡ ቡ
ያ ፡ ክርስቶስ ፡ ኢና ፡ ብአምሳለ ፡ እግዚአብሔር ፡ እተፈጠርና ፡ ድማ
ኢና ፡ ኩላትና ፤ ስለዚዩ ፡ በርያ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይከሓስ ፡ ስዩ
፡ ይበል ፡ ምንምኳ ፡ ብቑዕ ጸሊም ፡ እንተኾነ ተከሊሉ ይሰየም ።

አድጊ ፡ ሳሕሳሕ ፡ ሐርጉፍ ፡ ከርናፍ ፡ ፍንፉን ፡ ጋላ ፡ ሸንቅላ ውላጅ
-ወሸ ፡ ተወሸ ፡ እንካ ፡ ሐሰር ፡ ንፉይ ፡ ትሸየጥ ፡ ትልወጥ ፡ ቈርጫጭ
ጉርንጫ ። ንሰኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልእ ፡ ውን ፡ በሸሙር ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰
ፈርጊ ፡ ይከሓስ ፡ ይሰደም ።

ሰብአይ ፡ አዲኡ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይከሓስ ፡ ይሰደም ።

ዓዲ ፡ ጽላለ ፡ ዝርእሱ ፡ እምኒ ፡ ጸሊም ፡ ዝእግሩን ፤ ዓዲ ፡ ራእሲ ፡ ገ
ጊዩ ፡ ዝርእሱ ፡ ማይ ፡ አልቦ ፡ ዝእግሩ ፤ ነዚም ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ እዚኤን
ዘንብሩ ፡ ብዝተሓት ፡ ህዝቢ ፡ ከም ፡ ሐደ ፡ ዓሌት ፡ ኮይኖም ፡ ብሐደ ፡ ሕ
ጊ ፡ ብሐደ ፡ ስምረት ፡ ብጥንቲ ፡ ገነብሩ ፡ ከብዚአም ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ አይ
ወዲ ፡ ሉን ፡ ጭቦን ፡ ኢኻ ፡ ዝበለ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይከሓስ ።

ወደ ፡ ንወዲ ፡ ወይ ፡ ንኸል ፡ ብግብረ ፡ ሰዶም ፡ ዘውሰበ ፡ ፲፰ፈ ፡ ከ
ሒሱ ፡ ውጂ ፡ ይውጻእ ፡ ነውሪም ፡ ይኹን ።

ንወዲ ፡ ተበሰሪ ፡ ይኸውን ፡ ንጓል ፡ አንስትዮቲ ይኸውን ብግብረ ፡ ሰዶም ፡ ዝጸረፈ ፡ ንሰኡ ፡ ዝመስልወን ፡ በሽሙር ፡ ዝጸረፈን ፡ ፲፭ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ይሰዩም ።

ወለድኡን ፡ ዓሌቱን ፡ እናፈለጠ ፡ ከሎ ፡ አይፈልጥን ፡ እንተበለ ፡ ምስተረትዒ ፡ ፲፭ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ይሰይም ።

እኔ ፡ ከባኻ ፡ ይበልጽ ፡ ዝበለ ፤ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ይሰይም ፡ ከመይ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ሰብ ፡ አይበልጽን ፡ ንሰብ ፡ ብስም ፡ አራዊት ፡ ወይ ፡ እንስሳ ፡ ዝጸረፈ ፡ ወይ ፡ አሽሙር ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ።

ክንዳይዶ ፡ ኰንካ ፡ ዝበለ ፤ ከሐዲ ፡ አረሜን ፡ ዝበለ ብቀደምካ ጽሩጥ ፡ ፍናፍንቲ ፡ አይሰብአይ ፡ አይሰበይቲ ፡ ዝበለ ፤ ናብ ፡ መንጎ ፡ ባእሲ ፡ ብስምትዓት ፡ ባዓል ፡ ዓዲ ፡ እስዑ ፡ ድማ ፡ ዝበለ ፡ ንዑኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፡ ዝጸረፈ ፡ ወይንድማ ፡ በሽሙር ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ይሰዩም ፡ (ሃሪም) ፡ ዝበለ ፡ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ።

ንሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ሸርሙጣ ፡ ዝበለ ፡ ሰብኣይ ፡ ዘይብላ ፡ ሰበይቲውን ፡ ብንጽህታ ፡ ኸላ ፡ ሸርሙጣ ፡ (አመንዝራ) ዝበለ ፡ ከምኡውን ፡ ንሰብአይ ፡ ሸርሙጣ ፡ ሌሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፴ፈ ፡ ይኽሐስ ፡ ንእኡ ፡ ዝመስል ፡ በሽሙር ፡ ዝጸረፈውን ፡ ፴ፈ ፡ እዩ ፡ ክሕሳኡ ።

ብእዋን ፡ ንእስነታ ፡ አመንዝራ ፡ ዝነበረት ፡ ነዚዩ ፡ ሐዲጋ ፡ ናብ ፡ ቁርባን ፡ እትመልስት ፡ ሸርሙጣ ፡ ዝበላ ፡ ወይድማ ፡ በሽሙር ፡ ንሰኡ ፡ ዝመስል ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፵ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ንሰብአይውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ክሕሳኡ ።

ንሰብአዩ ፡ አንቲ ፡ ዝበለ ፡ ሰ[illegible]ም ፡ ጠን[illegible] ፡ መጣምዒ ፡ መጣፍኢ

በላዕ ፣ ክሕሳ - ሽጥታ ፣ አንቱም ፣ ኪብል ፣ ዝነበረ ፣ ናብ ፣ መንን ፣ ነገር ፣ እንቃ ፣ ዝበለ ፣ ... ፣ ዝመስል ፣ ውን ፣ ዘይተጻሕፈ ፣ ዝጸረፈ ፣ ክብዚኤ ን ፣ ን፩ ጸርፌ ፣ ፴ፈርጊ ፣ ይክሐስ ።

## ፶፱ ። ሰራሕ ሐጺን ።

ሰራሕ ፣ ሐጺን ፣ ካብ ፣ ኩሉ ፣ ዝበለጸ ፣ ጥበብ ፣ አካላተ ፣ ህይወት ፣ ናይ ፣ መንግሥትን ፣ ናይ ፣ ህዝብን ፣ እዩ ፣ ከመይ ፣ ንንጉሥ ፣ መሰረርያ ፣ ጠርንት ፣ (ሾናት) ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ክአ ፣ ንዋየ ፣ ቅዱሳንን ፣ ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ መስርሒ ፣ ኩሉ ፣ ሐጻውን ፣ ዝሰርሕ ፣ ንሱ ፣ እዩ ፣ ከምኡውን ፣ ነታ ፣ ንምሉእ ፣ ህዝብና ፣ እትፆግብ ፣ መሬትና ፣ ንሱ ፣ ብዝሰርሖ ማሕረሻ ፣ ክርፈስ ፣ ጭኂሮ ፣ ገዘሞ ፣ ፋስ ፣ ምሳር ፣ መንደል ፣ ማዕጺድ ፣ ገርከ ፣ እያ ፣ እትሰየ ።

ንንብረትና ፣ ዝድግፍ ፣ ክአ ፣ ክራ ፣ ጭፌቃ ፣ መስፈ ፣ ወረጦ ፣ ከልእውን ፣ ንሰኡ ፣ ዝመስል ፣ ብዙሕ ፣ ጠቅሚ ፣ ህዝቢ ፣ ዝሰርሕ ፣ ብልሂ ፣ እዩ ስለዚ ፣ ነዚም ፣ ስልጡናት ፣ ሰባት ፣ ምጽራፍን ፣ ካብ ፣ ህዝቦም ፣ ፈሊኻ ፣ መውሰበ ፣ ምክልካልን ፣ ከም ፣ ብገዛእ ፣ ኢድካ ፣ አካላትካ ፣ ኩሉ ፣ ቈረጽካ ፣ ደርቢኻስ ፣ ምንዳቤ ፣ ማለትዩ ፣ ኩልና ፣ ከምእንፈልጥ ፣ ማይ ፣ ዘይሃረሞ ፣ መሬት ፣ እኽልን ፣ ሳዕርን ፣ ከምዘየብቁል ፣ ከምኡ ፣ ክአ ፣ ሐጺን ፣ ዘይቀጥቀጠ ፣ ህዝቢ ፣ ከምዘይስልቶንን ፣ ንምሉእ ፣ ሂወቱ ፣ ብድኽነት ፣ ከምዝነብርን ፣ እተደላደለ ፣ እዩ ።

ነዚ ፡ እንደነት ፡ እዚ ፡ ኪርዳእ ፡ ዝደሊ ፡ ሰብ ፡ ኵሉ ፡ ናብ ፡ አረት ፡ ዘፍጥረት ፡ ም-፬ ቁ ፡ ካብ ፡ ፲፱-፳፫ ፡ ተመልከት ። ምሳ ፡ ም-፩ ቁ፡፰-፺ ፡ ተመልከት ።

## ፺ ። ሰራሕ ወርቅን ብሩርን ።

ሰራሕቲ ወርቅን ብሩርን፡ንንጉሥ ዘውዲ (ንሽን) ንዕኡ ዝመስል ውን ፡ ካልኢ ፡ ዓብዩ ፡ ናይ ፡ ክብረትን ፡ መአርግን ፡ ዘርኢ፡ዝሰርሑ፡እዮም። ከምኡ ፡ ውን ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ወገን ፡ አክሊል ፡ መስቀል፡ ጽዋእ ፡ ድባብ ፡ ካልእ ፡ ውን ፡ በየዓይነቱ ፡ ብወርቅን ፡ ብሩርን ፡ ዚንጸባርቅ ፡ ንኽብረ ፡ ቤተ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዝሰርሑ ፡ ንሳቶም ፡ እዮም ።

ነቲ ፡ ዝሰልጠነ ፡ ህዝቢ ፡ ድማ ፡ ዘድልዮ ፡ ሽልማት ፡ ብወርቂ ፡ ብ ብሩር ፡ ብሉል ፡ ብእንቍ ፡ ብህር ፡ ዘጌጽ ፡ ሰራሕ ፡ ዝሰርሑ ፡ እዮም ። ስለዚ ፡ ነዚም ፡ ከምዚአም ፡ ዝመሰሉ ፡ ብጥበብን ፡ በአምሮን ፡ ዝበሰሉ ፡ ናብ ፡ ዓብዩ ፡ ስልጣኔ ፡ ውን ፡ ዝመርሑ ፡ ምጽራፍን ፡ ካብቲ ፡ ግዛእ ፡ ህዝበም ፡ ፈሊኻ ፡ ዘይምውሳብን ፡ ነቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዝበሃካ ፡ ክብረትን ስልጣኔን ፡ ዘይምቅባል ፡ ወይስ ፡ ምድርባዩ ፡ ማለት ፡ እዩሞ ፡ ምዘም ፡ ሰ ባት ፡ እዚአም ፡ ግቡእ ፡ መውሰቦ ፡ ክንግበርን ፡ ብናይ ፡ ክብረት ፡ መንገዲ ፡ ክርአዩን ፡ ዘድሊ ፡ እዩ ።

ስለዙይ ፡ ሰራሕተኛ ፡ ሐጺን ፡ ሰራሕተኛ ፡ ብሩርን ፡ ወርቅን ፡ ተዋግኢ ሮም ፡ ማአርግ ፡ ዲቁናን ፡ ክህነትን ፡ አ[illegible]ተለያም ፡ ናብ ፡ ዝኮነ ፡ ቤተክር

ስቲያን ፣ ማሕድሮን ፣ አገልግሎትን ፣ ከም ፣ ኩሉ ፣ ውሉድ ፣ ክሀነት ፣ ኪረኽቡ ፣ ግቡእ ፣ እዩ ። ነዚ ፣ ዝኸልከለ ፣ ፻፳፩ ፣ ይኽሐስ ፣ እቲ ፣ ዝኽልክል ፣ ሰብ ፣ ክህን ፣ ወይ ፣ ዲያቆን ፣ እንተኹነ ፣ ከምኡ ፣ ውን ፣ ምሳኻ ፣ አይቅድስን ፣ ኢሉ ፣ እንተአበየ ፣ ፻፳፩ ይኽሐስ ማሕድሮ ፣ ድማ ይልቀቅ ።

ብልሃተኛን ፣ ጥበበኛን ፣ ሰብ ፣ ከመይ ፣ ዝበለ ፣ ክብረትን ፣ ማአርግን ከምዝግበአ ፤ ምንም ፣ እኳ ፣ ናብ ፣ ዓድኻን ፣ ህዝብኻን ፣ እንተ ፣ ተሳእነ ፣ ብኸንደይ ፣ ደገጽንዓትን ፣ ልማኖን ፤ ከምዝረክብ ፣ ክርዳእ ፣ ዝደሊ ሰብ ኩሉ ፣ ናብ ፣ መጽሐፈ ፣ ዜና ፣ መዋዕል ፣ ካልእ ፣ ም-፩ ፣ ቁ-፲፪-፲፰ ፣ ተመልከት ።

ቀጺልካውን ፣ ናብ ፣ አሪት ፣ ዘፀአት ፣ ም-፴፩-ቁ-፩-፲፩ ተመልከት ፣ ናብኡ ፣ እቶም ፣ ዝሰሜናዮም ፣ ኩሉ ፣ ኪሰርሑ ፣ ብመንፈስ ፣ እግዚአብሔር ፣ መሊኡዎም ፣ እተመርጹ ፤ ክብቲ ፣ ክብ ፣ ዝበለ ፣ ዘርኢ ፣ ይሁዳ ፣ ምኳኖም ፣ ክትርዳእ ፣ ትኽእል ፣ ኢኻ ።

ነዚ ፣ ኩሉ ፣ ነገርዚ ፣ ርኢና ፣ ነዘን ፣ ዝስዕባ ፣ ጸርፊ ፣ ብሕጊ ፣ ንኽልክል ፣ አሎና ፤ ጠቢብ ፣ ቡዳ ፣ ናሃብይ ፣ የሕምሙ ፣ ይቐትሉ ፣ ዝብኢ ፣ ይኾኑ ፣ ዕትሮ ፣ ይገብሩ ፣ ንዕኡ ፣ ዝመስል ፣ ካልእውን ፣ ዝጸረፈ ፣ ወይ ፣ ኪሐሚ ፣ እተረኽበ ፤ ሐደው ፣ በሽሙር ፣ እተዛረበ ፣ ፻፳፩ ፡ ይኽሐስ ፣ ስዩም ከአ ፣ ይበል ፤ ነቲ ፣ ናይ ፣ እግዚአብሔር ፣ ስልጣን ፣ ማለት ፣ ምሕማምን ምማትን ፣ ንስጋዊ ፣ ሰብ ፣ በለ ፣ ዝሃቡ ፣ ናይ ፡ ክሕደት ፣ ዜርኢ ፣ እዩሞ መንፈሳዊት ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ባዕላ ፣ ትወስኖ ።

ከምኡምን ፣ ነቲ ፣ እግዚአብሔር ፣ ብጥበብና ፣ ክንዓዩ ፣ እሞ ፣ መሣቢ ፣ ዕለትና ፤ ክንረክብ ፣ ዝሰርዓልና ፣ ጥበበት ፣ ከይንጻረፈሉ ፣ ብሕጊ ኩልኩል ፣ እዩ ፣ ስለዚ ፣ ንኢደጥበብ ፣ ማለት ፣ በታ ፣ ዕዮኡ ፣ ዝጸረፈ ።

ካብ ፡ ሕረስታይ ፡ ፫ሚኣ ፡ ክሳዕ ፡ እተን ፡ ደቀቕቲ ፡ ዕዮታትን ፡ ጥበብትን ፡ ዕዮኡ ፡ ሰምዩ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፫ፈ ፡ ይኽሕስ ፡ ከመይ ፡ ነቲ ፡ ጥበብን ብልሃትን ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ንቅድሚት ፡ ምድፋእስ ፡ ንድሕሪት ፡ ዝመልሶ ፡ ናይ ፡ ሃካያት ፡ ቃል ፡ እዩሞ ፡ ኩሉ ፡ ህዝቢ ፡ ይረድኦ ፡ ካብ ፡ ድንቁርናን ፡ ካልእ ፡ ነገር ፡ ዝጥምቱና ፡ ሰባት ፡ ክም ፡ ዝኾኑ ፡ እዚ ፡ ረቂቕ ፡ ስብከት ፡ አርዩስ ፡ ዘረአም ፡ ምስ ፡ ሰራሕተኛታትን ፡ አንጠረኛን ፡ (አነጠረ ፡ አብርኒ) ፡ ክሳብ ፡ ሎሚ ፡ ፈልዮም ፡ ናብ ፡ ዑረቲ ፡ ጸኒሕና ፡ ሎሚ ፡ ግን ፡ ግዜ ፡ ተጸጊዕና ፡ ካብ ፡ ጸላም ፡ ናብ ፡ ብርሃን ፡ ክንምለስ ፡ ሓይሊ ፡ እግዚአብሔር ፡ ይሐግዘና ።

## ፺፩ ። ሐሳውን ሰራቕን ።

ናብ ፡ ሕጊ ፡ ሎን ፡ ጭዋ ፡ ካልእ ፡ ጸርፊ ፡ ኩሉ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ። ንሐሳውን ፡ ንሰራቕን ፡ ግና ፡ አይተኸልከለን ። ስለዚ ፡ ሐሳዊ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ብሐሶት ፡ ይርታዓዮ ፡ ሐሳዊ ፡ ከምዝኾነ ፡ መርትዖ ፡ እንተሳአነሉ ፡ ፴ፊ ፡ ይኸሕስ ። እቲ ፡ ሐሳዊ ፡ እተባህለ ፡ ሰብ ፡ ፤ ዘንጊ ፡ በቢዚንተን ፡ እንተተረትዔ ፡ ብሐሶት ፡ ውጺ ፡ ይውጻእ ካብ ምስክር ይከልከል ፡ ሰራቒውን ፡ ከምኡ ፡ ሰረቀ ፡ ዘይገንዘቡ ፡ ዝበልዕ ፡ ሰብ ፡ ብሐሶት ፡ ንምምስክር ፡ ከም ዘይፈርሕ ፡ ርግጽ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡ ብሰርቂ ፡ ፤ ግዚ ፡ እንተ ፡ ተረትዔ ፡ ካብ ፡ ምስክር ፡ ይከልከል ፡ ውጺ ፡ እዩ ።

## ፳፱ ። ጠበቓ ።

ጠበቓ ፣ ብዝኾነ ፣ ይኹን ፣ ኪጸረፍ ፣ አይግብኦንዩ ፣ ጥብቅነት ፣ ሒዙ – ክሉ ፣ እንተተጻረፈ ፣ ባዕሉ ፣ ይዕደዮ ።

ጥብቅነት ፣ ዝሰርሕ ፣ ሰብ ፣ ብጸርፊ ፣ ዝአክል ፣ ፫ ግዜ ፣ እንተ ፣ ክሒሰ ፣ ካብ ፣ ጥብቅነት ፣ ይወሰን ። ጭቃን ፣ ምስለኔን ፣ ብዝፈልጥዎ ፣ ነገር ፣ ካብ ፣ ጥብቅነት ፣ ኪኽልክልዎ ፣ ይክአሉም ፣ እዮም ፣ ንጠበቓ ።

## ፴፫ ። ሽመት ምስለኔን ፣ ጭቃ ዓድን ፣ ሹም አሕዋትን ።

ሹቅነት ፣ ንርስተኛ ፣ ባለበት ፣ እያ ፣ እትግበእ ፣ ባለበት ፣ እንተ ፣ ተሳእነ ፣ ግና ፣ ካብቶም ፣ ርስተኛታት ፣ ኪሽየም ፣ ይግባእ ፣ ማእከላይ ፣ ዓሌት ግና ፣ ጭቃ ፣ ኪሽየም ፣ አይግብኦን ። ክምኡውን ፣ መሬት ፣ ወርቂ ፣ ገዚኡ ፣ እተቀመጠ ፣ ሹቅነት ፣ አይግብኦን ፣ እዩ ።

ሹቃ ፣ ናብታ ፣ እተሸማ ፣ ዓዲ ፣ ኪቅመጥ ፣ ይግብኦ ፣ ክመይ ፣ ናብ መንጎ ፣ ህዝብን ፣ ናብ ፣ መንጎ ፣ መንግሥትን ፣ ማእከላይ ፣ ማለት ፣ እዩሞ ፣ ናይ ፣ ንጉሁን ፣ ምሽትን ፣ ኪፈልጥ ፣ ግቡኡ ፣ እዩ ። ሪም ፣ ሹቃ ፣ ካብ ግብረንጉሥ ፣ ዕሽር ፣ ኪወስድ ፣ ይግብኦ ፣ እዩ ። ካብ ፣ እተረትዒ ፣ በዓል ፣

ነገር ፡ ከአ ፡ መኸደ ፡ ዳኛ ። ዳኛነት ፡ ውርዲ ። ደናብ ፡ ንዝአበየ ፡ ይብላዕ ።

ምስለኔ ፡ ዝሸየም ፡ ሰብ ፡ ንጉሥ ፡ ዝአመኖ ፡ ባዕሉ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝሸሞ ። እንተኾነ ፡ ግና ፡ ምስለኔን ፡ ሹምቃን ፡ ዝሸየም ፡ እተማህረ ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ፡ ከመይ ፡ ነቲ ፡ ዝሰርዖን ፡ ዝፈረዶን ፡ ናብ ፡ ደብተር ፡ ጽሒፉ ፡ ኪቁጥ ፡ ከምኡውን ፡ ምስ ቤተመንግሥቲ ፡ ብገዛእ ፡ ኢዱ ፡ ጽሒፉ ፡ ምስጢሩ ፡ ኪዛረብ ፡ ዝክእል ፡ ኪኸውን ፡ ይግብኦ ።

እዚዎም ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ዝሰመናዮም ፡ ቅጽዓት ፡ ምስለኔን ፡ ሹምቃን ፡ ኪቀጽዑዎ ፡ ዝግብእ ፡ ከምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ እዩ ።

ንዳኛ ፡ እቶም ፡ ፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ናብ ፡ ዝመጉቱላ ፡ እዋን ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ዳኛነቱ ፡ ይግብኦ ። ናይ ፡ ውርዲ ፡ በጊሰ ፡ ፪ ቅርሺ ። ረሰማ ፡ በጊሰ ፡ ዝበለ ፡ ፬ ቅ ፡ ምክት ፡ ዝበለ ፡ ፬ ቅ ፡ እንቋዕ ፡ ሽብጢ ፡ እንቋዕ ፡ ስገም ፡ ዝበለ ፡ ብቑመ ፡ እዩ ፡ ዝአቱ ፡ ክዩፈለየ ፡ አወሐስ ፡ ዝበለ ፡ ፭ ቅ ፡ እዩ ፡ ላም ፡ አተዋረደ ፡ ፳ ቅ ፡ መንኳድ ፡ አተዋረደ ፡ ፲፮ ቅ ፡ በቅሊ ፡ ዝበለ ፡ ፳፫ ቅ ፡ ሰጋር ፡ ዝበለ ፡ ፲ ቅርሺ ፡ እዩ ፡ ዝግዲ ። አክፋፍላኡ ፡ ላም ፡ መንኳድ ፡ በቅሊ ፡ ሰጋር ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝአቱ ። እቶም ፡ ክልአ ፡ ዝሰመናዮም ፡ ውርዲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ሹምቃ ፡ አተዋረደ ፡ ሹምቃ ፡ እዩ ፡ ዝበልዖ ። ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስለኔ ፡ አተዋረደ ፡ ንምስለኔ ፡ እዩ ።

ዳኛ ፡ ሹምቃ ፡ ይኹን ፡ ወይ ፡ ምስለኔ ፡ በዚአ ፡ አመሓሰ ፡ በሉ ፡ ወይ ፡ በዚአ ፡ የግብእ ፡ በሉ ፡ ኢሉ ፡ ምስ ፡ አዘዘ ፡ ክብሪ ፡ ዝአበ ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ደናብ ፡ ኪቀጽዕ ፡ ይክእሉ ፡ እዩ ፡ ብድሕሪዚ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ ይውስዶም ፡ ከምኡውን ፡ ነቲ ፡ እዚ ፡ ዝአበ ፡ ወይ ፡ እዚ ፡ ዘብኮረ ። ዋሕስ ፡ ምትክል ፡ ዝአበ ። ናብ ፡ ዘይነገሩ ፡ ጠበንጃ ፡ አተዛረበ ፡ ፫ ደናብ ፡ ኪቀጽዕ

ይግብኦ ። ደናብ ፡ ማለት ፡ ፳ቅ ፡ እዩ ፡ ፫ ደናብ ፡ ፷ ቅ ፡ እዩ ፡ ንዮም እተዋረዱ ፡ ሰበት ፡ ዜመሳክር ፡ ዳኛ ፡ ፳ቅ ፡ ንመዓልቲ ፡ ይግብኦ ፡ እዩ ።

## ፹፬ ። ሹም ኣሕዋት ።

፩. ሹም ፡ ኣሕዋት ፡ ደባትር ፡ እንዳበ ፡ ዝሕዙ ፡ እዮም ፡ እዚኦም ፡ ሹም ኣሕዋት ፡ ተባሂሎም ፡ ዝጽውዑ ፡ ሰበት ፡ እንዳበ ፡ መሪጾም ፡ ዝሸሙዎም እዮም ። ነቲ ፡ ብደብተር ፡ ይግበኣኒ ፡ ኢሉ ፡ ዝምጉት ፡ ሰብ ፡ ደብተር ቀሊዮም ፡ ዜናብሩ ፡ እዮም ።

ካልኣይ ፡ ነገር ፡ ከኣ ፡ ዋሰላ ፡ ዓደበ ፡ ኪርከብ ፡ መዓልቲ ፡ ንሳቶም እዮም ፡ ዋናታት ፡ ኰይኖም ፡ ነቲ ፡ ህዝቢ ፡ ዝጽውዑ ።

## ፹፭ ። ኣገባብ ፍርዲ ጭቃ ዓዲ ።

ጭቃ ፡ ንዮም ፡ ዘጨበጡም ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ኣመሳሲሉ ፡ ኬብቅዕ ፡ ከብቶም ፡ ነበሮ ፡ ለባማት ፡ እናሰመየ ፡ ፬ ሰብ ፡ ንኑበሶም ፡ ዝለስቡ ፡ ቅድም ኬፍርድ ፡ ይግብኦ ። ብድሕርዚ ፡ ሸም ፡ እግዚኣብሔር ፡ ሰምዩ ፡ እኽልን ፡ ማሕረስን ፡ ፍትሕን ፡ መቅደስን ፡ አይትጉድፉ ፡ ኢሉ ፡ ብሓቀኛ ፡ ሕሊና ፡ ይፍረድ ። እቲ ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ ዘሎ ፡ ህዝቢ ፡ ኩሉ ፡ ደው ፡ ይበ

ል ፡ ክሳሰ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ፍርዱ ፡ ዝውድእ ። እቶም ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ነቲ ፡ ፍርዲ ፡ ጭቃ ፡ እንተ ፡ ልበሱዎ ፡ ቅጡም ፡ እዩ ። ይግባኝ ፡ እንተበሉ ፡ ግና ፡ ብቅልጡፍ ፤ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ ዘሎ ፡ ፈራዲ ፡ የብጽሕዮም ።

## ፺፮ ። አገባብ ፍርዲ ምስለኔ ።

ምስለኔ ፡ ነቲ ፡ ጭቃ ፡ ብይግባኝ ፡ ዘምጽእሉ ፡ ቃል ፡ ሰሚሁ ፡ ቅድም ፡ ነቶም ፡ ሰብ ነገር ፡ ዳኛ ሰይሙ ይበሎም ፤ ሐበል እንተበሉ ፍታልን ፡ ፱ ቅርሽን ፡ ይዋረዱ ። እቲ ፡ ዝፈረደ ፡ ዳኛ ፡ መራሒ ፡ ምስክር ፡ ይኹን ፤ እንተረትዔ ፡ ናይ ፡ ፍታል ፡ ፫ቅ ፡ ንዳኛ ፡ ፱ቅ ፡ ንመንግሥቲ እዩ ። ስዩም ፡ እንተበሉ ፤ ምስለኔ ፡ ከምቲ ፡ ንጭቃ ፡ ተሐጊጉ ፡ ዘሎ ፡ ፩ ለበማት ፡ ቅድም ፡ አፍሪዱ ፡ ይፍረድ ፤ ህገቢ ፡ ኩሉ ፡ ደው ፡ ይበል ።

## ፍርዲ ጠቕላሊ አማሓዳሪ ፤ ትሕቲኡ ዘለዉ ደያኑን ።

ዳኛ ፡ ምስ ፡ ፈረደ ፡ ይግባይ ፡ ወይ ፡ ለበስኩዎ ፡ ይበል ፡ ንእሰቱ ፡ ነዚኤን ፡ እንተዘይበለ ፡ እታ ፡ ዳኛ ፡ ዝፈረዳ ፡ ትቑም ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ መጺኡ ፡ ይግባይ ፡ እንተበለ ፡ ቅቡል ፡ አይኮነን ።

ኩሉ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ሥርዓት ፡ ትኸክል ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ናብ

ገ፡፪

ቀዳማይ ፡ ዳኛ ፡ ክሳብ ፡ ጠቕላሊ ፡ ኣማሓዳሪ ፡ ይግበይ ፡ ከብልን ፡ ይግብ ኦን ፡ ይክኣሉን ፡ እዩ ። ብድሕሪ ፡ ፍርዲ ፡ ጠቕላሊ ፡ ኣማሓዳሪ ፡ ከቃወ ም ፡ እተረኽበ ፡ ሰብ ፡ ወዲ ፡ ዓዲ ፡ ወይ ፡ ማይቤት ፡ ግና ፡ ብቕልጡፍ ፡ ፈረሰኛ ፡ ምስ ፡ ወታሃደሩ ፡ ይመራሓዮም ፡ ደሞዞምን ፡ ግቡእ ፡ ቀለቦምን ንሓ ሰብ ፡ ሓደ ፡ ዳንኛ ፡ ጤል ፡ ንኽልተ ፡ መዓልቲ ፡ ፩ ገረወኛ ፡ ስዋ ፡ ፭ ጣይታ ፡ ፩ ፃምለሊኽ ፡ በርበረ ፡ ፩ ኣበስንቲ ፡ ጠስሚ ፡ ፫ ፍንጃል ፡ ቡን ፡ ንመዓልቲ ፡ ይመገቡ ፡ ንመጽዓኛ ፡ ውን ፡ ዝግብኦም ፡ መግቢ ፡ ይሃብ ።

እዚም ፡ ፭ ወታሃደር ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ኣብያ ፡ እዮም ፡ ዝምርሑ ፡ ምና ልባሽ ፡ ማይቤት ፡ ወይ ፡ ዓዲ ፡ እንተኾኑ ፡ ግና ፡ ነባር ፡ ቴጺርካ ፡ ፭ ወ ታሃደር ፡ ነብሲ ፡ ወከፍ ፡ ገባሪይ ፡ ይመርሕዎ ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ተ ወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ መግቢ ፡ ይሃቡ ። ደሞዝ ፡ ፈረሰኛ ፡ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ መግ ቡ ፡ ፩ ቅርሺ ፡ ንመዓልቲ ንወተሃደር ግና ፈረቓ ቅርሺ ንመዓልቲ ፡ እዩ ምስመግቡ ። ናይዚም ፡ ወታሃደር ፡ ምቕማጦም ፡ ክተዖ ፡ መዓልት ፡ የል ብሉን ፡ ክሳዕ ፡ እቲ ፡ ኣብያ ፡ ቓል ፡ ንጉሥ ፡ ተሰማይ ፡ ዝብል ፡ እዮም ፡ ዝቕመጡ ፡ ተሰማይ ፡ ምስ ፡ በለ ፡ ግን ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉሥ ፡ ይውጽኡ ።

## ፳፯ ። ምሕላው ሕጊ ።

ሕጊ ፡ ዝበሃል ፡ ኣሕዋት ፡ ምሉእ ፡ ኣውራጃ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ዘለዉ ፡ እንዳበ ፡ ነበብ ፡ ዓሌት ፡ ተመረጸም ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ባይቶ ፡ ተኣኪቦም ፡ ዘ ስምርዎን ፡ ዘቆሙዎን ፡ እዩ ፡ እምበር ። ሓደ ፡ ዓዲ ፡ ንበይኑ ፡ ወይ ፡ ሓ

ደ፡ ዲሌት፡ ንበይኑ፤ ወይ፡ ሑደ፡ ማይቤት፡ ንበይኑ፡ ዘቆሞ፡ ሕጊ፡ ኪ በሃል፡ ወይ፡ ክቅውም፡ አይክእልን፡ እዩ ።

ስለዚ፡ ብገዝኡ፡ ምኽንያት፡ ቅዋም፡ ዓድና ወይ ቅዋም ማይቤት ና፤ ቅዋም፡ ዓሌትና፤ አሎና፡ ኢሉ፡ ኪምጉት፡ ወይ፡ ኪቅሞ፡ እተረ ኽበ፡ ፳ ፈርጊ፡ ንመናግሥቲ፡ ዓድዩ፡ እቲ፡ ቅዋሙ፡ ፍሩስ፡ ይኹን ። ከምቃ፡ ሕጊ፡ እንዳበ፡ ሉጎ፡ ጭዋ፡ ይናበር ።

ከምኡውን፡ ብዙሓት፡ ደቂ፡ ዓል፡ ናብ፡ ሉጎ፡ ጭዋ፡ ተቀሚጦም አዋልዶም፡ ኪመርዕዉ፡ ከለዉ፡ ከም፡ ስሩዕ፡ ሉጎ፡ ጭዋ፡ ዋሕስ፡ ዓ ል፡ ኪትኽሉ፡ እዮ፡ ዝግባእ፤ ነዚእ፡ ሐዲጉ፡ ከም፡ ስሩዕ፡ እንዳበይ፡ ኢሉ፡ እቲ፡ ወዲ፡ ዓል፡ ብኽልእ፡ ሕጊ፡ ዋሕስ፡ እንተ፡ አትክለ፤ ፳፡ ፈርጊ፡ ንመንግሥቲ፡ ዓድዩ፡ እቲ፡ ዘትከሎ፡ ውሕስነት፡ ትሩፍ፡ ይኹን እቲ፡ ዋሕስውን፡ አይተዓገት ።

ብጥላይ፡ ደቂ፡ ዓዲ፡ ኪቱሙወን፡ ዝኽእሉ፡ እዘን፡ ዝስዕባ፡ ቃላት፡ እየን ። ብዛዕባ፡ ሕዛእቲ፡ በየናይ፡ ጊዜ፡ ከምዝሕዛእኒ፡ ከምዝሰርዓኒ ዘርዓይ፡ ዓዲ፡ ምቓም፡ ንሁኡ፡ ዝመስል፡ ናብ፡ ዱብተር፡ ዘይተጻሕፈ፡ ናይ፡ ዘርዓታት፡ ዜርሒ፡ ኪቱሙ፡ ከለዉ፡ ጭቃ፡ ዓዲ፡ ብኽደረ፡ ጸዊ ሑ፡ እዮም፡ ዓዲ፡ ከኣ፡ ናብታ፡ እተጻውሁላ፡ ተአኪቦም ቀዋሞም፡ ና ብ፡ ቅድሚ፡ ጭቃ፡ የቍሙ ። እዮም፡ ተጸዊዖም፡ እተሳእኑ፡ ወይ፡ ከ ኣ፡ ተጸዊዖም፡ ናብ፡ በይቶ፡ ዘይመጹ፡ አይነበርናን፡ ኢሎም፡ ኪፍርሱ እንተ፡ ተረኽቡ፡ ፳ ፈርጊ፡ ንነፍስ፡ ወከፍ፡ ንትምህርቲ፡ ቤት፡ ይዕድዩ፡ ናብታ፡ ቅዋም፡ ዓድን፡ ጭቃን፡ ዝገበሩዋ፡ ከኣ፡ ይልገቡ ።

## ፳፰ ። ስ ው ር ሹ መ ኛ ።

ምስለኔን ፡ ጭቃን ፡ ካብ ፡ ሹመቶም ፡ እንተተ.ጋህሩ ካብ ፡ እዚ ፡ ነጻ ፡ እዮም ። ናብ ፡ መአርግ ፡ ሽመቶም ፡ ከለዉ ፡ ዝበልዑዎ ፡ ዳንነት ፡ ኮነ ደናብ ፡ ኩነ ፡ ብድሕሪ ፡ ምግሃሶም ፡ ኪ.ክሰሱ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

## ፳፱ ። ዝ ሙ ት ።

ሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ዘእተወ ፡ ጅፊ ፡ ይክሐስ ፡ ብዓመጽ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ካሕሳ ፡ ንሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ ይኹን ፡ ምናልባሽ ፡ ምስቲ ፡ ዘእተዋ ፡ ሰብኣይ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ፍትውቲ ፡ እንተኮይና ፡ ግን ፡ እቲ ፡ ሰብኣያ ፡ ክልተ ፡ ጅ ክክሐስ ፡ እዩ ፡ ዝግብእ ፡ ክብክልቲኦም ፡ ሰስሳኦም ።

ንሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ብንመጻ ፡ እናእወት ፡ ዘእተወ ፡ ጅፊ ፡ ይእሐስ ንክልቲኦም ፡ ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ ይኹን ፡ ብፍቅሪ ፡ ኮነ ፡ ብጽልኢ ፡ ኩነ ።

ሕጽዩቲ ፡ ጓል ፡ ዘሕሰመ ፡ ጅፊ ፡ ንወለዲ ፡ ይክሐስ ፡ ዘይተሐጽየት ፡ ጓል ፡ ውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግብእ ።

ኣስላማይ ፣ ንጓል ፣ ክርስቲያን ፣ እንተሕሰመ ፣ ፻፰ፈ ፣ ይኽሐስ ፣ እሉ፡ እንተለ ፣ ትምሐል ፣ ክርስቲያን ፣ ንጓል ፣ ኣስላመይቲ ፣ እንተሕሰመ ፣ ፻፰ ፈርጊ ፣ ይኽሐስ ፣ እሉ ፣ እንተለ ፣ ትምሐል ፣ ኣስላማይ ፣ ንክርስቲያን ፣ ሰ ባይቲ ፣ እንተእእተወ ፣ ብዓመጺ ፣ ፻፰ፈ ፣ ይኻሐ ፣ እሉ ፣ እንተበለ ፡ ንሳ ት ምሓል ፡፡

ክርስቲያን ፣ ነስላመይቲ ፣ ሰበይቲ ፣ እንተእተወ ፣ ብዓመጺ ፣ ፻፰ፈ ፣ ይ ክሐስ ፣ እሉ ፣ እንተበለ ፣ ንሳ ፣ ትምሐል ፡፡

ሰበይቲ ፣ ክብ ፣ ዝኾነ ፣ ጠኒሻ ፣ እሞ ፣ ነቲ ፣ ጥንሳ ፣ ብፈውሲ ፣ እንተ ሰደደቶ ፣ ወይ ፣ ነቲ ፣ እተወልደ ፣ ህፃን ፣ እንተደርበየቶ ፣ እቲ ፣ ሹመኛ ንንጉሥ ፣ ይንገር ፣ መቅጻዕታ ፡ ክብ ፣ ንጉሥ ፣ ትቀከል ፡፡

ሰበይቲ ፣ ክብ ፣ ዘይሰብኣያ ፣ እንተወለደት ፣ ቅድሚ ፣ ጥምቀቱ ፣ ክብ ኣገሌ ፣ እየ ፣ ወሊደ ፣ ኢላ ፣ ንእብ ፣ ነብሲ ፣ ትንገር ፣ ንሱ ፣ ክዐ ፣ ንጭቃ ይንገር ፤ በታ ፣ መዓልቲ ፣ ጥምቀት ፣ ኣቡኡ ፣ እንተዘይነገረት ፣ ናይ ፣ ጻ ሕራይ ፣ ኣይቁም ፣ ፍሩስ ፣ ይኹን ፣ ቀለብ ፣ ቈልዓ ፣ ኣይትርክብ ፡፡

ሰበይቲ ፣ ነቲ ፣ ዝወለደቶ ፡ ቈልዓ ፣ በቲ ፣ ፈለማ ፣ ዝሃበቶ ፣ ብዝኾነ ይኹን ፣ ይቁም ! ተጣዒሻ ፣ እንደገና ፣ ንኽልእ ፣ ክትዕድል ፣ እንተተረኺ በት ፣ ፰ፈ ፣ ትኽሐስ ፣ ነቲ ፣ ፈለማ ፣ ዝሃበቶ ፣ እቲ ፣ ቈልዓ ፣ ውን ፣ ነቲ ፣ ቀዳማይ ፣ ይኹን ፡፡

## ፭ ። ማህረምትን መፍጋእትን ።

ብማህረምቲ ፡ ርእሲ ፡ ዝፈግኤ ፡ ን፩ ፍጋእ ፡ ፲ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ከም ፡ ብዝሒ ፡ ፍጋኡ ፡ ብ፲ፈ ፡ ይወስኽ ፤ እቲ ፡ ተፈግኤ ፡ ሰብ ፡ ግን ፡ ብርቱዕ ፡ እዩ ፡ ፍጋኤይ ፡ እንተበለ ፡ ዳኛ ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ የርእዮ ፡ ብርቱዕ ፡ እዩ ፡ እንተበሉ ፡ እቶም ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ፴ፈ ፡ ይኹን ፡ እቲ ፡ ክሕሳ ።

በዘን ፡ ናብ ፡ ቃሕቲ ፡ ተጻዊዑ ፡ ዘሎ ፡ ስመን ፡ ዝወቅዔ ፡ ፻፳ፈ ፡ ይከሐስ ፤ ጉራደ ፡ ሴፍ ፡ ሖናት ፡ ፋስ ፡ ምሳር ፡ ሐንካሽ ፡ መላጸ ፡ ማዕጺድ ገዘሞ ፡ ጭኳሮ ፡ ካልእ ፡ ሐጺን ፡ ውን ፡ ንዕኡ ፡ ዚምስል ።

ናብ ፡ በትሪ ፡ ዘልገበ ፡ ሐጺን ፡ እሞ ፡ በቃ ፡ ሐጺና ፡ ጌሩ ፡ ዝሃረመ ፰ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ብካልእ ፡ ሐጺን ፡ ዘሎዎ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ክሕሳኡ ።

ወይ ፡ ኢድ ፡ ወይ ፡ እግሪ ፡ ዝቈረጸ ፡ ዓይኒ ፡ ዘጥሰሰ ፡ ፈረቃ ፡ ጋር ይከፍል ።

ንሰበይቲ ፡ ጡባ ፡ ዝቈረጸ ፡ ፈረቃ ፡ ጋር ፡ ይከፍል ።

ሽቡሽቡ ፡ (ብልዕቲ) ዝቈረጹ ፡ ፍረ ፡ ነብሲ ፡ ዝቈረጸ ፡ ምሉእ ፡ ጋር ይከሐስ ።

ፍረ ፡ ነብሱ ፡ ተሃስዩ ፡ ከይወልድ ፡ ከይዝምድ ፡ ተሪፉ ፡ እዩሞ ፡ ስለ ዝሰረ ፡ ምሉእ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ።

ንጥንስቲ፡ ሰበይቲ፡ ዘይሰብአያ፡ ሃረምዋ፡ እንተአዋገረት፡ ጥርቂ፡ ጋር፡ ትከሐስ።

ወይን፡ አዲኡ፡ ወይከዐ፡ አቡኡ፡ ዝሃረመ፡ ውሉድ፡ ፻፳ፈ፡ ይከሐስ፡ ፲ መ፡ እንዳ፡ ጭቃ፡ ይትሐበስ።

እገዛ፡ አጥንጫ፡ ከንፈር፡ ከብዚኤን፡ ዝቴረጸ፡ ፻፳ፈ፡ን፩ ይከሐስ።

ብማህረምቲ፡ ወይ፡ ኢዱ፡ ወይ፡ እግሩ፡ እንተሰነፈ፡ ፻፳ፈ፡ ይከሐስ። ግን፡ እቲ፡ መሰበርቲ፡ ዝጽገን፡ እንተኰነ፡ ፳ፈ፡ ይከሐስ።

ጥንስቲ፡ ሰበይቲ፡ ሰብአያ፡ ሃረምዋ፡ እንተአዋገረት፡ ፳ፈ፡ ካብ፡ ገንዘብ፡ ብርኪ፡ ይከሐስ፡ ክሳብ፡ ፩ ዓመት፡ ናብ፡ ዝደለየት፡ መዓልቲ፡ ተልዕሎ፡ ብድሕሪ፡ ሐደ፡ ዓመት፡ ትሩጥዮ።

ብህስየት፡ አዘንጊዑ፡ ተቃጽዩ፡ ዝወቅዔ፡ ፳ፈ፡ ይከሐስ፡ እቲ፡ ተሃርመ፡ ይምሐል፡ ምስክር፡ እንተዘበሉ።

ንሰብ፡ ብጉረርኡ፡ ዝሐዘ፡ ፳፡ ፈርጊ፡ ይከሐስ።

ሹም፡ አሕዋት፡ ናይ፡ ሎጎ፡ ጭዋ፡ እንተተሃርመ፡ ፶ፈ፡ ይከሐስ።

ጭቃ፡ ኪዳኒ፡ ከሎ፡ ወይከዐ፡ ክልአ፡ ስራሕ፡ ናይ፡ መንግሥቲ፡ ኪፍጽም፡ ከሎ፡ እንተተሃርመ፡ ፶ፈ፡ ይከሐስ፡ ናይ፡ ግህሰቱ፣ ናይ፡ መፍጋእቱን፡ ስምብራቱን፡ ከም፡ ሕጊ፡ ይከሐስ፣ እቲ፡ ዝሃረመ፡ ከም፡ ሕጊ፡ ንጉሥ፡ ይተአሰር፡ ይተሐበስ።

ዓቢ፡ ዓበይቶ፡ አጸብዕቲ፡ ኢድ፡ ዝቴረጸ፡ ፵ፈ፡ ይከሐስ፡ ክመይካብ፡ ብዙሕ፡ ስራሕ፡ ተጉድልዩ።

ዝኰነት፡ ሰበይቲ፡ ዘይሰብአያ፡ እንተሃረማ፡ ፵ፈ፡ ይከሐስ።

ከም ፡ አመንዝራ ፡ ዓይነት ፡ ሰበኡት ፡ ኣቃኒኦ ፡ እንተተሃርመት ፡ ከ ም ፡ ፍጋእን ፡ ስምብራታን ፡ መጠን ፡ እያ ፡ እትከሐስ ።

ብባእሲ ፡ መጠን ፡ ወይ ፡ ብበልዕቲ ፡ ወይ ፡ ብፍረ ፡ ነብሲ ፡ አሕሊዑ ፡ ዝሃሰየ ፡ እሞ ፡ እንተዘይ ፡ ሰረ ፡ ከብ ፡ ውሉይ ፡ እንተዘይጉደለ ፡ ፴ ፡ ፈር ጊ ፡ ይከሐስ ።

አጻብዕ ፡ ኢድን ፡ እግርን ፡ ዝቈረጸ ፡ ፴፭ ፡ ን፩ ይከሐስ ፡ (ብዘይ ፡ ዓ ብዓበይቶ ፡ ናይ ፡ ኢድ ።)

ስኒ ፡ ዝሰበረ ፡ ን፩ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይከሐስ ።

ዘራይ ፡ ኵይኑ ፡ ዝሃረመ ፡ ፴፭ ፡ ይከሐስ ፡ እቲ ፡ እተሃርመ ፡ ሰብ ፡ ምስክር ፡ እንተዘይብሉ ፡ ይምሐል ።

ክልተ ፡ ሰብ ፡ እንተተባእሱ ፡ እሞ ፡ ሓደ ፡ ሰብ ፡ እንተሎ ፡ ናብ ፡ መ ንጎ ፡ የእዊ ፡ ደአምበር ፡ ኣይሐገዘ ፡ ብኢዱ ፡ ከብቶም ፡ እተባእሱ ፡ ሰብት ግን ፡ አሕሊዑ ፡ ብዘራይ ፡ መጠን ፡ አውቂዖዎ ፡ እንተበለ ፡ ምሒሉ ፡ ፴፭ ይከሐስ ። ከባእሱ ፡ ርእዩ ፡ ከየእወየ ፡ ስቕ ፡ እንተበለ ፡ ፲ ፡ ፈርጊ ፡ ንሓ ደ ፡ ይዕደ ።

፪ ሰብ ፡ ኪባእሱ ፡ ከለዉ ፡ ወይን ፡ ፪ ወይ ፡ ክዐ ፡ ፫ ሰብ ፡ ገዘኵኑ ከይዓርቑዎም ፡ ስቕ ፡ ኢሎም ፡ እንተራእዩ ፡ እዚኦም ፡ ፩ ሕልቂ ፡ ነብሲ ወከፍ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደዩ ፡ ብኢድ ፡ ሞጐ ፡ ይውጻእ ።

ሰበይቲ ፡ ንሰብኣያ ፡ እንተሃረመት ፡ ፴፭ ፡ ትከሐስ ፡ አከላቱ ፡ እንተ ጕደለ ፡ ግን ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ይከሐስ ፡ ከብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርከም ፡ እቲ ፡ ከሕ ከሳብ ፡ ፩ ዓመት ፡ የልዕሉ ፡ ብድሕሪ ፡ ፩ ዓመት ፡ ግን ፡ ትሩፍ ፡ እዩ ።

ወረቀት ፣ ናይ ፣ ቀማሊስ ፣ ከምእተቀበለ ፣ ምስክር ፣ ዘሎዎ ፣ እንተተሃ ርመ ፣ ፴፩ ፡ ይክሐስ ፣ ንሱ ፣ እንተሃረመ ፣ ከዐ ፣ ከሣ ኡ ፣ ይክሐስ ።

ኢደረ ፣ ጭቃ ፣ እዚ.ገዛዎ ፣ ነዘዩ ፣ ኪ.ፍጽም ፣ ከሎ ፣ እንተተሃርመ ፣ ፳፭ፈ ፣ ይክሐስ ፣ ናይ ፣ ግህሰቱ ፡ መፍጋእትን ፣ ስምብራትን ፣ እንተለዎ ፣ ግን ፣ ከም ፣ ስርዕት ፣ ይክሐስ ፣ ብላዕሊ ።

መብራህቲ ፡ ምስጠፍኤ ፣ ሐዊ ፣ ምስተደገሰ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ፲ ፈርጊ ፣ ካብ ፣ ገንዘብ ፣ ብርኪ ፣ ትክሐስ ።

ብስኑ ፣ ዝነኸሰ ፣ ፲ ፣ ፈርጊ ፣ ይክሐስ ።

ንፍትሕ ፣ ምስተቋጸሩ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ሰብኣያ ፣ ፲ፈ ፣ ይክሐስ ።

ጭሕሚ ፣ ዝነጸየ ፣ ፮ ፣ ፈርጊ ፣ ይክሐስ ።

ናብ ፣ ቤት ፣ ከይኑ ፣ ናብ ፣ በረኻ ፣ ከይኑ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ፲ፈርጊ ፣ ይክሐስ ፤ ፍጋእ ፣ እንተለዋ ፣ ግን ፣ ፲ፈን ፣ ፬ በጊዕን ፣ ይክሐስ ።

ካብ ፣ ክሳድ ፣ ንላዕሊ ፣ ብ፳ ፣ አጻብዑ ፣ ዝሃረመ ፣ ፳ፈ ፣ ይክሐስ ።

ካብ ፣ ክሳድ ፡ ንታሕቲ ፣ ዝሃረመ ፣ ከም ፣ ስምብራቱ ፣ መጠን ፣ ንሐ ፣ ስምብራት ፣ ፫ ፣ ፈርጊ ፣ ይክሐስ ።

ዘርዓይ ፣ ዓዲ ፣ ዝሸምዎ ፣ እንተተሃርመ ፣ ስምብራት ፣ ወይ ፣ መፍጋ እቲ ፣ እንተለዎ ፣ ከም ፣ ስሩዕ ፣ ይክሐስ ፣ ስምብራት ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኮነ ግን ፣ ምሒሉ ፣ ንፅ ማህረምቲ ፣ ፪ፈ ፣ ብማህረምታን ፣ ቱጽሪ ፣ ይክሐስ ።

እተሃርመ ፣ ሰብ ፣ ስምብራት ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኮነ ፣ ምስክር ፣ ዘይብ ሉ ፣ እንተኮነውን ፣ ምሒሉ ፣ ንፅ ህራም ፣ ፪ፈ ፣ ይክሐስ ፣ ብዝቴጸረን ፣ መጠን ።

፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ቈይሞም ፡ ከለዉ ፡ ሓዲኦም ፡ እንተሃረመ ፡ ፭፻ ፡ ይከሐስ ፡ ብላዕሊ ፡ ስለ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ዝሃረመ ፡ ናይ ፡ ስምብራቱን ፡ መጥጋእቱን ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከም ፡ ሕጊ ይከሐስ ፤ ነቲ ፡ ዳኛ ፡ ድማ ፡ ፲፻ ፡ ይከሐስ ፡ ናይ ፡ ሰበር ፡ ዳኛ ።

## ፸፩ ። ቀ ብ ረ ።

ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ድብ ፡ ጥራይ ፡ ቤተ ፡ ሰቡ ፡ ይተአከቡ ፡ ምናል ባሽ ፡ ሰበ ፡ አውያት ፡ እንተወሐዱዎም ፡ ግና ፡ ፫ መዓልቲ ፡ ይቛጸሩ ፡ በታ ፡ ፫ይቲ ፡ መዓልቲ ፡ ዝመጹ ፡ ቤተ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ ምዉት ፤ ዝከአሉም፡ እንተኾኑ ፡ ነቶም ፡ ዘኸታማት ፡ ሐገዝ ፡ ይሃቡዎም ፤ ዘይከአሉም ፡ እንተኹኑ ፡ ከአ ፡ አልቂሶም ፤ ንዓዶም ፡ ይመለሱ ።

ስለዚ ፡ ናብ ፡ ቀብሪ ፡ ስዋ ፡ ከይስተ ፡ ብሕጊ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ፡ ነዚአ ሓሊፉ ፡ ስዋ ፡ ቀብሪ ፡ ዝገበረ ፡ ሰብ ፡ ፴፻ ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይዕደ ።

ብቐብሪ ፡ ርእሳ ፡ ዝነፈየት ፡ ፴፻ ፡ ገጹ ፡ ዝመለጠ ፡ ፴፻ ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ አበንስሓ ፡ ካብ ፡ ህገቢክርስቲያን ፡ ይፍለዮም ፤ እተን ፡ እተቀጽዓን ፡ ገንዘብ ፡ ብሊድ ፡ ሽማግሌታት ፡ ናይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይውጽአ ።

## ፳፱ ። ዘ ር ዓ ።

ዘይወለደ ፡ እኽሊ ፡ ከም ፡ ዓዲ ፡ ዝሰደበዎ ፡ እዩ ፡ ዘርዓሉ ፤ እቲ ፡ ጥና ፡ ግራት ፡ ብኡ ፡ ይኽሕስ ። ዝወለደ ፡ እኽሊ ፡ ግና ፡ ዳኛ ፡ ክልተ ፡ ሰበት ፡ ከምስርዓት ፡ ይርቋሕ ፡ ሳልሳዮም ፡ እቲ ፤ እኽሉ ፡ እተበልዖ ፡ ጥና ፈረዶም ፡ ይኽሕሳ ። ዘርዒ ፡ ዝኽልከለ ፡ ጅፈ ፡ ይኽሕስ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ወይ ፡ ንበዓል ፡ ሳዕሪ ፤ እቲ ፡ በዓል ፡ ግራት ፡ ክአ ፡ ነተን ፡ ዝዘርኤን ከብቲ ፡ ጥናኤን ፡ ሐደ ፡ ከብቲ ፡ እንከ ፡ እንተበሎ ፡ ተቀቢሉ ፡ ናብ ፡ ገዛኡ ፡ ይእሰሮ ፡ ከም ፡ ዘነበ ፡ መጠን ፤ ብድሕሪኢ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እትዮም ፡ ግቡእ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሉ ፡ ጥና ፡ ከብቲ ፡ ከብቱ ፡ ይሰድ ። እቲ ፡ ንዘነበ ፡ ዝወሃበ ፡ ከብቲ ፡ ሕያዋይ ፡ ስቕ ፡ ኢሉ ፡ ክብ ፡ መንሰኡ ፡ ዝጥለ ፡ ኪኸውን ፡ ይግበእ ፤ ገለ ፡ ተንኮለኛታት ፡ ከም ፡ ዝገብሩዎ ፡ ዝስዒር ፡ ከብቲ እንተሃበ ፡ ግና ፤ ንኹሉን ፡ ንገዛ ፡ የእትወን ።

እቲ ፡ ዋና ፡ ኽብቲ ፡ ከምስሩዕ ፡ እንከ ፡ ዘነበ ፡ እናበሉ ፡ ንኹለን ፡ ንገዛ ፡ ዘእቶ ፡ ጅፈ ፡ ይኽሕስ ።

ዋናኤን ፡ ዘየሎ ፡ ብሩሉል ፡ እተረኽበ ፡ ከብቲ ፡ ኩለን ፡ ተዘሪዓን ፡ ንገዛ ፡ ይእቶዋ ። እቲ ፡ ዋናኤን ፡ መጺኡ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺለ ፡ ከብተይ ፡ ክወስድ ፡ እንተበለ ፡ እሞ ፡ ዋና ፡ ግራት ፡ ወይ ፡ ሳዕሪ ፡ እንተኸልኦ ፡ ጅፈ ፡ ንዋና ፡ ከብቲ ፡ ይኽሕስ ።

እቲ ፡ በዓል ፡ መሬት ፡ ናይ ፡ ገዛእ ፡ ከብቲ ፡ ብፋሉል ፡ እንተዘርኤ

እሞ ፡ ዋናኤን ፡ ዝረልጠ ፡ እንተኾነ ፡ ንዋናኤን ፡ ይንገሮ ። ዘይፈልጠን እንተኾነ ፡ ግና ፡ አጽኒሁ ፡ ይሓሉ ። ናብ ፫ይ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ ንዳኛ ይንገር ፤ ዋንኤን ፡ እንተመጸን ፡ ግና ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ዘርዓኑ ፡ ይቀበል ፤ ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከኣ ፡ ናይ ዝሓለወን ፡ ፪ረ ፡ ንመዓልቲ ፪ፈ ፡ ንለይቲ ፡ ክፈሎም ፡ ከብቶም ፡ ይሰዱ ። እዚ ፡ ግና ፡ እተን ፡ ከብቲ ፡ ካብ ፡ ሐሙሽተ ንላዕሊ ፡ እንተኾና ፡ እዩ ። ካብ ፡ ሐሙሽተ ፡ ንታሕቲ ፡ እንተኾና ፡ ግና ፪ ቅርሺ ፡ ንመንልትን ፡ ለይትን ፡ ይኸፈሉም ፤ ከመይ ፡ እተን ፡ እተዘርዓ ከብቲ ፡ እንተጠፍኣ ፡ ተተሓዛዪ ፡ ንሱ ፡ እዩ ። ምስ ፡ ዘርዒ ፡ ዝብሊ ፡ ዘ ብልዒ ፤ ወይ ፡ ዘጥፍኤ ፡ ቀንዲ ፡ ይኸፈል ።

ሕሩም ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘበልዔ ፡ ፭ ቅርሺ ፡ ይዕደ ። ለይቲ ፡ ማለት ፡ ጸሐይ ፡ ምስ ፡ ዓረበ ፡ ዘብልዔ ፡ ግና ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ይዕደ ፤ እዚ ፡ ዕዳዚ ፡ ንመንሰ ፡ ኰነ ፡ ንሓደ ፡ ከብቲ ፡ ኰነ ፡ ትኽክል ፡ እዩ ።

እተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ርብዒ ፡ ቅርሺ ፡ ንመንሰ ፡ ይኸፈል ፡ ዝኾኑ ፡ ይኹን ፡ ብጀካ ፡ ፈቃድ ፡ በለ ፡ መሬት ፡ ሳዕሪ ፡ ምብላዕ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ቅማሎኑ ፡ ዘይተላዕለ ፡ ቀረፃ ፡ ከብቲ ፡ ዘእቶ ፡ ፭ፈ ፡ ንዋና ፡ ግራት ፡ ይከሓሶ ። እቲ ፡ ዋና ፡ ግራት ፡ ባዕሉ ፡ ቅድም ፡ እንተ ፡ አእተወላ ፡ ግና ፤ ካሕሳ ፡ የልብሉን ፡ ከመይ ፡ ከብቱ ፡ እናብልዔ ፡ ንኻልኦት ፡ ኪኸልክል ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ሳዕሪ ፡ ዶሳ ፡ ናብ ፡ ቀረም ፡ ግራቱ ፡ ከብቱ ፡ እናብልዔ ፡ ንኸብቲ ፡ ብጫዩ ፡ ዝኸልከለ ፡ ፭ፈ ፡ ይኸሓስ ።

እተዓጸደ ፡ እንዳእቲ ፡ ኰነ ፤ ቅሚጠ ፤ ናብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝወደቀ ፡ እኽሊ ፤ ምሀርቲ ፡ ጉንሒ ፡ ንዕኡ ፡ ዝሎስ ፡ ከሏእሎን ፡ ብኸብቲ ፡ ዘብልዔ

፪ት ፡ ሸማግለ ፡ ናብ ፡ ጥቃ ፡ ግራት ፡ ዘሎዉ ፡ ዳኛ ፡ ይርቋሕ ፡ ሳልሳይ እቲ ፡ ዋና ፡ ግራት ፡ ኰይኖም ፡ ይጥረዱ ፡ እቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ብአእም ፡ ተፈረዱ ፡ ይኽሕስ ።

ብዝሩእ ፡ ግራት ፡ መንሰስ ፡ ዝኾነ ፡ ኪሕልፍ ፡ እተረኽበ ፡ ፴ፈ ፡ ንዋና ፡ ግራት ፡ ይኽሕስ ።

ቅሚጥ ፡ ዘንደደ ፡ ብፍልጠት ፡ ፳ፈ ፡ ይክሕስ ፤ እተን ፡ ፍርያትኒ ፡ ሐሰርኒ ፡ ከአ ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ተሸኒነን ፡ ይክፈል ። ከም ፡ ስሩዕ ፡ ንጉሥ ከኣ ፡ ቅልጽሙ ፡ ንማእሰርቲ ፡ ይሕለፍ ።

ብዘይፍልጠት ፡ ዘንደደ ፡ ግና ፡ ካዕበት ፡ እተን ፡ እኽልን ፡ ሐሰርን ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ምስ ፡ ተሸነና ፡ ይክፈል ፡ ንዋና ፡ እኽሊ ።

አትክልቲ ፡ በርበረ ፤ ከሚዶሮ ፤ ሽጉርቲ ፤ ከምኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፡ ምስ ፡ ተሐጽረ ፡ ዘብልዔ ፡ ፪ ሕልቂ ፡ ይክሕስ ።

ከምኡውን ፡ ዓበይቲ ፡ አታኽልቲ ፤ ካሊብቶስ ፤ በርበረጻሊም ፡ ትሩንጊ ፤ ለሚን ፡ ሙዝ ፤ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፡ ክብቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ፭ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሕስ ።

ጡጥ ፡ ዘብልዔ ፡ ፱ ፡ ሕልቂ ፡ ይኽሕስ ።

## ፷፫ ። ብዛዕባ ታራ መጓሰ ።

ተራ ፡ መጓሰ ፡ ናይ ፡ አባቅል ፡ ብሐንሳእ ፡ ኪጓሰያ ፡ ይግባእ ፡ ከመይ እቲ ፡ ውላድ ፡ ዜብሉ ፡ ሰብ ፡ ጽሙዳት ፡ አባዕር ፡ አብኩሩ ፡ ንሐንቲ ፡ በ

ቅሊ ፡ ኪሕሉ ፡ አይግባእን ። ክምኡውን ፡ ናብ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዚበልሁ ፡ አባዕር ፡ ብታራ ፡ ኪጓስዩ ፡ ይግባእ ።

አጋባብ ፡ ታራ ፡ ብዕራይ ። አብ ፡ ጓሳ ፡ ታራ ፡ ዝእገዝ ፡ ሐደ ፡ ሰብ ኣዋፈሩ ፡ ዝኽእል ፡ እቶም ፡ ዋናታት ፡ አባዕር ፡ ኪገብሩ ፡ ይግባእ ። አ ፒ ፡ እተመርጸ ፡ ሰብ ፡ ኪእገዝ ፡ እምበር ፡ ታራ ፡ አባዕር ፡ ኪወፍር ፡ አ ይግብአን ፡ እዩ ።

አብ ፡ ጓሳ ፡ አዚዙዎ ፡ ዝአበ ፡ ጄፈ ፡ ንቲ ፡ አዛዚ ፡ ከፈሉ ፡ ንጽባሑ ፡ ይውፈር ።

አብ ፡ ጓሳ ፡ አዚዙዎ ፡ ዝወፈረ ፡ ሰብ ፡ ተጠንቂቁ ፡ ኪሕሉ ፡ ይግባእ በታ ፡ ታራኡ ፡ ዝጠፍኡ ፡ ከብቲ ፡ ሐደ ፡ ከሎ ፡ ብዘሎሐት ፡ ከሎ ፡ ንሱ ፡ እ ዩ ፡ ዝዓድዮም ።

ታራ ፡ አባዕር ፡ ዝወፍር ፡ ሰብ ፡ እኹል ፡ ሰብአይ ፡ ኪኸውን ፡ ይግ ባእ ። ከመይ ፡ ቈላው ፡ እንተወፈሩ ፡ ብዙሕ ፡ ጉድአት ፡ ኬምጽኡ ፡ ይ ኽእሉ ፡ እዮም ።

አባቅል ፡ ዓዲ ፡ ዓሰባ ፡ ቆጺሮም ፡ ብሐድ ፡ ይጓሰያ ፤ ዓሰባ ፡ እንተሰአ ኑ ፡ በቲ ፡ አብ ፡ ጓሳ ፡ እናተአዘዙ ፡ ብታራ ፡ ይሐልወወን ። አንስ ፡ በቅሎ ይ ፡ አይጽንብርኒ ፡ ባዕለይ ፡ ፈልየ ፡ እዩ ፡ ዝጓሲ ፡ ኢሉ ፡ ነታ ፡ ስምረት ዝአበየ ፡ ጄፈ ፡ መንጸፍ ዕዳ ፡ ንቲ ፡ ዓሰባ ፡ ይዕደ ፤ ብታራ ፡ እንተኰና ፡ ዝሕለዋ ፡ ግና ፡ እተን ፡ ጄፈ ፡ አብ ፡ ጓሳ ፡ ይብላዓዮን ፡ ናብታ ፡ ስምረቶም ይልገብ ።

## ፷፩ ። ታ ራ ህ በ ይ ።

ህበይ ፡ ዘላቶም ፡ ዓዲ ፡ ብሐበራ ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ ዝግራቱን ፡ ናብ ፡ ወሰን ፡ ዝግራቱን ፡ ብታራ ፡ ይሐልዉ ፡ አቦ ፡ ጓሳ ፡ አዛዚ ፡ አዚዝዎ ፡ ዘብኩረ ፡ ፲፪ፈ ፡ ይዕደ ፡ ንጽባሑ ፡ ይውፈር ። በታ ፡ ዘብኩራ ፡ መዓልቲ ፡ ወዲ ፡ በረኻ ፡ ዝበልዖ ፡ ኩሉ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ እኽሉ ፡ እተበልዖ ፡ ሳልሳይ ፡ ሽማግለ ፡ ኰይኑ ፡ ብዝሸነኒዎ ፡ ይክሐስ ።

ብዓል ፡ ሳምንቲ ፡ ካህንኒ ፡ ዲያቆንኒ ፡ ብእዋን ፡ ሳምንቶም ፡ ኳደረው ፡ ን ፡ ኪአዘዙ ፡ አይግብአምን ። ሳምንቶም ፡ ምስ ፡ ሕሕለፉ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ዓዶም ፡ ይተአዘዙ ። ጭቃን ፡ ቐሺ ገበዝን ፡ ግና ፡ ንሐዋሩ ፡ ታራ ፡ ህበ ይ ፡ አይትአዘዙ ።

## ፷፮ ። ተ ዝ ካ ር ።

ተስካር ፡ ዝገብር ፡ ሰብ ፡ ምስ ፡ አበንስሐን ፡ ምስ ፡ ቀሺ ፡ ገበዝን ፡ ተ ሰማሚዑ ፡ ይቋጸር ። ነቶም ፡ ፍትሐት ፡ ዝፈትሑ ፡ ውሉደ ፡ ክህነት ፡ ከም ፡ ክእለቱ ፡ ጌሩ ፡ ይቀበሎም ። ብፍቃዱ ፡ ሐሪዱን ፡ ጸሚቁን ፡ ንቶ

ም ፣ ውሉዱ ፣ ክህነት ፣ ብድሮን ፣ ዕለትን ፣ እንተ ፣ አብለዔን ፣ አስተየን ጽቡቕ ፣ ግብረ ፣ እዩ ።

ብስእነት ፣ ምኽንያት ፣ ዘይክአሉ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፣ ከም ፣ ዓቕሙ ፣ ብሸሮ ፣ ብትምትሞ ፣ ወይ ፣ ከአ ፣ ከምቲ ፣ ሕጊ ፣ ፳፻ፈ ፣ ከፈሉ ፣ ሰቡ ፣ የ ተስክር ።

ካህናት ፣ ናብ ፣ ዝኾነ ፣ ተስከር ፣ በሊፆም ፣ ሰትዮም ፣ ንእግዚአብሔ ር ፣ አመስጊኖም ፣ ይኺዱ ። ካብዚ ፣ ሐሊፎም ፣ ናብ ፣ ርእሲ ፣ ብልዕን ፣ መስተን ፣ ፈረቃ ፣ ስጋ ፣ ቆርበት ፣ ነኒብ ፣ ቤቶም ፣ ዝኸይድ ፣ እንጌራ ፣ ስ ዋን ፣ ዝኾነ ፣ ሪም ፣ ትጁፍ ፣ እዩ ። ከመይ ፣ ነቲ ፣ ውራይ ፣ ተስካር ፣ ዝ ገብር ፣ ሰብ ፣ ከቢድ ፣ አርዑት ፣ እዩሞ ፣ ቁሩብ ፣ ኪቖለሉ ፣ ይግባእ ። ክ ልኣይ ፣ ነገር ፣ ከአ ፣ እቲ ፣ መንፈሳዊ ፣ ንጽድቂ ፣ እተገብረ ። ብሰላም ፣ ኪጨረስ ፣ እዩ ፣ ዝግባእ ፣ እምበር ፣ ሪም ፣ ይግባእ ፣ አይግባእን ፣ ኢልካ ፣ ናብ ፣ መንጎ ፣ ካህናትን ፣ ብዓል ፣ ውራይን ፣ ግቡእ ፣ አይኮነን ። ክምኡ ውን ፣ ካህናት ፣ እንጌራ ፣ ማይ ፣ በሊፆም ፣ እንደገና ፣ ፳፻ፈ ፣ ወስኸና ፣ ኪ ብሉ ፣ ግቡእ ፣ አይኾነን ። እቲ ፣ በዓል ፣ ውራይ ፣ እንጌራ ፣ ማይ ፣ ንም ብላዖም ፣ ዘይኪአሉ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፣ እተን ፣ ፳፻ፈ ፣ ኪህበም ፣ ግቡ እ ፣ እዩ ።

እቲ ፣ በዓል ፣ ውራይ ፣ ከአ ፣ ናብ ፣ ቤቱ ፣ ምስጸውዖም ፣ እቶም ፣ ው ሉደ ፣ ክህነት ፣ ዘፍላይ ፣ ዝበለጸ ፣ መቀመጢኦም ፣ ብኽብረት ፣ ኪህቦም ፣ ናብ ፣ ቤቱ ፣ ኮይኖም ፣ ዝበልዑዎን ፣ ዝሰተዩዎን ፣ ከም ፣ ክእለቱ ፣ ይሃበ ም ። ነቲ ፣ እንዳብ ፣ ብሕጊ ፣ ዝኸልከልዎ ፣ ሪማት ፣ ኪሁብ ፣ እንተ ፣ ተረ ኸበ ፣ ግና - ፳ፈርጊ ፣ ንቤተ ፣ ትምህርቲ ፣ ይዕደ ።

እቶም ፣ ውሉደ ፣ ክህነት ፣ ከአ ፣ ሪም ፣ ስጋ ፣ ቆርበት ፣ እንጌራ ፣ ስዋ

ነናብ ፡ ቤትና ፡ እንወስዶ ። ወይ ፡ ከኣ ፡ ነቲ ፡ በንል ፡ ውራይ ፡ ስዋ ፡ ኣ ቅጠንካ ፡ ኣውሊድካ ፡ ኪብሉ ፡ እንተ ፡ ተረኽቡ ። ሐደው ፡ ነቲ ፡ እተ ቀረበሎም ፡ ሲሳዩ ፡ ኣይንበልዕን ፡ እንተበሉ ። ወይ ፡ ከኣ ፡ ከምድላይ ና ፡ እንተዘይገበርካ ፡ ኣይንፈትሐልካን ፡ ኢሎም ፡ እንተኣበዩ ። ነቲ ፡ በ ዓል ፡ ውራይ ፡ ጀራ ፡ ነብሲ ፡ ወከፍ ፡ እቶም ፡ ዝኣበዩን ፡ እቶም ፡ ሪም ፡ ኣሎና ፡ ዝበሉን ፡ ይከሕሉዎ ። ከም ፡ ስሩዕ ፡ እንዳበ ፡ ከኣ ፡ ይፈጽሙ ።

## ፳፮ ። ዝንድኡ እንስሳ ።

ወጋኢ ፡ ብዕራይ ! ወጋኢ ፡ ድሁል ! ነዳሒት ፡ በቅሊ ፡ ነኻሲ ፡ ከል ቢ ፡ ነኻሲ ፡ ንህቢ ፤ ዋንኦም ፡ መታን ፡ ሰብ ፡ ከይጉድኡ ፡ ብጽኑዕ ፡ ኪሕ ልዎም ፡ ይግባእ ፡ እዩ ።

ወጋኢ ፡ ብዕራይን ፡ ወጋኢ ፡ ድሁል ፡ ወይ ፡ ዲበላ ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ዋ ንኦም ፡ ምስ ፡ ተኸሰ ። እቲ ፡ ዳኛ ፡ ርግጽ ፡ ዝንድኡ ፡ ምኻኖም ፡ ፈሊ ጡ ፤ ነቲ ፡ ዋና ፡ ከብቲ ፡ በዚ ፡ እዋን ፡ እዚኣ ፡ ሕረዶ ፡ ኢሉ ፡ እዚ ፡ ይሃ በ ፡ በታ ፡ ዳኛ ፡ ዝኣዘዘ ፡ እንተ ፡ ዘይሐረዶ ፡ ፴ፈ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ይቀጻ ዕ ፡ ነቲ ፡ ኸብቲውን ፡ ይሕረዶ ። እዚም ፡ ዝንድኡ ፡ እንስሳ ፡ ዝወግእዎ ሰብ ፡ እንተሞተ ፡ ጋሩ ፤ እንተ ፡ ተሰብረ ፡ ናይ ፡ ስብረቱ ! እቲ ፡ ዋና ፡ ከብቲ ፡ ከም ፡ ስርዓት ፡ እንዳበ ፡ ይከሐሶ ።

ዝንድኡ ፡ ብዕራይ ፡ ወይ ፡ ላም ። በጊዕ ፡ ወይ ፡ ጠል ፡ ይተሐረዱ ደኣ ! እምበር ፡ ኣይሸየጡ ። ከመይ ፡ እንተ ፡ ተሸጡ ፡ ናብ ፡ ዘይፈልጥ

ምፓ ፡ ዓዲ ፡ ሰብ ፡ ኪጕድኡ ፡ ይኽእሉ ፡ እዮም ፡ ስለዚ ፡ ዝንዓእ ፡ ካብቲ ካበዞም ፡ ዝጸብጸብናዮም ፤ ገንዘቡ ፡ እንተ ፡ ሸጠ ፡ እሞ ፤ ምስኡ ፡ ከሎ ፡ እቲ ፡ ክብሪ ፡ ተጓዳኢ ፡ ክም ፡ ዝኾነ ፡ እንተ ፡ ተረትዒ ፡ ፴ፈ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ዓድዩ ፡ ገንዘቡ ፡ ይምለሰሉ ።

ነኻሲ ፡ ከልቢ ፡ ይሙት ፤ ተናኻሲ ፡ ንሀቢ ፡ ፫ ጕረቤት ፡ ብዝነገሩሉ ይጽደፍ ፡ ዋንኡ ፡ ኣየጽድፍን ፡ ኢሉ ፡ እንተአበ ፡ ፴ፈ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ይዕደ ።

ተናዓሒት ፡ በቅሊ ፡ ወይ ፡ ኣድጊ ፡ ዋናኣ ፡ ተጠንቂቑ ፡ የሐዛ ፡ ሰብ ፡ እንተጕድኤት ፤ ክም ፡ ዝጕድኣቶ ፡ ልክዕ ፡ ስርዓት ፡ ዋና ፡ ይኽሐስ ፤ ሰብ እንተቀተለት ፡ ግና ፡ ዋና ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ይኸፈል ።

## ፸፮ ። ቀለታ ኣሕዋት ።

ቀለታ ፡ ዝግብኦም ፡ ሰባት ፡ እዞም ፡ ናብ ፡ ታሕቲ ፡ ዝስዕቡ ፡ እዮም ፡ ቤቱ ፡ ሐዊ ፡ ዝነደዶ ፤ ወይ ፡ ድማ ፡ ከይፈለጠ ፡ ብድንገት ፡ ቤት ፡ ብጫዩ ሐዊ ፡ ዘንደደ ፡ እሞ ፡ ብዕዳ ፡ እተታሕዘ ፡ ኪቅለት ፡ ይግብኦ ። እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ዝቅለት ፡ ሰብ ፡ አቐዲሙ ፡ ንጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ኪነግር ፡ ይግብኦ ፤ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ድንገቱ ፡ መርሚሩ ፡ ኪቅለት ፡ ዝግብኦ ፡ እንተኾነ ፡ ዓዲ ፡ ናብ ፡ እተአከቡሉ ፡ ባይቶ ፡ እቲ ፡ ድንገቱ ፡ ነጊሩ ፡ ቅለቱኒ ፡ ይበል ። እቶም ፡ ዓዲ ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ወሲኖም ፡ ይቅለቱዎ ። ካብዮም ፡ ዓዲ ፡ ብመንቀኛነት ፡ ነቲ ፡ ድንገት ፡ ዝረኸበ ፡ ኣይንቀልትን ፡ ኢሉ ፡ ስምረት ፡ ዓዲ ፡ ኬፍርስ ፡ እተረኽበ ፡ ፳ፈርጊ ፡

ነቲ ፡ ድንገተኛ ፡ ይከሐስ ፤ ከመይ ፡ ድንገት ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ጥራይ ፡ አይት ነብርን ፡ እያሞ ፡ ክንተሐጋገዝ ፡ ይግበእ ።

እቲ ፡ ዝቅለት ፡ ሰብ ፡ ናብታ ፡ ዓዱ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ እዚ ፡ ዝበልናዮ ፡ ሕጊ ፡ ዝቆመሉ ። ናብ ፡ ከልእ ፡ ዓዲታት ፡ ዘለዉ ፡ ቤተሰቡ ፡ ግና ፤ እን ፈተዉ ፡ ይቕለቱ ፡ እንተ ፡ ዘይፈተዉ ፡ ይኽልኡ ።

## ፸፰ ። ክብካብ ቀሚስ ።

ክብካብ ፡ ዝግብኦ ፡ መዓርጋት ፡ ቀሚስ ፡ እዝን ፡ ዝስዕብ ፡ እየን ።

| | |
|---|---|
| መዓርግ ፡ ራእስነት ፡ | ራስ ፡ |
| መዓርግ ፡ ድግዝምነት ፡ | ደጃዝማች ፡ |
| መዓርግ ፡ ክንቲብነት ፡ | ክንቲባ ፡ |
| መዓርግ ፡ ባሕርነጋሺነት ፡ | ባሕርነጋሽ ፡ |

ካብዘን ፡ መዓርጋት ፡ እዚኤን ፡ ካብ ፡ ንጉሥ ፡ ቀሚስ ፡ ዝለበሰ ፡ ሰብ ከም ፡ ግቡእ ፡ መመረቕታ ፡ ቀሚስ ፡ ክብካብ ፡ ኪገብር ፡ ይግብኦ ።

ነዚ ፡ መዓርግ ፡ ቀሚስ ፡ ክብካብ ፡ ዝገብር ፡ ሰብ ፡ እዮም ፡ ዓዱ ፡ ማለ ት ፡ እንዳቡኡ ፡ ብኽብረት ፡ ኪቅበሉዎ ፡ ይግባእ ፤ ንሐገዙ ፡ ዝኸውን ፡ ን መቐበል ፡ ጋሻ ፤ ላም ፡ ስብሒ ፡ ሙሉእት ፡ ዓዱ ፡ ይሃብዎ ፡ ብሽም ፡ ዓ

ዲ ፡ ትጠፈ ። ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከአ ፡ ፲ ፡ ጣይታን ፡ ፩ ገረወኛ ፡ ስዋን ፡ ነፍስ ፡ ወከፍ ፡ ገባሪይ ፡ ይሐግዝ ።

ነዚ ፡ ስምረት ፡ እዚ ፡ ኬፍርስ ፡ እተረኽበ ፡ ሰብ ፡ ፯ ፡ ፈርጊ ፡ ነቲ ፡ በንል ፡ ውራይ ፡ ይኸሐስ ፡ ብዘሎሐት ፡ እንተኸኑ ፡ ዝአበዩ ፡ ውን ፡ ንነፍስወከፍ ፡ ፯ ፡ ፈርጊ ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦም ፡ እቲ ፡ ካሕሳ ።

## ፳፱ ። ለበዋ ።

ሰብ ፡ ብጊዜ ፡ ሕማሙ ፡ ኪላበ ፡ እንተ ፡ ደለየ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዝአመናም ፡ ሰብ ፡ ፫ ፡ ቀረቡ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ እተላበዎ ፡ ብገንዘብ ፡ ኸኑ ፡ ወይ ፡ ከኸብቲ ፡ ቅዉም ፡ እዩ ። ብርስቲ ፡ ግና ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ እቲ ፡ ሕሙም ፡ እንተ ፡ ተላበወ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ ወላዲ ፡ ብለበዋ ፡ ርስቲ ፡ ኪትክል ፡ ወይ ፡ ኪነቅል ፡ ግቡእ ፡ አይኩነን ።

ብገንዘብ ፡ ወይ ፡ ከብቲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ገዛ ፡ ብ፫ ምስክር ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ብድንገተ ፡ ሞት ፡ ብ፩ ምስክር ፡ ብተላበዎ ፡ ይቁሙሉ ።

እቶም ፡ ለበዋ ፡ ሕሙም ፡ ዝሰምዑ ፡ ምንም ፡ ቀረብ ፡ እንተኾኑ ፡ ምሒሎም ፡ ኪምስከሩ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ። አይክልከሉ ።

## ፫ ፡ ውርሻ ኣሕዋት ።

ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውሉድ ፡ የውረሶ ። ብዙሓት ፡ እንተ ፡ ኮኑ ፡ ከም ብዝሖም ፡ ልክዕ ፡ ይካፈሉ ። ዘይመስሉ ፡ ኣሕዋት ፡ እንተ ፡ ኣለውዎም ፡ ኣቀዲሞም ፡ መምሰሊኦም ፡ ብሳዕሊ ፡ የቐምጡሎም ። ዘይመሰለት ፡ ጓል ፡ እንተላውን ፡ መምሰሊኣ ፡ ብሳዕሊ ፡ የቐምጡላ ። ነቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ኣወዳት ፡ ዝኾኑ ፡ ብትኽክል ፡ ዝመስሉን ፡ ዘይመስሉን ፡ ሐቢሮም ፡ ይካፈሉ ። ዝመሰለት ፡ ጓል ፡ ተመሊሳ ፡ ገንዘብ ፡ ኣቦኣን ፡ ኣዲኣን ፡ ክትወርስ ፡ ኣይግብኣን ፡ እዩ ።

ኩብቶም ፡ ወለዲ ፡ ማለት ፡ ኣዴኦም ፡ ከላ ፡ ኣቦኦም ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ወይ ፡ ኣቦኦም ፡ ከሎ ፡ ኣዴኦም ፡ እንተ ፡ ሞተት ። እቲ ፡ ህልዊ ፡ ወላዲ ፡ ፈረቓ ፡ የልዕል ። እቲ ፡ ፈረቓ ፡ ናይ ፡ ዝሞተ ፡ ወላዲ ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ብትኽክል ፡ ይካፈልዎ ።

ኣዴኦም ፡ ዝሞተቶም ፡ ቈላዑ ፡ እሞ ፡ ብዕድሚኦም ፡ ምንኣስ ፡ ወርቂ ፡ ኣዲኦም ፡ ኪእከቡ ፡ ዘይክእሉ ፡ እንተ ፡ ኰኑ ፡ ኣቦኦም ፡ ንኣኽታቶም ጸዊዑ ፡ ገንዘብ ፡ ኣዴኦም ፡ መቒሉ ፡ የጕልጠም ። እቲ ፡ ገንዘብ ፡ ቈላዑ ዘየጥፍኡ ፡ ጥሕስ ፡ ናብ ፡ ሓቓ ፡ ዓዲ ፡ ተኺሉ ፡ ኣቦኦም ፡ ይሓዞ ፡ ክሳዕብ ብዕድመ ፡ ፲፯ ዓመት ፡ ዝገበሩ ፡ ብድሕሪ ፡ ፲፯ ዓመት ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ቈላዑ ፡ ገንዘብ ፡ ኣዴኦም ፡ ዝደለዩ ፡ ኪገብሩ ፡ ይኽእሉም ፡ እዩ ።

ከምዚ ፡ ጌሩ ፡ ገንዘብ ፡ አዴኡም ፡ ምስ ፡ አፍለጠም ፡ ንዖም ፡ ቈላዑ ፡ ከም ፡ ስርዓት ፡ ሃይማኖት ፡ ክርስትና ፡ ሰብኣያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ኪምርዖ ፡ ይግበኦ ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ አዴኦም ፡ ከላ ፡ አቦኦም ፡ ቅድም ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ ቈላዑ ፡ ናዕሽቱ ፡ እንተኰኑ ፡ እታ ፡ አዴኦም ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦኦም ፡ ተቀሚጣ ፡ ትሐዞ ፡ ደቃ ፡ ተዕቢ ። ምናልባሽ ፡ ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣይ ፡ ክትምርዖ ፡ እንተኼደት ። አቀዲማ ፡ ገንዘብ ፡ ቈላዑ ፡ ፈረቃ ፡ ናይ ፡ አቦኦም ፡ መቂላ ፣ ዓቢዩ ፡ ሐዎም ፡ ይሐዘሎም ፡ ዓቢ ፡ ሐው ፡ ዜብሎም ፡ እንተኰኑ ፡ ግና ፡ ሐወቦኦም ፡ ወይ ፡ አቦሓጎኦም ፡ ዘየጥፍአ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሎም ፡ ክሳዕ ፡ እቶም ፡ ቈላዑ ፡ ፲፰ ዓመት ፡ ዝገብሩ ፡ ይሐዙሎም ። እታ ፡ እትምርዖ ፡ ሰበይቲ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ቈላዑ ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ሰብኣያ ። ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣያ ፡ ክትወስድ ፡ አይከኣልን ፡ እዩ ። ከምኡውን ፡ ንእንዳቦኣ ፡ ክትወስድ ፡ አይከኣልን ፡ እዩ ።

ሓንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ወሊዳ ፣ ብድሕሪኡ ፡ ተፈቲሐ ፡ ወይ ፡ ሰብኣያ ፡ ሞይቱዋ ፣ ናብ ፡ ካልኣይ ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ ሳልሳይ ፡ ሰብኣይ ፡ እትያ ፣ እንደገና ፡ እንተወለደት ፣ እሞ ፡ ብድሕሪ ፡ ሞታ ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣያ ፡ ዝወለደቶም ፡ እዮም ፡ ዝወርሱዋ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፣ ናብ ፡ አዴኦም ፡ እተመርዓወቶ ፡ ዓዲ ፡ ስዒቦም ፡ ምስቶም ፡ ዳሕረዎት ፡ ኪወርሱ ፡ አይግብኦምን እዩ ። እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ዘይወለደት ፡ እንተኰይና ፣ ግና ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ዝወለደቶም ፣ ገንዘብ ፡ አዴኦም ፡ ናብ ፡ ዘላቶ ፡ ስዒቦም ፡ ይወርሱ ።

ሰብኣይ ፡ ወለዱ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ እቲ ፡ ገንዘቦም ፡ ይውረሶም ፡ ነቲ ፡ ዝወረሰ ፡ ገንዘብ ፡ ወለዱ ፡ ንሰበይቱ ፡ ብልቡ ፡ ዝአምና ፡ እንተኰይኑ ፡ ናብ

ብርኪ ፡ የእትዋ ፤ ዘይእምና ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፤ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ፡ ንበይ ኑ ፡ ይውሰዶ ፡ ሰበይትውን ፡ ገንዘብ ፡ ወለዳ ፡ ዝወረሰቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ።

መኻናት ፡ ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ብድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ዝግብኦም ፡ አከለ ፡ መሰል ፡ ከፊሎም ፡ ቀቅረበም ፡ ይውረሰዎም ።

ወረስቲ ፡ ዜብሎም ፡ ጻንታ ፡ ብዘይ ፡ ለበዋ ፡ እንተሞቱ ፡ ቤተ ፡ ክር ስቲያን ፡ ትውረሶ ።

ትሕጻኑ ፡ ዝፈለየ ፡ ውሉድ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ እሞ ፡ ዝወርስ ፡ ውላድ ፡ ዜብሉ ፡ እንተኰነ ፡ አበኡን ፡ አደኡን ፡ ይውረሱዎ ፡ ንጓል ፡ ኰነ ፡ ንወዲ ኰነ ፡ ሐደ ፡ እዩ ።

ብወሰን ፡ እተወልደ ፡ ድቃላ ፡ ካብተን ፡ አፈበኡ ፡ መምሰሊኡን ፡ ም ቅሊት ፡ ውርሻ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ይርከብ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ማእከል ፡ አፈዲአም ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰዱ ።

በኵሪ ፡ ውሉድ ፡ ካብ ፡ አጻውር ፡ አቦኡ ፡ ፩ ዓሬት ፡ ፩ ሲፍ ፡ ፩ ዋ ልታ ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰድ ።

ደቂ ፡ ሹመኛ ፡ ጠበናጁ ፡ ወይ ፡ ሽጉጥ ፡ ናይ ፡ አቦኦም ፡ እቲ ፡ እግዚ አብሔር ፡ ዝቀበአ ፡ ማለት ፡ ሹመት ፡ አበኡ ፡ ዝወረሰ ፡ እዩ ፡ ኪጠስዶ ፡ ዝግባእ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ ዓቢ ፤ ካብ ፡ ንእሽቶ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዝሀቦ ፡ አ ይፍለጥን ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ብረት ፡ ከአ ፡ ገንዘብ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ።

ከልእ ፡ ኩሉ ፡ ብትኽክል ፡ ይከፈሉ ።

## ፹፩ ። ንህቢ ።

ንህቢ ፡ ዘዕሰለ ፡ ንበይኑ ፡ ይውሰዶ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ ብዙሕ ፡ ሰራሑ ፡ እናተጓየየ ፡ ምስ ፡ አዕሰሎ ፡ ሹም ፡ ከይተቆርደደ ፡ አርኪበካ ፡ ኢሉ ፡ ኪምቀሎ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ንዘዕሰለ ፡ ወይ ፡ ዓሲሉ ፡ ንገረኸበ ፡ ይኹን ። ንህቢ ፡ ዝረኸበ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ እንተ ፡ ኰይኑ ምልክት ይጨርሕ ፡ ናብ ፡ እም ፡ እንተኾይኑ ፡ ይኹተማ ። አብ ፡ ደጉል ፡ ዝዓሰለ ፡ ንህቢ ፡ ንዋና ፡ ደጉል ፡ ይኹን ።

አብ ፡ አታኽልቲ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንህቢ ፡ ንዋና ፡ አትክልቲ ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ ዓፀድ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝዓሰለ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይኹን ።

ናብ ፡ ድኽን ናብ በረኻ ንህቢ ዝሰበረ ፲ ፈርጊ ንዋና ይክፈስ ናብ እተጨርሖ ወይ እተኰትሞ ዝወሰደ ፲ፊ ፡ ዋና ብዝመሐለ ይክሕስ ።

ንህቢ ፡ ዝነበሮ ፡ ጉዶ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ንህቢ ፡ ብድሕሪ ፡ ነዊሕ ፡ ጊዜ ፡ ተመሊሹ ፡ ናብኣ ፡ እንተአቶ ፡ ንዋና ፡ ጉዶ ፡ ናይ ፡ ብዙሓት ፡ ትኹን ፡ ወይ ፡ ናይ ፡ ሐደ ፡ ትኹን ።

አንቆራ ፡ ንህቢ ፡ ካብ ፡ ፉጭ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ዝዓሰለ ፡ እንተ ፡ ዓሰለ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ስዒቡ ፡ ይቘርድዶ ። ናብኡ ፡ ዝበአሶ ፡ እንተረኸበ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ናቱ ፡ ምዃኑ ፡ ምሒሉ ፡ ይውሰድ ።

## ፹፱ ። ገንዘብ ልቓሕ ።

ገንዘብ ፣ ዜለቅሕ ፣ ኰነ ፣ ወይ ፣ ዝልቃሕ ፣ ኲነ ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ምስ ክር ፣ ወይ ፣ ከአ ፣ ብጽሕፈት ፣ እቲ ፣ እተለቅሔ ፣ ክንድዚ ፣ ወሲደ ፣ ኢሉ ኪፍርም ፣ ይግብአ ። ስለምንታይ ፣ ንዳሕራይ ፣ መዓልቲ ፣ ምስክር ፣ ዜብ ሉ ፣ ነገር ፣ ንፈራዲ ፣ ኰነ ፣ ንበይቶ ፣ አስቸጋሪ ፣ እዩ ።

ብለቅሓ ፣ ዝወሰዶ ፣ ገንዘብ ፡ በታ ፣ ቈጸራኡ ፣ ይኸፈል ፣ እንተ ፣ ዘይ ከፈለ ፣ ዕግት ፣ ወሲኹ ፣ ይኽፈል ።

ብሺርካ ፣ ክንነግድ ፣ ኢሉ ፣ ሃብታም ፣ ብገንዘቡ ፣ ድኻ ፣ ብጉልበቱ ፣ እተዋዓዓሉዎ ፣ ውዑል ። እንተ ፣ ነገዱ ፣ ናብ ፣ ክልቲአም ፣ እንተክሰሩ ፣ ከአ ፣ ናብ ፣ ክልቲአም ፣ እዩ

## ፹፲ ። ገንዘብ ሕድሪ ።

ገንዘብ ፣ ሕድሪ ፣ እተቀበለ ፣ ሰብ ፣ ከምታ ፣ ሕድሩ ፣ ኪፍጽም ፣ ይግ ብአ ። ሕድሪ ፣ ዝጠለመ ፣ ሰብ ፣ እሞ ፣ ብምስክር ፣ እንተ ፣ ተረትዔ ፣ ነተ ን ፣ ገንዘብ ፣ ብዕጽፊ ፣ ይከፈል ፣ ክብ ፣ ምስክር ፣ ይከልከል ፣ ማለት ፣ ው ጂ ፣ ይውጻእ ።

## ፹፬ ። ገንዘብ ሐረጣ ።

ገንዘብ ፡ ሐረጣ ፡ ዝሀብ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ሚእቲ ፡ ሐደ ፡ ኪ.ወስድ ፡ ይግ ብእ ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ወርሒ ! ካብኡ ፡ እብዚሑ ፡ ኪ.ወስድ ፡ እንተ ተረኽበ፡ ፳ፈርጊ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ይ.ሰደ ።

እቲ ፡ እትሰምዮ ፡ ቅጽንቲ ፡ ነቲ ፡ ዋና ፡ ገንዘብ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝግ ብእ ፡ እምበር ፡ ነቲ ፡ ዝልቃሕ ፡ ድኻ ፡ ኪትንክዮ ፡ አይ.ግባእን ፡ እዩ ። ክ መይ ፡ ዝሰኣነ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ዝበልክዮ ፡ ውዑል ፡ ከምዝእቱ ፡ ፍሉጥ ፡ እ ዩ.ሞ ፡ ምንምኳ ፡ ናብ ፡ ሚእቲ ፡ ፲ ክትህበኒ ፡ ኢሉ ፡ ውዑል ፡ ፈርማ ፡ ፈ ጽሚ ፡ እንተለዎ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብገንዘብ ፡ ሐረጣ ፡ ክንደይ ፡ ርስቲ ። ክንደይ ፡ ከብቲ ፡ ከም ፡ ዝጠ ፍአ ፡ ፈሊጥና ፡ ነብ ፡ ሚእቲ ፡ ፩ ናብ ፡ ወርሒ ፡ ድአምበር ፡ ካብኡ ፡ ንላ ዕሊ ፡ ከይውሰኽ ፡ ብሕጊ ፡ ንኽልክል ፡ አሎና ።

## ፹፭ ። ሃይማኖት ።

ሃይማኖት ፡ ብፍቓታውን ፡ ብእምነትን ፡ ዝቐውም ፡ እዩምበር ! ብግድ ነት ፡ ሐይልን ፡ ዓመጽን ፡ ወሲኽካ ፡ ዝቀዉም ፡ አይኮነን ።

ስለዚ ፡ ሰብ ፡ ኩሉ ፡ ብናጽነት ፡ ናብ ፡ ልቡ ፡ ዝአመኖ ፡ ሃይማኖት ፡ ኪነብር ፡ ምሉእ ፡ ሐርነት ፡ አሎዎ ።

ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ እንተ ፡ ተመልከትና ፡ ክርስቲያን ፡ ኰነ ፡ እስላም ፡ ኰነ ፡ አሕዋት ፡ ኢና ፡ ሕውነትና ፡ ዝምስክረልና ፡ ብመልክዕ ፡ ብጠባይ ፡ ብቛንቋ ፡ ሐደ ፡ ኢና ። ስለዚ ፡ ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ አሕዋት ፡ ካብ ፡ እንኸውን ፤ መንፈሳዊ ፡ ነገር ፡ ዋንኡ ፡ ሐደ ፡ እግዚአብሔር ፡ አለዎም ። ብፍቅሪ ፡ ብስምረት ፡ ክንነብር ። ንአምላክና ፡ ብጸሎት ። ንንጉሥ ፡ ብሐቀኛ ፡ አገልግሎት ፡ ክንልምን ፡ ግቡና ፡ እዩ ።

ኩልና ፡ ከም ፡ እንፈልጥ ፡ ናብ ፡ መንግ ፡ ክርስቲያን ፡ እውን ፡ ብዙሕ ባህልያት ፡ አሎ ። ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ አርቶዶክሳዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ካቶሊካዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ወንጌላዊት ፡ እዚኤን ፡ ኩለን ፡ ፡ ናብ ፡ መንግ ፡ ህዝብና ፡ ዘለዋ ፡ ሃይማኖት ፡ እየን ፤ ምንምኳ ፡ ብላዕሊ ፡ ናብ ፡ ፫ እንተ ፡ ተሰምያ ፡ ናብቲ ፡ ቀንዱስ ፡ ፫ኤን ፡ ክርስቲያን ፡ እዬን ፤ ስለዚ ፡ ናብ ፡ መንግኤን ፡ እውን ፡ ምሉእ ፡ ሐርነት ፡ ምሉእ ፡ ፍቅሪ ፡ ኪህልወን ፡ ግቡእ ፡ እዩ ።

ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ተመልኪትና ፡ ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ ደቂ ፡ ሐንቲ ፡ ሕጊ ፡ ምኺና ፡ ፈልጥና ፡ ንሃይማኖት ፡ ዝትንኪ ፡ ጸርፊ ፡ ንኸልክል ፡ አሎና ።

ከፉብ ፡ ክስታናይ ፡
ዓኺር ፡ እስላማይ ፡
ጸረ ፡ ማርያም ፡
ካቶሊካዊ ።

ንሰኡ ፡ ዝመስል ፡ እውን ፡ በሽሙር ፡ ኰነ ፡ ብግሁድ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሐስ ፡ ይሰደዋ ፡ ከአ ።

እዚም ፣ ዝሰሜናዮም ፣ ሃይማኖት ፣ እስላም ፣ ኰነ ፣ ክርስቲያን ፣ ብስጋዊ ፣ ነገር ፣ እንተ ፣ ተበእሱ ፣ ብሕጊ ፣ እንዳበ ፣ እዮም ፣ ዝናበሩ ። ብመንፈሳዊ ፣ ዜርኢ ፣ እንተ ፣ ተናገሩ ፣ ግና ፣ እቲ ፣ ዳኛ ፣ ርእዩ ፣

ነእስላማይ ፣ ናብ ፣ ቃዲኡ ፣
ንኦርቶዶክሳዊ ፣ ናብ ፣ ሐለቃ ፣ ማሕበሩ ፣
ንካቶሊካዊ ፣ ናብ ፣ ሐለቃ ፣ ማሕበሩ ፣
ንወንጌላዊ ፣ ናብ ፣ ሐለቃ ፣ ማሕበሩ ፣ ይሰዶም ።

ነገር ፣ ወዲእካ ፣ ፈጽሚ ፣ ስጋ ፣ ወዲእካ ፣ ዓፅሚ ፣ እዩሞ ፣ ብፈጽሚ ፣ ዝቆመ ፣ ነገር ፣ ኩሉ ፣ ቅወም ፣ ኪኸውን ፣ ይግባእ ።

---

ንሕና ፣ እንዳበ ፣ ሉግ ፣ ጭዋ ፣ ነዚ ፣ ናብ ፣ ድሕሪት ፣ ዘሎ ፣ ቃላት ፣ ብሐደ ፣ ሐቢርና ፣ መኺርና ፣ ዝገበርናዮን ፣ ዘቆምናዮን ፣ ምኽኑ ፣ አንቢብና ፣ አስተውዒልና ፣ ቃል ፣ ኪልና ፣ ምኽኑ ፣ ብፈርማና ፣ ነቐውም ፣ አሉና ፤ እቶም ፣ እንኽእል ፣ ብጽሕፈት ፣ እቶም ፣ ጽሒፍና ፣ ዘይንኽእል ፣ ከኣ ፣ ብምጥዋቅ ፣ አጻብዕና ፣ ነፍልጥ ፣ አሉና ።

ሽም ፣ ሐገግቲ ።

| | |
|---|---|
| አገማች ፣ ምሩጭ ፣ ጉድም ፣ | ሊባን ። |
| ግራዝማች ፣ አብርሃም ፣ | ዓዲ ፣ ብሮ ። |
| ግራዝማች ፣ ፍስሐ ፣ ጓንጉል | ዓዲበዛሐንስ ። |
| ብላታ ፣ ክሕሳይ ፣ ማሉ ፣ | ደቂጽንዓ ። |
| ፊተውራሪ ፣ አባይ ፣ ብርሃነ ፣ | ዓዲ ፣ ፈለስቲ ። |
| ብላታ ፣ ስብሃቱ ፣ ዘርበቤል ፣ | አማድር ። |
| ባሻይ ፣ ተስፋልደት ፣ ሐሪ ፣ | እምኒጸሊም ። |
| ባሻይ ፣ መንገሻ ፣ ወልዱ ፣ | አበርዳእ ። |

| | |
|---|---|
| ከንቲባ ፡ ዑቅባገርጊሽ ፡ ስብሃቱ ፡ | ሕምብርቲ ። |
| በሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ገረንድራስ | ክትመውልዕ ። |
| በሻይ ፡ ወልደስላሴ ፡ ወልደገብርኤል ፡ | ዓዲ ፡ ሐርበ ። |
| ነማርያም ፡ ጐሉም ፡ | ዓዲ ፡ ጉላ ። |
| በሻይ ፡ ገብረገርጊስ ፡ ገብረ ፡ | ገዛላምዛ ። |
| በሻይ ፡ ገብርኣብ ፡ ተወልደመድህን ፡ | ሸከቲ ። |
| በሻይ ፡ አስፍሃ ፡ ክሕሳይ ፡ | ዓዲገዲ ። |
| ባሕረነጋሲ ፡ ገረሱስ ፡ ተስፉልደት ፡ | ሐበላ ። |
| ብላታ ፡ እሳቱ ፡ ሃብተጽዮን ፡ | ዓዲ ፡ ኸፈለት ። |
| ቀሺ ፡ ምስግና ፡ ክፍለ ፡ | ዓዲ ፡ በዛሐንስ ። |
| بلاتا محمود سراج | عادي وطوت |
| በሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ድምጹ ፡ | ላጌን ። |
| ብላታ ፡ ተስፉጽዮን ፡ ኪዳኑ ፡ | ዛውል ። |
| ብላታ ፡ አስገዶም ፡ አውዓሉም | ዓዲ ፡ ክልክልቲ ። |
| ፊተውራሪ ፡ እንቋይ ፡ ሃብቱ ፡ | ዓዲ ፡ ገብራይ ። |
| ቀሺ ፡ እንቋይ ፡ መንግሥቱ ፡ | ዓዲ ፡ ገብራይ ። |
| ተዓደል ፡ ጊላንኪኤል ፡ | ዓዲ ፡ ኻኾይ ። |
| ዓንደማርያም ፡ ግርመ ፡ | ክትመውልዕ ። |
| በሻይ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ አበድ ፡ | ዓዲ ፡ አገልግል ። |
| ቀሺ ፡ ተወልደመድህን ፡ ገረማርያም ፡ | ዓዲ ፡ ሐርበ ። |
| ገብረዝጊ ፡ ስብሐት ፡ | ዓዲ ፡ ናህበይ ። |
| አገዛማች ፡ ዓረቢ ፡ ሳልም ፡ | ድብርዋ ። |
| በሻይ ፡ አበከር ፡ ዓብደል ፡ ጀሚል ፡ | በምብቆ ። |
| በሻይ ፡ ገረክርስቶስ ፡ መብራቱህ ፡ | ዕዳጋ ፡ ዳሕና ። |